ዝዎ ዓድታትን ዝነግር ክብ መጽሐፍ ፕሮፌሰር ሰንጋል ዓድተ እ.ብ ገሪማ [illegible] አብ ኢጣልያን ዝነበሩን ካብ ቀሺ ማርቆስ ኳዜማ አብ ስቶክሆልም ዝነበሩ ካብ ቀሺ ተወልደ መድኅን ካብ ፕሮፌሰር ተአምራት አ[illegible]ኤል፡ ካብ ሃለቃ ታየ ከምኡ ኸዓ ካብአቶም ንታሕቲ ዝርከቡ አበው ዓድና እናመሳኸርናን እናጻሬናን አብዚ ጥራዝ እዚ አኪብና ንጊዜኡ እዚ ሐፂር ዛንታ ስዓሊና ነቕርብ አሎና፡ ንዝመጽእ ጊዜ ኸዓ አዝዩ ዝበለጸ አማዕቢልናን አግፊሕናን ክንጽሕፍ ተስፋ አሎና።

ዛንታ ማለት ንዝሐለፈ እዋናት ዘይነበረሉ ክንብብ ከሎ ክምዝነበረ ምስቶም ዝሐለፉ ብዓይኒ ሥጋ ከም እተራኸበ ኰይኑ ናብ ሕሊናኡ ተቐሪጹ ይስምዖ፡ ስለዚ አቲ ኹሉ ዝሐለፈን ተተሐሒዙ ዝመጽአ ሐረግ ናይ ትውልዲ ዝገልጽ ብምንባብ እንተደጋገምናዮ አብ ሐደሐደ ሥፍራ እንተውጋዕናሉ ነቲ ሰማዒ ብሐቂ ምስ አበታቱን ናይ ወገኑ ዓሌትን እንተ ተሰምዖ አዚዩ ሐጐስ ናብ ምሉእ አካሉ ይንዛሕ ብፍቕሪ ሕውነትን ብዓሌት ዝተአሣሠረን አንድነት ዝህብ ንዓዲ ዝጠቅም ሰላም አብ ማእከል ወዲ ሰብ ንኺሽ ክትነብር ወለዶ ምፍላጥሲ ካብ ክፋእ ሥራሕን ካብ ምፍልላይን ርሒቑ ዝነበረ የቃራርብ ተፈቲሑ ዝነበረ በአንድነት የአሥር ብዓጽመ ትውልዲ ሐረግ የቃራርብ የሰማምዕ ደኺሙ ዝነበረ የበርትዕን የማዕብልን የኹርዕን እንተበልኩ ድፍረት አይኰንንንዩ ነዚ ሕጽር ዝበለ ዛንታ ወለዶ እዚ እዓልዩ ዘሕትሞ ዘለኹሲ ዝበቅዕ ታሪኽ ፈሊጠ አይኰንኩን መታን ነቶም ሊቃውንቲ ክቕስቅስ እየ እምበር ካልእ አይከነን ነዚ ካብ ናይ አበው መጻሕፍቲ ኢትዮጵያ ተቓላጢፈ አሕቲመ ንንበብቲ የቕርበልኩም አሎኹ፡ ቅድሚ እዚ መጽሐፍ እዚ ናብ ቤት ማኅተም ምልአኸይ ነቶም ዝረድኡንን መጻሕፍቲ ዘለቅሑንን ሰባት ከየመስገንክምዎም አይሐልፍን እየ፡ ካብዚ ዝተረፈ ምስጋና ንልዑል እግዚአብሔር ይኹን።



ምዕራፍ ፩ ።

## ብቐዳማይ አሬት ቀድሚ ማይ ጥፍአት

ብአሬት እዋን ፈለማ ቀድሚ ጥፍአት ማየ አይኅ ብ፩ ሺሕ ፴ን ፯ ዓ. ዓለም ካብ ደቂ አዳም አራም ወይከአ አሬ ዚበሃል ካብ እስያ መጺኡ ንምድረ ሀገረ አግአዚት እዛ ብሎሚ ጊዜ ኢትዮጵያ ተበሂላ እትጽዋዕ ዘላ አትዩ ክብኡ ክሳብ ደቂ ደቂ ከየቋረፁ ስጋብ ፪፻፴፮ ዓ. ዓለም ፩ ሺሕ ፪፻፳፩ ዓመተ ዓለም ፳፩ ነገሥታት አብ ኢትዮጵያ ስጋዕ ኖህ ዘመን በቲ መደምደምታ ዝነበረ ንጉሦም ሳላሚን ምስ ነገሠ ብኖኅ ጊዜ ብጥፍአት ማይ ጠፊኡ ናይዚ ዝነግር አማዕቢሉ አብቲ ካልአይ ሐዲስ ክብረ ነገሥት ገጽ ፫፻፲፮ ስጋብ ፫፻፴፫ ብምሉኡ አግፊሑን አማዕቢሉን ይዛረብ።

ብድሕሪ ጥፍአት ማየ አይኅ ስጋዕ ግምበ ሰናአር ምፍራስ ባቢሎን ብሐደ ቋንቋ ይዛረቡ ነበሩ ስጋዕ ፭፻፴፩ን ዓመት ወዲ ሰብ ዝኾነ ብሐደ ቋንቋ ይዛረብ ነበረ፡ ስጋዕ ዘበን እዚ ካብ ኖኅ እትሒዙ ስጋዕ ግምበ ሰናአር ዝፈረሰሉ እዋን ፭፻፴፩ ዓመት ንበይና ጥራያ ነበረት ከምኡ እውን ብዲማ ሰብ ዘይብላ ነበረት ሽዑ ግምበ ሰናአር ወይም ባቢሎን ምስ ፈረሰ ቋንቋትታ ተበታተነ ሽዑ ደቂ ካም ፫ ናብ ኢትዮጵያ አትዮም ዱር ቀስቂሶም ዓዊል ጥሒሾም አራዊት ቀቲሎም ወረስዋ። አሬት ዘፍጥረት ፲፩ ቊጽሪ ፺ ረኤ፡ ከምኡ ኸአ ካብ ጥንቲ ብራና መጽሐፍ እተመስከረ መጽሐፈ ልቡና ይነግርን ይሰማማዕን እዩ።

ምዕራፍ ፪ ።

## ብሐረ አግዓዚት

አብ ኢትዮጵያ ካብ ፈለማ አበታትና መጻሕፍቲ ንምጽሐፍ እተጀመረሉ እዋን ክንሰሚ ካብ ፪ ሺሕ ፮፻፹፯ ዓመተ ዓለም አትሒዙ ፫ ሺሕ ፭፻፲ ዓመተ ዓለም ስጋብ ጳአሪ ቀዳማይ ዘበን መንግሥቱ ዕንጨይቲ ጸሪበም እምኒ አዋዲዶም ወርቂ አምኪኸም ጣዖት አዕረዮም እኳ ከምካልእ ሕዝቢ እንተዘይሰገዱ ከምቲ ነአአቶም ዝሰማምዖም ዓይነት እናምለኹ ነበሩ ጽሒፈት ብዑፍ ብእንስሳ ብአራዊት ብሰብ መልክዕ ዝመስል እናቐረጹን እናኖደዱን ዝግድሶም ኵሉ ጽሒፎም ይሠርሑ ነበሩ፡ ካብ አዳም አትሒዙ ስጋብ ፋሌክን ክሳብ ዮቅጣን ፫ ሺሕ ፭፻፲ ዓመተ ዓለም ዝአክል መዋዕል ወዲ ሰብ ዝኾነ ኵሉ ብሐደ ቋንቋ ይዛረብ ነበረ፡ አሬት ዘፍጥረት ምዕራፍ ፲፩ ቊጽሪ ፲፩ ደቂ ሴም ንኢትዮጵያ ዝአተውዎ ዘመን በዚ እዋን እዩ።

ነገር ግን በዚ እዋን እዚ ልዑል እግዚአብሔር ስሕተትን ድፍረትን ናይ ደቂ ሰብ ሬኡ ንንሐድሐዶም ብቋንቋ ከምዘይሰማምዑ ገበረ፡ አሬት ዘፍጥረት ፲፩፯ ረኤ፡ ድሕሪዚ

ብፋሉክ ጊዜ ሰብዓን ሐደን ቋንቋ እተፋላለየ ኸይኑ ተረኽበ፡ ኦሪት ዘልደት ቍጽሪ ፲ ረሑ፡ ብቲ እዋን'ቲ ፲፭ ንደቂ ሴም ፳፰ ንደቂ ያፌት ፴፪ ንደቂ ካም ተዋህበ፡ በዚ እዋን እዚ ግዕዝ ቋንቋ ንነገደ ዮቅጣን ንአቦታትና ተዋህበ በዚአቶም ብ፫ ወለዶ ብሳባን ብአበልኒ ብአፌርኒ ግዕዝ ቋንቋ ተረኽበ፡ ስለዚ ብ፫ ሽሕን ፭፻፲ ዓመት ዓለም ግዕዝ ክዛረቡ ምስ ጀመሩ እግአዝያን እናተባህሉ ክጽውዑ ጀመሩ፡ እዛ ሀገር እዚአ ብድኅሬኡ ነገደ እግአዝያን ንጺኦሪ ቀዳማይ ኸአ ብሑረ አግዓዚት ተበሀለት ፡ ብድኅሬኡ ነገደ እግአዝያን ንጺኦሪ ቀዳማይ ሐሙሽቲአም ገበሬት ናቱ ነበሩ ዴሐር፡ ግና ራማ ዝበሀል እዝዩ ዝገነነ ናይ ሀንዲ ንጉሥ መጺኡ በኀይሊ ተዋጊኡ ንጺኦሪ ቀቲሉ ኺገዝእ ጀመረ፡ ዴሐር ግና ሠለስቲ እም አሕዋት ብምኽሪ ከካብ ዘለውዎ ተላእኢኹም ክብ ትግራይ ንወዲ ሳባ ወይ ከአ አክ ናሑስ ዳግማይ ሳባ እትብሀለ፡ ንዕኡ እንጊዎም ኩናት ምስቲ ናይሀንዲ ንጉሥ ራማ ተዋጊአም ቀቲሎም ንብዘሳ ምድሪ ሐበሻ ሕጆም ብሑረ አግዓዚት ተበሂላ ቋንቋአቶም ክአ ግእዝ ኢሎም ሰመይዎ፡ ስጋብ ንግሥተ አዜብ ጊዜ ፩ ሽሕ ዓመት ዝአክል ብግእዝ ቋንቋ ነበረ ክብ ንግሥተ አዜብ ስጋዕ እዋን ፬ ሺሕን ፭፻ ዓመት ዓለም በዚ ቋንቋዚ እናተ ዛረቡ ብግእዝ ፊደል ክጽሕፉ ነበሩ፡ እምልኮት ዝረኸቡ ኵሉ የምልኹ ነበሩ ። ብድሕሪ እዚ ክብ ሰሎሞንን ክብ ንግሥተ አዜብ ዝተወልደ ምኒልክ ፬ ሺሕን ፭፻፹፫ ዓመተ ዓለም ብሽዑ ዘመን ክብቶም ፲፪ ነገድ ዓሌት እስራኤል ተዋጺኦም ክመጽኡ ኸለዉ ክብቶም ቤት ሌዊ ወዲ ሳዶቅ አዛርያስ ዝበሃል ታቦተ ጽዮን ክምኡ ከአ ቅድሚኡ ተጻኒፉ ዝነበረ መጻሕፍቲ ሕጆም ምስመጽኡ እምልኮት እግዚአብሔር ብሐቂ ተፈልጠን ተዘርግሐን እቲ ኵሉ መጻሕፍቲ ክብ ዕብራይስጢ ናብ ግእዝ ተገልበጠ፡ አብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ቋንቋታት ፲ተ እዮም ፩ ግእዝ፡ ፪ ዓረብ፡ ፫ ክፋማ፡ ፬ ሽንቅላ ናይ ላስታ አገውኛ፡ ፭ ጋፋት፡ ፮ ዘላን፡ ፯ ፍላሻ፡ ፰ ዳሞት አገው፡ ፱ ቋረኛ እዚአቶም ነበሩ፡ እንተኾነ ዝተርእሰ ቋንቋአቶምን ጽሑፋቶምን ናይኩላቶም መራኸቢ ግዕዝ እዩ ዝነበረ፤ ስለዚ ዝተረፉ ፊደል ስለ ዘይነበርም ንግዕዝ ተጸጊዖም ይነብሩ ነበሩ፡ ምስ ቀዳማይ ምኒልክ ዝመጹኡ ፲፪ ሹማምንቲ ሽሞም ክምዝስዕብ እዩ ፩ ጽራግ መእስሪ፡ ክ፪ ቀለበስ ቀራብ ምግቢ፡ ፫ይ ሊቀ ሰይፍ ናይ በቅሊ ለጓሚ ናይ ንጉሥ፡ ፬ይ ሥራሕ ሠርግ ማለት ክምሕጂ ዘመን ቢትወደድ ዝበሃል እዩ፡ ፭ሸይ ስተማሬ በዓል ጋማ ሐሬር ማለት እዩ፡ ፮ይ ደቂቀ ሠርግ በዓል ምሥሪ ቃና ማለት እዩ፡ ፯ይ ክብ ቤት ሌዊ ዝውለድ ሊቀ ክህናት እዩ፡ ፰ይ ሊቀ መጠን ፈራሲ ዳኛ ማለት እዩ፡ ፱ይ ንጉ ሕ የሥ መ ናይ ነጋሪት ወቓዕቲ ሐለቃ ማለት እዩ፡ ፲ይ ደልከሚ ከምደገዝማቲ ማለት እዩ፡ ፲፩ ምዕድ ገበነኛታት ዝቐጽዕ ዝበረ እዩ፡ ፲፪ይ ሕስጌ ማለት ፈላጺን ቈራጺን ማለት እዩ ከምዚ ሎሚ በቲ እዋንም ዝነበረ ዘረባ ብብመዓርጎም ይጽውዑ ነበሩ፡ ክብዚ እዋንዚ ጀሚሩ ስጋብ ሐፁይ ሰይፈ አርዕድ ፩ ሽሕን ፶፭ ዓመታት አቢሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተወሊዱ እዩ ዝነበረ እሞ በዚ ዓመተ ምሕረት እዚ ፲፪ ነገሥታት አብልዕሊአም ንጉሠ ነገሥት ሐደ እናሽሙ ንምሉእ አፍሪካ ክብ ቀዳማይ ምኒልክ ዝውለዱ ስጋዕ ፩ተ ሺሕ ዓመታት አቢሉ ከየቋረጹ ይገዝኡ ነበሩ፡ ብድኅሬዚ ግና ዕግርግር እናበዝሐ እቲ ኻልእ ሀገ



ራት ተረፈ . . ? ኢትዮያጵያ ክብቲ ግፍሐን ዕብየታን እናጸበበት ክትክይድ ጀመረት ።

ፈለማ ምስ ቀዳማይ ምኒልክ ዝመጸ ሊቀ ካህናት አዛርያስ ኦሪት ክስተምህር ክብ ዝጀመረሉ እዋን ስጋዕ አብ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ዘመን ፩ ሺሕን ፫፻፲፪ ዓመት አቢሉ እዩ፡ መጻሕፍት ካብ ዕብራይስጢ ናብ ግዕዝ ቋንቋ እናተተርጐመ ይንገር ነበረ፡ ናብ ቅድስት ሀገር ኢየሩሳሌም ከዓ ብዓመት ብዓመት በበጺሖም ይምለሱ ነበሩ፡ ብዜዋውያን ጊዜ እስራኤል ከብ ፋርስ አብባቢሎን ናብ ኢትዮጵያ ዝኸድኩም አሕዋትና ቀዳም ም'ክበር ሕጊ ኦሪትን ምሥጢረ መሥዋዕትን ደም ምፍሳስን ስምዒ ምትክ'ክን ማሕላ አቦታትና ነቢያትን አጽዋማትን በዓላትን ኦሪትን ክምቲ ጥንቲ ተኽብርዎ ዶሎኹም ኢሎም ነኅዋቶም ንኢትዮጵያ መልእኽቲ እንተ ለአ'ኹሎም ። ንስ'ኻትኩም ደአ አብ ሀገር ባዕዳ ተቐሚጥኩም ዘለ'ኹም ብኢድ አሕዛብ አብ ስደት ወዲቕኩም ክብቲ ሕጊ ናይ ኦሪት ብምፍላይኩም እዚና ነሐዝን አሎና እምበር ንሕናስ ካብታ እተኸበረት ሕጊ ኦሪት አይተፋላሌናን ኢሎም ናይ ኢትዮጵያ ሊቀ ካህናት ለአ'ኹሎም፡ ተላኢኹም ዝመጹ ናይ እስራኤል ሹም ሆሴእን አልአዛርን ዝበሃሉ ናይ ካህናት ወገን ዝኾኑ ክልቲኦም እዮም፡ ሠለስተ ኸአ ጸሐፍቲ እዮም እዚአቶም ከዓ ነዞም ዓሌቶም ርእዮም ናብ ሰቦም ምስተመልሱ አብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ሕጊ ኦሪት አጽኒዖም እግዚአብሔር አሚኖም ምስ ሊቀ ካህናቶምን ንጉሦምን ነዞም ወገኖም አኽቢሮም ገንዘብ እውጺኦም ፱ ሊቃውንቲ አዚዮም ዕብራይስጥ ዝፈልጡ ኃርዮም ምስቶም ሽውዓተ እስራኤላውያን መልእኽተኛታት ምስአቶም ብባብ ኤል መንደብ ዝበሃል ናይ ባሕሪ ዓንቀጽ አሣጊሮም ናብ ምርኮኛታት ናይ እስራኤል ዘለውዎ አተዉ ሽዑ አብ ባቢሎን ዘለዉ አሕዋቶም ምርኮኛታት ምስተራኸቡ ካህናቶምን ነቢያቶምን ብሕዝቦምን ኵሎም እስራኤል አዚዮም ተሐጕሾም ተቐበልዎ፡ እቲ ዝለአ'ኹሎም ህያብ ገንዘብ ከዓ አወፈይዎም ።

አብ ኢትዮጵያ ዘለዉ አኅዋትና ንሕና ካብ ሕጊ እግዚአብሔር ብምፍላይና አዚዮም በአና ሐዚኖም አለዉ ኢሎም ምስነገርዎም ተአኪቦም አሕሲሞም በኽዩ ይበሃል፡ ብድሕሪ ዚአቶም ፱ ኢትዮጵያውያን እቲ እተላእኸ ገንዘብ ናብቶም ወገኖም እስራኤል ምሰብጽሑሎም ክምለሱ ክለዉ ነቢያት አብ ባቢሎን ምስ ወረዱ ካብቲ መጻሕፍቶም ኵሉ ጽሒፎም ሒዞም መጺ፡ እቶም ጸሐፍቱ ከዓ ፩ደ ሳአርያ ፪ይ ደርቢያ ፫ይ ኤቅና ፬ይ አሳኤል እዮም ዝበሃሉ፡ አንበብቲ ዝኾንኩም እዚ ዘንበብኩሞ ስጋዕ ሕጂ አብራና እተጻሕፈ ልማደ አበው ዝበሃል ናይጥንቲ አብትግራይ አውራጃ ዶብረ ድኑኃን ዝበሃል አሎ፡ ሕጂ መጻሕፍተ ብሉያት ዝተርጐሙን ዘስተምህሩን ሊቃውንትን መምህራንን ሽሞም እንጽሕፍ አሎና እቲ ፈለማ ምስ ቀዳማይ ምኒልክ ዝመጸ ናብዚ ሊቀ ካህናት አዛርያስ ይበሀል ነበረ እሞ አዛርያስ ከዓ ንሳዶቅ አስተምሀረ፡ ሳዶቅ ከዓ ንዳግማዊ ሌዊ፡ ዳግማዊ ሌዊ ንዳግማዊ አሮን፡ ዳግማዊ አሮን ንአልአዛር፡ አልአዛር ከዓ ንሕዝበ ራአያን፡ ሕዝበ ራአያን ከዓ ንይዋሂን ይዋሂን ከዓ ንአኪን፡ አኪን ንስምዖን ስምዖን ከዓ ንእንበረም መሀረ፡ እንበረም ብእዋን አብርሃን አጽብሐን ዝነበረ ካብ አብ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ኤጲስቆጶስነት እተሸመ ንሱ እዩ፡ ንሱ ኸዓ ብኢድ አቡነ

ሰላማ ተጠሚቑ ሕዝበ ቀድስ ተባሂሉ ተሰሚዩ ፲ ዓመት ወንጌል ዘርጊሑ ይምህር ነበረ።

ብድኅር እዚ እንበረም ንታምሪን አምሀረ፡ ታምሪን ንአብፁን አብፁን ከዓ ንጌዴዎን ጌዴዎን ከዓ ንያሬድ ብዘበኑ አብ ኢትዮጵያ አዝዩ መአዛ ዘለዎ ድምጺ ዜማ መንፈሳዊ ተጀመረ ብዘመኑ ሃሌ ሉያ ለአብ ወለመንፈስ ቅዱስ እናበለ ናይ ልዑል እግዚአብሔር ምስጋና የቕርብ ነበረ፡ ያሬድ ንሕዝቢ ብርኽ ሕዝበ ብረኽ ንተኽለ ቀዳት ተኽለ ቀዳት ንአፅቀ ሌዊ አፅቀ ሌዊ ንሖርብጕሽ፡ ሖርብጕሽ ንይግናህ መስቀል ይግናህ መስቀል ንይግናህ ዳዊት ይግናህ ዳዊት ንዘልዑል፡ ዘልዑል ንሚናስ ሚናስ ንአብ ይድላ አብ ይድላ ንሕይወተ ጽዮን፡ ሕይወተ ጽዮን ንበኹረ ጽዮን በኹረ ጽዮን ንሕዝበ ቀድስ፡ ሕዝበ ቀድስ ንብርሃን መስቀል ንሕይወተ ብነን፡ ሕይወተ ብነን ንሴት፡ ሴት ንወረደ ምሕረት፡ ወረደ ምሕረት ንዘካርያስ ዘካርያስ ንዘርአ ዮሐንስ፡ ዘርአ ዮሐንስ ንተክለ ሃይማኖት፡ ተክለ ሃይማኖት ብግዚኡ እዩ ዓራት ላስታ ናብዘርኢ ቀዳማይ ምኒልክ ዝውለዱ ናብ ይኵኖ አምላክ ዝሐለፈት፡ ተክለ ሃይማኖት ብእዋኑ ብዙኃት ሊቃውንቲ ናብ ምድሪ ሸዋ እናስተምሀረ ካብኡ አታሐሒዙ ስጋብ ነበሪ ኢድ ክፍለ ፴፯ መምህ ራን ናይ ብሉይ ኪዳን ካብ ጥንቲ አታሐሒጆም ዘምጽኡ ሊቃውንቲ፡ እዮም አብ መጽ ሐፈ መ. ል. ና. ገጽ ፲፪ ይሰምዮም እዩ።

ም ዕ ራ ፍ ፫ ።

## ዘርኢ ሊቀ ክህናት አዛርያስ

ሊቀ ክህናት አዘርያስ ካብ ማእኸል ትግራይ ሰበይቲ አእትዩ ንጀተ ደቂ ወለደ ሊቀ ክህናት አዘርያስ ካብ ማእኸል ትግራይ ሰበይቲ አእትዩ ንጀተ ደቂ ወለደ ሽሞም ኸዓ እቲ ናይ ፈለማ ወዱ ብሽም አቡኡ ሳዶቅ በሉ፡ ነቲ ኻልአይ ወዱ ኸዓ ሌዊ በሉ፡ ሕዝበ ብርኽ ካብ ትግራይ ክይዱ ናብ ምድሪ ወሎ ዳውንት ዝበሃል ሀገር ክይዱ ናይ ክርስትና ስብከት ዘስፋሕፍሖ እዩ፡ አብኡ ክይኑ ዝወለዶ ወዱ ተኽለ ቀዳ ት ዝበሃል ንድፍን ወሎ ዘስተምሀረ እዩ፡ አብ መቕደላ ክይኑ ን፮ አወዳት ወለደ ካብ አም አፅቀ ሌዊ ዝተባህለ ናብሸዋ ክይዱ ንኹሉ ምድር ናይሸዋ እናዞረ ናይ ክርስቶስ ሃይማኖት ዘስተምሀረን ዘስፋሕፍሔን እዩ፡ ካብ መንዚ ኸዓ ሰብይቲ አእትዩ ንይግናህ መስቀል ወለደ ይግናህ መስቀል ንዳዊት፡ ዳዊት ንዘልዑል፡ ዘልዑል ንሚናስ ሚናስ ነብ ይድላ፡ አብ ይድላ በ፳፻፴፪ ዓ-ም ድግናዜን ዝበሃል ንጉሥ ናይ ኢትዮጵያ ንእአም ሐላፊ ናይ ቀሳውስቲ ንኹሉ ኢትዮጵያ ሸሞም ክምዚ ኢሎም ካብ አዛርያስ ጀሚሩ ስጋብ ሎሚ ፪ ሺሕን ፳፻፫ ዓመት ክይኑ፡ ካብ ሄኖክ ስጋብ ዜና አይሁድ እተጻሕፉ መጻሕፍቲ ብሉያት ናብ ኢትዮጵያ ካብዚ መጹ ንነጀው ምፍሐቑን ምቅይያርን ምስሐ ትን አይረኸበምን ዘዋኑስ ወይከዓ ፈንሐስ ዝበሃል ሐደ አይሁዳዊ ንዕኡ ስዒሮም ፳፻፲፬ ዓ-ም ሐፀይ ካሌብ ክይዶም ናብ ሀገረ ናግራን ዘሚቶም ድል ምስገበርዎን ምስ ቀተልዎን ሰማዕታተ ናግራን እስከሬኖም አቕቢሮም ክምለሱ ከለዉ ካብኡ ዘምጽእዎም



መጻሕፍቲ ... ፡ይ ኪዳን ምስቲ ፈለማ ዝነበረ አብ ኢትዮጵያ መጻሕፍቲ ብሉይ ምስቲ ዘምጽእዎ ትኽክል ክይኑ ብምርካቡ አዚዮም ተሐጕሱ፡ ንሶም ዓዶም ምስተመልሱ በዚ እዋን እዚ እስራኤል ኸዓ ተማሪኾም ናብ ባቢሎን ምስወረዱ መጻሕፍተ ነቢያት ሐዊ ነዲድዎም ነበረ እሞ ንወገኖምን ነኀዋቶምን ንሕዝቢ ዓሴት እስራኤል ካብ ኢት ዮጵያውያን ሊቃውንቲ ዕብራይስጢ ቋንቋ እናገልበጡ ይወስዱ ነበሩ፡ እዚ ምቅጻሉ ከዓ ብሱቱኤል አዛራርባ ይገልጽ፡ ካልአይ አባ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን ብ፫፻፮ን ዓ-ም መጻ ሕፍቲ ሐዲስ ኪዳንን ብሉይ ኪዳንን በበ በጥሊሞስ ጊዜ ሰብዓ ሊቃናት ካብ ዕብራነ ናብ ዮናኒ ናብ ግዕዝ ገልበጥዎ፡ ክምኡ ከዓ በብእዋኑ ካብ ካልእ ሀገር ወፃኢ ብዙኃት መጻሕ ፍቲ አብ ኢትዮጵያ አሎ።

ም ዕ ራ ፍ ፬ ።

## ምእታው ክርስትና ናብ ኢትዮጵያ

ኢትዮጵያ ካብ ፈለማ ጥንቲ እምነታ አዚዩ አብ ኵሉ ዓለማት ዝተፈልጠ ክነሡ ብናይ ምሥራቃዊን ምዕራባውያን መምህራን ሊቃውንቲ ዝተፈልጠትን እተመስገነ ትን ምኽና ብሐዋርያት ዘመን እምነትን ጥምቀትን ክምዝነበረ ንገልጽ አሎና ብመጽ ሐፍ መ. ል. ብምዕራፍ ፮ ገጽ ፳፪ ክምዚ ይብል ብኢትዮጵያ ንጉሥ አብ አክሱም ንጉሥ ስጥቻህ ስመ መንግሥቱ ጽንፈ አርዕድ ድኅሪ ምላድ ክርስቶስ ፵ ዓ-ም ካብ ፲፪ ሐዋርያት ፩ ናብ ምድሪ ሐበሻ መጺኦም ወንጌል ክምዝሰበኹ ብመጽሐፍ ፈረንሳዊ በሞሬዮ አብ ናይ ፈለማ መጽሐፍ ፫፻፳፰ ገጽ ረኤ።

፩ ሩፊኖስ፡

ብናይ ኢጣልያ ሊቀ ታሪኽ ጸሐፊ ናይ ሮማ ናይ ቤተ ክርስቲያኖም ብ፩ መጽሐፍ ብ፱ ምዕራፍ ቅዱስ ማቴዎስ አብ ኢትዮጵያ ወንጌል ክምዝሰበኸን ክምዘስተምሀረን እናተዛዋወረ አግፈሑን አማዕቢሉን ዝነግር ምኻኑ ተመልከት፡ ፪ይ ክምኡ ከዓ ናይ ቍስጥንጥንያ ቤተ ክርስቲያናት ታሪኽ ጸሐፊ ፫፻፵፩ ዓ-ም ብዘመን እዚ ዝነበረ ፍሉጥ ሊቅ ዝኾነ ሰብ ሶክራትስ ዝብሃል በ፲፱ ምዕራፍ ቅዱስ ማቴዎስ አብ ኢትዮጵያ ወን ጌል ክርስቶስ ክምዝሰበኸን ክምዘስተምሀረን ይነግር እዩ፡ ፬ይ ከዓ ኩልቡ ዝበሃል ናይ ፈረንሳዊ አብ ኢትዮጵያ ሐዋርያት ብዝነበርሉ እዋን እምነትን ጥምቀትን ክምዝነበሮም አጸቢቑ የእምን እዩ ዝጸሐፎ ታሪኽ ብ፩፻፵ ገጽ ረኤ፡ ፭ይ ከዓ አብ እስክንድርያ ዝነ በረ ታሪኽ ናይ አብያተ ክርስቲያናት ጸሐፊ ዝነበረ ብንሳላብ ዝሽሙ ሐደ ሊቅ አብ ኢትዮጵያ ቀድሚ ፍሬ ምናጦስ ሐዋርያትን መምህራንን መጺኦም ንሕዝቢ ኢትዮጵያ ክምዘአመንዎን ክምዘጥመቕዎን ክምኡ ከዓ ፲ ሊቃውንቲ ናይ ግብጺ በብታራ እናመጹ አብ ትሕቲ እቶም ደቀባት ተሸይሞም ይሠርሑ ክምዝነበሩ ይነግር፡ እዚ ታሪክ



2

ኢትዮ... ብቅዱሳት መጻሕፍትን ብታሪኽን እተመስከረላ ሀገር እያ፡ ሕዝባን መንግ ሥታን እምነታን ጥንታዊ ንምዃና ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽ ጥራይ ከይኮነስ ናይ ካልእ ሀገ ራት ይምስክሩ እዮም ናይ ጀርመንን ናይ እንግሊዝን ናይ ግሪኽን ናይ ፈረንሳዊን ናይ ጣልያን ናይ ግብጽን ብኤውረጳ ሊቃውንትን ቤት ክርስቲያን ዝርከብ ናይ ታሪኽ መጻሕ ፍቲ ዝምስክር ምዃኑ ክይሕለፍናዮ ንዝክር አሎና፡ ንወዲ ሰብ ምምሀርን ምንባብን ምዝራብን ከም ስእሊ ዝበሉ አካል እዮም ፡ እዚን ከምዚን እንተደአ አብወዲ ሰብ እንተዘየብሉስ ሰብ ጥራይ ቤት እዩ፡ ቅድሚ ኹሉ ናይ አበውን ናይ ነቢያትን ናይ ሐዋርያትን ናይ ሊቃውንትን ናይ መጻሕፍቲ ቅዱሳትን፡ ምምርማርን ንምንባብን ዝፈቱ ሰብ ኩሉ ቅድሚኡ ጊዜ ዝነበሩ ሊቃውንቲ ምስአቶም በዓይነ ሥጋ ቃል ንቃል ኩሉ ሳዕ ክዛረብ ይነብር እንተበልኩ ድፍረት አይሕሰበንን እዩ።

## ም ዕ ራ ፍ ፩ ።

## ም እ ታ ው ኢ ት ዮ ጵ ያ ው ያ ን ና ብ ዚ

በዓሠርተው ሸሞንተ ሚእቲ ዓመት ቅድሚ ምላደ ክርስቶስ አቦታትና ናብዚ እት ዉ፡ ንሳቶም ከዓ ካብ ዓሴት ሴም ነገደ ዮቅጣን ዝበሃሉ እዮም፡ካብአም ወዲ ወዱ ንብ ልቅያ ኢትዮጲስ ዝበሃል ዓቢይ ንጉሥ ፺፫ ዓመት ነጊሡ ገዝኤ፡ ንሱ ድማ ን፫ ወለደ፡ ንሳባን ንኖባን ንበለውን ንኸለውን ንላክንዱን ነዚአም ወለደ፡ ካብአም ላክንዱ ዓራት አቡኡ ወረሰ፡ እቶም ፬ የኀዋት ግና አብ ምሉእ ኢትዮጵያ ምድሪ ናይ አቡአም ርስቲ ኀዙ፡ ብኡ ምኽንያት ደሐር ደቂ ሳባ አብዚ ሕጂ ትግራይ ትግርኘ ዝብሃል ዘሎ አብ ምሉእ ኢትዮጵያ ርስቲ ኀዙ፡ በዚ ምኽንያትዚ ደሐር መንግሥቲ ሳባ ተባሂላ ትስመይ ነበረት ነገደ በለው ከዓ ብሸነኽ ሰሜን ትግራይ ፈለግ ዓንሰባን ፈለግ ባርካን ዝፈስሉ ዘሎ መትሕት ናብኡ ርስቲ ኀዙ፡ ሕጂ እኳ ዓሴት በለው፡ እኒ ዓዲ ናይብ አብ ምዕዋዕ ሒርጊጎን ድኽኖን አለዉ፡ ቋንቋአም ድማ ዓረበኛን ግእዝን ዕብራይስጥን ህንድን ዝቃራረብ እዩ ፡ ንሳቶም ዝኀዝዎን ዝሠፈርዎን ንኸብቲ ምፍራይ አዚዩ ዝጠዓመ እዩ፡ቡቲ ሥራሖምን ንብረቶምን ዘላን ሐለውቲ ከብቲ እናተባህሉ ይጽውዑ፡ ብሸነኽ ምዕራብ ምስ ፈለግ አትባራ ወይ ፈለግ ተከዘ ይዳወቡ እታ ንሳቶም ዝሐዝዋ ቋንቋ ትግሬ፡ ከምዚሎም ደቂ በለው አብ በብሀገሩ ፋሕ ኢሎም ርስቲ ኀዘም አለዉ፡ ዝኀ ዝዎ ዓድታትን ርስትን አብ ምዕራፍ ፲፮ ርአዩ፡ነገደ ኖባ ኸዓ አብ ሸነኽ ምዕራብ ፈለግ አትባራ ዝውኅጅሉ አብቲ ፃዕዳ ዓባይን ሰማያዊ ዓባይን ክልቲኡ ውኅጅ ዝራኸበሉ መሬት ወሰና ወሰን ማይ ተቐመጡ፡ እዚ ዓሴት ኖባ አዚዩ ኃያልን ስሙይን ሕዝቢ ነበረ፡ መንግሥቱ ፍሉጥ መቓናቕንቲ ምስሪ ነበረ፡ ውዒሉ ኃዲሩ ግና አብ ትሕቲ መንግሥቲ ምስሪ ወደቐ እንተኾነ አብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ነገሥታት ክይረድኡን እናኸዱ ከምቀደሞም ክከይዶም አመቶም ክይገብሩ አብ ማእኸል ኢትዮጵያ ዓዶም ክሕልዉ



። ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ እሎ ፩፻፵ ስጋብ እዚ ፩ ሺሕን ፺፻፹፯ ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ እሎ ፩፻፵ ስጋብ እዚ ፩ ሺሕን ፺፻፹፯ ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ እሎ ፩፻፵ ስጋብ እዚ ፩ ሺሕን ፺፻፹፯ ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ እሎ ፩፻፵ ስጋብ እዚ ፩ ሺሕን ፺፻፹፯ ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ እሎ ፩፻፵ ስጋብ እዚ ፩ ሺሕን ፺፻፹፯ ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ እሎ ፩፻፵ ስጋብ እዚ ፩ ሺሕን ፺፻፹፯ ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ እሎ ፩፻፵ ስጋብ እዚ ፩ ሺሕን ፺፻፹፯ ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ እሎ ፩፻፵ ስጋብ

ንዓአቶም ክረድኡ አይክአሉን ፡ ዋና ኸተማኦም ኸዓ ክርቱም ይበሃል ፡ ፈለማ ግና ስናር ዝበሃል እዩ ዝነበረ ።

ክርቱም ማለት ምኽርታም ማለት እዩ ብትግርኛ ቋንቋ ነገሥታት ኢትዮጵያ ስጋብ ምስሪ የገብርዎም ነበሩ እሞ ምስራውያን ግብሪ ምግባር ምስአበዩ ነገሥታት ኢትዮጵያ ካብ ላስታ ክይዶም ንፈለገ ዓባይ ዓገትዎ ብሽሕን ፻ን ዓመተ ምሕረት እዩ፡ ምስሪ ብነገሥታት ዘኔ ጊዜ ዓጊቶም እቲ ማይ ንምዕራብ አቢሉ ፋሕ ብትን አቢሎም ፡ ምስሪ ብነገሥታት ዘኔ ጊዜ ዓጊቶም እቲ ማይ ንምዕራብ አቢሉ ፋሕ ብትን አቢሎም ፡ ምስራውያን ዝገብርዎ ምስ ጠፍኦም ከመሳ አልበ ብጥሜት ኩምም አበልዋ፡ ድሕር ግና ምስራውያን ዝገብርዎ ምስ ጠፍኦም ከመሳ አልበ ብጥሜት ኩምም አበልዋ፡ ሕጂ ናብ መሱ ጀመሩ፡ ሽዑ ሐደ አቡን አቡነ ሚካኤል ዝብሃል ካብ ምስሪ ብዙን ሕያብ ሒዙ ናብ ኢትዮጵያ ናብ ሐፀይ ይምርሐን ክርስቶስ ደገ ጻኢዑ እሞ ንጉሥ ከዓ ካብ ሕርቕርቕ ቶም ዚሒሎም ስለ ዝነበሩ ሽሕን ፻ን ዓመተ ምሕረት አቢሎም ኢትዮጵያውያን ዝደለ ይዎ ክረኽቡ ምስሪ ስምምዕነት ወድኤት ይበሃል ፡ ነገደ ከለው ከዓ ምድረ ሳባ ብሸንኽ ምዕራብን ስሜንን ዘሎ ወልቃይት አብፀገዴ ዝበሃል ዓዲ ኲይናም ብዙኃት ፈረዩ፡ እቲ መኻን ከዓ አርማጭሆ ዘሐዘ ስጋዕ ቛራ ፀግዲ ከምዘሎ ርስቲ ሐዙ፡ ሕጂ እኳ ቛራ ዓሴት ከለው ክንሰም ብአዋን ቀዳማይ ምኒልክ ነገደ ርቤል መጺአም አብ ልዕሊኦም ተሐዋ ውሸም ብሐደ ሽም ቛራ ይበሃሉ ፡ ፈለማ ትግርኛ እዩ ዝነበረ ቋንቋኦም ሕጂ ግና ካብ ፀገዴ ጀሚሩ ስጋብ ቛራ በምሕርኛ እዮም ዝዛረቡ ፡ ስለዚ አርበዕተ ደቂ ኢትዮጵያ ዝሐዝዎን እተቐመጥዎን መሬት ብሽም እዙአም ኢትዮጵያ ይበሃል፡ ብሽዱሽተ ሽም ከዓ ይሰምዩዎ አለዉ፡ አምሐራ ትግራይ አገው በደው እስገደ በቕላ ሐባብ ይበሃሉ ፡ ካብዚ አቶም በደውን እስገደ በቕላን ሐባብን ካብ የኀዋቶም ርሕቕ ስለ ዝበሉ እቲ ዝቐመጥዎ በስላም ስለ ዝተወሩን ስለ ዝተጋህሱን ካብ አኀዋቶም ተፈልዮም አብ እስላም እምነት አትዮም አለዉ ። እዞም ክብአም ዝተረፉ አኀዋቶም አምሐራን ትግራይን አገውን መንግሥቲ አቦታቶም እናሐለዉ ዓዶም ኀጀም ካብ ቀዳማይ ምኒልክ አትሕጆም ስጋዕ ምላድ ክርቶስ ብሕጊ ኦሪት ጸኒዖም ብድሕሪኡ ከዓ ብዘበን ክርስቶስ ብክርስትና እሚኖም ንዓ ዱምን ንመንግሥቶምን ከየማህሱን ዘርባዕባዕ ክይበሉ ብኸንደይ ተጋድሎ ፀኒዖም መሬ ሕን መዋፈርን መንግሥቲ ዘይሰአኑ ብኢድ ጓና ዘይተገዝኡ ጸጋ አምላኽ ዘይሐደጎም ፡ አብ ክልአ ሀገራት አዝዮም ስሙያት ሕዝቢ ኢትዮጵያ ዓሴት ሴም እዮም ። ክልአይ ከዓ ካብ ይሁዳ ፡ ሳልሣይ ከዓ ካብ ክነአን ዝወረደ ትውልዲ ዘለዎም ሕዝቢ እዮም ቅድሚ አቦታት ኢትዮጲስ ናብዚ ምምጽአም እቶም አብዚ ዝነበሩ ሕዝቢ ዘርኢ ከም ፀበን ፍረ አእዋምን እናሸምጠጡ እዮም ምግቦም ዝነበረ እምዘር ቤት ምሥራሕ እኳሊ ምዝራእ ጡዋ ምትካል ክዳን ምኽዳን አይፈልጡን እዮም ዝነበሩ ፡ ደሐር ግና አቦታቱ ንኢትዮጲስ ክዳን ካብ ጡዋ ምሥራሕ እኳሊ በብዓይነቱ ምዝራእ ተጀመረ ፡ ሽዑ ደቂ ክምን ደቂ ሴምን ብመውስበ ተሐዋወሱ ፡ እሞ ሐበሸቶት ተባህሉ ፡ ብዙኀ ጊዜ ምስጸ ንሑ ከዓ ሐበሻ ብዝብል ስም ተሰምዩ ፡ ትርጓሜኡ ከዓ ብዘረበ ዓረብን ግዕዝን ሕውስ ዋስ ማለት እዩ ፡ ካብ ዓሴት ኩሻ ዝውለዱ ነገሥታት ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ ፪ ሽሕን ፫፻፺፭ ዓመተ ዓለም ስጋብ ሽሕን ፫፻፺፯ ዓመት ዘአክል መዋዕል እዩ ካብ ክስባታሕ



ንጉሥ ጀሚሩ ስጋብ ቀዳማይ ጲአሪ ፳፪ ነገሥታት ከየቋረጹ ገዝኡ ፡ ናይ አግዓዝያን ዘመነ መንግሥቲ ካብ አክናሁስ ሳባ ጀሚሩ ስጋብ አጋቦስ ወይ ከዓ ገብጋቦ ዘቀተሎ ለአርዌ ፳፫ ነገሥታት ከምቲ አብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ፫፻፶፱ ዓመት ከየቋረጹ በብታራ ይገዝኡ ነበሩ ፡ ካብ አጋቦስ ስጋብ ንግሥቲ አዜብ ኀል ተዋስያ ካብ ዘርኢ አጋቦስ ንአ ድኀና ንግሥት የእትዩ ከምሥርዓት ዓራት ኂዙ ብኸንደይ ድኻም ፱ ዓመት ገዝኤ ፡ ክ ብዚ ዝውለዱ ስጋብ ንግሥቲ አዜብ ዘሎ መዋዕል ፬፻፹፮ ዓመት ደቂ ደቂ ደቂ ክየ ቋረጹ ይግዝኡ ዝነበሩ፡ካብ አጋቦስ ስጋብ ንግሥተ አዜብ ፳፩ ነገሥታት እዮም ሽሞም ከዓ አብ ቀዳማይ ክብረ ነገሥት ተሰምዮም አለዉ ።

ምዕራፍ ፪ ።

## ሐውልቲ መጠራ

ቅድሚ ንግሥተ አዜብ ንጉሥ ዋይራን ዝበሃል ነጊሡ ዋና ኸተማኡ ካብ አክሱም ጊዚዙ ናብ መንጎ ዓዲ ቐይሕን ሰንዓፈን ዘሎ ክስክስ ዝበሃል መኻን ሰንዓፈ ብሸንኽ ስሜን ሥልጥንቲ ኸተማ ነበረት እዚ ንጉሥ እዚ ከዓ አዚዩ ግኑን ነበረ ብዙኃት ዘገርሙ ሐውልትታት ተኸለ ስጋብ ሎሚ ሐውለተ መጠራ ይበሃል፡ካብተን ሐውልት ታት እኳ ሊቃውንቲ ኤውሮጳ እናኸዓቱ ጽሑፍ ገለ ኸዓ እተዋደደ ቅርጺ ይወስዱለን ነበሩ፡አብ መጻሕፍቶም ከዓ እናሰአሉን እናሰመዩን ነንዓዶም ወሲዶም አለዉ፡ካብ ቅድ ሚ ምላድ ክርስቶስ ድኀረ ጥፍአት ማየ አይኀ ፡ አብ ኢትዮጵያ ዝነበሩን ዝነገሡን ነገ ሥታት ቅድሚ አክናሁስ ቀዳማይ ሳባ ንጉሥ ብሽሕን ፱፻፵ ዓመተ ዓለም ጀሚሩ ስጋብ አጋቦስ ወይከዓ ገብጋቦ ዝበሃል ሰብአያ ነአድኀና ንግሥት ፳፫ ነገሥታት ከየቋረጹ ይገ ዝኡ ነበሩ ፡ አጋቦስ ወይከዓ ገብጋቦ ካብ መስፍንቶ አብ ሐማሴን ካብ ነገደ በለው ዝው ለድ ዘርኢ ፡ ናብ አክሱም መጺኡ ነቲ ገበል ከምሕሉም ገይሩ ዝገዝእ ዝነበረ ብሽሕን ፫፻፶፫ ዓመተ ዓለም እዚ አጋቦስ ዝብሃል ንጉሥ ቀተሎ ። ብድኀሪኡ ካብ ሳባ ዓሴት እትውለድ ዘርኢ ነገሥታት መበል ፳፫ ነገሥታት ንሳ አድኀና ንግሥት ተባህለት ፡ ነቲ ገበል ምስ ቀተሎ ንአጋቦስ ወይከዓ ገብጋቦ የእተወት ፡ ብድሕሪኡ ንሚኤሙር ወለ ደት ፡ ሚኤሙር ንጉሥ ከዓ ፪ተ ዓመት ምስ ነገሠ ሞተ ፡ እታ ምንአሱ ኀል አጋቦስ በሊና እተባህለት ነገሠት ንሳ ኸዓ ን፲፩ ዓመት ምስገዝኤት ሞተት እሞ ብድኀሪኡ ዘግ ዱር ዝበሃል ነገሠ እሞ ንዓመታኡ ግዕዝ ፊደል ጽሕፈት እተሐያይሹ አብ ሥራሕ ከም ዝውዕል ገበረ፡፵ ዓመት ዝአክል ከዓ ገዝኤ ፡ ካብኡ ጀሚሩ ስጋብ ንጉሥ ባዜን ፩ ሽሕን ፫፻ ዓመተ ዓለም ፺፱ ነገሥታት በብታራ ከየቋረጹ ይገዝኡ ነበሩ ፡ ብድሕሪኡ ከዓ እቲ ከተማ ናብ አክሱም መለሰዎ ። ቅድም አብ መደበይ ሐደ ዓቢይ ገበል ካብ ሐንቲ ሰበይቲ ንግሥቲ ምስ ሐንቲ ክልአይቲ ፍጹም ሰብ ዝኾነት ኀል ተወልደ፡ እዚ ገበል እዚ ገዛእ ሀገር ክነ ቋንቁኡ ግና እታ ምስኡ እትወልደት ኀል ትፈልጥ ነበረት ፡ እቲ ገበል አዚዩ ዘን ቀጥቅጥ ገዛእ ሀገር ነበረ እሞ ጤለ በጊዕን ጐርዞ ኀልን ብእዚ እናምጽኡ ግብሪ ይሀ ብዎ ነበሩ ንሳቶም ከዓ ብዙኀ ተሸገሩ ፡ ከምቲ አብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሐደ ሰብአይ

ክብ ሐማሴን መጺኡ ነዚ ገበል እዚ እንተ ቐተልክዎስ እንታይ ትህቡኒ የሎም ንሳ ቶም ከዓ ንውሉድ ወለዶኻ መንግሥቲ ነውርስከ ኢሎም ቃል ኪዳን መታን ከይጠልምዎ አተውሉ ፡ እቲ ሰበአይ ከዓ አጋበስ ወይ ከዓ ገብጋበ እዩ ዝበሃል ዝነበረ ፡ ንሱ ከዓ ንዥሎም አኪቡ በታ ዝመጸላ መንገዲ ሐዊ ጌሩ አንዲዱ ቀተሎ ፡ ምስ ቀተሎ ከዓ እቶም ሕዝቢ ከምቲ ቃል ኪዳን ዝአተውሉ ከይሀብዎ ከዲዖም አብዮም ነበሩ ደሐር ግን ፡ ንሱ ብክንደይ ክርክር አሰኒፉ ንአድኅና ንግሥቲ የአትዩ መንግሥቲ አግ ዓዝያን ከብ ዓሴት አክናሁስ ዝወረደ ዓሴት መበል ፳፰ አድኅና ንግሥት ከብኡ ጀሚሩ ስጋብ ኘኖት ሴም ከልአይ ፺፩ ዓመት ዝገዝኤ በዚ ጊዜ እዚ አቢሉ እዩ ያሐ ዝኸተመ ብድ ኀሪኡ ከዓ ስጋብ ተዋስያ ዘለዉ ነገሥታት በብታራ ምስ ገዝኡ ፡ ደሐር አቦአ ንንግሥተ አዜብ ተዋስያ ፲፫ ዓመት ገዚኡ ሞተ ፡ እሞ ጓሉ ንግሥተ አዜብ ነጊሣ ዓራት አቦአ ምስ ኅዘት ውርይቲ ዝንኅንት ከነት ፡ ግዝእታ ከዓ ስጋብ መደጋ ስክር ትገዝእ ነበረት ፡ ብምሥ ራቕ ከዓ ስጋብ ዓዲ ዓረብ የመን ሐሊፉ ትገዝእ ነበረት ፡ ብዘበና ከዓ ነጋዶ ክብ ኢየሩሳ ሴምን ከብ ህንድን ከብ ዓዲ ዓረብን እናመጹ ዕንቍን አልማዝን ዝባድን ስኒ ሐርማዝን ሰንደል ዕንጨትን ወርቅን ብሩርን እናመላለሱ ይነግዱ ነበሩ ፡ እሞ ሽማ ከዓ አብ ዥሉ ዓለም ፍሉጥ ከነ ፡ በዚ ጊዜ እዚ አብ ኢየሩሳሌም ሰሎምን ወዲ ንጉሥ ዳዊት አንቀ ጥቂጡ ይገዝእ ነበረ እሞ፡ ዘይገብሩ አይነብሮን ዥሉ ጥበብ ተገልጭዎ እዩ ዝነበረ ፡ ንሳ ከዓ ወሬኡ ታምሪን ዝበሃል ነጋዳይ ምስ ነገሩ ብዙኅ ገጸ በረኸትን ሒያብ ሚእቲ አጋ ስስ ወርቂ ጽዒና ብሩር አልማዝ ከብ ብዙኅ ዓይነት አኪባ ንኢየሩሳሌም ከደት ፡ ብዚ ዕበ ንግሥት ሳበ ዝብል ከልአይ ዜና መዋዕል ፱ ፩-፲፪ ረኤ ፡ አብ ሐዲሽ ኪዳን ከዓ በሐ ጊር የልዕላ እዩ ማቴዎስ ፲፪ ፵፪ ቀዳማይ መጽሐፈ ነገሥት ከዓ ፲ ፩-፲፫ ይሰምያ እዩ ንሳ ናብ ሰሎሞን ምስ ተራኸበት እኸቢሩ ተቐበላ ንሳ ከዓ ጥበቡን ሥራሑን እናረ እየት ፮ ወርኂ ዝአክል ተቐመጠት እሞ ንምኒልክ ጠንሰት ፡ ከብኡ ተፋንያ ንዓዳ መጺ ት ፡ አብ አውራጃ ሐማሴን አብቲ ሩባ አብ መንጎ ዓዲ ቆንፅን መንጎ ወክድባን ከት በጽሐ ከላ መዓልቲ ሕርሲ በጺሑ አብቲ አገዚኢት ዝበሃል መካን ምስ በጽሔት ንም ኒልክ ወለደት እተን መሕረስቲ ከዓ ማይ ንመተሐፃፀቢ ደልየን እቲ ማይ በላ ኢሉን ከብኡ ጀሚሩ እታ ፈለግ ማይ በላ ትበሃል አላ ።

ም ዕ ራ ፍ ፯ ።

## ን ግ ሥ ተ  ሳ በ  አ ብ  ማ ይ  በ ላ  ተ በ ኰ ረ ት

ንግሥተ አዜብ አብዚ ፈለግ ማይ በላ ምስ ተበኰረት ሽሙ እብነ መሊኽ የለዩ መሊኽ ከዓ እብነ ሐኪም ኢላ ጸውዐቶ ፡ ትርጓሜኡ ከዓ እብነ መሊኽ ማለት ወዲ ንጉሥ ማለት እዩ ፡ እብነ ሐኪም ማለት ከዓ ወዲ ብልሂ ማለት እዩ ፡ ብድሕሪኡ ምስ ዓበየ ከዓ አዚዩ በጽሐ ምስ ከነ ፡ ነዲኡ አደይ አበይ ሽሙ መን ይበሃል ኢሉ ሐተታ ፡ ንሳ ከዓ አቦኻ ንጉሥ ሰሎሞን ወዲ ንጉሥ ዳዊት አብ ኢየሩሳሌም ዘሎ ኢላ ነገረቶ ፡ ንሱ ዕድ



ሚኡ ገለ ወዲ ፳፪ ዓመት ምስ ከነ ነቦኡ ክርኢ ምስ ብዙኅ ሠራዊት ንኢየሩሳሌም ንምድረ እስራኤል ናብታ ኸተማ አቡኡ አተወ ።

አቡኡ ከዓ በሐቂ ወደይ ኢሉ ብጽቡቕ ተቐቢሉ ገለ ፫ተ ዓመት ዘአክል ሕጊ ኦሪትን ቋንቋ ዕብራይስጥን አምሂሩ ሥርዓት መንግሥቲ አርአዩ ልብሰ መንግሥቲ አስሬዩ በትረ አቦታቱ አትኂዙ ቀብአ መንግሥቲ በቲ ሽዑ ዝነበረ ሊቀ ክህናት ካብ ቤተ ሌዊ ብእኡ ኢድ ተቐቢኡ ብ፱፻፹፪ ዓመት ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ ንዓዱ ንኢትዮጵያ ከድ ኢሉ ክሰዶ ከሎ ካብ ፲፪ ነገደ እስራኤል ፲፪ ሽሕ ሕዝቢ ሐርዩ አዚዮም ፍልጠት ዘለዎም ምሁራት ካብ ደቂ መኳንንቲ ዝኾኑ ፲፪ ሐለቓታት በብነገዶም ሸይሙ ንኢትዮጵያ ንጉሠ ነገሥት አቢሉ ሥርዓትን ታቦተ እግዚአብሔርን ሂቡ ሐመደ ግዳም ዝኾነ ሠራዊት ምስኡ አኸቲሉ ንዓዱ ንኢትዮጵያ አተወ ።

ንሱ ክመጽእ ከሎ መሰነይትኡ ከዓ ምስ መጹ ሕዝቢ እስራኤል በብሐደ ሽሞም ከምዚ ዝሰዕብ እዮም ፡ ፩ደ ካብ ደቂ ይሁዳ ከልአይ ከዓ ካብ ደቂ ሌዊ መራሕቲ ናይ ሃይማኖትን ታቦትን ኀጆም ክሽዱ ተአዘዙ ።

ምኒልክ ግና ምስ ስድራኡ ናብዚ ምድርዚ ምስ መጸ ሽዑ እቶም የኀዋቱ ቤተ ይሁዳ ገሊኦም ናብ ምድሪ ትግራይ ገሊኦም ናብ ምድሪ ሽዋ ገሊኦም ናብ ሳይንት ዝበሃል ዓደምሐራ ከምዚሎም ዘርኢ ይሁዳ ተረሰቱ ፡ ገሊኦም ታሪክ ጸሐፍቲ ናይ ኒየው ስግር ሀገር ከይተረሩ ካብታ ገረድ ንግሥተ አዜብ ንዛን ዝፈረየት ሰሎሞን ከልአይ ወሊዱ ኢሎም የዘንትዉ ።

ገሊኦም ከዓ አይፋል ብሐቂ አይኮነን ሰሎሞን ንምኒልክ ጥራይ ምስ ወለደ ካብ ንግሥት አዜብ መሰነይትኡ ንምኒልክ ግና ካብ ደቂ ይትራሃምን ደቂ አሞንን አኀዋቱ ከም መጕዚት ጌሩ ሥልጣን ሂቡ እዩ ዝሰደዶ ኢሎም ዝጸሐፉ አለዉ ፡ እንተኾነ ነዚ ዛኜ ዝበሃል ብሐቂ ካብ ገረድ ንግሥት አዜብ ንምላዱን ዘይምላዱን እንድዒ አባጅጉይ ይፈልጥ ።

ነገደ ሌዊ ዝበገሱ ንትግራይ ተምቤን ዓዲ ገበሩ ፡ ገሊኦም ደቂ ሌዊ ንሽዋ ከዱ ሕጂ እኳ ዘርኦም ቡልጋ ዝበሃል ሀገር ሕጆም አለዉ ፡ ካብኦም አብዚ ምድሪ ሐማሴን አለዉ ፡ ፫ይ ክፍሊ ደቂ ስምዖን ከም ዘለዉ ንምድሪ ብራ ሰለዋ ኀዙ ካብኦም ገለ ናብ ስሜን አለዉ ፡ ገለ ከዓ ካብዚ ምድሪ ሐማሴን አብ ሠሐር አለዉ ።

፬ይ ክፍሊ ደቂ ሮቤል በኸሪ ቤተ ወዲ ያዕቆብ ንሱ እዩ ነገደ ሮቤል ንጃራ ዝአተወ እብኡ ዝፈረዩ ካብኡ ናብ ምድሪ ዕልማ ዝመጹ ሎኅ ዘበኦም አለዉ ። ፭ይ ክፍሊ ዘርኢ ብንያም ከም ዘለዉ ንምድሪ ደምቢያ ኀዙ ፡ ካብኦም ሕዝቢ ጕጃም እዮም ካብኦም ተፈልዩ ደቂ መሮኒን ሚናብን አብ ሐማሴን አለዉ ።

፮ይ ክፍሊ ነገደ ንፍታሌም አብ ወልቃይትን አብ አርማጭሆን አለዉ ፡ ካብኦም አብዚ ምድርዚ እኒ ኸሬ እዮም ከምኡ እናበሉ በብቑሩብ አብ ብዙኅ ሀገር ፋሕ ኢሎም አለዉ ፡ ፮ይ ዘርኢ ዮሴፍ ከዓ ናብ ዓጋመ እዮም ዝአተዉ ። ካብ ደቂ ይሁዳ ዘርኢ ዛኜ ከዓ ሐሐሊፎም ገለ ናብ ምድሪ ሽዋ አለዉ ፡ ገለ ከዓ ናብዚ ምድርዚ ከም

እኒ ትምገዝአ ክምኡ ከዓ እዞም ሐነከ ሰምበተ ስመ ደቂ ወረደ ምሕረት የጎዋቶም እዮም ፡ ፫ ደቂ አሴር ንምድሪ ደቂ ይሁዳ ምስ ላስታን ምስ አድከመ ምልጋእን እዮም ። ፰ ደቂ አሴር ንምድሪ ደቂ ይሁዳ የጎዋቶም ከዓ አብ ወም ሰማልን ንምሥራቕ ሸዋን ፋሕ ኢሎም ምድሪ ጎዛም አለዉ ፡ የጎዋቶም ከዓ አብ ወም ሰማልን ንምሥራቕ ሸዋን ፋሕ ኢሎም ምድሪ ጎዛም አለዉ ግና ብዝሐም ሕጂ ክርስቲያን የብሎምን ንመጸውዒ ዝኸውን በራ ጥቓ ጐጃም አለዉ ግና ብዝሐም ሕጂ ክርስቲያን የብሎምን ንመጸውዒ ዝኸውን በራ ጥቓ ጐጃም አለዉ ። ክልአይ ከዓ ደቂ አሴር ገለ አብዚ ምዕራብ ኤርትራ ኃይሊን ሥልጣንን የብሎምን ፡ ክልአይ ከዓ ደቂ አሴር ገለ አብዚ ምዕራብ ኤርትራ ኃይሊን ሥልጣንን የብሎምን ፡ ጸለምቲ ገለ አብ ደምበጫ ቤት አለዉ ፡ ፱ይ ደቂ ጋድ ገለ ናብ ምድሪ ወሎ ገለ ናብ ጸለምቲ ገለ አብ ደምበጫ ቤት አለዉ ፡ ፲ይ ደቂ ዳን ክህነት ክይኖም ሕጂ አብ እንዳ ሚካኤል ዝብሃል አብ ጐጃም አለዉ ፡ ፲ይ ደቂ ዳን ክህነት ክይኖም ሕጂ አብ እንዳ ሚካኤል ዝብሃል አብ ጐጃም አለዉ ። ገሊኦም አብዚ ምድሪ ሰማል ጋላ ቤት አለዉ ።

፲፩ ዘብሎን ፡ ፲፪ ይሳኮር ዝፈረዮም አብ ምድሪ ደቡብ ኢትዮጵያ ከም እኒ እናርያ ዝበሃሉ የጎዋቶም ከዓ ሐሐሊፎም አብኡ ምስጋላ አለዉ ገለ ከዓ አብ ጥቓ ይፋግ ገጾም ዝበሃሉ የጎዋቶም ከዓ ሐሐሊፎም አብኡ ምስጋላ አለዉ ። ከምዚሎም በብቑሩብ አብ ኵሉ ኢትዮጵያ ፋሕ ኢሎም አለዉ ፡ ፋሕ ኢሎም አለዉ ፡ ከምዚሎም በብቑሩብ አብ ኵሉ ኢትዮጵያ ፋሕ ኢሎም አለዉ ፡ ቀዳሞት ደቂ ኢትዮጵያን ብመውስበን ብዓራትን ተሐ እዚአም ፲፪ ደቂ ያዕቆብን ዘርኢ ቀዳሞት ደቂ ኢትዮጵያን ብመውስበን ብዓራትን ተሐ ዋውሾም ስጋብ ለይቲ ሎም አብ ዘለዉ አሊዮም መንግሥቶም ሕዝቦም በሐደ ሸም ኢትዮጵያ ይበሃል ።

## ምዕራፍ ፫ ።

### ብዘመን አብርሃ አጽብሐ ናይ ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት

ብዘመን ቄሣር ቈስጠንጢኖስ ሮማዊ ብዝነገሠ ጊዜ አብ ኤውሮጳ ክዝርጋሕ ክሎ ብዘመን ቄሣር ቈስጠንጢኖስ ሮማዊ ብዝነገሠ ጊዜ አብ ኤውሮጳ ክዝርጋሕ ክሎ ክርስትና በዚ ዘመን እዚ ከተማ ጤሮስ ሜርጲሬዎስ ዝበሃል ምስ ገለ ሰባት ክይኑ ክርስትና በዚ ዘመን እዚ ከተማ ጤሮስ ሜሮጲዎስ ዝበሃል ምስ ገለ ሰባት ክይኑ ምድሪ ክስለ ብመርከብ ናብ ገምገም ኤርትራ መጺ ፡ ደኃር ግና እታ በዑር ጠጠው ምስ ምድሪ ክስለ ብመርከብ ናብ ገምገም ኤርትራ መጺ ፡ ደኃር ግና እታ በዑር ጠጠው ምስ በለት እቶም ደቂ ሀገርና ነታ መርከብ አልበ ወረርዋ ፡ ነቶም ሰብ አብአ ዝነበሩ በለት እቶም ደቂ ሀገርና ነታ መርከብ አልበ ወረርዋ ፡ ነቶም ሰብ አብአ ዝነበሩ ንኹሎም ሐደ ከየትረፉ ወድእዎም ፡ እንተኸነ ክብአቶም ክልተ ቈላዑ ግና ናእ ንኹሎም ሐደ ከየትረፉ ወድእዎም ፡ እንተኸነ ክብአቶም ክልተ ቈላዑ ግና ናእ ሽቱ ስለ ዝኸኑ ክይቀተልዎም ሰምቢዶም ናብቶም ቀተልቲ እናበኸዩ ጕይዮም ሽቱ ስለ ዝኸኑ ክይቀተልዎም ሰምቢዶም ናብቶም ቀተልቲ እናበኸዩ ጕይዮም ተሐጭዖም ጥምጥም የልዎም እሞ ንሳቶም ከዓ በብርእሶም ቈላዑ ስለ ዝነበርዎም ተሐጭዖም ጥምጥም የልዎም እሞ ንሳቶም ከዓ በብርእሶም ቈላዑ ስለ ዝነበርዎም ነቶም ቈላዕቶም ዘኪሮም ገለ ክይገበርዎም ሒዞሞም ናብ ንጉሥ አክሱም አወፈይ ነቶም ቈላዕቶም ዘኪሮም ገለ ክይገበርዎም ሒዞሞም ናብ ንጉሥ አክሱም አወፈይ ዎም ፡ እቶም ንጉሥ ከዓ ተቐቢሎም ብጽቡቕ የዕብይዎም ንኽልቲአቶም ከዓ ሰሥር ዎም ፡ እቶም ንጉሥ ከዓ ተቐቢሎም ብጽቡቕ የዕብይዎም ንኽልቲአቶም ከዓ ሰሥር ሎም አትሐዝዎም ፡ ፍሬ ምናጦስ ዋና ጸሐፊ ገበርዎ ፡ ነቲ ክልአዩ ከዓ አሰላፊ ናይ መስተ ሎም አትሐዝዎም ፡ ፍሬ ምናጦስ ዋና ጸሐፊ ገበርዎ ፡ ነቲ ክልአዩ ከዓ አሰላፊ ናይ መስተ ገበርዎ ፡ ንሱ ከዓ ሽሙ ኢጲአስ ይብሃል ነበረ ፡ ድኅሪ ነዊሕ ዘመን ከዓ እቲ ሐደ ዲአ ገበርዎ ፡ ንሱ ከዓ ሽሙ ኢጲአስ ይብሃል ነበረ ፡ ድኅሪ ነዊሕ ዘመን ከዓ እቲ ሐደ ዲአ ዮስ ንሀገሩ ተመሊሹ ኸደ ፡ ፍሬ ምናጦስ ግና ሐሳቡ እዚ ሕዝቢ ሐበሻ ናብ ሃይማኖት ዮስ ንሀገሩ ተመሊሹ ኸደ ፡ ፍሬ ምናጦስ ግና ሐሳቡ እዚ ሕዝቢ ሐበሻ ናብ ሃይማኖት ክርስቲያን ክቕበል ብውሽጢ ውሽጢ ነዓዱ ይለአእኽ ነበረ ፡ መወዳእታኡ ግና ባዕሉ ንእ ክርስቲያን ክቕበል ብውሽጢ ውሽጢ ነዓዱ ይለአእኽ ነበረ ፡ መወዳእታኡ ግና ባዕሉ ንእ ስክንድርያ ከይዱ ንሊቀ ጳጳሳት ወይ ከዓ ርእሰ ሊቀ ጳጳሳት ዝነበሩ አብ እስክንድርያ ስክንድርያ ከይዱ ንሊቀ ጳጳሳት ወይ ከዓ ርእሰ ሊቀ ጳጳሳት ዝነበሩ አብ እስክንድርያ አርቶዶክሳዊ ነያአም ነጊሩ ንሳቶም እቶም ማሕበር ከዓ በል ቋንቋኦም ትፈልጥ ኢኻ አርቶዶክሳዊ ነያአም ነጊሩ ንሳቶም እቶም ማሕበር ከዓ በል ቋንቋኦም ትፈልጥ ኢኻ ሰደድዎ ፡ በቲ እዋንቲ ዝነ እሞ አቡን ሸምናክ እሉና ኢሎም ምስ ተኸትልቶ ንኢትዮጵያ ሰደድዎ ፡ በቲ እዋንቲ ዝነ



በሩ ናይዚ ዓ. ነገሥታት ክልተ እዮም ንሳቶም ከዓ ማናቱ የጎዋት ነበሩ ሽሞም ከዓ ኤዛ ናን ዜዛናን ይበሃሉ ነበሩ ፡ ንሳቶም እዚዮም ዓበይትን ኃያላትን ፍሉጣትን ነበሩ ፡ ብዘመ ናን ዜዛናን ይበሃሉ ነበሩ ፡ ንሳቶም እዚዮም ዓበይትን ኃያላትን ፍሉጣትን ነበሩ ፡ ብዘመ ኖም ብዙኅ ሐውልቲ ፷፱ ናእሽቱን ዓበይትን ጠጠው አበሉ ፡ ንአቡን ፍሬ ምናጦስ ነቶም ብጮቶምን ነቲ ናይ ክርስቶስ ወንጌል ሥርዓት ክርስትና ከስፋሕፍሐ ተቐቢሎም ነቲ ሕጊ አሪት ከምዝተርፍ በአዋጅ ነገሩ ።

ንሰም አቡን አቡነ ፍሬ ምናጦስ ተቓላጢፎም ነቲ አብዚ ኢትዮጵያ ዝነበረ ሊቀ ከህናት እንበረም ዝበሃል ገብርን ሐዳግን ንዕኡ አጠሚቖም ብትሕቲኦም ኤጲስ ቆጶስ ሸምዎ ፡ ነቶም ክልተ አኅዋት ነግሥታት ከዓ ሽም ለዊጦም ንእዜና አብርሃ ፡ ንዛዜና አጽብሐ ኢሎም ሰመይዎም ፡ ንኹሉ ግዝአቶም ከዓ ከምዝሎ አውጆም አፍለጥዎም ።

በዚ እዋን እዚ ሐደ ሮማዊ ጥልያን እዚ ምስ ሰምዔ ቄሳር ቆስጣንጢኖስ ናይ ቃሕጓስ ወረቐት ናብ አብርሃን አጽብሃን ሊኢኹ ነበረ ፡ እዞም ክልተ ነጋውሥ እዚአም እዚዮም ንአቡነ ፍሬ ምናጦስ ፈተውዎም ፡ ብዘመኖም አብ ኢትዮጵያ ክርስትና አዝዩ አስፋሕፍሑ ፡ ሐድ-ሐደ ሰባት ግና ክርስትና አብ ኢትዮጵያ ዝአተወ ብዘመን አብርሃ አጽብሐ እዩ ኢሎም ይዛረቡ ።

እንተኸነ ግና ክርስትና አብ ኢትጵያ ዝአተወሉ እዋን ቅድሚ አብርሃ አጽብሐ ብማቴዎስ ሐዋርያ ግዜ እዩ ዝአተወ እዚ ከም ዝኸነ ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽን ናይ ወፃኢ ሀገራት ታሪኽን አስፈሒም ይዛረቡ እዮም ። እቶም ክልተ የጎዋት ፳፯ተን ዓመት ግዝኡ ፡ ብድኅሪኦም ካብ ዘርኢ ቀዳማይ ምኒልክ ዝውለዱ ዓሌቶም ከየቋረጹ ካብ ሐደ ዓሌት ፳፭ ነጋውሥ ፡ አብዚ ምድሪ ኢትዮጵያ ፫፻፺፫ ዓመት አብ አክሱም ይኾ መጡ ነበሩ ፡ ገሊኦም ወርኂ ገሊኦም ፍርቂ መዓልቲ ዝአክል ይገዝኡ ነበሩ ።

ካብአቶም ከዓ ሐፀይ ካሌብ አዚዩ ፍሩህን ግኑንን ነበረ ዛንታኡ ከዓ አብ ኵሉ ዓለም እትዘርግሐ እዩ ፡ ሐፀይ ምበል ከዓ ካብ ዘመኑ እዩ ዝተጀመረ ፡ ሐፀይ ማለት ከዓ ትርጓሜኡ አብ ዛንታ ሐፀይ ካሌብ እዩ ዝነግር ፡ ንሱ ብዘመኑ ፪ ፫ ጊዜ ናብ ሀገረ ናግራን ስዒሩ ስጋብ ምድሪ እስራኤል ኢትዮጵያውያን ግዝአቶም አስፈሒም ይገዝኡ ነበሩ ፡ ንሰም እታ እዋን እቲአ ቀዳዊቶም ደአ ነበረት ፡ ንሐደ አመኑ ጊላአም አብር ሃም ዝሽሙ ምቕማጦም ሐዲጎም ንዓዶም ተመልሱ ።

ቅድሚ ሐፀይ ካሌብ ፲፰ ነገሥታት ኢትዮጵያ ንግብጺ ከም ሥርዓት ብዙኅ ዓይ ነት ግብሪ የትብርዎም ከም ዝነበሩ አብ ብዙኅ ዛንታታት ንረክብ ፡ ክብቲ ምስራውያን ዘምጽእዎ ዝነበሩ ህያብ ገለ እልዒልና ክንሰሚ ጁኸ ፡ በብዓይነቱ ግብረ መርፍእ ምንጻፍ ግምጃ ፡ በብዓይነቱ ሽምዓ መርፍእ አስያፍ እኽሊ አብዚ ኢትዮጵያ ዘይነበረ ወርቅን ብሩርን ፀዓዱ ክብትን በብዓይነቶም ከልእውን ካብ ሰብ ወሐሳሉ በብመ ንፈቕ ከም ውሕጅ ከየቋረጹ ስጋብ ዘመን አስላም ህያብ የቕርቡ ነበሩ ።

# ምዕራፍ ፩ ።

## ብዘመዘን ጉዲት ወይከዓ ዮዲት

አንበሳ ውድም ምስ ሠራዊቱ ንምድረ ሸዋ ሀዲሙ ኸደ እቶም አብ ምድረ ሸዋ ዝነበሩ ሀገር ብጽቡቕ አኽቢሮም ተቐበልዎ፡ ጉዲት ክዓ ዝረኸበቶ አብያተ ክርስቲያናት እናዕነወት ደድሕሪኦም እናሰዓበት ስጋብ መራ ቤተ በጺሐ ተመልሰት፤ አንበሳ ውድም ወዲ ፲፰ ዓመት እዩ ዝነበረ ዕድሜኡ፡ ብድሕሪኡ ጉዲት አርባዓ ዓመት ምስ ገዝኤት ሞተት፡ አንበሳ ውድም ወዲ ፶፰ ዓመት ዕድሚኡ ንአኽሱም ተመሊሹ ዝዓነወ አዔርዩ ብሰላም ገለ ፳ ዓመት ገዚኡ አብ አኽሱም ብ፸፰ ዕድሜኡ ሞተ፡ ብድሕሪኡ ወዱ ሐፀይ ድል ናኦድ ፲ ዓመት ምስ ገዝኤ፡ ብድሕሪኡ መራ ተኽለ ሃይማኖት ንንጉሥ ሐፀይ ድልናኦድ መሰበ ወርቂ እትበሃል የእትዩ መንግሥት ወረሰ፡ ክብኡ ክዓ ንጠጣው ደም ወለደ ጠጣው ደም ንጃን ሥዩምን ንግርማ ሥዩምን ወለደ ።

መራ ተክለ ሃይማኖት ዓራት ምስ ሐዘ፡ እዚ መራ ተክለሃይማኖት እዚ ብዘመን ሐፀይ ድል ናኦድ መራ ተክለ ሃይማኖት ዝበሃል መስመይ ዓሌት ዛጔ ኸይኑ ዘሎ ንሱ አዚዩ ንፉዕን ዕሉልን ነበረ፡ዓሌቱ ካብ ይትረሃም ወዲ ዳዊት ንጉሥ ቤተ ይሁዳ እዩ፡ ሕጂ ንሱ እዩ ንኸሉ ዓሌት ዛጔ አብነት ዓራት ኮይኑ ዘሎ፡ ንሱን ከም ዘለዉ ዓሌቱን ፍልም አቦታቱ አብ ሐማሴን አብ መስፍንቶ እዮም ምቕማጦም ዝነበሩ፡ ደሐር ግና ንሱ ብዘመኑ ብዙኅ ርእሱ አብ ምራሩ ባሕሪ ነበረ ምስ ገለ ሰብ ብገለ ነገር ተሐራሪቖ ምስቶም ክልአት ደቂ በለው ተዋጊኡ ተሳዒሩ ሰቡን ማሉን አኪቡ ናብ ሐፀይ ድል ናኦድ ትዕቂይትንት ናብ አክሱም አተወ ።

ንሰም ክዓ ብጽቡቕ ተቐቢሎም አኽቢሮም ብኽንደይ ምሥጢር ነቃ ሐንቲ ጓሎም ንመሰበ ወርቂ የእትዩ፡ ንሰም ካብዚ ዓለም ምስ ተፈልዩ ንዓአ አእትዩ ክምቲ ቅድም ተጠቒሱ ዘሎ ዓራት ሕጂ ነገሠ፡ ንሱ ፈለማ ብዝአዘዝዎ ኵሉ ይፍጽም ነበረ፡ ነቶም ጸላእቶም አልቦ ህልም አቢሉ ፍቕዳ በረኻ ክንደይዮም ይውዕል ስለ ዝነበረ ብዘረብ ክህናት ዘእጕየየ ብህለት ዛጔ ተባህለ ካብ ዘእጕየየ ክዓ ዛጔ ዝብልዎ ኸምተቐበለ ።

ንሱ መራ ተኽለ ሃይማኖት ካብ ትግራይ ንምድረ ላስታ ክመጽእ ክሎ ከም ዘለዉ እቶም ሠራዊት ንቕንቕ ኢሎም ከዱ ደኃር ንሰም ምስ ሞቱ ብድሕሪኦም ዓራት ናብ መራ ተክለሃይማኖት ምስ ሐለፈት ካብ ዘርኡ ፲፩ ነገሥታት በብታራ ነገሡ፡ ክምኡ ክዓ ፳፪ ቤተ ክርስቲያናት አገዞ ዘገርም የሕንጹ አብቲ ከተምኦም አብ ውሽጢ ላስታ እቶም ዕሉል ዓቢይ ንጉሥ ላሊበላ አብ ኵሉ ኢትዮጵያ ተሠሪሑ ዘይፈልጥ አዚዩ ዘገርምን ዘስተንክርን ካብ ዓቢ አልባ ከውሒ ኵዒቶምን ፈልጮምን ብኽንደይ ፃዕረ ልዓቱን ዓምደ ወርቅን ማዕፀኡን አጋጢሞም የሕነፁ፡ ቁመቱ ንሰማይ ፻፲ ፊት (ሜማ) ጐኑ ፻፸ ፊት (ሜማ) እዩ አሠራርሑኡ ካብ ስግር ካብ ንየው ዝመጸ ወሐላሊ ፀዓዲት እዮም



# ምዕራፍ ፪ ።

## መሠረት ዓሌት ዛጔ

ነገደ ዛጔ ወይ ክዓ ዛጎ እተብህሉ ካብ ዓሌት ሴም ካብ ዘርኢ ንጉሥ ዳዊት እዮም፡ ካብ ይትርሃም ዝወረዱ ዓሌት ዝውለዱ ምስ ወገኖም ምስ ቀዳማዊ ምንሊክ ንኢትዮጵያ ዝአተዉ እዮም ካብቶም ፲፪ ዓሌት ነገድ ንሳቶም ቤተ ይሁዳ እዮም ዝበሃሉ፡ አገው ወይክዓ ዓዲል ዝበሃሉ አኅዋት ምስዘም ሕጂ ነገደ ዛጔ ኢና ዝብሉ አብ ዘለዉ አሉዎም ብሐደ እዩ ቍጽሮም፡ ዋና አቦታቶም ገኒኖሙሉን ብድድ ኢሎም ዝረአይሉን ዝነበሩ፡ አብ ላስታ እዮም ።

ንሳቶም ክዓ ብዘበናም ፫፻፴፫ ዓመት ንኹላ ሐበሽ አንቀጥቂጦም በብታራ ከየቋረጹ ይገዝኡ ነበሩ፡ ሕጂ እቶም አኅዋቶም ዘርኢ አምኖን ትግርኛን አገወኛን አምሐርኛን ብዝደለዩ እዮም ዝዛረቡ፡ መዳውብቲ ስለ ዝኾኑ እዮም፡ ካብአም ሕጂ ብሌን ዝብሃሉ አብ ሐልሐለ በጐስ ክምኡ ክዓ አብ ክልአ ዘለዉ ብሌን ስጋብ ሕጂ ቋንቋአም አይሐደጉን።

ክምኡ ክዓ ክልአት አኅዋቶም ዘርኢ ይትርሃም ካብ ነገደ ዛጔ አብዚ ምድሪዚ በብምኽንያት ዝመፁ ከም ሲባን ከም አድከመ ምልጋአ ከም ሀነክ ሰምበት ከም ላምዛ ከም ደቂ ወረደ ምሕረት ከም ዓጋመ ከም እገላ ሐመስ እገላ ደገብስ እገላ ሐፂን ከም እኒ ትምዝአ እዚአቶም ካብ ቤተ ዛጔ ካብ ላስታ እዮም፡ እዚዮም ብዙኃት ዓሌት አለዉ ሕጂ ግና ብዘዕባ ብሌን አልዒልና ክንሰሚ፡ ብሌን ደቂ አገው እዮም ፬ አኅዋት እዮም ደቂ ታረቀ ወይ ክዓ ተርቀ ይበሃሉ ፩ይ ሰኩና ፪ይ ዘማት ፫ይ ኢይዶክል ፬ይ ሐደምበስ እዮም ዝበሃሉ ።

እዚአቶም ብእዋን ዕግርግርን ቀሚትን ምስ ኮነ ካብ አኅዋቶም ተፈልዮም ሰበምን ማሎምን አኪበም ካብ ላስታ ተሳዒሎም ናብዚ ሕጂ ዘለውዎ ምድሪ ብሌን ዱር ቀስ ቂሾም ዓውል ጥሒሾም አራዊት ተመን ቀቲሎም፡ ዓዲ ጌይሮም አቕኒዖም ክምዚ ጌይሮም ደቂ ታርቀ ዝሐዝዎን ተረሰትዎን፡ ዝመጽእዎ እዋን ክዓ ብዘመን ሐፀይ በእደ ማርያም እዮም፡ ገለ ግና ሰብ ታሪኽ አልዒሎም አይፋል ብዘመን ሐፀይ ናኦድ ዝብሉ አለዉ እንተኾነ ዘረበአም መማን አይኮነን ።

ብዘመን ንጉሥ ናኦድ ዛጔ ገና ዓራት አይሐዙን መራ ተኽለ ሃይማኖት ገና ምስ ኵሎም ዓሌቱ እምራሩ እዮም ዝነበሩ፡ ንሱ ሃይማኖት ዶ-ክይኩን ናይ ዛጔ መሠረት ዓሌት፡ ዛጔ ዝበሃል ሕዝብን ኸምን ብድሕሪኡ እዩ፡ ስለዚ ሐቂ በሐቂ ንሳቶም ናብዚ ምድረ ሐማሴን ብሌን ዝመጽእዎ ድሕሪ መንግሥቲ ዛጔ ምንዳቑ እዮም፡ ካብ ላስታ ብዘመን ሐፀይ በእደ ማርያም ዝአተዉ ።

ዝሠርሕዎ ፡ ሀንፅቱ ከዓ ካብ ከተማ ቊስጥንጥንያ ዝመጹ ብዙኃት እዮም ብዘበን ሐፀይ ይትባረክ ዓራት ላስታ ናብ ዓሌት ቀዳማይ ምኒልክ ዝውለዱ ሽሕን ፪፻፶፬ ዓ-ም አቡነ ተክለ ሃይማኖት ክልተ ዓመት ጽዒሮም ብኽንደይ ድኻም ናብ ይኩኖ አምላክ መንግሥቲ አትሒዝዎ ፡ ብዘመን ሐፀይ ይትባረክ አምሐርኛ ናይ ሕቡእ ክዛረቡ ተጀመረ ንጉሥ ይትባረክ ን፪ አወዳት ምስ ወለደ አብ ዋድላ ድላንታ ቀተልዎ ።

ከምዚሎም ቤተ ዛጔ እተበሀሉ ዓሌቶም ክብቲ ጥንቲ ካብ ይትርሃም ወዲ ዳዊት ኀው ሰሎሞን እዩ ፡ ከምኡ ከዓ ምስኦም ዝመጹ ደቂ አምኖን ፡ አምኖን ንኖን ኖን ንሔት ወለደ ወዲ ሔት ከዓ ምስ ቀዳማይ ምኒልክ ከይኑ ካብዚ ሕጂ ስጋብ መተማ ይገዝእ ነበረ ፡ ብሽም አቡኦም ከዓ ሔታውያን ይበሃሉ አለዉ ፡ ስለዚ መራ ተክለ ሃይማኖት ካብ ይትረሃም ዘርኢ እዩ ፡ አበታቱ ግና ክምቲ ተጠቒሱ ዘሎ አብ መስፍንቶ እዮም ዝነበሩ ።

ብድሕሪኡ ግና ገሊኦም አብ ምራራ ገሊኦም ዘርኢ ይትራሃም አቐዲሞም አብ ላስታ እዮም ዝነበሩ ፡ ገሊኦም አብ ሰቖጣ ገሊኦም አብ ስሜን ገሊኦም አብ ዓጋመ ገለ ናብ እገላ እኩለ ጉዛይ ደቂ ጅራተ ቀጭን ዝኾኑ ከምኡ ከዓ እዞም አድከመ ምልጋእ ደቂ አንበሳጅር እዮም ፡ ከምቲ አብ ላዕሊ ዝበልናዮ እዞም ሕዝቢ እዚኦቶም ኵሎም ዘርኢ አምኖን ይትርሃምን ደቂ ንጉሥ ዳዊት እዮም ።

## ምዕራፍ ፲፩ ።

### ደቂ መራ ተክለ ሃይማኖት ዝገዝእዎ ዘመናትን ሽሞምን

መንግሥቲ ዛጔ ዝሐዝዎ ዓድታት አመቓቕልኦም ከምዚ አብ ታሕቲ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ፡ መራ ተክለ ሃይማኖት ንመሰበ ወርቂ የእትዩ ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ ንሳ ከዓ ኀል ሐፀይ ድልናአድ እያ ንዕአ አእትዩ ነገሠ ፱፻፸፫ ዓ-ም አብ ማእከል ላስታ ከምቲ አብ ላዕሊ ተመልከቲቱ ዘሎ ብገፊሑ ክንርድኦ ንኽእል ኢና ፡ መራ ተክለ ሃይማኖት ካብ እቴጌ መሰበ ወርቂ ንሐፀይ ጠጣው ደም ወለደ ሐፀይ ጠጣው ደም ንሐፀይ ጃን ሥዩምን ንሐፀይ ግርማ ሥዩምን ወለደ ፡ ሐፀይ ጃን ሥዩም ንሐፀይ መራሪ ገብረ ማርያምን ንቐዳማይ ሐርበይን ንሐፀይ ላሊበላን ን፫ ምስ ወለደ መኺኑ ሞተ ።

ሐፀይ ግርማ ሥዩም ከዓ ንሐፀይ ይምሐረን ክርስቶስ ንበይኑ ንሐደ እዩ ዝወለደ ፡ ደቂ ሐፀይ ይምሐረን ክርስቶስ በርከት በዚኖም አብ አውራጃ ላስታ ፋሕ ኢሎም አብ ብዙኅ ዓድታት ደቂ ይምሐረን እናተብሀሉ ይጽውዑ አለዉ ፡ ሐፀይ መራሪ ገብረ ማርያም ከዓ ንሐፀይ ነአኵቶ ለአብ ወለደ ፡ ሐፀይ ነአኵቶ ለአብ ከዓ አይወለደን ዘርኡ ሕጂ ጠፊኡ እዩ ፡ ሐፀይ ላሊበላ ንይትባረክ ንሐደ እዩ ዝወለደ ፡ ሐፀይ ይትባረክ ንዳግማይ ገብረማርያምን ንዳግማይ ሐርበይ ንኽልቲኦም ወለደ ።

ክብዚኦም ዳግማይ መራሪ ገብረ ማርያም ን፫ አወዳት ወለደ ፡ ፩ይ እንዳለው አይቀር ፪ይ ጅራተ ቀጭን ፫ይ ንአንበሳ ጅርኒ ነዚኦቶም ወለደ ፡ ከምዚሎም ፫ተ አወዳት ደቂ መራሪ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም እንዳለው አይቀር ዘርኡ አብ ክልእ አይወጹን አብቲ ቀንዲ ዓዶም አብ ላስታ ናብ ብዙኅ ዓድታት ኀዚዎም አለዉ ፡ ደቂ ጅራተ ቀጭን ከዓ ከምዘለዉ ደቂ ወረደ ምሕረት አብ ዓጋመ ዘለዉን አብ ኤርትራ ዘለዉን ፈረየ ፡ ነዚአቶም አኅዋቶም ከዓ እኒ እገላ ሓመስ ሮብራ እገላ ደገብስ እገላ ሐዲን ትምዘእ እዞም ሐንክ ሰምበተ እዞም ላምዛ ደቂ ደጊያት አቤኔር እዚኦም ኵሎም ደቂ ጅራተ ቀጭን እዚዮም በዚኖም አለዉ ።

ደቂ እቲ ንእሽቶ ሳልሣይ ኀዎም አንበሳ ጅር ንሱ ናብ ሠራዬ ዝበሃል ዘሎ ሕጂ አብ ክፍሊ ተኸላ እትዩ ካብ ኀል ደጊያት ድዕቡል ንጅር ገደላ ወለደ ጅር ገደላ ከዓ ከም ዘለዉ ነዞም ሕጂ አድከመን ምልጋእን ዝበሃሉ ንዓኦቶም ዝፈረየ እዩ ፡ ብዘዕባ እዚ አብዚ መጽሐፍ እዚ አብ ድሕሪት ረኤ አጻቢቑ እናፈለየ ደቆም ደቂ ደቆም ክትርድእዎ ትኽእሉ ኢኹም ።

እቲ ሣልሳይ ወዲ ጠጣው ደም ሀርቤን ዝበሃል ንአቡኑ አሮንኒ ንአቡኑ መቃርስን ንእንጦንዮስን ዝበሃሉ ን፫ተ ወለደ ዘርኢ ፫ተ አኅዋት ዝፈረይዎም ብሐደ ተደባሊቖም አብ ምሉእ ሀገር አውራጃ ላስታ ዓዲ ኀዚዎም አብ ዘለዉ ኢሊዮም ደቀበ አሮን ደቂ እንጦንስን መቃርስን እና ተባሀሉ ስጋዕ ለይቲ ሎሚ ይፅውዑ አለዉ ፡ ገሊኦም አብ ሽድሆ ገሊኦም አብ ዋሮ ገሊኦም አብ መኞት ገሊኦም አብ ድላንታ አውራጃ አለዉ ።

ዳግማዊ ሐርበይ ወዲ ይትባረክ ኀው ንዳግማይ ገብረ ማርያም ንሱ ሐርበይ ንአብርሃም ቀሲስ ወለደ ፡ አብርሃም ቀሲስ ከዓ ንምድሪ ሐማሴን ከደ አብኡ ን፪ ወዲ ወለደ ንኖኅን ንሬኤ ፍጹምን ምስ ወለደ መኺኑ ጠፍኤ ፡ ሬኤ ፍጹም ዝፈረዮምን ዝሐዝዎ ዓድን ዝገልጽ አብዚ መጽሐፍ እዚ አብ ምዕራፍ ፶ ርኤ ። ዝገዝእዎ ዘመናት ዘርኢ መራ ተክለ ሃይማኖት ፡ እዞም ደቂ መራ ተክለ ሃይማኖት ቤተ ዛጔ ዝፈረይዎም ደቆምን ደቂ ደቆምን ዝገዝእዎ ዘመናትን መዋዕልን ሽሞምን ካብዚ ንታሕቲ ንመልከት ።

መራ ተክለ ሃይማኖት ባዕሉ ፲፫ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዱ ናብ ጠጣው ደም ዓራቱ ሐለፈት ሐፀይ ጠጣው ደም ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ኀዉ ናብ ሐፀይ ግርማ ሥዩም ዓራቱ ሐለፈት ፡ ሐፀይ ግርማ ሥዩም ከዓ ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዱ ናብ ሐፀይ ይምሐረን ክርስቶስ ዓራቱ ሐለፈት ሐፀይ ይምሐረን ክርስቶስ ከዓ ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ዓራቱ ናብ ቀዳማይ ሐርቤ ናብ ኀወቡኡ ናብኡ ሐለፈት ።

ሐፀይ ሐርበይ ከዓ ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዲ ጃን ሥዩም ናብ ሐፀይ ላሊበላ ወዲ ኀወቡኡ ናብኡ ሐለፈት ፡ ሐፀይ ላሊበላ ከዓ ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ዓራቱ ናብ ወዲ ኀው ናብ ሐፀይ ነአኵቶ ለአብ ሐለፈት ፡ ሐፀይ ነአኵቶ ለአብ ከዓ ፵ ዓመት ገዝኤ እሞ ንወዲ ኀወቡኡ ንወዲ ላሊበላ ንሐፀይ ይትባረክ ዓራቱ አውረሰ ፡ ሐፀይ ይትባረክ ከዓ ፲፯ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዱ ናብ ዳግማዊ መራሪ ገብረ ማርያም ሐለፈት ።

ዳግማዊ መራሪ ገብረ ማርያም ፲፰ ዓመት ገዝኤ ፡ ካብኡ ከዓ ዓራቱ ንኀዉ ንዳግማዊ ሐርበይ አውረሰ ፡ ሐፀይ ሐርበይ ከዓ ፲ ዓመት ምስ ገዝኤ ብሽሕን ፪፻፶፫

ዓ-ም ናይ ላስታ መንግሥቲ መደምደምታ ኮነ። መንግሥቲ ናብ ይኩኖ አምላክ ናብ ቤት ቀዳማዊ ምኒልክ ዝውለዱ ዓሌቶም ካብ አክሱም ዝኸዱ ብዘበን ጉዲት ካብቲ ንጉሥ አንበሳ ውድም ዝወረደ ፡ ፳ ትውልዲ ብድሕሪ'ዚ እዩ ፡ ናብ ይኩኖ አምላክ ድሕሪ ፫፻፴፫ ዓ-ም ዝአክል ናይ ላስታ መንግሥቲ ወዲቑስ ናብቲ ናይ ጥንቲ ናብ ይኩኖ አምላክ ተመልሰ ፡ ካብ ሽሕን ፪፻፸፫ ዓ-ም ጀሚሩ ካብ ቤት ምኒልክ ዝውለዱ ዘርኢ ከየቋረፀ ስጋብ ሐፀይ ንብለ ድንግል ፳፬ ነገሥታት ስጋብ ሽሕን ፭፻፴ ዓ-ም ከየቋረፀ መንግሥቶም ቀዋ አቢሎም ኂዞም ነበሩ ።

ድሕሪ ዕግርግር ግራኝ ከዓ እንደገና ድሕሪ ብዙሳ ተጋድሎ ከም ቀደሙ ካብ ንብለ ድንግል ዝውለዱ ሐደ ክፍሊ አብ ጐንደር ደቆም ደቂ ደቆም ከየቋረፀ ስጋብ ሐፀይ ተክለ ጊዮርጊስ ተፍጻሚተ መንግሥት አብ ጐንደር ብሽሕን ፯፻፸፯ ዓ-ም ነበረ ፡ ፍኞ ዶምን ዘመነ መንግሥቶመን ዝገልጽ አብ መጽሐፍ ታሪክ ኢትዮጵያ ገጽ ፷፪ ፷፫ ርኤ ፡ እቲ ካብ ንብለ ድንግል ዝተኸፍለ ቤተ ያዕቆብ አብዚ ሕጂ ዘሎ አብ አዲስ አበባ እዩ ።

## ምዕራፍ ፲፪ ።

## ሐማሴን እተባህለሉ ምኽንያት

ደቂ እስራኤል ፈለማ አብዚ ሀገር እዚ ምስ እተወ አብዚ ሕጂ ምድሪ አስላም ከይኑ ዘሎ በረኻ መታሕት ገለ ሒዶት እዋን ይቕመጡ ነበሩ ሓደ ምዕልቲ ካብአቶም ናብ መሮር ከትሪ ክኸትሩ ምስ ወፈሩ ሰብ ረኺቦም ሐተትዎም፡ እዚ መኻን እዚ እንታይ ሽሙ የልዎም ንሳቶም ከዓ ሐማት ሕሽን የልዎም በዚ ምኽንያት እዚ ሐማት ሒሰን ባህ ለት ሐማሴን ተባህለ ዝብሉ ዓዲ ውዲል በአመት ዘዕልሉ አለዉ ፡ ዝበዝኑ ታሪክ መርመ ርቲ ግና አይፋል ሐማን ሴምን ዝበሃሉ ሰብአይን ሰበይትን ነበሩ፡ እቲ ወዶም ከዓ ዓቢይ ሰብ ኮነ፡ ደሐር ድማ ሐማሴን ተባህለ፡ አቡኡ ሐማ እዲኡ ሴም ትበሃል ስለ ዝነበረት ከምዚ ኢሉ እዩ ሐማሴን እተባህለ ኢሎም የዘንትዉልና ፡ ገለ ኸኣ ሀም ወሴም ካብ ሴምን ካብ ካምን ዝውለዱ እዮም ፡ እቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ብዘመን ናምሩድ ዝብሉ አለዉ ፡ እቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ዲናን ፉናን ይበሃሉ ፡ ገዛውቶም ብወርቅን ብብሩርን ይሠ ርሑ ነበሩ ፡ ደሐር ግና እዋኖም ምስበጽሔ ንዓአቶም አበታትና ደቂ ኢትዮጲስ በዓል በለውን ከለውን አጥፍአዎም ፡ ካብኡ ከምዚ ተባህለ ወዮ እዛ ዓለም ከንቶ ንዲናን ፉናን እኳ ዘይኰነትቶም ተባህለ ።

ብድሕሪኡ ዘርኢ ሳባ ኖባ በለው ከለው ንሳቶም ዝፈረይዎም ንብምድሪ ከዲኖማ መሊኦም አለዉ ፡ ዘርኢ ዲናን ፉናን ካብዚ ምድርዚ ጠፊኦም ፡ ነገር ግና አብ ምድሪ ባረንቱ ከምኡ ብሸንኽ ምዕራብ ምድሪ ሱዳን አለዉ ገለ ከዓ ብሸንኽ ደቡብ ኢትዮጵያ መንገዲ ፫ ወርኂ ብገስጋስ ዝርከብ ምድሪ ሕጆም አለዉ ፡ ብድሕሪ ነዊሕ ጊዜ ከዓ ደቂ ያዕቆብ ምስ ቀዳማዊ ምኒልክ ፲፪ እንዋት ዝወለዱዎም በብኽፍሎም ምስቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ አቦታትና ደቂ ኢትዮጲስ ብምውላድ ተሐዊሾም ሐሐደ ሽም በሐደ ንጉሥ ተጠርኒፎም ኢትዮጵያ ይብሃሉ ።



## ምዕራፍ ፲፫ ።

## ምምጻእ መሮኒ ናብዚ ምድሪ ሐማሴን

አብዚ ምድሪ'ዚ ፍልም ዝአተወ ወዲ ጓሉቕ መሮኒ ይበሃል ነበረ ንሱ ቅድሚ አብዚ ምድሪ ምምጽኡ አብ ደብሪ እንዳ ሥላሴ ፃዕዳ እምባ ነበረ ፡ ካብኡ መጺኡ አብ ገሽ ናሽም ተቐመጠ፡ሽፁ እዚ ምድሪ እዚ ዱር ፀሊም ጠሊ ነበረ እሞ መሮኒ ከዓ ዓዲ ክገ ብር አብኡ ሐረየ ፡ አብኡ ከይኑ ንመርዊ ንኹሉ መትሕት ይገዝእ ነበረ ፡ ንሱ ከዓ ን፫ ወዲ ወለደ ንማሉቕኒ ንፋሉቕኒ ንጫሉቕኒ፡ ሠልስቲአቶም ምስ ዓበዩ ማሉቕ ካብ አኅዋቱ ተፈልዩ ንምድሪ አከለ ጉዛይ አተወ ፡ ፋሉቕ ከዓ አብ ዓመጺ እትዩ ተቐመጠ እቲ ፫ይ ኀምም ጫሉቕ ግና ምስቡኡ ተረፈ ፡ ፋሉቕ አብ ዓመጺ እትዩ ንሽንቲብ ድምበዛን ወለደ ፡ ከንቲብ ድምበዛን ን፮ ወዲ ወለደ ንዛኖይኒ ንወረደ ምሕረትኒ ንተኽ ሥተ ብርሃንኒ ንሽምረጽምኒ ንሽምረጥብኒ ንቢደልኒ፡ቢደል ግን ሐድጊ የብሉን፡ ካብዘም ሽዱሽተ አሕዋት ዛኖይ ንደቀ ተሸምኒ ንቤተ አስገደን ዝፈረየ እዩ ፡ ተኽሥተ ብርሃን ከዓ ንዓዲ ነአምን ዝፈረየ እዩ፡ ሽምረጽም ከዓ ንዓዲ አኰሎምኒ ንደቂ ዘርኡን ዝፈረየ እዩ ፡ ሽምረጥብ ከዓ ፈራይ ኵሎም ንደቂ ተዓውቀ እዩ ።

ጫሉቕ ከዓ ዝርከበም ንሱ ዝፈረዮም አብ ገሸናሽም አለዉ ፡ ካብአቶም ዝውለዱ ከዓ በብዘለውዎ ንጣር ንጣር አብ ሠራዊን አብ አከለ ጉዛይን አብ ክልአ ዓድን አይሰአኑን እዮም ። መሮኒ ፍልም ናብዚ ቅድሚ ምምጽኡ አብ ዓዱ ደምቢያ ዓደምሐራ ምስ አቡኡ ጓሉቕ ነበረ፡ደሐር ግን አብ በረኻ ብኒ ዓሚር ይቕመጥ ነበረ፡አቦታቱ ከዓ ከምዚሎም እዮም ዝውለዱ፡ጓሉቕ ወዲ ስና ስና ወዲ ዳግማይ ሚናብ፡ዳግማይ ሚናብ ወዲ ጉማ ጉማ ወዲ ስናሕ ፡ ስናሕ ወዲ ሽምሽማ ፡ ሽምሽማ ወዲ ሚናብ ቀዳማይ እዩ ፡ እዚ ሚ ናብ እዚ ሐደ እዋን ቤተ ሰቡ አኪቡ ካብ ደምብያ ካብ ዓዱ ንምድሪ መታሕት አትዩ ስጋብ ከሰላ ምስ ደቁ ኰብለለ፡ደቁ ከዓ ርስቲ ከይሐዙ ብዙኅ እዋን ነበሩ፡ካብዚ ሚና ብ'ዚ ከዓ ንላዕሊ ዘሎ ወለዶ ስጋብ ሳአል ወልደ፡ቂስ ስጋብ ቀዳማይ ሚናብ ዓቢ ወዲ ያዕቆብ ዘለዉ መጻሕፍቲ እስራኤል ንኹሎም በብሐደ ይቖርሖም እዩ ፡ ገለ ከዓ አይ ፋል አበታት መሮኒ ከምዚ እዮም ይብሉ ።

መሮኒ ወዲ ጉማ ፡ ጉማ ወዲ ጓሉቕ ፡ ጓሉቕ ወዲ ብሩኽ ፡ ብሩኽ ወዲ ሽማ ንጉሥ ፡ ሽማ ንጉሥ ወዲ ድምበዛን ፡ ድምበዛን ወዲ ቆርበት ፡ ቆርበት ወዲ ሃማ ፡ ሃማ ወዲ ቀዳማይ ጓሉቕ ፡ ጓሉቕ ወዲ አፈ ወርቅ ፡ አፈ ወርቅ ወዲ ሳአል ፡ ሳአል ወዲ ወልደ ቂስ ፡ ወልደ ቂስ ወዲ ሚናብ ዳግማይ ፡ ዳግማይ ሚናብ ወዲ ደም ሽማ ፡ ደም ሽማ ወዲ ሚናብ ቀዳማይ ፡ ሚናብ ቀዳማይ ወዲ ያዕቆብ ፡ ከምዚ ገይሮም አበታት መሮኒ ይቖርሕዎም ፡ መሮኒ ወዲ ሽማጡር ፡ ሽማጡር ወዲ ደምባይ ፡ ደምባይ ወዲ ያዕቆብ ዳግማይ ፡ ያዕቆብ ዳግማይ ወዲ ሠመረጬን ፡ ሠመረጬን ወዲ ሚናብ ካብ ደምቢያ ዝመጹ ደምባይ እዩ ይብሉ ።

ምዕራፍ ፲፬ ።

## ደቂ ጆራተ ቀጭን

ከምዚ እዩ እቲ ሐደ ጆራተ ቀጭን ምስቲ ከልአይ ኀዉ. አንበሳ ጆር ኰይኖም በቲ ዓራት አበታቶም ተስፋ ቆሪጮም ካብ ላስታ ንምድሪ ሠራዬ አትዮም ፡ ናብኡ ፈታው አበታቶም ካብ ቅድም እሙን ጊላ ናይ ሐፀይ ይትብረክ ካብ ዓሴት በለው ዝውለዱ ደጊያት ድዕቡል ዝበሃሉ ገዛእ ኸሉ መረብ ምላሽ አብ ተኸላ ሠራዬ ነበሩ ፡ ንሰም ከዓ ድግዝምንቶም ካብ ሐፀይ ላሊበላ አበ ሐፀይ ይትብረክ እዮም እትቐበልዎ ፡ ክብኡ ጆራተ ቀጭንን አምበሳ ጆርን ምስ ደግያት ድዕቡል ፡ ቁሩብ እዋን ምስ ተቐመጡ ብሸሕን ፪፻፺ ዓ-ም ጆራተ ቀጭን ካብ ኀዉ. ተፈልዩ አብ ትግራይ ከይኑ ፡ ሐንቲ ሰበይቲ ካብ ነገደ ዮሴፍ እትውለድ የእትዩ ን፬ ወዲ ወለደ ፡ ፩ይ እገላ ደገብስ ፡ ፪ይ እገላ ሐዲን ፡ ፫ይ እገላ ሐመስ ፡ ፬ይ ነበ ወረደ ምሕረት ነዚእም ወለደ ።

ክብእም ዘርኢ ወረደ ምሕረት ዝፈረዮም አብ ዓጋመ አለዉ ፡ ምስእቶም ቅድም አብኡ ዝነበሩ ካብ ነገደ ዮሴፍ ዝውለዱ ምስእም ተሐውሾም ብሐደ ሽም ደቂ ወረደ ምሕረት ይብሃሉ አለዉ ፥ ከም ዘለዉ ዓጋመ ክብኡ እዮም ዝበሃል ፡ ደቂ ወረደ ምሕረት ሐነክ ሰምበተ ስመን ይበሃሉ ፫ እኅዋት ነበሩ ፡ ዘርኢ ስመ አብ ዓጋመ አለዉ እኢ ኢሮብ ቆርሽ ዝበሃሉ እኅዋት እዮም ፡ ሰምበተን ሐነክን ግና ካብ እሕዋቶም ተፈልዮም ፋሕ ኢሎም አብዚ ምድሪ ሐማሴን አለዉ ፡ ገሊእም አብ ትምዘአ ሐያሎ ዓድታት አለዉ ፡ እዚእም ከዓ ካብ ወረደ ምሕረት እዮም ፡ ክብእም ከዓ ዝተፈልዩ እኅዋቶም አብ ጽራዕ አለዉ ፡ ክምኡ ከዓ እዞም ላምዛን ዓዲ ደጊያት አቤነርን እኅዋቶም እዮም ፡ እገላ ሐዲን ከዓ ዝርከቦም አብቲ ብሽሙ ዝጽዋዕ ዘሎ ዓዲ አለዉ ።

እኅዋቶም ከዓ ሐሐሊፎም አብ ኵሉ ኤርትራ አለዉ ፡ እገላ ሐመስ ከዓ አብታ እተ ወልደላ ከይኑ አብ እገላ ስጋብ ሐያሎ ትውልዲ ምስ በጽሔ ፡ ብዘመን ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ አብ ኵሉ ምድሪ ሐበሻ ሐሐሊፉ ገለ ናብ ጣዖት ገለ ናብ ዛር ገለ ናብ ገበል የምልኹ ነበሩ ፡ በዚ እዋን እዚ ንጉሥ ብፅሎም እናዘሩ ነቲ ጣዖታት እናፅነዉ ነቶም ነባራት አራዊት እናቐተሉ ብዙኅ ቤተ ክርስቲያን እናተኸሉ ይግድሙ ነበሩ ፡ ነቶም ገላውእም ከዓ ብዙኅ ሀያብ እናሃቡ ኪዱ ነዚ ከምዚ ዘአመሰለ አምልኮታት አጥፍእዎ ኢሎም ናብ ኵሉ ሀገር ይፍንውዎም ነበሩ ።

ንስም ከዓ ካብ ሽዋ ናብዚ ሕጂ ደብረ ማርያም ዝበሃል ዘሎ ብ፩ ሽሕን ፬፻፴ ዓ-ም መጺእም በዚ እዋንዚ አብ እገላ ሐሙስ ብርቱዕ ነበር አራዊት ገበል ከመ ሕሱም ጌሩ ይቐጽዖም ነበረ ፡ ክብቶም ጊላዉ ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ሐደ አግነ ዝበሃል ብርቱዕ ነፍጠኛ ነበረ'ሞ ንሱ ከዓ ነዚ አራዊት ቀቲሉ በዓልቲ ዓድ ንፋስ ጓል መረፀ ክብእቶም



አብክዩ ወይከዓ አብከየት ዝሽማ ንዓአ የእትዩ ተቐመጠ ካብአ ከዓ ፬ ወዲ ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ይ ንጕራዕ ዝፈረየ ተዋሕሶ ይበሃል — ፪ይ ነውልዕ ጸሩ ዝፈረየ መርዔ ይበሃል — ፫ይ ንኰር ባርያ ዝፈረየ ሰሊብ ይበሃል — ፬ይ ንዓራቶ ዝፈረየ ይሕሽ ናይዝጊ ይበሃል ።

ነዚእም ፬ ወለደ አግነ በዚ ከምዚ ብሰበይቱ መሬት ሐዘን ተረሠተን ስለዚ እዚእቶም በቲ ናይ ጥንት ወለዶእም እገላ ሐመስ ካብ ጆራተ ቀጭን ካብ ሐፀይ ይትብረክ ካብ ነገደ ዛጔ ላስታ ካብ መራ ተክለ ሃይማኖት ዚውለዱ ንምኽኖም ካብ ብዙኅ ዘንታታት መጻሕፍትን ካብ ዓበይትን ይንገር ፡ በሐዳፈኡ ናይዚ ወለዶ እዚ ዛንትኡ ዘጽግብ አብ መጽሐፍ ልማደ አበው ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም ።

እቶም አብቲ ምድሪ ዝነበሩ ሮብራ ዝበሃሉ ነታ ጓሎም ምስ እእተወ አግነ አብ ምጋር ዛብያ ዝበሃል እላበ ፡ መሬት ክሊዓውታ ሒዶት እዋን ምስ ጸንሔ ናብ ማይ ዓሳስ ተቐመጥ ኢሎም ሮብራ ሠፈር ሀብዎ ፡ እታ መኻን ስጋብ ሎሚ ፍልጥቲ እያ ማይ ግሳስ ወይ ከዓ ማይ አድጊ ትብሃል ።

ንሳቶም ግና መታን ዓሰ ክትቀትሎም ኢሎም ብጕርሐም እዮም ፡ እንተኸነ ግና ንሳ እታ ሰበይቱ ነታ ዝገበርዋ ጕርሒ ቶሎ ኢላ ፈሊጣታ ንኺድ አብ ክልእ መኻን ንልቀቕ እዚ ምድሪዚ ዓሳዊ እዩ ኢላ መኸረቶ ።

ንሱ ከዓ ጸሮት እትበሃል ከልቢ ነበረቶ እሞ ንኺድ ደድሕሪ ጸሮት ኢሎም ደድሕሪ ከልበም ተበገሱ ፡ ንሳ ከዓ መሬሕቶም ናብ ሐንቲ ጠሊ ዘለዋ ማይ ሹም ዝበሃል ስፍራ አትዮም ገለ ሒዶት እዋን ናብአ አዕርፍ አቢሎም ፀኒሖም ከዓ ናብታ ጥቓአ ዘላ ኽረን ወፂእም ምሸት ሐዊ አንዲዶም አተዉ እሞ እቶም ሮብራ ሕድሕዶም ተበሃሉ እንሃትለ ሐዊ ትነድድ አላ አብታ ክር እቲ ባርያ እዩ ዝኸውን ኢሎም ተዛራረቡ እሞ እታ በታ ስጋዕ ለይቲ ሎሚ ኰር ባርያ ተብሂላ ።

በዚ ምኽንያት እዚ ትጽዋዕ አላ ፡ ናብአ ኰይኑ አግነ ነዞም ፬ተ ወዲ ምስ ወለደ አብኡ ሞተ ፡ ተዋሕሶ ተክለ ዮሐንስ ደቂ ተክለ ዮሐንስ ንጕራዕን ዓዲ ጕልጕልን ዝፈረየ እዩ ።

መርዔ ነውልዕ ጸሩን ንእምሁርኒ ንደንግልኒ ንሮ ዓዲ ዝፈረየ እዩ ፡ እበእም ግና መርዔ ኸሉ ብሽም ወዱ ደቂ አድመቖም እናተባህሉ ይጽውዑ አለዉ ፡ ዓራቶ ከዓ ደቂ ይሕሽ ናይዝጊ ክለዉ በቲ ሳጉኡ ወይ ከዓ በቲ ከልአይ ሽሙ ደቂ ጋሕሮ ይብሃሉ ።

ሰሊብ አብ ኰር ባርያ ንሱ ንሮተ ወለደ ንተዓረዝግን ንኃይለዝግን ንመሐረዝግን ወለደ ፡ እቲ ሣልሳዮም መሐረዝጊ ንገብሪት ወለደ ሕጂ ብሐደ ሽም ኰር ባርያ ደቂ ገብሪት ተብሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

## ምዕራፍ ፲፫ ።

### ወለዶ ደቂ ሮብራ

እዞም ሮብራ ዝብሃሉ ሕዝቢ ከምቲ ቅድም አብ ክልአ ገጽ አብዚ መጽሐፍ እዚ ተጸሒፉ ዘሎ ካብ ወረደ ምሕረት እዮም ዓሌቶም ፡ ወረደ ምሕረት ዘርኡ ብሐደ ወገኑ ካብ ጅራት ቀጭን ካብ ላስታ እዩ ፡ ወረደ ምሕረት ን፬ ወለደ ንስመን ንሰንበተን ንሐነከን ንመስመርን ንሮብአምን ነዚአም ወለደ ፡ ከምዚ አብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ እና ደጋገ ምና ንሰምዮ ዘሎና ፡ ሐነክ ንሸምዘለዉ ዓጋመ ዝፈረየ እዩ ፡ ስመ ክዓ ንእገላ ሐመስን ንእገላ ደጉብስን ንእገላ ሐጸንን ንኢሮብን ንእገላ ወለስን ወለደ ።

እገላ ሐጸ.ን ዝብሃሉ እኒ ማያዓ እኒ ዓዲ ባረ እኒ ዓዲ ዕቍባይ እኒ ዓድ ደፈርቲ እኒ ዓዲ ኤምረድ እኒ ብዓልቴት ከምዚ ኢሎም እዮም ዘርኢ እገላ ሐመስ ፡ ሮብራ ክዓ እኒ ትኹልን እኒ ጕደይትን ንሽሐን ንምዓያን ንዓዲ ምሕፁን ንማይ ሕፃን ንዓዲ ንፋስን ንውጥሕን ፡ ገለ ክዓ አብ ክርባርያ ከምዚ ኢሎም ፳ ዓዲ ሮብራ ይብሃሉ ናብቲ ላዕሊ መጠረፊአም ግና አብ ዘለዉ አሊዮም ደቂ ስመ ይብሃሉ ፡ እንዋቶም ክዓ ሐሐሊፎም ንጣር አብ ክልእ አለዉ ፡ መስመር ክዓ ንቶርዓ ዝፈረየ እዩ ።

## ምዕራፍ ፲፬ ።

### ዘርኢ ሐውያ

እዞም ዓድክመን ምልጋእን ዝበሃሉ ወለዶም ካብ ናይ ዋንቲ ካብ መሬ ተክለሃይማ ኖት ቤተ ዛጔ እዮም ከተማአም መስፍንቶ ነበረ ደኃር ግና መሬ ተክለ ሃይማኖት አብ ምራራ በረኸ ሐማሴን ተወልደ ፡ ንሱ ምስ ዓበየ ኩናት ምስ ደቂ በለው ተዋጊኡ ተሣ ዕረ እሞ ምስ ተሣዕረ ሰቡን ማሉን ሒዙ ንትግራይ አቢሉ ናብ ሐፀይ ድልናአድ አተወ ክብኡ ነዚም አብ ምዕራፍ ፲፩ ተጸሒፎም ዘለዉ ነጋውሥ ፈረየ ።

መውዳእታኡ ግና ጅራት ቀጭንኒ አንበሳ ጅርኒ ክልቲአም አኅዋት ካብ ላስታ ናብ ኢሉ ሠራየ ናብ ደጊያት ድዕቡል እትዮም ነዊሕ እዋን ተቐመጡ ፡ እቲ ንእሽቶ ኅዉ ግና ተወ ባዕሉ አንበሳ ጅር ምስ ደጊያት ድዕቡል ተቐመጠ ፡ ደጊያት ድዕቡል መውለዶም ከምቲ አቡኡ ፍልም አብዚ ዝሐለፈ ገጽ ዝጠቐስናዮ ካብ ዓሴት በለው እዮም በቲ እዋንቲ ገዛእ ኵሉ ሐደ መረብ ምላሽ ነበሩ ።

ሠራየ ብፍላይ ርስቶም ነበረት ፡ ውላዶም ሐንቲ ጓል ቅድስት ሐና ትበሃል ነበረ ቶም ፡ ንሳ ንአንበሳ ጅር በቲ መልክዑን ጉብዝንኡን አዚያ ንክትራኸቦ ትብህን ነበ ረት ፡ ደኃር ግና መወዳእትኡ ከምቲ ዝበሀገቶ ረኸበቶ ክብኡ ክዓ ሐደ ወዲ ወለደት



እሞ ነቲ ቖልዑ ብብዙኅ ጥንቃቑ ብሕቡእ የዕበዮቶ ፡ እዚ ኵሉ ክኸውን ከሎ እቡእ አይፈልጡን እዮም ዝነበሩ ፡ እቲ ሕፃን አዝዩ ምስ ፈርዘ አብ ተኸላ ኵሉ ማዕ ኵዕሰ እንተ ተፃወተ ንሱ ዘለዎም ጋንታ ይስዕሩ ዓወት ንዕኡ ትርኢ ነበረት ።

እዚ ኵሉ ክኸውን እቲ ጸወታ ኵዕሰ ንምርአይ ደገዝማቲ የጋጥሞም ነበረ ፡ መጠረሽትኡ ግና ደገዝማቲ እዚ ኵሉ ሳዕ ዝስዕር ቖልዓ ወዲ መን እዩ ኢሎም ነቶም ዓበይቲ ሰባት ምስአም ዝነበሩ ሐተትዎም ፡ ንሳቶም ክዓ ብሐደ ቃል ኩይናም ከምዚ የል ዎም ፡ ጐይታይ ገለ ክይትገብሩ ቃል ኪዳን እትወሊና በሉ ክንነግረኩም የልዎም ፡ ቃል ኪዳን የእትውዎም ።

ደሐር እዚ ሕፃን እዚ ወዲ ቅድስት ሐና ጓልኩም ካብ አንበሳ ጅር ዝወለደቶ እዩ ኢሎም እቶም ዓበይቲ ሰባት ምስ ነገርዎም ፡ ደገዝማቲ ክዓ ከምዚ ዝበለ ነውሪ አብ ቤተይ ንምንታይ ተፈጸመ ኢሎም ከም ሐዊ ተናደዱ ከምታ ቃል ኪዳኖምዶ ደገዝማቲ ትም ይበሉ ብሕርቖርቖት ነአንበሳ ጅር እትሒዞም እብኡ ፍግም አበልዎ ፡ ድኅር ግና እቲ ሕርቖርቖቶም ምስ ሐደጎም እነስ ጅረይ እንከ እየ ዝቐተልኩ ኢሎም አዚዮም ተጠዓሱ ፡ ደሐር ግና ነቲ ቈልዓ ጅር ገደላ በልዎ ኢሎም ሰመይዎ ከምዘሎ ሀብቶምኒ ርስቶምኒ ሽሙቶምኒ ንወዲ ጓሎም አዋጅ አንጊሮም ንምድረ ሠራየ መረብ ዓዚ ዝእግሩ ክሣድ ደረብ ምላሽ ብምዕራብ ዓዲ ባርያ በንዓምር ዝወሰኑ ፡ ብደቡብ ሐር ማዝ ዝረገጸ ከምዘሎ ደጊያት ድዕቡል ንጅር ገደላ አውረስዎ ።

ደሐር ግና ደገዝማቲ ግብሪ ንጉሥ ሕጃም ካብ ባሕሪ ዝመጹ በብዓይነቱ ጁኽ ስያዳ ሽምዓ ምንጻፍ ግብረ መርፍእ ወርቂ ጨው ብዙኅ ፈርጊ እዚ ኵሉ ብብዙኅት አጋሰስ አፅዒኖም ንዓደምሐሩ ናብ ደቡብ ኢትዮጵያ መንገዲ ፪ት ወርኂ ብሽሕን ፻፫፰ ዓመተ ምሕረት አቢሉ ናብ ሐፀይ ይኵኖ አምላክ ምስከዱ ደጊያት ድዕቡል ገለ ሒዶት እዋን ዓስ ሐሚሞም ሞቱ ፡ መቓብሮም ግና አበይ ሙኻን ምዃኑ ሐደኳ ዝፈለጠ የልቦን ዘመኑ ብሽሕን ፻፫፰ አቢሉ እዩ ፡ ደሐር ግና ንሱ ጅር ገደላ ከምቲ ዘረባ አበሐጉኡ ዓራት ወረሰ ንኵሎም ቤት በለው ዓሌት አዲኡ ብአዋጅ እኽቲቱ ከም በዓል ደሐን ከም ዘብልዖምኒ ከም ዘስትዮምኒ ሽሻይ ቀሪቡ ዓስ ናብ ምዕራብ ዓድጋውል ዋቓ ዓድ ጉሮቶ ዘሎ በረኸ ምቕዋታዋ ደቂ ወፈርቲ ትበሃል ዘላ ሕጂ ገምገም ፀድፊ ዓስ ሠሪሑ ነበረ ።

ነዞም ኵሎም ዓቢ ምስ ንእሽቶይ ደቂ እንስትዮን ተባዕትዮን ሀይ እተዉ በልዎም ናብ ኢሉ ሕንዘም መስተ እናስተዬ እናቐጥቀጠ ናብቲ ፀድፊ የዕዝሮም ነበረ ፡ ክብቶም ዝአ ግና ተዉ ሐደኳ ሰዳድ ወረ ዘይብሎም አልቦ ኵስትር አበሎም ፡ ከምዚ ጌሩ ጅር ገደላ ሕን አቡኡ ሕን ሐደ ሰብአይ ብብዙኅ ማእለያ ዘይብሉ ንፍሲ ኸፈለ ፡ ክብዘም ዓሌት አዲኡ ሐደ ሰብአይ ገብርሄት ዕጨር ዝበሃል ጕርዘ ጓሉ መሬሐቶ ድሕሪ ኵሉ መጺኡ ናብታ ጥቓ ዓስ ናብ ሐንቲ ገረብ ኩፍ ኢሉ ይጽበዮም ነበረ እንተኹኑ ንሳቶም አይዘከርዎን፡ ንሱ ክዓ ፍልም ይጥርጥር ስለ ዝነበረ ነዛ ጓሉ ከምዚ የላ እዚ ዓስ እንታይ ጉዱ እነስ ባህ አየለንን ጭርውርው ደአ የለኒ የላ ፡ ንሳ ክዓ አታቢ አብዛ ዓስ እዚአ ዘሎት እምበር ዝወጽእ የልቦን ምስበለቶ ፡ ንሱ ከአ እታ ዝጥርጥሩ ዝነበረ አብ ከብዱ ጠብሎኽ ኢላቶ

ንኺድ ኢሉ ሐፍተላይ ኢሉ ተበገሠ እታ ስፍራ ክፍ ኢሎሙላ ዝነበሩ ምስ ኳሉ ስጋብ ለይቲ ሎም ሽማ ሐፍተላይ ትበሃል ። ናብ በረኽ ጥቓ ዓዲ ጐርቶ መንገ ንመር ዘላ ስፍራ እያ ፡ ብድሕሪሉ ገብርሄት ዕዉር ኳሉ መረሐቶ ክሀድም ከሎ ፡ ጅር ገደላ ገብርሄት ዕውር ቶሎ ክብ ዘለዎ ደሊኹም እምጽኡለይ ኢሉ ብዙኀት ፈረሰኛታት ለአኸ ፡ እታ ጐርዞ ኳል ብርሐቕ ፈረሰኛታት ናብእቶም ገጾም እናጋለቡ ክመጹ ሪአ ነቡእ ነገረቶ እሞ ከይረኽብዎም ከለዉ ክብ መንገዲ አላጊሾም ናብ ሐንቲ ሽንጭሮ ሀጉም ተሐቢኦም ኑቶም ፈረሰኛታት የሕለፍዎም ፡ እሞ እታ እተሐብኡላ ሀጉም ስጋብ ለይቲ ሎም ማይ ማሐጥ ትብሃል አላ ናብ ጥቓ ዓዲ ሹም ዓንዳይ ፍልጥቲ እያ ፡ አብእ ኃዲሮም ምድሪ ምስ ጸብሐ ክብአ ዝገሥገሡ እዋን ድራር ምስ ኮነት ናብ ጥቓ ታሪ እምኒ ደሪረ ትበሃል ዘላ ስፍራ ናብእ ኃደሩ ።

እታ ስፍራ ናብእ ዝበጽሑላ እዋን ደሪረ ስለ ዝነበረት በዚ ምኽንያት'ዚ ደሪረ ትበሃል አላ ፡ ክብዛ ስፍራ እዚአ ገሥጊሦም ክኸዱ ውዒሎም ናብ ማዕረበ አተዉ ። ናብ ዝአተውሉ እዋን ፀሐይ ከዓርብ ከሎ ስለ ዝአተዉ በዚ ምኽንያት እዚ ስጋዕ ለይቲ ሎም ማዕረበ ተባሀለ ፡ ንጽብሒቱ ክብ ማዕረበ ተላዒሎም ሰገንይቲ ናብ ሠራወ ወይ ከ ሠራየ ዝብሃል ልዕሊ ማይ ምራኽት አብኡ እትዩ ገብርሄት ዕውር ምስ ኳሉ ሐያስ እዋን ምስ ተቐመጠ ብዕወሩ ከሎ ስጋብ አንበሳ ቀቲሉ ይብሃል ።

ደሐር ግና ንሱ ገብርሄት ዕውር ዘይጥቡብ ተጣቢቡ ክምዚ ገበረ ነታ ጐርዞ ኳለአውረ ቆርበት ዝብኢ ከደና እሞ ናብ ዕዳጋ ኪዲ ዙሪ ኢሉ ለአኻ ንሳ ከዓ ከምቲ አቡአ ዝለማዝአ እኻ ቆርበት ዝብኢ ተኸዲና አብቲ ዕዳጋ ክትዘውር ውዒላ ንገዝአ ምስ ተመልሰት ኢሂ ኳለይ እንታይ ክብሉኺ ወዓሉ የላ ።

ንሳ ኸዓ እታብ መስሐቕ ሰብ ክይኑ ተካል መዓልቲ ውዒለልካ ግዲ መጸእኩ የለ መልሸ ከዓ ክልአይ ናብ ሰሙና በታ መዓልቲ ዕዳጋ ክምታ ፈለማ እተኸድንታ ቆርበት ዝብኢ ከዲኑ ኪዲ ናብ ዕዳጋ ኢሉ ለአኻ ፡ ንሳ ከዓ ከምታ ቃል አቡአ አብ ዕዳጋ ዝውር ውዒላ ናብ አቡአ መጸት ፡ ንሱ አቡአ እንታይ የሉኺ ኳለይ የላ ክብ ፈለማ ሎሚ ሽ ኢሎሙኒ ወይለይ እታ ናይ በእምሀይ እንድያ እናበሉ ክንድቲ ዝአክል እይሐፈ ርኩን የሉቶ ።

እንደገና ናብታ ሰሙና ከዓ ክም ልማዳ ምስ ቆርበት ዝብኢ ንዕዳጋ ወረደት እ ተኸነ እቶም ሰብ ገለ ክይበሉ ትም ኢሎም ነናብ ውራዮም ክይዶም ፡ ንሳ ከዓ ክ ሐንኸት ንገዝአ ናብ አቡአ አተወት እሞ እታብ ሎምስ አብቲ ዕዳጋ እንተ ዘርኸ ዕሽሽ ኢሎም ገለኳ አየሉንን ኢላ ተሐጉሰ ነቡእ ተዛረበቶ ፡ ንሱ ከዓ መታን ዓሌ ሽም አበታቱ ክይበትኩ ኢሉ ኳለይ ንዓ ክእትወኪ እሞ ዘርኢ ክንሐድግ ኢሉ አላዘ ንሳ ግና እንታበ እዚ ሰብክ እንታይ ይብለና እዝስ መኺርካ ደእ ሕደን ኢላ ንፈለ እዝያ ተናደደት ።

ንሱ ግና ነቲ ዝሐሰቦ ክፍጽም ስለ ዝተገደሰሉ ንዓአ ሐደ ምሰላ ክምስለላ ፈተወ እሞ ክምዝ የላ እቲ ኳለይ እ.ብዚ ዓለምሲ ብሐድሹ ኮሉ ነገር ንእዋኑ ክትገብሮ ክሉ



ሕንኸን የፍርሀን እዩ ፡ እዋኑ ምስ ሐለፈ ግና ነበረ ደአሉ እምበር ከልእ ሐድጊ የብ ኑን ፡ እነ ግና ንዓኺ እንተ አእተ'ኹ ከባኺ ብዙኃት ነዛ ምድሪ ዝኸድኑ ክውለዱ ዮም ዘርኢ ናትና ከዓ ዕውዓት ኩኹኑ እዮም ኢሉ ምስ አተበበዓ ፡ ንሳ ከዓ እቲ ምስላ አቡአ ናብ ክብዳ ጠብሎቕ ኢልዋ ባአ ባአ ብግብሪ ሥጋ ምስ አቡአ ምስ ተራ ኸበት በብታራ ን፯ ወዲ ወለደት ሽሞም ከዓ ከምዚ እዮም ።

ደቂ ሐውያ ፤ ፩ይ ንወተሮ — ፪ይ ንደንከላይ — ፫ይ ንራይሕ — ፬ይ ንቀስተ ፭ይ ንፃዕዳ — ፮ይ ንሕዮን ።

፯ይ ንዓጋመ፤ ፡ ነዚአም ን፯ ወዲ ካብ ኳሉ ምስ ወለደ ደቂ እዚ ገብርሄት ዕውር ዝብሃል ሰብአይ እዚአም ዝፈረይዎም ብዙኃት እዮም ፡ ካብእም ደቂ ወተሮ ሠራየ ጕሕፂን ዓዲ-ቆቶኽላ አለዉ ፡ ክምኡ ከአ እኅዋቶም አብ ዓዲ ኳውል ተኸላ ደቡብ ደሪረ ዝበሃል ዓዲ አለዉ ፡ ዝተረፉ ደቂ እቶም ሽዱሽተ እኅዋት ተሐዋውሾም ናብ ሕረተ ውና ናብ ዓዲ ሐውያ ዝበዝሑ ግና ናብ ጽንዓ ደግለ ፡ ዝተረፉ እኅዋቶም ከዓ ገሊአም ናብ ሠራየ ገሊአም ናብ አከለ ጉዛይ ገለ ናብ ሐማሴን ሐሐሊፎም ክምዚሎም አብ ብዙኅ ዓድታት ተዛኒቖም አለዉ ።

ናይ ጥንቲ ዓዶም ቅድሚ ፯፻ ዓመት ክብ ሎሚ ክም ዘሎ ምድሪ ሠራየ ናይ አበ ታቶም ናይ በለው እዩ ፡ ደኃር ግና ደጊያት ድዕቡል ንወዲ ኳሎም ንጅር ገደላ ምስ አውረስዎ ስጋብ ለይቲሎም ነዘም ሕጂ ዘለዉ ዘርኢ አድከመ ምልጋእን ርስቶምን ዝለማዝአቶምን ክይኑ አሉ ፡ ስለዚ ዘንታ ሐውያ ክምዚሉ እዩ እሞ ጠፊኡ ዝነበረ ዓሌት ገብርሄት ዕውር ክብ ኳሉ ን፯ ወዲ ወሊዱ ዘርኡ ስለ ዘለዉን ጠፊኡ ዝነበረ ዘርኢ ስለ ዘሕወየ በዚ ምኽንያት እዚ ስጋብ ለይቲሎም ዘርኢ ሐውያ ይበሃሉ አለዉ ።

ሕጂ ግና ክብ ጅር ገደላ ንታሕቲን ንጀው ዘሎ ክምዚ እዩ ፡ ጅር ገደላ ንሰርቢ ደም ወለደ ፡ ሰርቢ ደም ንእልፊ ደም ወለደ ፡ እልፈ ደም ንሰብ ክምዓንቋ ወለደ ፡ ሰብ ክም ዓንቋ ንእስተናአድ አስተናአድ ንአከለ ጽዮን ወለደ ፡ አከለ ጽዮን ኳል ሕመድ ቀኑዕ ዕቱድረር የእትዩ ንአድከመን ምልጋእን ንኽልቲ ማንታ ወለደ ። እዘም ማናቱ ዝፈረ ይዎም ቁጽሮም እዚዮም ብዙሐት እዮም ።

ምዕራፍ ፲፮ ።

**ወለዶ ደቂ አንበሳ ጅር ወዲ ጅር ገደላ ።**

ዘርኢ አድከመ ።

አድከመ ዝወለዶም ፫ተ ወዲ እዮም ። ፩ በግዓዜን — ፪ ጻዕዳ — ፫ ሥእለ ጽዮን ክምዚሎም ፫ተ ደቂ አድከመ ዓቢ ይበሃሉ ነበሩ ፡ ካብዚአም ጻዕዳ ዝፈረዮም ዘርኢ አዝዮም ውሑዳት እዮም ዝርከቡም ከዓ አብ ማይ ጻዕዳ ዓዲ ድራር ዓይኒ አብእ አለው። በግአዜን ዝፈረዮም ከአ ንገብሩን ንበሕሮን ወለደ ካብዚአቶም ባሕሮ ብዘበን ሐፀይ

ዓምደዮየን ናብ አተሽም ወዲ ሕዝባይ ተአትያ ንተስፋጽዮን ንሐደ ምስ ወለደት ሞተት፡ አተሽም ከዓ ቀድሚ ዓዲ ቆንዒ ምእታው አብ ሰብጣ ከይኑ ንባሕሮ ምስ አእተወ አብ ዓዲ ቆንዒ አትዩ ብፍቓድ አብ ናፍር ቤተ ክስያን እንዳ ሚካኤል ሠርሒ ሽመት ከንቲባ ሐንስ ከዓ ናብኡ ሐለፈት ።

ገብሩ ሐው ባሕሮ ነ፬ተ ወለደ ። ፩ ንሥእለ ማርያም — ፪ ንክፍለ ማርያም — ፫ ንገላውዲዮስ — ፬ ንዕሸት

ነዚኦም ፬ቲኦም ወለደ እዚኦም ዝፈረይዎም ክንድቲ ዘአክል ብዝሒ የብሎምን ዝርካበም ዓደቂ ዓርባን ዓዲ ገብሩን ዓዲ ያኹሊን ዝበሃሉ አብ ሠራየ አለው አሕፃቶም ከዓ ካብዚኦም ዝኸዱ አብ ሽሬ ዓዲ ደጊያት አብርሃ ወልደ ሥርኤልኒ ከምኡ ከዓ አብ ሐሐይሌ ትግራይ ዘርኢ ገብሩ አለዉ ።

ዘርኢ ሥእለጽየን እቲ ፫ይ ወደ አድመክ ንሱ ዝፈረዮም አዝዮም ብዙሐት እዮም ሥእለጽየን ንሩስ ብሌን ሰገደ ንሐደ ወለደ ሩስ ብሌን ሰገደ ከዓ ንበገአጽየን ዳኹር ወለደ በገአጽየን ዳኹር ከዓ ነ፬ተ አወዳት ወለደ ። ፩ ንመንቆርየስ — ፪ ንአካለ ጻጌ ፫ ንተስፋ መዋኢን — ፬ ንክርስቶስ መዋኢን

ነዚኦም ፬ቲኦም ወለደ ካብዘም ፬ተ መርቆርየስ ዝፈረዮም አዚዮም ሒደት እዮም ገሊኦም ዓዲ ሽለሙን መራጉዝ ገሊኦም ከዓ ናብ ትግራይ አለውዎም ።

ደቂ አካለ ጻጌ ከዓ ዝርካበም ድርኩን እያሞን አለዉ ።

<u>ዘርኢ ተስፋ መዋኢ</u> ከዓ አዝዮም ብዙሐት እዮም ።

ንሱ ተስፋ መዋኢ ንገብሩ ሠረቀ ብርሃን ወለደ ገብሩ ሠረቀ ብርሃን ከዓ ንዳግማዊ ተስፋ ዳግማዊ ተስፋ ከዓ ሽመት ሒዙ አብዛ ሕጂ ቤት ንጉሥ ተባሂላ ትፅዋዕ ዘላ አብ ጉሕጺአ አብአ ከይኑ ይገዝእ ነበረ ንሱ ዝፈረዮም ከዓ ደቂ ፪ተ እዮም ። ፩ ታዲዮስ ፪ ዓቓፅን ። ከምዚ ኢሎም ደቂ ዳግማይ ተስፋ ይበሃሉ ።

ካብዚኦም ታዲዮስ ንቴድሮስ ሰበሬን ንክሎምን ን፪ተ ወለደ ቴድሮስ ሰበሬ ድማ ንማዕቀባዝጊ ወለደ ማዕቀባዝጊ ከዓ ን፫ተ ወለደ ። ፩ ንሽሐቆ — ፪ ንህብቱይ — ፫ ንፈላለ

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ማዕቀባዝጊ ይበሃሉ ካብዚኦም ድማ ፈላሲ ዝፈረዮም ዝርካበም ዓደ አስበሩን ንዓዲ ተኳሉን ንክልቲኡ ዓዲ ዝፈረየ እዩ ህብቱይ ድማ ን፭ተ ወለደ ሽማቶም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንዘሙይ — ፪ ንዓገበ — ፫ ነስበሮም — ፬ ንሽም ወልዴ — ፭ ንዳግማዊ አድከመ ።

ከምዚ ኢሎም ፭ተ ደቂ ህብቱይ ይበሃሉ ካብዚኦም ዘሙይ ዝፈረዮም ዝርካበም አብ ዳልኽ አለው ዘርኢ አስበሮምን ዓገበን ፪ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም ተሐዋውሾም አብ ደብረ ሣህልን አብ ካልእዊን አይስእኑን እዮም እቲ ፬ዮም ሹም ወልዴ ዝፈረዮም። ፩ ንዘድንግልን — ፪ ንድብሎምን — ፫ ወለደ ካብዚኦም ዘድንግል ንኽፍለትን ንዕቁቢትን ንተኽሊትን ንአብሕነትን ወለደ ።

ካብዚኦም ፬ተ ደቂ ዘድንግል ክፍለት ንህዝቅያስ ወለደ ህዝቅያስ ንጉራደ ወለደ ጉራደ ንሐርያኢ ወለደ ሐርአያኢ ንገብርሄት ወለደ ገብርሄት ንፍስሃ ወለደ ፍስሃ ድማ ንገብማርያም ወለደ ።

ዕቑቢት ሐው ክፍለት ወዲ ዘድንግል ንበኽሩ ወለደ በኽሩ ንፍሱህን ንድምጹን ወለደ ካብዚኦም ፍሱህ ንእያጨም ወለደ እያጨም ንተማኑ ወለደ ተማኑ ንባሕረ ነጋሢ ገብረ ሥላሴ ወለደ ።

ደቂ አብሕነት አብሕነት ንተስፋጊየርጊስ ወለደ ተስፋጊየርጊስ ንተኽሉ ወለደ ተኽሉ ንዘምላይ ወለደ ዘምላይ ንወልዱ ወለደ ።

ከምዚሎም እዚኦቶም ዝፈረይዎም ብሐደ ሽም ደቂ ሹም ወልዴ ይበሃሉ ።

እቲ ፭ይ ወዲ ህብቱይ ዳግማዊ አድከመ ሽመት ደቂ ተስፋ አብኡ ነበረት ንሱ ድማ ን፫ተ ወለደ ። ፩ ንመሐን — ፪ ንዘናድዮስን — ፫ ንባሕረ ነጋሢ ኃይለአብን ።

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ዳግማዊ አድከመ ተባሂሎም ይጽውዑ ካብዚኦም እቲ ሐደ በኽሪ ቤት እመሐ ዘርኡ በቲኸም እዮም ሐድጊ የብሉን እቲ ካልአይ ሐው ዘናድዮስ ናብ ሰቓርኒ ናብ ዓዲ ንፋስን ናብ ዓዲ ነአምንኒ ዘርኡ አለዉ ።

ዘርኢ እቲ ፫ይ ሐዎም ባሕረ ነጋሢ ኃይለአብ ድማ ነ፬ተ ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ ንሰሚዮም አሎና ። ፩ ዓንደንኪኤል — ፪ ተስፋንኪኤል — ፫ እመሃ ጊርጊስ ፬ ተስፋጊዮርጊስ ።

ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ኃይለአብ ዝፈረይዎም አብ ማእከል ዓረዛ አለዉ ከምኡ ድማ ካብኦም ዝወጹ አብ ካልእ ዘርኢ ኃይለአብ አይስእኑን እዮም ።

ምዕራፍ ፲፰ ።

## ዘርኢ ዓቓፅን ሐዊ ታዴዮስ ።

እዚ ዓቓፅንዚ ዓራት አቦኡ ናብኡ ሐሊፉ ብዙሕ እዋን ይገዝእ ነበረ ንሱ ዓቓፅን ከአ ንገብረክርስቶስ ወለደ ገብረክርስቶስ ድማ ንሥብሐትን ንዘርኢ ሠናይን ን፪ተ ወለደ ካብዚኦም እቲ ሐደ ዘርኢ ሠናይ ። ፩ ንረዳእዝግን — ፪ ንሸንዕን

ነዘም ፪ተ ወለደ ካብዚኦም ሸንዕ ዝፈረዮም አብ ማይ አፋልስን ከምኡ ድማ አብ ካልእ ዓድታት አይሰእኑን እዮም ። ረዳእዝጊ ዝፈረዮም እኒ ዓዲ ቀልቀል እኒ ዓዲ መቐር እኒ ዓዲ ንእዲ ገለ ድማ ናብ ዓዲ አንልዕ ገለ ናብ ዳልኽ ከምኡ ድማ ካብዚኦም ዝውለዱ ሐሐሊፎም አብ ምድረ ቆላ አይሰእኑን እዮም ከምኡ ድማ አሕዋቶም አብ መራጉዝን አብ ማይ ጻዕዳን አለዉ ።

ሥብሐት ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ሥብሐት ን፫ተ ወለደ ሽሞም ድማ። ፩ ንተስፋጽየን — ፪ ንተኽላይን፫ — ንአርዓዶምን ።

ከምዚሎም ደቂ ሥብሐት ይብሃሉ ዘርኢ ፫ቲኦም ደቂ ሥብሐት ዝፈረይዎም ድማ እኒ ዓዲ ማምራ ቆላ ሠሬ እኒ ዓዲ ባሪ እኒ ሐዲሽ ዓዲ እኒ ዓዲ ሊባን እኒ ዓዲ ፀፀር

እኒ ዓዲ አጣል እኒ ዓዲ ፍንፅ ገለ ድማ አብ ማይ አፋልስ ከምዚሎም አብ ሙሉእ ደምበላስ እለው ክብሪኦም ዝወጽኡ አሕዋቶም ድማ አብ ማይ ጻዕዳ ምድሪ ፊላሲ ዓዲ ፍንፅን ዓደ ጣልን ዝበሃል አለዉ። ክምኡ ድማ ካብ ማይ ሊሖም ዝወጹ አሕዋቶም ጋዕቤን ማይ ጻዕዳ ጻዕሮ ተኸልን ዳምበ ማይ ጻዕዳን ሐሐሊፎም ድማ አብ ከልእ ዓድ ታት አይሰአኑን እዮም።

ዘርኢ እኮሎም ድማ ከምዚ'ዩ።

እዚ እኮሎም'ዚ ሐው ቴድሮስ ሰበራ ወዲ ታዴዎስ ንሱ ዝፈረዮም ክንድቲ ዘአ ክል ብዝሒ የብሎምን ዝርካቦም አብ ዛይደክሎም ሐሐሊፎም አለዉ።
ከምዚ'ሉ ዘርኢ ተስፋ መዋኢ በዚ ከምዚ ንዓጹ አሎና።

ወለዶ ባሕረ ነጋሲ ኃይለአብ።

ባሕረ ነጋሲ ኃይለአብ ወዲ ዳግማዊ አድክመ እዩ
ዳግማዊ አድክመ ወዲ ህብቱይ እዩ
ህብቱይ ወዲ ማዕቀብዝጊ እዩ
ማዕቀብዝጊ ወዲ ቴድሮስ ሰበራ እዩ
ቴድሮስ ሰበራ ወዲ ታዲዮስ እዩ
ታዲዮስ ወዲ ዳግማዊ ተስፋ እዩ
ዳግማዊ ተስፋ ወዲ ገብሩ ሠረቀ ብርሃን እዩ
ገብሩ ሠረቀ ብርሃን ወዲ ቀዳማይ ተስፋ መዋኢ እዩ
ቀዳማይ ተስፋ መዋኢ ወዲ በግአፅየን ዳኹር እዩ
በግአፅየን ዳኹር ወዲ ሩስ ብሔን ሰገደ እዩ
ሩስ ብሔን ሰገደ ወዲ ሥእለ ጽዮን እዩ
ሥእለ ጽዮን ወዲ አድክመ ቀዳማይ እዩ
አድክመ ቀዳማይ ወዲ አክለ ጽዮን እዩ
አክለ ጽዮን ወዲ አስተናአድ እዩ
አስተናአድ ወዲ ሰብ ከም ዓንቋ እዩ
ሰብ ከም ዓንቋ ወዲ እልፌ ደም እዩ
እልፌ ደም ወዲ ሰርበ ደም እዩ
ሰርበ ደም ወዲ ጅር ገደላ እዩ (ዘር ገደላ)
ጅር ገደላ ወዲ አንበሳ ጅር እዩ (ያንበሳ ዘር)
አንበሳ ጅር ወዲ ዳግማዊ መራሪ ገብረማርያም እዩ
ዳግማዊ መራሪ ገብረማርያም ወዲ ሐፀይ ይትባረክ እዩ
ሐፀይ ይትባረክ ወዲ ሐፀይ ላሊበላ እዩ
ሐፀይ ላሊበላ ወዲ ሐፀይ ጃን ሥዩም እዩ



ሐፀይ ጃን ሥዩም ወዲ ሐፀይ ጠጣው ደም እዩ
ሐፀይ ጠጣው ደም ወዲ ሐፀይ መራ ተክለሃይማኖት እዩ

እዚ ሐፀይ መራ ተክለሃይማኖት'ዚ ካብኡ ንላዕሊ ዘሎ ትውልዲ ስጋዕ ይትራሃም ወዲ ዳዊት ንጉሥ እስራኤል ፴፱ ጌርም ይቆጽርዎ አብ ናይ ጥንቲ ብራና አብ አው ራጃ ላስታ ቡግና ዝበሃል ዓዲ አብኡ ዝርከብ ታሪክ መስቀል ክብራ አጸቢቑ ይገልጽ እዩ። ሰበይቲ መራ ተኽለሃይማኖት አዲኡ ንጠጣው ደም።

መሰበ ወርቅ እያ መሰበ ወርቅ ድማ ጓል ሐፀይ ድል ናአድ እያ፡ ሐፀይ ድል ናአድ ወዲ ሐፀይ አንበሳ ውድም እዩ፡ ሐፀይ አንበሳ ውድም ወዲ ሐፀይ ግደጃን እዩ፡ ካብኡ ንላዕሊ ዘሎ ትውልዲ ስጋዕ ቀዳማይ ምኒሊክ አቦታቶም በብሐደ አብ ክብረ ነገሥት ኢትዮጵያን ከምኡ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ሕዝብ ታሪክ ቁጽሮምን ዝነገሥዎ መዋእልን አናፈለየ ገሊጹ ይነግር እዩ።

ዘንታ ዳግማዊ ተስፋ ልዑል።

ዳግማዊ ተስፋ ልዑል ብዘበን ሐፀይ እያሱ አድያም ሰገድ ብ፩ ሺሕን ፯፻፸፩ ዓ-ም አብ ሠራዊ ፍሉጥ ገዛኢ ነበረበዚ ዘበን እዚ አብ ጐንደር ሐፀይ ኢያሱ ንእተጌ ወለተጽ ዮን ክምርዓዉ ከለዉ ካብ ሐማሴን ንሱ፡ ተስፋ ልዑል ዓርኪ ርእሲ እዩ ዝነበረ አብ ባህር ያቆስ ዝበሃል መነብሪ ቆመስ ካብኦም ካብ ንጉሥ ዘይፍለ ብምኽርን ብምትሕድዳርን ብሊቅነትን አዚዩ ፍሉጥን ፍትውን ነበረ።

እተጌ ወለተጽዮን ድማ ዘርኤን ካብ ቤት አስገደ ጓል አቶ ሃብተየስ እየን ዝበሃላ ብ፩ ሺሕን ፯፻፸፩ ዓ-ም ብተኸሊል ናይ መርዓ ሥነ ሥርዓት ተፈጸመ፡ ተስፋ ልዑልን አብ ባህሪያቶስን ምርኢያት ገበርትን ሐደግትን ነበሩ። እዚእቶም ክዓ ዓብይ ሥልጣን ከም ዝነበሮም አብ ክብረ ነገሥት ሐፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ ብገሬሑ ገሊጾዎ አሎ፡

ከምኡውን በቲ እዋንቲ አብ ወሎ ጃንጥራር ዓሚጼ ስለ ዝነበረ ብፍርዲ ሐፀይ ኢያሱ አብ ኢድ ተስፋ ልዑል እሙን ብምኻኑ መጠን ም'ስ ብሬሙቱ አብ ኢዱ ይኾ መጡ ነበሩ ስለዚ ናይ ተስፋ ልዑል ሥልጣንን ሞያን ታሪክ ነገሥቱ ክምዝዝርዝሮ ብዙሕ እዩ እንተኸነ ንሕና አሕጺርና በዚ ከምዚ ነዓጽዎ አሎና።

ምሕዝ ሥልጣን ደቂ ባሕረ ነጋሲ ኃይለአብ።

ባሕረ ነጋሲ ኃይለአብ ባሕረ ነጋሲ ተብሂሎም ሽመት አቦታቶም ሒጆም ብዙሕ እዋን ይገዝኡ ነበሩ ካብኦም ዓራቶም ናብ ወዶም ናብ አዝማች እሙሐ ገርጊስ ሐለፈት አዝማች እሙሐ ድማ ብዙሕ እዋን አንቀጥቂጡ ይገዝእ ነበረ ካብኡ ድማ አብ ወዲ ሐዉ ናብ ወዲ ተስፋገርጊስ አብ ልጅ ኤልያስ ሐለፈት ንሱ ድማ ራእሲ ተብሂሉ አብ ዝሕኡ አብ ጐንደር ይቕመጥ ነበረ ብሐፀይ ቴዎፍሎስ ዘበን ካብኡ ድማ ናብ ወዱ አብ ፀምሩ ሐለፈት ካብ ፀምሩ ድማ አብ አቶ ገብረመስቀል ዓብይ ሐለፈት አቶ ገብረመስ ቀል ድማ ሐደ ዓብይ ፍሩሕ ሰብ ነበሩ ብድሕሪ ሞት አንገልድም ወልደሥላሴ ጠቕሊ

ሎም ሠራዊ ይገዝኡ ነበሩ ስጋዕ ዘበን ደጊያት ስባጋዲስ ነዚ ዘዘንቱ ኣብ ማርያም ጉንዳጉንዲ ዓጋመ ይገልጽ እዩ ።

በቲ እዋንቲ ከምኡ ድማ ክንቲብ ዘርኣይን ኣቶ ተወልደመድህንን ድሕርን ቀድምን ተሾሙ ። ካብ ገብረ መስቀል ድማ ናብ ወዶም ኣብ ኣቶ ገብረጻዲቕ ሓለፈት ካብ ገብረጻዲቕ ድማ ኣብ ወዶም ናብ ደጊያት ንጉሤ ሓለፈት ግና ድሕሪ ሞት ኣቶ ገብረጻዲቕ እቲ ሥልጣን ናይ ዝበን ሠራዊ ተሪፉ ደቂ ተስፋ ጥራይ ከነ ድሕሪ ሞት ሓዎም ኣቶ ወንደፍራሽ ካብ ኣገው ንጉሤ ቀድሚ ሐፀይ ቴድሮስ ዝነበረ ሽመት ሠራዊ ምስ ደቂ ተስፋ ተቐቢሎም ፩ ዓመት ዝኣክል ምስገዝኡ ኣብ ኲናት ዓዲ ንፋስ ምስ ደጊያት ገብረመድህን ክዓቲት ምስ ባሕረ ነጋሢ ፍሬ ሠሐርቲ ባሕረ ነጋሢ ወልደሥላሴ ክርባርያ ፀቲኦም ንራእሲ ወልደንኪኤል ክሕግዙ ኣቶ ወንደፍራሽ ኣብኡ ተወጊኦም ሞቱ ካብ ደጊያት ንጉሤ ድማ ኣብ ራእሲ ኪዳነማርያም ሓለፈት ።

ኣቶ ኣስገዶም ድማ ሽመት ደምበላስ ሒዘም ብፍቓድ ሐፀይ ዮሐንስ ምስ ጥልያን ክዋግኡ ኣብ ተሰሐጠ በጽሒ ከለው ሞቱ ካብኦም ድማ ኣብ ወዶም ኣብ ደጊያት መንገሻ ሥልጣን ሓለፈት ።

## ምዕራፍ ፲፱ ።

### ወለዶ ዘርኢ ክርስቶስ መዋኢ ሐው ተስፋ መዋኢ ።

ክርስቶስ መዋኢ ሐዉ ንተስፋ መዋኢ ንሱ ን፯ ወዲ ወለደ ። ፩ ዘርኢ ሠናይ (ሰቋቁት በኸረጽየን) — ፪ ሥኣለ ጽዮን — ፫ ማእከላይ ቤት — ፬ ገብረክርስቶስ የማናይ ፭ ትንሳኤ ክርስቶስ ቀንጺብ — ፮ ገብረክርስቶስ ጸጋማይ — ፯ ንዳግማዊ ብሴን ሰገደ ።

ከምዚሎም ፯ ኣወዳት ደቂ ክርስቶስ መዋኢ ይበሃሉ እቶም ሹዱሽተ ኣሕዋት ነቲ ንእሽቶይ ሓዎም ብሴን ሰገደ ዝበሃል በቲ መንፍዓቱን በቲ እግዚአብሔር ዝሃቦ ጸጋን ቀኒኦም ፮ቲኦም ኣሕዋት ብሐንሳብ ተማኺሮም ኣብ ጥቓ ዓዲ ፀና ማይ ምሩቕ ትበሃል ሥፍራ ነቲ ሐዎም ንብሴን ሰገደ ኣርኪቦም ፮ቲኦም ኤኢዶም ከቲኪቶም ቀቲሎም ቀቢርዎ ።

ብሴን ሰገደ ግና ቅድሚ ምሟቱ ፯ተ ደቂ ተባዕትዮን ፪ተ ደቂ ኣንስትዮን ውላድ ነበርዎ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ማሙኤል — ፪ ኣዝማች ተስፍኡ — ፫ ኣሮን ፬ ያዕቆብ — ፭ ዱርዪ ፍጋጋ — ፮ ቀዳማይ ተምበሳ ፯ ወ. ምብራቅ ፀሐይ — ፰ ወ. ርብቃ ።

ከምዚሎም ፰ ደቂ ብሴን ሰገደ ይበሃሉ ብሴን ሰገደ እቶም ኣሕዋቱ ንኡ ምስቀቱሉ ደም ሐዎም ከም ደም ኣቤል ከይናቶም ክንደየናይ ዝኣክል ኣይቀንዮምን ዘርኦም ድማ ውሕዳት እዮም ።

ካብቶም ፯ ደቂ ብሴን ሰገደ ድሕሪ ሞት ኣብኦም ያዕቆብ ቀራዪ ሽመት ሒዙ ነበረ ድሕሪኡ ዓራት ናብ ኣዝማች ተስፋኡ ሓለፈት ካብ ኣዝማች ተስፋኡ ከዓ ናብ ዱሪይ ፍጋጋ ሓለፈት ።

<u>ዘርኢ ሠናይ ወዲ ክርስቶስ መዋኢ</u> ዝፈረዮም ዝርካቦም ኣብ ማእዶን ኣብ ደንጎሎን ኣለው ንሳቶም ድማ እንዳ ኣቶ እንድዕሉ ተበሂሎም ክሳብ ሎሚ ይጽውዑ ኣለዉ።

<u>ዘርኢ ገብረክርስቶስ የማናይ</u> ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ዝፈረዮም ዓድታት ዓዲ ሕርዋ እኒ ዓዲ ሽም መዓለ እኒ ቡህንና እኒ ዓዲ ጉዕበ ከምዚሎም ደቂ ገብረክርስቶስ የማናይ ይብሃሉ ።

<u>ዘርኢ ገብረክርስቶስ ጸጋማይ</u> ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ንዳግማዊ በግኣፅየን ንምሐ ማርያምን ወለደ እምሐ ማርያም ድማ ን፪ተ ወለደ ንቴድሮስን ንዘርአ ዮሐንስን ወለደ ቴድሮስ ድማ ንእሮንን ነስገዶምን ወለደ እዚኦም ፪ቲኦም ኣሕዋት ደቂ ቴድሮስ ዝፈረይዎም ኣብ ድምብር ኣልበን ጓንትን ሐዲሽ ዓድን ዓዲ ሐንሰን ኣብ ማይ ጻዕዳን ኣለዉ. ዘርአ ዮሐንስ ዝፈረዮም ፮ተ ደቂ ዘርአ ዮሐንስ ይበሃሉ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ኣዝማች ኣኰሎም — ፪ ኣሮን — ፫ ዓንደሐርያት — ፬ ተወልደ — ፭ ገርጊሽ — ፮ ሠረቀ ብርሃን ።

ከምዚሎም ፮ ደቂ ዘርአ ዮሐንስ ይበሃሉ ፮ቲኦም የሕዋት ዝፈረይዎን ዝሐዝዎ ዓድታትን እኒ ዓዲ ሕይስ እኒ ዓዲ ያቕኒ እኒ ዓዲ ልብሶ እኒ ዓዲ ቁሖ እኒ ዓዲ ሐይዋ እኒ ዓዲ ስልዖ እኒ ዓዲ ኣዝማቲ እኒ ዓዲ ኲቱር እኒ ዓዲ ሐባል እኒ ሐናኒት እኒ ኲዶ ዝብእ እኒ ዓዲ ማእምን ከምኡውን ነዚኦም ኣሕዋቶም ጽምብላ ሽሬ ኣለዉ ።

ኣዝማች ኣኮሎም ወዲ ዘርአ ዮሐንስ ሐንቲ ንርግቤ ሰሎሞን ወለደ፣ ንሳ ድማ ናብ ክንቲብ ቡላ ዓዲ ገብሩ ሐማሴን ተእትያ ንክንቲብ ዘክርስቶስን ንክንቲብ ብእምነትን ንባሕረ ነጋሢ ኣብዝጊን ወለደት ። እዚኦም ፫ቲኦም ኣሕዋት ዝፈረይዎም ኣብ ዓዲ ገብሩን ገለ ናብ ዓዲ ተኽላይ ገለ ናብ ወኪ ዱባ ገለ ናብ እምባደርሆ ገለ ናብ ሊባን ገለ ናብ ዓዲ ነእምን ዓንሰባ ኣለዉ ።

### ዘርኢ ትንሳኤ ክርስቶስ (ቀንጺብ) ።

ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ንሱ ዝፈረዮም ኣብ ደምባ ደቡብን ኣብ ዓዲ ጻዕዲ ዓዲ ላምዛ ከምዚሎም ፫ተ ዓዲ ደቂ ትንሳኤ ክርስቶስ ወይ ድማ ደቂ ቀንጺብ ይበሃሉ ።

### ዘርኢ (ሥኣለጽዮን)

ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ንሱ ዝፈረዮም ዝርካቦም ኣብ ዓዲ ቆጾ ተኸላ ሐንቲ ዓዲ ዝርካቦም ኣብኡ ኣለዉ ።

### ዘርኢ በኸረጽየን ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ።

እዚ በኸረጽየን'ዚ ዝፈረዮምን ዝሐዝዎ ዓድታትን ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። በኸረጽየን ንሥሙር ወለደ ሥሙር ን፯ ኣወዳት ወለደ ። ንኣብርሃም — ፪ ንዳግማዊ በኸረጽየን

፫ ንቴድሮስ — ፬ ንፍቁርን — ፭ ንይስሐቅን — ፮ ንተክለመኻእን — ፯ ንአብሳደን ።

ክምዚሎም ፯ ደቂ ቦዅሪ ይብሃሉ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎምን ዝሐዝዎ ዓድታትን እኒ ዓዕር ኩንዓት እኒ ዓዲ በግዖ እኒ ሥብዓ እኒ ዓዲ አሳል እኒ ኩዶ ሕምበሻ እኒ እንዳብ እዝራይ እኒ እምባ ስሳሎ እኒ ዓዲ ሐምቢ እኒ ዓዲ አፍማይ እኒ ዓዲ ዋጦት እኒ ተና ቡኽ እኒ ዓዲ ወሎ እኒ ዓዲ ክተዮ ክምዚሎም ደቂ ቦዅሪ ይብሃሉ ።

እቲ ፺ዓይ ሐዎም ወዲ ክርስቶስ መዋእ ዳግማዊ ብሴን ሰገደ እመቓቕልእምን ዝሐዝዎ ዓድታትን ክንሰሚ ።

ሀ) ዘርኢ ሚሙኤል ወዲ ብሴን ሰገደ ንሱ ዝፈረዮም ዝርከበም አብ ሐንቲ ዓዲ አብ ዓዲ ገሃድ እለዉ ።

ለ) ዘርኢ አዝማች ተስፋአ ወዲ ብሴን ሰገደ ንሱ እዩ ሽመት ሠራዮ ሐጼ ዝነበረ በሕፀይ ንብለ ድንግል ዘበነ መንግሥት ዝፈረዮም ድማ ዝርከበም አብ ደረዓንቶ አለው።

ሐ) ዘርኢ አሮን ወዲ ብሴን ሰገደ አሮን ዝፈረዮም ድማ ንአቢብን ነአዝማች ዮሐንስን ወለደ አቢብ ንረዳእ ረዳእ ንብስመይ ወለደ ብስመይ ዝፈረዮም አብ እግሪ መኽል አለው (ዝፈረዩ) አዝማች ዮሐንስ ን፫ተ ወለደ ንጕሽ ለአብን ንሥብሐት ለአብን ንሥምረት ለአብን ክብዚኦም ጕሽ ለአብ ዝፈረዮም ዝርከበም አብ ደፋዓንቶ አለው ።

## ዘርኢ ሥብሐት ለአብ ።

ሥብሐት ለአብ ነውዓሎም ዓቃፅንን ንናይልን ወለደ ክብዚኦም ደቂ አውዓሎም ዓቓፅን ክልተ እንዳውዓሎም ዓቓፅን ዝበሃሉ አብ ቤት ማርያምን ድግሬ ዳስን ዓድልገስን ዓዲ ሐለዋትን እኒ እምባ ማይ ጻዕዳ ክምዚሎም ፰ተ ዓዲ ደቂ አውዓሎም ዓቓፅን ዝፈረይዎም እዮም ።

## ዘርኢ ናይል ወዲ ሥብሃት ለአብ ።

ናይል ድማ ንዑቑቢትን ንክፍለትን ንክልተ ወለደ ዑቑቢት ድማ ን፭ተ ወለደ ሽሞም ክምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንሽም ዝወልደ ማርያም — ፪ ንሽም አራኖስ — ፫ ንሳልሳዊ ብሴን ሰገደ — ፬ ንሽም ዮሐንስ — ፭ ንአቶ ማሞ ።

ክምዚኦም ሐሙሽተ ደቂ አዝማች ዑቑቢት ይበሃሉ ክብዚኦም ዝወጹ አሕዋቶም ድማ አብ ጸለምቲ ምስ ደቂ ሐመስኦም ተሐዋዊሾም ክሰዕ ሉሚ አብኡ አለዉ ።

## ዘርኢ ክፍለት ወዲ ናይል ።

እዚ ክፍለትዚ ሐዊ አዝማች ዑቁቢት ንሱ ን፬ተ አወዳት ወለደ ሽሞም ድማ ክምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንገረ ድንግል — ፪ ንገብረልዑል — ፫ ንተኽሉ ሐበል — ፬ ባሕረ ነጋሢ ሥምረት ለአብን ።

ክምዚሎም ፬ተ አሕዋት ደቂ ክፍለት ዝፈረይዎም ዓድታት እኒ ዓዲ ኺላ እኒ አንገናእ እኒ ዓዲ ጮማይ እኒ ዓዲ አውሐ ክምኡ ድማ ዘርኢ ክፍለት አብ ካልእ ዓድታት አይስአኑን እዮም ።



## ዘርኢ ባሕረ ነጋሢ ሥምረት ለአብ ።

እዚ ባሕረ ነጋሢ ሥምረት ለአብ ን፮ አወዳት ወለደ ሽሞም ድማ ክምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንተኽለሐንስ — ፪ ንገረክርስቶስ — ፫ ንክቲርን — ፬ ንቶምበሳ — ፭ ንሸጊፅ — ፮ ንዘርዮሐንስ እዩ ።

እም ዑቅብ ንክንቲብ አሚነን ንበሊሒን ንዕንቆይን ንሀብተሥላሴን ነዚአም ወለደ ፡ ክብዚአም ክንቲብ አሚኔ ንእቶ ሀብተንኪኤል ወለደ ፡ ሀብተንኪኤል ድማ ንደጊያት ገብረመድህን ንልጅ ሐጐስን ዝወለደ እዩ ፡፡ ደጊያት ገብረመድህን ዝፈረይዎም አብ ኳዓቲት አለው ዕንቆይ ዝፈረዮም ንክንቲብ ድል ናይን ንዕቁብን ነአድከመን ነአውዓሎምን ወለደ እዚአም ዝፈረይዎም አብ ኳዕቲት አለዉ ፡ ዘርኢ ሀብተሥላሴ ፡ ሀብተሥላሴ ንበዓል ቀኛዝማች መዓሾን ንግራዝማች ስንጋልን ነዚአቶም አብ ኳዓቲት ዘለው ዝፈረዩ እዩ ፡፡ ዘርኢ ሀብተማርያም ፡ ሀብተማርያም ወዲ ሥብሐት ዝወለዶም ክብዚ ንታሕቲ ንገልጽ አሎና ፡፡ ንክንቲብ ተስፋሐንስን — ንባሕረ ነጋሢ ዘርአ ሐንስን ፡፡

ነዚአም ፪ተ ወለደ ፡ ክብዚአም ባሕረ ነጋሢ ዘርአሐንስ ንፎቶ ዝግን ንዘሀላይ ዝግን ንዋዑም ዝግን ክብ ሒማ ዝተወለዱ እዮም ፡ ከምኡ ድማ ክብ ክልአይቲ ሰበኀቲ ንየማኖን ንሀብተዝግን ወለዱ ፡፡ ክብዚአም ፎቶ ዝጊ ንዓዲ ክንቲብ ፎቶ ዝፈረዩ እዩ እዚአቶም ድማ አብ ኳዓቲት አለዉ ፡፡

ዋዑምዝጊ ድማ ንዝባን ዝግብ ጥቓ ዓዲ ቀይሕ ዘላ ዓዲ ዝፈረዩ እዩ ፡ ዘሀላይዝጊ ድማ ዝፈረዮም ዝርከቡም አብ ዓዲ ደፈርቲ አለው ፡ የማኖ ንግዛ ዓዲ ኢያሱ ዝፈረዩ እዩ ፡ ሀብተዝጊ ድማ ንብርሃን ወለደ ፡ ብርሃን ድማ ንዓዲ ግዛ እቶ ብርሃን ዝፈረዩ እዩ ፡ ንሳቶም ድማ አብ እምባ ኩዓቲት እዮም ዘለው ፡ ክንቲብ ተስፋሐንስ ሐው ባሕረ ነጋሢ ዘርአሐንስ ዝወለዶም ፡፡ ፩ ንሀብተዝግን — ፪ ንገረድዝግን — ፫ ንሥብሐትዝግን ፬ ንተዓረናዝግን ፡፡

ነዚአም ፬ተ ወለዱ፡ ክብዚአም ሀብተዝጊ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ሐርገጽ አለዉ ፡ ገረድዝጊ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ደፈርቲ አለው ፡ ሥብሃትዝጊ ዝፈረዮም አብ ሕረት አለው ፡ ተዓረዝጊ ዝፈረዮም ዝርከቡም አብ ቴግሬኒ አለው ፡ ዘርኢ ባሕረ ነጋሢ ዘርአሐንስን ዘርኢ ክንቲብ ተስፋሐንስን ክልቲአም የሕዋት ዝፈረይዎም ብሐንሳብ አብ እብዓን አብ ውና ዓንዶምን አለው፡፡ ዘርኢ ትንሣኤ ክርስቶስ፡ ትንሣኤ ክርስቶስ ንኢንቶን ዝፈረዩ እዩ ምድሐን ንዓርማ ዝፈረዩ እዩ፡ ከምዚሎም ደቂ ዘርኢ ሠናይ እናተበሀሉ ይጽውዑ አለው፡፡

ምዕራፍ ፴፰ ፡፡

**ወለዶ ፍቁር ወዲ ሣእሉ ፡፡**

ፍቁር ወዲ ሣእሉ ንክልተ ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡፡ ፩ ንዳግማዊ ሣእሉ — ፪ ንእቶን ፡፡ ከምዚሎም ፪ተ ደቂ ፍቁር ይበሃሉ ክብዚአም ዳግማዊ ሣእሉ ንመንደፈራን ንዓዲ ቅርጫን ዝፈረዩ እዩ ፡ እቶን ድማ ፡፡ ፩ ንተስፉኡን — ፪ ንሠመረን ፫ ንገረክርስቶስን — ፬ ንተፋደን — ፭ ንናስርን ወለደ ፡፡

ከምዚሎም ፭ተ ደቂ እቶን ይበሃሉ ፡ ክብዚአም ተስፉኡን ናስርን ዝፈረይዎም አብ ዓዲ ከታ አለው ፡ ሠመረን ገብረክርስቶስን ዝፈረይዎም አብ ብርኪቶ ዝበሃል ዓዲ አለው ተፋደ ዝፈረዮም ዝርከቡም አብ አፍደዩ ድምበዛን አለው ፡፡

## ምዕራፍ ፱ ።

### ዘርኢ ቀይሕ ሞሰ ወዲ ጉድበዝጊ ።

እዚ ቀይሕ ሞሰ ወዲ ጉድበዝጊ ወዲ ወዱ ንጉዛይ ዝፈረዮም ዝርከቦም ክብሒ ተተሐሒዙ ዝወረደ ሐደ ሰብእይ ጭሩም ዝተባህለ አብ ዓዲ ወገራ ዓረት አሎ ።

ዘርኢ ተዓውቀ ወዲ ጉድበዝጊ፡ እዚ ተዓውቀ ወዲ ጉድበዝጊ ወዲ ወዱ ንጉዛይ ንአከማ ወለደ፡ አከማ ድማ ንናስርን ንዓሚርን ንሚሙኤልን ወለደ፡ ክብዚአም ናስር ዝፈረዮም አብ ደርዓን አብ ማይ ሐራስትን አለው ዓሚር ዝፈረዮም ምስ አሕዋቶም አብ ማይ ሐራሰት አለው፡ ሚሙኤል ዝፈረዮም አብ ደርዓን አብ ማይ ሐራሰት ዓረትን አለው ።

ዘርኢ ዘክርያስ ወዲ ጉድበዝጊ፡ እዚ ዘክርያስ ወዲ ጉድበዝጊ ወዲ ወዱ ንጉዛይ ንተኸስተን ንተዓረን ንዘርኢ ሥናይን ወለደ፡ እዚአም ፫ተ አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ደርዓ ዓረት አለው ክብዚአም ዝተፈልዩ ክብ ተኸስተ ዝውለዱ አብ ዓዲ ፍንፅ ፅንዓ ደግለ ገለ አለው ።

ዘርኢ ብሩኽ እዝጊ ወዲ ጉዛይ፡ እዚ ብሩኽ እዝጊ ወዲ ጉዛይ እዩ ንሱ ዝፈረዮም ድማ ንዳንበ ሠሐርትን ንዓዲ ክንታ ጥቓ አብ ሰላማ ዘላ ዓድን ነዚአም ዝፈረዩ እዩ ።

ዘርኢ ቃልዝጊ ወዲ ጉዛይ ።

እዚ ቃል ዝጊ ወዲ ጉዛይ እዩ፡ ንሱ ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ንዛይድን ነስገዶምን ወለደ፡ ክብዚአም ዛይድ ንዓዲ ክንቲባ በኸት እምባደርሆ ዘለውን ከምኡ ድማ እሕዋቶም አብ ላዕላይ ትውልዲ ዝራኸቡ አብ እንክረ ባሩክ ዘለው ዛይድ ነዚአም ዝፈረዩ እዩ ።

እዚአቶም ቅድሚ ብዙሕ ትውልዲ ፈለማ ብስደት ንጉሉ መኸዳ ክይዶም ይቅመጡ ነበሩ፡ ክብኡ ድማ ተላዒሎም አብ እንክረ ባሩክ ዓዲ ሐዙ ። ክብቶም እንክረ ባሩክ ዘለው ዓበይቲ እንዳሰሜና ንጽሕፍ እሎና፡ ባሩክ ንሹም ወልደክስቶስን ንአዘኸ ተኸሉን ንአብስራን ወለደ፡ አዘኸ ተኸሉ ንእቶ ፀምሩ ወለደ፡ እቶ ፀምሩ ንደጊያት ሐጐስን ንደጊያት አብርሃን ንደጊያት አፅብሃን ወለደ፡ ክብዚአም አብስራ ባል ሹም ወልደ ክርስቶስ ንደጊያት ወልደ ገብርኤልን ንደጊያት ገንዘቡን ወለደት ።

ክልአይ ክፍሊ ።

አብ እንክረ ባሩክ ዝርከቡ አሕዋት ባሩክ ደቂ ዲያገናይ ይበሃሉ ዲያገናይ ንእቶ ሹም ወለደ እቶ ሹም ንእቶ ዘርአብሩኽ ወለደ እቶ ዘርአብሩኽ ንጊተ ወለደ ። ፩ ንተኸላይን — ፪ ንሚሙኤልን — ፫ ንዓሰባይን — ፬ ንሐደምበስን — ፭ ንረዳእን — ፮ ንዐጋይን — ንገብረማርያምን ።



ከምዚሎም ፯ተ አሕዋት ደቂ ዘርአብሩኽ እዮም፡ ክብዚአም ገብረማርያም ዝፈረዮም ደምበ ላሊበላ ዝበሃል ዓዲ ሒዞም አለው፡ ፀጋይ ዝፈረዮም ድማ ናብዚ ሕጂ አስገደ በቕላ ዝበሃል ዓዲ ሒዞም አለው፡ ዓሰባይ ዝፈረዮም ድማ አብ ዓዲ ገደኑ አድያበ ዓዲ ሒዞም አለው፡ ረዳእ ድማ ንዓዲ ነኻስ አድጊ ዝፈረዩ እዩ፡ (ሽሬ) ሐደምበስ ንማይ ቡኸላ ዝፈረዩ እዩ፡ ክብዚአም ገብረማርያም ድማ ንእቶ ወዳጁ ዝወለደ እዩ እቶ ወዳጁ ድማ ንደጊያት ባስልዮስ ዝወለደ እዩ፡ ክብ ደጊያት ባስልዮስ ድማ ሹም ተምቤን ምርጫ ይውለዱ እዮም፡ ከምዚሎም ደቀባት ናይ እንክረ ባሩክን ናይ ሽሬን ክይኖም አለው ዘርኢ አስገዶም ሐው ዛይድ አበባ ሰላማን አብንዕልቶን አለው ።

ዘርኢ ሕዱግዝጊ፡ እዚ ሕዱግዝጊ ወዲ ጉዛይ ንዓዲ ጋይም ሐደ ገዛ አብ ድግሳ ዘለውን ንገዛ ዓዲ እቶ ብርሃኔ አብ ብርኪቶ ዘለውን ዝፈረዩ እዩ ።

ዘርኢ ዓረዝጊ፡ እዚ ዓረዝጊ ወዲ ጉዛይ ንሠመረ ወለደ፡ ሠመረ ንዓንደንኪኤል ወለደ፡ ዓንደንኪኤል ንዳግማይ ሠመረን ንሀብተንኪኤልን ወለደ፡ ሀብተንኪኤል ንዓረዝጊን ንመሸትን ወለደ፡ መሸት ነርዓዶም ወለደ፡ አርዓዶም ንቱኩእ ወለደ፡ ትኩእ ንቁስሙ ወለደ፡ ቁስሙ ንተኽሊት ወለደ፡ ተኽሊት ንመሐርን ንማናን ንደስታን ንአ ተንጉሥን ወለደ፡ እዚአም ዝፈረይዎም አብ ምሕራድ ላም ቴድረር አለው ።

ዘርኢ ተክሌዛን ሐው ጉዛይ፡ እዚ ተክሌዛን ወዲ ተክለፄን ሐው ጉዛይ እዩ ንሱ ዝፈረዮም ክንድቲ ብዝሒ የብሎምን ንዝበብ እዝግን ንዓሽም ዝግን ንተኽለዝግን ወለደ፡ እዚአም ዝፈረይዎን ዝሐዝዎ ዓድን አብ ሽመዛና አለው ።

## ምዕራፍ ፲ ።

### ወለዶ ደቂ በድላይ ።

እዞም ደቂ በድላይ ዝበሃሉ ዓሌት ክብ መሠረት ወለደአም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ እቲ ቀንዲ ፈራይአም ገድለ መዓት ይበሃል ነበረ፡ ንሱ ንሐደ ንበድላይ ወለደ፡ በድላይ ድማ እቲ ቀንዲ መጸውዒኡ ዝነበረ ዘአማን ይበሃል በድላይ ዝፈረዮም ። ፩ ንሥብሃትዝግን — ፪ ንፍቁርዝግን ፫ ንማዕቀብዝግን — ፬ ንገብረክርስቶስን ።

ከምዚሎም ፬ተ አሕዋት ደቂ በድላይ እዮም ዝበሃሉ፡ ክብዚአም ፍቁርዝጊ ዝፈረዮም አብ እምባ ኳኳት መዕሄት አለው፡ ማዕቀብዝጊ ደማ ። ፩ ንሀብተማርያም — ፪ ንእምባሎን — ፫ ንሹም ሐባልን — ፬ ንሀብቶምን — ፭ ንዓንደማርያምን — ፮ ንጎድፍን — ፯ ንመላዬን ።

ከምዚሎም ፯ተ አሕዋት ደቂ ማዕቀብዝጊ እዮም፡ ክብዚአም መላዬን ፀሂቱ እዩ ዝተረፉ አብ ምርጋጽ መዕሄት ዘርአም አብኡ አለው ።

ገብረክርስቶስ ወዲ በድላይ፡ ንቐሊትን — ንተኸለሃይማኖትን — ነስገዶምን — ንሀብቶምን — ንትንግሊ ክርስቶስን ወለደ፡ እዚአም ፭ተ አሕዋት ዝፈረይዎም አብ እምባ ኳኳት እዮም ዘለው ክብዚአም ዝወጹ ድማ አብ ትግራይን ከምኡ ድማ አብ ጋዕቤነ

ፀጋር ሠራዬ አለዉ.ዎም እዚ.አቶም እቲ መሠረት ዓሌቶም ካብ ነገደ ይሁዳ ዘርኢ ካብ ዘርኢ ንብለ ድንግል ኢ.ና ይብሉ ።

አብ ዓሬት ዝባን ቡር ዘለው በርሄኔት ትብሃል ዓዲ አብ ዓሬት ዘላ ጂንሌን ፡ ዘዛማን ዝብሃሉ ክልተ ዓሌት አለው፡ ካብዚኦም እቲ ሐደ ጂንሌ ዝብሃል ዓሌት ካብ ዓሳውርታ እዩ ሳውር ንዕመር ዓስድ ወለደ ዕመር ዓስድ ን፫ተ ወለደ። ፩ ንጅንዓለን — ፪ ንተኸለ ሰማዕትን — ፫ ንአስመዔን ።

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ዕመር ዓስድ ይብሃሉ እዚኦም ፫ተ አሕዋት ናብ ሰለዋ ዝብ ሃል ሀገር ከይዶም ተቐመጡ ።

ዕመር ዓሰድ አብ ሰለዋ ሞተ ፡ እቶም ፫ተ ደቁ ግና ናብዚ ተመሊሾም አብ አሥመራ ይቕመጡ ነበሩ ካብዚኦም እቲ ሐደ አስመዔ ዝብሃል ካብ አሕዋቱ ተፈልዩ አብ አሥመራ ተረፈ ፡ ዘርኡ ስጋዕ ሕጂ ገዛ አስመዔ ይብሃሉ አለው ።

ጀን ዓሊ.ን ተኸለሰማዕትን ጠሊ.ሙና እከ እዩ እዚ ሐውና ኢ.ሎም ሐዲጎሞ ናብ አከለ ጉዛይ አትዮም አብ በርሄት ዝብሃል ዓዲ አትዮም ተቐመጡ፡ ጀን ዓሊ ዝፈረዮም አብ በርሄት ዓሬት አለው ።

ተኸለሰማዕቲ ግና ካብ ሐዉ ተፈልዩ ንባሕሪ ወሪዱ አብ ፋሩም ተቐመጠ፡ ጀን ዓሊ ድማ እቲ ሐው ንትንስኤ ክርስቶስ ወለደ፡ ትንስኤ ክርስቶስ ንሁብን ንባህለዝጊን ወለደ፡ ባህለዝጊ ዝፈረዮም አብ በርሄኔት አለው ።

ራዛማራ ዝብሃሉ ዓሌት ።

ሀ) <u>ራዛ ማራ ዝብሃሉ ዓሌት ፡</u> ድማ ካብ ደንከል ዝመጹ አብ በርሄነት አለው ።

ለ) <u>ወገራ ዝብሃሉ ዓሌት</u> ድማ አብ ዓዲ ወገራ ዓሬት አለዉ ፈለማ አቡኦም ካብ ወገራ ቤጌምድር እዮም ዝመጹ ንሳቶም ድማ አብ ሐራሳት አለው ።

ሐ) <u>አብ ቆላ ሀዳድም ብዙሐት ዓሌት አለው ፡</u> ካብዚኦም ድማ ደግዔን ዝብሃሉ በቲ መሠረት ዓሌት ወለደኦም ካብ ዓሳውርታ እዮም ዝመጹ ።

መ) <u>መርዓ ዝብሃሉ ዓሌት አለው ፡</u> ንሳቶም ድማ ካብ መሠረት ወለዶኦም ካብ ዓሌት በለው እዮም ካብ ገብርሄት ዕውር እዮም ።

ሠ) <u>ንዕዛ ዝብሃሉ ድማ አለው ፡</u> ንሳቶም ንዓዲ ደጊያት ማሕራይ ዝፈረዩ እዮም ፡ ካብቲ መሠረት ዓሌቶም ናይ ጥንቲ ደቂ መሬት ዝጸንሑ እዮም ፡ አብ ፃዕዳ ትብሃል ዓዲ አብ ሀዳድም አለው ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፶፪ ።</u>

## ነገደ ሌዊ ።

<u>ወለዶ እናደቆ እዘም እናደቆ ዝብሃሉ ዓዲ ፡</u> በቲ መሠረት ወለዶኦም ቀድሚ ነዊሕ እዋን ካብ አካዊራ ዝብሃል ሥፍራ ምስ ደቁ ካብ ኢ.የሩሳሌም መጺኡ ናብ ባፅዕ ቅሩብ



እዋን ተቐመጠ ካብኡ ተላዒሉ ድማ ናብ አጉዕዲ እትዩ ተቐመጠ ፡ ካብኡ ተላዒሉ ድማ ምስ ነቐለ እቲ ንበረዶታ ዝብሃል ዓሌት ዝፈረዩ፡ አይከይድን ዕጭ በረኸ (ወዴኸ) ኢ.ሉ ካብ አቡኡ ተረፈ'ሞ በዚ ምኽንያት'ዚ እዘም በረዶታ ዝብሃሉ አብ ባሕሪ ዘለው ከምዚሎም እዮም ካብ አሕዋቶም ተፈልዮም ዝተረፉ፡ ስጋዕ ሎሚ ድማ <u>በረዶታ</u> ይብሃሉ።

እቲ አቡኡ ንበረዶታ ግና ንፍዮሐብን ነዘም ሕጂ አብ አጉዕዲ ዘለው አሕዋቱን ዝፈረዩ እዩ ሽሙ ድማ አካዊራ እዩ ዝብሃል ። ካብዚኦም ፍዮሐብ ንሽብራ ወለደ፡ ሽብራ ንዮሐንስ ወለደ ፡ ዮሐንስ ንአለለበር ወለደ ፡ አለለበር ንዑቕብ ወይራ ወለደ ፡ ዑቕብ ወይራ ንመኰንን ወይራን ንአካዊራን ወለደ ፡ ካብዚኦም መኰንን ወይራ ንንዳ መኰንን ዋጅራት ከም ዘለው ዝፈረዩ እዩ ።

አካዊራ ድማ ንዳግማዊ ዑቕብወይራን — ንግደማርያምን ወለደ ፡ ግደማርያም ድማ ንተኸለሐንስ ወለደ ፡ ተኸለሐንስ ድማ ንእስጢፋኖስን — ንድሕንተ ማርያምን ወለደ ፡ እስጢፋኖስ ድማ ንዓደወ ወለደ ፡ ዓደወ ድማ ንዘወልደማርያም ወለደ ፡ ዘወልደማርያም ድማ ንተኸለ ወለደ ፡ ተኸለ ድማ ንመሐ ወለደ ፡ እመሐ ድማ ንወልደሚካኤል ወለደ ፡ ወልደሚካኤል ድማ ንፈታውራሪ ንጉሜ ወለደ ፡ ፈታውራሪ ንጉሜ ድማ ንዳግማዊ ዓደወ ወለደ ፡ ዳግማዊ ዓደወ ድማ ንወለጊዮርጊስ ወለደ ፡ ወለጊዮርጊስ ድማ ንብሩ ወለደ ፡ ብሩ ድማ ንደግያት ሐጐስ ወለደ ደግያት ሐጐስ ድማ ንዑቕብ ወይራ ወለደ ፡ ዑቕብ ወይራ ድማ ንዓንዱ ወለደ ።

ዘርኢ ዓንዱ ፡ ዓንዱ ካብ እምቤት አመተ ጅር እትባህለት ጓል ሐፀይ ናዖድ የእትዩ ን፫ተ ወለደ ። ፩ ንንኢሳን — ፪ ንሠበርግን — ፫ ንዘርኡን ።

ከምዚሎም ፫ተ አሕዋት ደቂ ዓንዱ ይብሃሉ ካብዚኦም ንኢሳ ንዝባን ሠራው ዝፈረዩ እዩ ፡ ዘርኡን ሠበርግን ድማ ክልቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ እናደቆ አለው ፡ ካብ እናደቆ ዝወጽኡ አሕዋቶም እኒ ዓዲ ጉርዲ ጥቓ ዓረዛ ዘላ ፡ ዓዲ ገፋሕ መራጉዝ ከምኡ'ውን አሕዋቶም አብ ቃኚታ አብ ሐደ ገዛ አለው ፡ ከምኡ'ውን አብ ደቆዕንዓ ጽልማ አለው ። ከምዚሎም እዚ.እቶም ዝፈረይዎም አብ ዘለው አልዮም ፫ተ እናደቆ ይብሃሉ ነገዶም ድማ ካብ ቤተ ሌዊ እዩ መሠረቶም ።

አብዚ ምድሪ ኤርትራ ዝርከቡ ዘርኢ ሌዊ ፈለማ አመጻጽኦም ከምዚ እዩ ፡ አብዚ ምድሪዚ ዝመጽዎ በብእዋኑ እዮም ዝመጽኡ ፡ ዝመጽእዎ ድማ ገሊ.ኦም ካብ ተምቤን ገሊ.ኦም ካብ ሐዘ ገሊ.ኦም ካብ አካዊራ ገሊ.ኦም ካብ አኽሱም አብ ዘለወ. አልዮም ግን ብሐደ ሽም ደቂ ሌዊ እዮም ዝብሃሉ ።

ከምዘለዉ. ተምቤን ደቂ ሌዊ እዮም ፡ ከምኡ ድማ አሕዋቶም አብ ምድሪ ሽዋ ቡልጋ ዝብሃል ዓዲ ሒዘም አለዉ. ። ንሳቶም ድማ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም አቦታቶም ክህናት ከይኖም አብ ኩሉ ኢ.ትዮጵያ የገልግሉ ነበሩ ፡ ካብ አዛርያስ ካህን ዝወረደ ዘርኢ ዘለዎም እዮም ።

ሕጂ እኳ አቡነ ተክለሃይማኖት ካብ ቤት ሌዊ እዮም ። ካብ ዘርኢ ሌዊ ድማ ንጉሠ ነገሥት ዮሐንስ እዮም ፡ ከምኡ ድማ እዘም አብ ካርነሽምኒ ደምበዛንን ዘለዉ. ፡ ካብ

ተምቤን ዝመጽኡ ደቂ ሌዊ እዮም፡ ክብአቶም ድማ ብፍላይ ቀድሚ ኩሎም ዝመጹ ገረሚ ይብሃል ነበረ፡ ንሱ ድማ ነዛም ገረሚ ዝፈረዩ እዩ፡ ግሩም ዝብሃል በዕሉ አብ ገረሚ እትዩ ዓዲ ሐዘ ።

ድሕሪ ግሩም ድማ ፀጋይ ዝብሃል ደድሕሪኡ ሰዓብ ብበረኸ መትሕት አቢሉ ብሽ ውዓተ ዓንሰበ አቢሉ ብጐልጐል ደቀ ተሽም አቢሉ ናብ በሰዛ እትዩ ዋልታ ሰፈሐ፡ ንሱ ዝፈረዮም ድማ ብሐደ ሽም ኣዜን ይብሃሉ ።

ዘርኢ ፀጋይ — ፀጋይ ንጥዑምዝግን — ንምርጃን — ንሠንገሳን — ንብሩኽን — ንበዓል ገድን — ንሜፎን ወለደ፡ ክብዚአም ጥዑምዝጊ ንዘወልደማርያምን — ንሀብቱይን — ንዓረይን ነዚአም ፱ተ አሕዋት ወለደ ። ሰለስቲአም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ዓዲ ጐንደ ዕጣን ዘርኤ ዝብሃል ዓዲ አለዉ ።

ምርጃ ድማ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ቀይሕ አለዉ፡ ሠንገሳ ዝፈረዮም ድማ አብ ዓዲ ይሕስአ ቀላ ደቂ ቃንፃ ዝብሃሉ ክምኡውን አሕዋቶም ደቂ ሠንገሳ አብ አከለ ጉዛይን አብ ሐማሴንን አብ ትግራይን ፋሕ ኢሎም አለውዎም ። ክምኡዉን ክብ ዘርኢ ሌዊ ዝውለዱ አብ ሐውዜን ኃያሎ ዓድታት አለውዎም፡ እዞም ላጌኖት ዘበአምውን አብ ዘለዉ አልዮም አሕዋቶም ኢዮም ።

ዝተረፉ ክልአት ደቂ ፀጋይ አብ ኣዜን አለዉ ክብአም ዝወጽኡ ድማ አብ ብዙሕ ዓድታት አለዉ ። ክብዚአም ድማ በለዛን ኣዜንን ገዛ ኣዜን ናብ እምበደርሆ አለዉ ። ዘርኢ ዮሐንስ ላሀዊ፡ እዚ ዮሐንስ ላሀዊ ዝብሃል ብዘበኑ ገዛኢ ነበረ፡ ንሱ ክዓ ዓሌት ካብ ቤተ ሌዊ እዩ፡ ደቁ ድማ አብርግለን — ረገድለን — ጀገሬን — ማዓለን — ረግዳትን ዝብሃሉ ወለደ ።

ክብዚአም፡ አብርግለ ንአብርግለ አብ ትግራይ ዘለዉ ዝፈረዩ እዩ። ክብዚአም ዝመጹ አሕዋቶም አብ ዓዲ አቤቶ ሐማሴን አለዉ፡ አብ ዘለዉ አልዮም ብሐደ ሽም ደቂ አብ ርግሌ ይብሃሉ ። ረገድለ ዝፈረዮም ካብ ትግራይ መጺኦም አብ ትሕቲ ደብረሲና ማዕ ልድ ቀይሕ ዝብሃል መኻን አትዮም ዓዲ ጌሮም ተቐመጡ፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ክብኡ እናወጹ ስጋዕ መንሰዕ ተዘርግሑ፡ ክምኡ ድማ ምስ ደቂ መንሰዕ ብመውስብ ተሐዋወሱ፡ ይኹን'ምበር በብማይ ቤቶም ረገድለ ዝፈረዮም ፍሉጣት እዮም፡ ክምኡ ክዓ ደቂ ሐወበአም ካብ አብርግሌ ዝመጹ አብ መዓልዳ ጸሊም ደብረሲናን አብ ክበበ ኡን አለዉ፡ ጀገገሬ ዝፈረዮም አብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ጀንገሬን ዓንሰባ አለዉ ።

ማዓለ ዝፈረዮም ድማ አብ ባርካ ምድሪ መትሕት ክምዘለዉ ንክልተ ቤት ማዓለ ዝፈረዩ እዩ ። ረግዳት ሐድጊ የብላን ፀኒታ'ያ እቲ ብጽሒታ ድማ ገድገድ ዝብሃል መኻን እዩ ዝነበረ፡ እንተኾነ ሐድጊ ስለ ዘይብላ አብ ኢድ ክልአት ሐለፈ ።

ክምኡውን ዓዲ አቤቶ ዘለዉ ካብ አብርግሌ ዝመጹ ዘርኢ ሌዊ እዮም አቦታቶም ፈለማ አብዚ መሬት'ዚ ምስ መጹ ብዘረበ አገው ብዙሕ እዋን ይዛረቡ ነበሩ፡ ደሐር ግና ድሕሪ ብዙሕ ጊዜ ብትግሪኛ ክዛረቡ ጀመሩ ።

ክምኡ ድማ እዞም ሰብ ዝባን አንገብ ዓሌት ሌዊ እዮም ። ደቂ ሌዊ ድማ ካብ

ጥንቲ አቦታቶም ክህናት ክይኖም ናይ ሕዝቢ መራሕቲ ስለ ዝነበሩ በዚ መዚ እዚ ካብ አክሱም አማራ ሳይንት ዝብሃል አብ ዓደምሐራ አብኡ ክይዶም ዝፈረይዎም አዚዮም ብዙሓት እዮም ። ክምኡድማ ደቂ ሌዊ አብ ምድሪ መትሕት ገለ ሒዶት ምስ ቶርዓ አለዉ ።

ምስ ቤተ መዓለን ፪ተ መንሰዕን ምስ ማርያ ቀይሕን ማርያ ጸሊምን ተሐዋዊ ሾም እዚአቶም አለዉ፡ ፈለማ አቦታቶም ካብ ተምቤን ካብ አሕዋቶም ተፈልዮም እዮም ዝመጹ ። እንተኾነ ዝመጽእዎ እዋን አዚዩ ነዊሕ እዩ፡ ሕጂ ግና ንሳቶም አስ ላም ስለ ዝኾኑ ነቲ ናይ ጥንቲ ወለዶአም ለቒቖም ካብ ቤተ ሌዊ አይኮናን ምስ ዓሌት ነብይ መሐመድ ኢና ዓሌትና ይብሉ ።

ካብ ሌዊ ዝበልጽ መሲልዎም ይኹን ወይ ድማ ብዘይ ምፍላጥ ይኹን ዝበዝሐ ምስ ነብይ መሐመድ ዓሌት ኢና እናበሉ የዕልሉ ። ንሕናስ አቦታትና ዘዘንተዉልናን መጻሕፍቲ ዝመርመርናን፡ ናይ ወጻኢ ሀገር መጻሕፍቲ ክይተረፈ ምስ ናይ ዓበይቲ መጻሕፍቲ ኢትዮጵያ ተሰማሚዑ ከምዚ ይብል፡ ሐቂ ብሐቂ እዞም አብ ላዕሊ ዝሰሚ ናዮም ዓሌታት ኩሎም ስጋዕ ሀፀይ ልብነ ድንግል ዘመን፡ አቦታቶም ዓበይቲ ክህናት መራሕቲ ሕዝቢ እዮም ዝነበሩ፡ አብ ዓዶም ድማ ብዙሕ አብያተ ቤተ ክርስትያናት ክምዝነበረ ስጋዕ ሎም እቲ ፍራስ ናይ ቤተ ክርስትያናት ዑናታት አብ ሐድ ሐደ መኻን ሐሐሊፉ አብ ምድሪ መንሰዕ አሎ ።

ድሕሪ ጥፍአት ግራይ ግና፡ አቦታቶም ካብ ከበሳ ሐገዝ ስኢኖም በይኖም ክይኖም ካብ አሕዋቶም ምሕድግ ኢሎም ስለ ዝኾኑ አስላም ኃይሊ ረኺቦም ብግድን ብውድን አብ አስላም ሃይማኖት አለዉ ። እዚአም ድማ ገለ ሒዶት ትውልዲ እዩ፡ አስላም ካብ ዝኾኑ፡ ስለዚ ንሳቶም መማን ዓሌት ሌዊ ካብ ተምቤን ዝመጽኡ እዮም ።

ክምኡ ድማ አብ ፀዓዘጋ ዘለዉ ገዛ ላቜን ዓሰነሞን ካብ ዓሌት ሌዊ እዮም ። ክም ኡውን ሐሐሊፎም ገለ ናብ አከለ ጉዛይ ገለ ናብ ሐማሴን ገለ ናብ ሠራዬ ደቂ ሌዊ ተሐዋውሾም አብ ኩሉ መኻን አይስአኑን እዮም ።

ክምኡ ድማ ደቂ መርሃጽየን ዝበሃሉ ጨንሐረ ዝሽሞም አለው፡ ንሳቶም ድማ ካብ አዘርያስ ካህን ዘርኢ ዘለዎም እዮም ጨንሐረ ማለት ጽዮን ሐረየ እዩ፡ ብእዋን ምን ዋሕ እተላዕለ ግን ጽዮን ሐረየ ዝተብሀለ ጨንሐረ ዝብል ሽም ሐዘ ።

እቲ ናይ ፈለማ አቦአም ቀሺ ክብርአብ ይበሃል ነበረ፡ እዚ ክብረአብዚ ካብ አዘርያስ ካህን ዘርኢ ዝወረደ እዩ፡ ክብርአብ ካህን ዝወለዶም ። ፩ ንመዛምርን — ፪ ንይትባረኽን።

ክምዚሉም ፪ተ ደቂ ቀሺ ክብርአብ ይበሃሉ፡ ክብዚአም መዛምር ንቀሺ ገብረድን ግል ወለደ፡ ቀሺ ገብረድንግል ንቀሺ በኽረጨን ወለደ፡ ቀሺ በኽረጨን ድማ ንቀሺ ተስፋሚካኤል ወለደ፡ ቀሺ ተስፋሚካኤል ድማ ንቀሺ ክፍለጽየን ወለደ፡ ቀሺ ክፍለ ጽየን ድማ ንቀሺ ጐኖቋይ ወለደ፡ ቀሺ ጐኖቋይ ድማ ንቀሺ ኃይሉም ወለደ፡ ቀሺ ኃይሉም ድማ ንቀሺ ሐደራንኪኤል ወለደ፡ ቀሺ ሐደራንኪኤል ድማ ንቀሺ ማህለዝጊ ወለደ፡ ቀሺ ማህለዝጊ ድማ ንቀሺ ዓንዶም ወለደ፡ ቀሺ ዓንዶም ንደቢሽን ንቀሺ ሀብ

ተጊየርጊስን ወለደ፡ ደቢሽ ድማ ንወልደሚካኤል ድያቆን ወለደ፡ ወልደሚካኤል ዲያቆን ድማ ንቀሺ ገብረሚካኤል ወለደ፡ ቀሺ ገብረሚካኤል ድማ ንቀሺ ዑቕባሚካኤል ወለደ፡ ቀሺ ዑቕባሚካኤል ድማ ንቀሺ ኃይለ ወለደ፡ ቀሺ ኃይለ ድማ ን፪ተ ወለደ ። ፩ ንቀሺ ሀብተጊየርጊስን — ንቀሺ መሐርን ።

ክምዚሎም ፪ተ ደቂ ቀሺ ኃይለ ይበሃሉ፡ ካብዚኦም ቀሺ መሐሪ ንቀሺ ሰፍንያስ ወለዐ፡ ቀሺ ሰፍንያስ ድማ ንቀሺ ክፍለጽየን ወለደ፡ ቀሺ ክፍለጽየን ድማ ንቀሺ ደብሩ ወለደ፡ ቀሺ ደብሩ ድማ ንዳግማዊ ቀሺ መሐሪ ወለደ፡ ዳግማዊ ቀሺ መሐሪ ድማ ንቀሺ ምስጉን ወለደ፡ እዚኦቶም ዝፈረይዎም አብ ሠገንይቲ አለው ።

እዚኦቶም ኩሎም አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ካብ አዘርያስ ካህን ጀሚሮም ብቤት ክህነት ማዕርግ ከየቋረፁ ስጋዕ ሎሚ አለው፡ ክምኡ ድማ አሕዋቶም ካብ ቤተ ሌዊ ዝውለዱ ክህናት ከይኖም አብ ሙሉእ ኢትዮጵያ አለው ።

ክምኡ ድማ ሀብተጊየርጊስ ዝፈረዮም አብ ማእከል ሠገንይቲ ምስ ደቂ ሐወቦኦም አለው ።

ዘርኢ ይትባረኽ፡ ይትባረኽ ወዲ ክብረአብ አብቲ ቅድም ዝሰሚናዮ ንሱ ይትባረኽ ዝበሃል አብ ደቀ አከለ ድብድብ ዝበሃል ዓዲ አብ ሽመዛና አለው ። እዚኦቶም ምስዞም አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ብሐደ እዩ ቍጽሮም ።

ዘርኢ ሀም ።

እዘም ሀም ዝበሃሉ ካብ ጥንቲ መሠረት ወለዶኦም ካብ ቤተ ሌዊ እዩ ዓሌቶም ናይ መጀመርታ አቦኦም ወልደአብ ካህን ዝበሃል ነበረ፡ ንሱ ድማ ንሽመርን ንዘማርያምን ወለደ፡ ካብዚኦም ሽመር ዝወለዶም ። ፩ ንመርሐምን — ፪ ንጸሊምን — ፫ ንወልደጽዮንን — ፬ ንተስፋጽዮንን — ፭ ንሰንበተ መሐርን ።

ክምዚሎም ፭ተ ደቂ ሽመር ይበሃሉ፡ ካብዚኦም መርሐም ዝፈረዮም ንጉሎሐራስን ገለ አብ ባምቡቕ ገለ አብ ዓዲ ፈላሲ ገዛ ስርንስር አሥመራን ገለ አብ ኵዶ አብዑር መራጉዝን ዓብይ እግሪ አድያቦን አለው ።

ወልደጽዩን ዝፈረዮም ድማ ዝርከቦም አብ እምባደርሆ አለዉ፡ ተስፋጽዩን ድማ ነዞም መለኹሴቶ ዝፈረዩ እዩ፡ ሰንበት መሐሪ ድማ ንዓሳግላን ንዓዲ ወገሩ ሽመዛና ካብዚኦም ዝወጽኡ አሕዋቶም ድማ ገለ አብ ተራእምኒ ገለ እምባ ላኻ ጥቓ ሀም ገለ ናብ ንዕልቶ ገለ ናብ ምሕረት ዘለዉ ነዚኦም ዝፈረዩ እዩ ።

ዘርኢ ጸሊም ድማ ንዝበን ሀም ዘለው ዝፈረዩ እዩ፡ እዚኦም ደቂ ጸሊም ዝበሃሉ ቅድም ምስ ቴድረር ካብ ሀም ተዋጊኦም ንቴድረር ዘልቀቕምዎም ንሳቶም እዮም ። ቴድረር ድማ በዚ ምኽንያትዚ ካብ ሀም ለቒቑም አብዚ ሕጂ ቴድረር ዝበሃል ዓዲ ሐዙ ።

መርሃጽየን ዑቕባጽየን ዝበሃሉ ሐደ ክልእ ዓሌት አለው፡ ንሳቶም ድማ አቦኦም ዑቕባጽየን መርሃጽየን እንዳተባህሉ ይፅውዑ አለው፡ አብ ማሕፉድ እንዳባሐንስ አትዮም ይቕመጡ ነበሩ፡ ደሐር ግና አስላም ምስጭነቖሎም ናብ ሐላይ አትዮም ተቐ



መጡ፡ ካብኡ ዑቕባጽየን ንባፀረዝጊ ወለደ፡ ባፀረዝጊ ድማ ንተስፋኡን ንፀጋኡን ንኤበኡን - ንዳሕናኡን - ወለደ፡ ተስፋኡ ድማ ንሞሳኡ ወለደ፡ ሞሳኡ ድማ ን ገሎ ወለደ፡ ክህሎ — ንማምራይን ንምሑርን ወለደ፡ ማምራይ ንማሀሎም ወለደ፡ ም ድማ ፩ ንዓንደንኪኤልን — ፪ ንገደቡስን — ፫ ንዕዋልን ።

ክምዚሉ ፫ተ አወዳት ወለደ ካብዚኦም ዓንደንኪኤል ንቐሺ ሀብቱን ንዘርኤሐንስን ንተስፋሚካኤልን ወለደ፡ ቀሺ ሀብቱ ድማ ንቀሺ ማሀሎም ወለደ፡ ቀሺ ማሀሎም ንሀለቃ ተኽለን — ንክንተብ ዓንዱን — ንጋብርን ወለደ፡ ዘርሐንስ ድማ ንዘወልዲ ወለደ፡ ዘወልዲ ንወልደገብርኤል ወለደ ።

ወልደገብርኤል ንሞሳኡ ወለደ፡ ሞሳኡ ንብርሃኔ ወለደ፡ ተስፋሚካኤል ድማ ሐንቲ ጓል እያ ሐድጉ እዚኦቶም ካብዚ ንላዕሊ ዝሰመናዮም ዓሌታት ካብ መደብይ ምስ ዝርቤኖት እዮም ቁጽሮም ፡ መርሃጽየን ዑቕባጽየን እናተባህሉ ድማ ይጽውዑ ።

ዝርቤኖት ዘቦኦም አብ ሙሉእ መረብ ምላሽ ዘለው፡ አብ ዘለዉ አሊዮም አሕዋቶም እዮም ። ምሑር ወዲ ይክህሎ፡ አብቲ ቅድም ሰሚናዮ ዘሎና ዘርኢ ምሑር አብ ሐላይ አለዉ ።

ፀጋኡ ዝፈረዮም ድማ ገሊኦም አብ ሐላይ ዘለው ዓዲ ደጊያት መዓሾ እዮም፡ ገሊኦም ድማ አብ ሜዔላን አብ ዓዲ ፍንዕ ሰያሕ አለው፡ ኤበኡ ድማ ንወለጊየርጊስ ወለደ፡ ወለጊየርጊስ ዝፈረዮም ድማ አብ ደግራ ሊበዔ አለው ።

ዳሕናኡ ዝፈረዮም ድማ አብ መቐረከ ዓንሰባ ደቕ ሰብ አለው፡ እዚኦም ደቕ ሰብ አተባህሉሉ ምኽንያት ነቶም ቆልዑ ደቂ ደሕናኡ፡ አብ መሮር ወፈሮም ክለው ገለ ሰብ ሐለፍቲ መንገዲ ደቂ መን ኢኹም ደቀይ ኢሎም ነቶም ቆልዑ ሐተትዎም፡ እቶም ቆልዑ ድማ ደቂ ሰብ ኢሎም ምላሽ ሀብዎም፡ በዚ ምኽንያትዚ ደቕ ሰብ ዝበሃል ሽም አትረፉ፡ እታ ዓዲ ድማ ክሳብ ሎሚ ደቕ ሰብ ትበሃል አላ ።

ክምኡ ድማ ዝርቤን አፈልባ ዝርቤን ዓዲብሮ ገለ አብ ዓደኰሎም ገለ አብ ዓድሰግዶ እኒ ዘመር ገለ አብ ሕምብርቲ ገለ አብ መደባይ ወለል ገለ አብ መደባይ ታብር ገለ አብ ቆላ ዛይደ ኩሎም እንዳባስምኦን ገለ አብ ማይ አፋልስ እኒ ገርጠጥቲ ጉሕጓዓ እኒ ዝበን ዑና ሠራዬ እኒ ዓደቁመሽ ደብረመርቆርዮስ ገለ ዓዲ ተኽሉ እኒ ዓዲ ሄኖክ ደቂ ሽሀይ ዘለው ክምኡ ድማ ተሚታይን ማአስርቶን ዝበሃሉ አሕዋቶም ክምዚሎም ካብ ነገደ ብንያም እዮም ።

ዛንታ ቴድረር ።

አሕመድፃፅዳን ናስር ዓላን ዜንጋሬላን ዓብደላን ዝበሃሉ አርባዕተ አሕዋት ነበሩ ካብዚኦም አርባዕተ አሕዋት እቶም ፫ተ አሕዋት ዝፈረይዎም ካብኦም አብ ሐቡብ ዓሬ አለው አሕመድ ፃዕዳ ድማ አብ ሀም ነበረ፡ አሐዘረገን ትበሃል ዓዲ አብአ ብዙሕ እዋን

ምስ ተቐመጠ፡ አቡነ ሊባኖስ ዝበሃሉ ፈላሲ ቆሞስ ሐደ ዓብይ ሰብ ነበሩ፡ ንሰም ድማ ብብሕትውና ነዊሕ እዋን አብ በረኻ ይቕመጡ ነበሩ'ሞ ነሕመድ ፃዕዳ ድማ አጠሚቆ ምን አእሚኖምን እዚ ሠፈር'ዚ ንእ'ኻን ንደቕ'ኻን ንደቂ ደቕ'ኻን እተብረኸት ትኹን ኢሎም ምስ መረቑዎ ዓዲ ሒዙ ተቐመጠ።

ቅድሚ ንሱ ናብእ ምምጽኡ ግና ሀም ዝበሃሉ ዓሌት አብኡ ነበርዎም፡ አሕመድ ፃዕዳ ድማ ኀል እቶም ሰብ ሀም የእትዩ ነበረ፡ ከምኡ'ውን ኀል ቴድረር አብ ደቂ ሀም አትያ ነበረት'ሞ እታ ኀል ሀምን ኀል ቴድረርን ክልቲኤን ብገለ ነገር ተሐራሪቐን ተጻረፉ፡ ብዛዕባዚ ሀም ሐደጋ ወዲቖም ንሰብ እምበስገዶም ነሕመድ ፃዕዳ ምስ ስድርኡ መደረጋሕ ጌሮም ሐመድ ገበርዎ፡ ንሳቶም ድማ ካብቶም ዝተረፉ ሀዲሞም ናብ ባሕሪ ወረዱ'ሞ ናብ አሕዋቶም ናብ ዓዲ ናይብ ከይዶም ሕነ ክፋድዮም ለመንዎም።

ንሳቶም ድማ ነዝምተኹም ድእ'ምበር ሕነስ አይንፋድየኩምን ኢሎም አበይዎም፡ ከብቲ ግና አዝመትዎም፡ነተን ዝዘመትዎን ከብቲ ሒዞም ካብ ባሕሪ ክመጹ ከለው አብ እምኒ መሬት ክበጽሑ ከለው ላም እንዳሀቡ ናብ ቴድረር አተው፡ አብ እንዳ አቡነ ዮሐንስ ዝበሃል ዘሎ ገዳም ክበጽሑ ከለው ላም ሕደጉልና የልዎም፡ እቶም ቴድረር ድማ አይንሐድግን ኢሎም ምስ ገንገንታይ ዝበሃሉ ዓሌት ተዋግኡ'ሞ ኑቶም ገንገንታይ ድማ ቴድረር ወድኢዎም፡ ገንገንታይ ድማ ምስ ተወድኡ ካብአም ንጣር ዝተረፉ ሀዲሞም ወጹ። ካብቶም ዝወጽኡ ዘርኢ ገንገንታይ ገለ አለው

ደቂ ቴድረር ድማ ንገንገንታይ ምስ ሰዓርዎምን ምስ አዋፍእዎምን ነታ መሬት ቴድረር ትበሃል ወረስዋን ዓዲ ጌሮም ሐዝዋን ስጋዕ ሎም ደቆም አብ ቴድረር አለው። እቶም አብ ሀም ዝተረፉ አሕዋት ቴድረር አብ ሀምን አብ ጕደብብቶምን አለው።

## ምዕራፍ ፵፫።

### አብዚ መረብ ምላሽ ዘለዉ ደቂ ስምዖን።

ሽውዓተ ሠሐርቲ ሻሙናዮም ኰዳዱ ዝበሃሉ ካብቲ ፈለማ መሠረት ወለዶአም ከምዚ እዩ ነገደ ስምዖን ናብ በራ ስላዋ እዮም ዘለዉ አበታቶም ከምዚ ኢሎም እዮም።

ደጊያት ፍረ ምኻእ ወዲ አቶ አስማርዕ፡ አቶ አስማርዕ ወዲ ደጊያት ሰምበታይ፡ ደጊያት ሰምበታይ ወዲ ደጊያት ደፈረጅን፡ ደጊያት ደፈረጅን ወዲ አዝማች ከራ፡ አዝማች ከራ ወዲ ራእሲ ፋሬስ እዩ፡ ራእሲ ፋሬስ ባዕሉ አብ ዓዱ አብ በራ ሠለዋ ከሎ ፍሉጥ ገዛእ ሀገር ትግራይ ነበረ፡ ብዘበን ሐፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ ራእሲ እተ ባህለሉ እዋን ብ፩ ሺሕ ፮፻፹፩ ዓ-ም አብ ጐንደር እዩ።

ሐንቲ ወይዘሮ ገለቡ እትበሃል ናብ የጁ ዝበሃል ሀገር ናብ ኀንጉል ተአትያ፡ነዘም ሕጅ አብ የጁ ዘለዉ ወረሴህ ዝበሃሉ ዓዲ በዓል ራእሲ ዓሊ ወይዘሮ ገለቡ ንዓአቶም ዝፈረየት እያ።



ሕጂ እኳ እኒ ደጊያት አያሌው ብሩ ምስ እንዳ ራእሲ ወሌ የሕዋቶም እዮም። ደጊያት ፍረ ምኻእ ከዓ ካብ ዓዱ ካብ ሠለዋ ምስ መጸ ናብ ሠራዬ እምኒ ሐይሊ ማይ ፃዕዳ ተቐመጠ፡ መወዳእትኡ ግና አብ ጉሕጺዓ እንዳ ባመጣፅ ተቐብረ፡ ንሱ ደጊያት ፍረ ምኻእ ን፬ ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንቕንዱር — ፪ ንአይፈርሂ ፫ ንሬዙ — ፬ ንጸሊማይ፡ ነዚአቶም ነርባዕቲአም ወለደ።

ካብዚአቶም እቲ ሐደ ራብዓይ ሐዎም ጸሊማይ ንእምኒ ጸሊም ዝፈረዮ እዩ፡ እቲ ሐደ ሐዎም ቕንዱር ዝበሃል ከዓ ንሀርጉዴ አማድር ዝፈረዮ እዩ፡ ገለ ከዓ ደቂ ቕንዱር የሕዋቶም ገዛ ደቂ ሐርሽ ሕምብርቲ አለዉ።

እቲ ክልአይ ሐዎም አይፈርሄ ዝበሃል ከዓ ዘርኡ አብ አዛይሌ ዝርከበም አለዉ፡ እቲ ሣልሳይ ሐዎም ሬዙ ዝበሃል ከዓ ንሱ ንሚካኤል ኸደና አትዩ ንቤተ ክርስቲያን እንዳ ቅዱስ ሚካኤል ባዕሉ ዘሥርሐ ይበሃል፡ ንሱ ሬዙ ከዓ ንሽውዓተ አወዳት ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ ብታሕቲ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንፃዕዳን — ፪ ንደለሽምኒ — ፫ ንዓርኩን ፬ ንአፍደዩን — ፭ ንደጐሐን — ፮ ንግዙእን — ንአድጐይኒ፡ ነዚአቶም ሽውዓተ ወዲ ምስ ወለደ ሞተ እሞ አብቲ ባዕሉ ዘሥርሐ ሚካኤል ከደና ዝበሃል ቤተ ክርስቲያን አብኡ ተቐብረ።

ካብዘም ሽውዓተ አወዳት እቲ ሐደ ዓርኩ ዝበሃል ዘርኢ ዘይብሉ በቲኹ ተረፈ፡ እቶም ሠለስተ አሕዋት አፍደዩን ደጐሐን ግዙእኒ ዝፈረይዎም ብሕንሳብ ተሐዋውሽም ሠለስተ ጸሉት እናተባህሉ ይጽወዑ አለዉ።

ዘርኢ ፃዕዳን ደለሽምኒ ክልቲአም ዝፈረይዎም አብ ዝግብ አለዉ፡ እቲ ሻውዓይ ሐዎም አድጐይ ዝበሃል ፩ ንሐሰበን — ፪ ንሽም ዳሕናን ንኽልቲአም ወለደ፡ ካብዚአም ዘርኢ ሽም ዳሕና ዝርከበም አብ እምቤቶ ሠሐርቲ አለዉ፡ እቲ ካልአይ ሐው ሐሰበ ከዓ፡ ፩ ንሠምረ ጨንን — ፪ ንዓንደጼንን ነዚአም ክልቲአም ካብ ሐንቲ ሰበይቲ ወለደ።

መልኡ ከዓ ካብ ካልእ ሰበይቲ ንጀተ ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንሕድሮምኒ — ፪ ንጋብላን — ፫ ነርዓዳን፡ ንሠለስቲአም ወለደ።

እዘም ዳሕረዎት ሠለስተ የሕዋት ባዕሉ ሐሰበ ካብ ሐንቲ አስላመይቲ ሰበይቲ ወሰኑ ዝበሃል ኀስኡ ዝነበረ ካብእ እዩ፡ ዝወለዶም ይበሃል፡ ካብዚአም ሠመረጨን ዝፈረዮም ዝርከበም አብ ዓዜን ገዛ ስሌን ዝበሃሉ አብኡ አለዉ።

ዘርኢ ዓንደጼን ከን ንሱ ዝፈረዮም ዝርከበም አብ ዓዲ ሐወሻ አለዉ፡ አሕድሮም ከዓ ንዓዲ ሐድሮም ዝፈረዮ እዩ እታ ዓዲ ከዓ ብእኡ ሽም ትጽዋዕ እላ ዘርኢ ጋብላ ከዓ ናብ እምቤቶ አለዉ፡ ዘርኢ አርዓዳ ከዓ (ዓዲ ርዓዳ) ዘለዉ እዮም፡ ደቂ እንግዳ ዝበሃሉ ሕጅ ናብ ኰዳዱ ዘለዉ እዚአቶም ደቂ ስምዖን ካብ ሠለዋ ዝመጹ እዮም ብዓሌት ከዓ ካብ ሐደ ነገድ እዮም ስለዚ ሽወዓተ ሠሐርቲ ሻሙናዮም ኰዳዱ ይበሃሉ።

ከምኡ ከዓ ካብ ሬዙ ዝውለዱ ናብ ቋላ አለዉ እኒ ፍርቂ ትኹል እኒ ዓድ ፈታውሥጋ ገዛ ዓዜን ዝበሃሉ አለዉ፡ እኒ ዓዲ በያኒ ዓረዛ እኒ ፀና ዘርኢት ዝሐዙ፡ ከምኡ ከዓ ዘርኢ ፍረ ምኻእ አብ ብዙሕ ሥፍራ ሐሐሊፎም አለዉ።

ካብ ሽም ዳሕና ዝውለዱ ከዓ ኣብ ታሕቲ ቆላ እኒ ዓደምበላ ዝበሃል እኒ ደብረ ቆንጺ እኒ ገዛ ሕድሩ እዚኤቶም ኵሎም ከምዚሎም የሕዋቶም እዮም ። ከምኡ'ውን ሥሑል ሠለወቶት ኣብ ናዕዴር ትበሃል ዓዲ ጥቓ ኣክሱም ኣብ ማይ ሉንጊ ማይትር ካብ ራእስ ፋርስ ዝውለዱ ኣሕዋቶም ዓደ በዓል ደጊያት ሕዝቂል እንዳ ራእሲ ሚካኤል ንጐ ምስ ጕደባብቶም ኣሕዋቶም እዮም ።

ዘርኢ ዴግራ ፡ ዴግራ ዝበሃሉ ዓደንገርም ጥቓ ሠንይቲ ዘለው ዴግራ ሊቤዒን ዴግራ መሬቶን እዘም ክልተ ዴግራ እዚኦም ካብ በራ ሰለዋ ዝመጹ ዘርኢ ስምኦን እዮም ቀድሮም ድማ ምስ ሰሐርቲ ሐደ ዓሌት እዮም ፡ ዝመጽዎ ምኽንያት ኣቦኦም ፈለማ ብሽመት እዩ እንዳጊዔር ዝበሃል ሰብእይ ምስ ክልተ ደቁ እዩ ናብዚ ዝኣተው ንሳቶም ድማ ባሕጐሮን ኣስማዔልን እዮም ዝበሃሉ ዝነበሩ ፡ ዝነበርዎ ዓዲ ድማ ምጽሑ ኣከለ ጉዛይ ጥቓ ሓላይ ዘላ ማሕዮ ትበሃል ሥፍራ እያ ዝነበረት ካብ ምድሪ ደንከል ክብቲ ዝነበርዎ ዓዲ ለቐቑ ሰቡን ማሉን ኣኪቡ ናብአ ኣትዩ ተቐመጠ ካብታ ዝነበራ ካብ በርሄንት ናብ ኣብዓ በዓቲሑ ኣትዮም መሬት ሒዞም ተቐመጡ ።

ድሕሪ ኃያሎ እዋን ድማ ክልቲኦም ኣሕዋት ተፈላለዩ እቲ ሐደ ባሕጐሮ ዝፈረዮም ኣብ ኣብዓለ ኣለው ፡ እቲ ክልኣይ ሐው ኣስማዔል ድማ ካብ ሐዉ ተፈልዩ ናብ እንድሕሽ መጽሐ ኣትዩ ምስ ሰድርኡ እብኡ ነበረ ካብኡ ለቐቑ ድማ ናብ በርኪቶ ኣትዩ ካብ ጓል በርኪቶ የእትዩ ነስገዶም ወለደ ፡ ኣስገዶም ድማ ንማሕዮ ወለደ ፡ ማሕዮ ድማ ንዴግራ ንሐንቲ ዓዲ ዝፈረዩ እዩ ።

ኣስማዒል ድማ ካብ በርኪቶ ንዴግራ ሊብዔ ኣትዩ ካብ ጓል ክፍላይ ዓሌት እንጀ ነታይ ትውለድ ንዓዓ የእትዩ ንእቡ ወለደ እቡ ድማ ። ፩ ንጸለሚን — ፪ ንቀይሕን ።

ካብ ቀዳመይቲ ሰበይቲ ነዚኦም ፪ተ ወለደ ካብ ዳሕረወይቲ ሰበይቲ ድማ ንገዓቲ ትን ንጋንዛይን ወለደ ከምዚሎም ፪ተ ደቁ እቡ ይብሃሉ ፡ ካብዚኦም ጸሊምን ጋዓቲትን ፪ቲኦም ኣሕዋት ዝፈረይዎም ኣብ ዴግራ ሊብዔ ኣለው ፡ ቀይሕን ጋንዛይን ፪ቲኦም ኣሕዋት ዝፈረይዎም ኣብ ዓደንጕሮም ኣለው ። ከምኡ ድማ እዘም ላቒኖት ዝበሃሉ ኣብ ላቒን ክሳድ ዳዕሮ ኣብ ዛይደ ኵሎም ትኹል ዝበሃል ዓዲ ዘለው ኣብ ዓዲ ነእምን ዓረዛ ኣብ ፀፀራት ደብረ ኣቡን መንቆርዮስ ኣብ ዓንቀጸ ኣብ ደምቤ ሸብሒ ትሕቲ ዓረዛ ኣብ ላቒን ብሀኑና ጅመል ከምዚሎም ላቒን ዘብኦም ካብ ቤተ ስምኦን እዮም ።

ም ዕ ራ ፍ ፺፬ ።

## ወለዶ መረታ ሰበነን መረታ ቀያሕትን ።

መሮኒ ንጫሉቕን ንፋሉቕን ንማሉቕን ንዛኮቕን ነዚኦም ፬ተ ወለደ ፡ ካብዚኦም ጫሉቕ ንገሸናሽምን ንመረታ ሰበነን ንመረታ ቀያሕትን ዝፈረዩ እዩ፡ ማሉቕ ድማ ንእከለን ጉዛይን ዝፈረዩ እዩ፡ ፋሉቕ ድማ ንሐማሴን ዝፈረዩ እዩ፡ ጫሉቕ ንሮተ ወለደ። ፩ ንጉማን — ፪ ንዓንደሃይማኖት — ፫ ንንጉሥናሽምን ።



ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ጫሉቕ እዮም ፡ ካብዚኦም ጉማ ዝፈረዮም ካብዚ ንታሕቲ ንሰሚ ኣሎና ። ፩ ንሠመረየሱስን — ፪ ንኽፍለየሱስን — ንግርማየሱስን ።

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ጉማ እዮም ካብዚኦም ሠመረየሱስ ንተኽለሃይማኖትን ንዳግማዊ ዓንደሃይማኖትን ንግርማየሱስን ወለደ ፡ ካብዚኦም እቲ ሳልሳይ ሐምም ተኽለሃይማኖት ድማ ሽሞም ከምዚ ዝስዕቡ ወለደ ። ፩ ንዳግማዊ ጉማን — ፪ ንዳንኤልን ፫ ንእዮሮበኣምን — ፬ ንወልደንጉሥን — ፭ ንዘረፋን ።

ከምዚሎም ፭ተ ኣሕዋት ደቂ ተኽለሃይማኖት እዮም፡ ካብዚኦም ዳግማዊ ጉማ ድማ ንሠመረን ንዳንኤልን ንኹሳን ወለደ ፡ ካብዚኦም ዳግማዊ ሠመረ ንዳግማዊ ተኽለሃይማኖት ወለደ ፡ ዳግማዊ ተኽለሃይማኖት ድማ ን፬ተ እዩ ዝወለደ ። ፩ ንቡታን — ፪ ንገብሩን — ፫ ንራሽትን — ፬ ንግርማየሱስን ። ከምዚሎም ፬ተ ኣሕዋት ደቂ ዳግማዊ ተኽለሃይማኖት እዮም ፡ ካብዚኦም ቡታ ዝፈረዮም ቡታ ንበለታ ወለደ ፡ በለታ ንቀይዶምን ንልጓሞምን ወለደ ።

ዘርኢ ቀይዶም ፡ ቀይዶም ዝወለዶም ድማ ሽሞም ከምዚዩ ። ፩ ንሥሑልን — ፪ ንድሑንን — ፫ ንሐየትን — ፬ ንግርሙን ወለደ ።

ልጓሞም ግና ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ፡ (መ'ኻን እዩ ዝነበረ) ነገር ግን ቀይዶም ሐዉ ንልጓሞም ድሑን ዝበሃል ወዱ ከም ውሉድካ ኸይኑ የገልግልካ ኢሉ ሀበ ፡ ድሑን ወዲ ቀይዶም ድማ ንሐወቡኡ ንልጓሞም ከም መጠን ወዱ ኮይኑ የገልግሎም ተብሂሉ ይፅዋዕ ኣሎ ፡ ድሑን ዝፈረዮም ። ፩ ንኢካን — ፪ ንቡላን — ፫ ንዓረዝግን — ንሐዩትን — ንሐሸን ።

ነዚኦም ካብ ሒምኡ ወለዶም ፡ ከምኡ ድማ ካብ ካልኣይቲ ሰበይቲ ንበዓል ፋን ወለደ ፡ ቡላ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ፡ ሐየት ዝፈረዮም ድማ ኣብ ኵዶ ፈላሲ ሠራዩ ገዛ መረታ ዝበሃሉ ኣለው ፡ ሐሸ ድማ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ፡ ዓረዝጊ ዝፈረዮም ዝርከብዎ ኣብታ ብሽሙ ትፅዋዕ ዘላ ዓዲ ኣብ መረታ ሰበነ ኣብ ዓረዝጊ ኣለው ። ኢካ ን፪ተ ወለደ ። ፩ ንቐደዝግን — ፪ ንእምለኽዝግን ወለደ ።

ቐደዝጊ ንሹሑት ወለደ ሹሑት ንላዕላይ ገዛ በራቒት ዓባይ ዝፈረዩ እዩ እምለኽ ዝጊ ድማ ንሰንበታይ ወለደ፡ ሰንበታይ ድማ ንታሕታይ ገዛ በራቒት ዓባይ ዝፈረዩ እዩ።

<u>በዓል ፋን</u> እቲ ወዲ ካልኣይቲ ሰበይቲ ንልዑል ወለደ ፡ ልዑል ንባርያይ ወለደ ፡ ባርያይ ድማ ንቐለቶ ወለደ ፡ ቀለቶ ድማ ንፃዕዳ ወለደ ፡ ፃዕዳ ድማ ንልዑል ወለደ ፡ ልዑል ድማ ንቐርፀቀምጠን ንማይ ኢሐን ንዓዲ ሰማሕን ንተኽለቢን ንዓደበነን ዝፈረዩ እዩ፡

<u>ዘርኢ ባርያይ</u> ፡ ባርያይ ንቤት ሀበይን ንዘዓረን ኣብ ውግሮ ዘለው ንሰሰወን ንንዳ ዳብርን ንፍሉሕን ነዚኦም ዝፈረዩ እዩ ። <u>ዘርኢ ቀለቶ</u>፡ ንእምቤይቶን ንዑና ፈርዖንን ንእንገላን ነዚኦም ዝፈረዩ እዩ፡ ከምኡ ድማ ዘርኢ ባርያይ ኣብ በራቒት ንእሽቶ ኣለው።

<u>ፃዕዳ ድማ ዝፈረዮም</u> ዝርከብዎ ኣብ እምቤቶ ኣለው ፡ ከምዚሎም ድሑን ዝፈረዮ

... ዘጠቅስናዮ ዶቂ
...ፈሮም ደፅውፅ እለው፡ ክምዚሎም መረታ ሰበን ይብሃሉ ።

ዘርኢ መረታ ቀያሕቲ ።

ዘርኢ ሥሑል፡ ዝፈረዮምን ዝሐዝዋ ዓድታትን ክብዚ ንታሕቲ ንሰምዮም እሎና፡
ዶቂ ሥሑል ። ፩ ንተኸሎምን — ፪ ንገብሮምን — ፫ ንውግሮምን ወለደ ።
ክብዚኦም ተኸሎም ዝፈረዮም ንድድሕሽቶ እተባህሉ ንሐሊበን ንዓዲ ኣዊቀትን
ንወከብን ዝፈረዩ እዩ፡ ገብሮም ድማ ሐው ተኸሎም ንሐደርኩዶን ንሐዲሽ ዓዲ ሐላ
ይን እብ ሑብ ዘለው ጸንዓ ደግለን እብ ልማምለ እኹሩር ዘለዉን ዝፈረዩ እዩ ።
ውግሮም ንዓዲ ክንተብ ተሰፋዝጊ ንበይኖም ዝፈረዩ እዩ፡ ክምዚሎም መረታ ቀያ
ሕተ ይብሃሉ ። ዘርኢ ሐየት ምስ መረታ ሰበን ዝቁጸሩ ዶቂ ሐየት ወዲ ቀይዶም እብ
ዓዲ ንኹዖ ጽልማ እለው፡ ክምኡ ድማ ግሩም ወዲ ቀይዶም እብ ተራእምኒ ክብዚኦም
ዝወጹ ድማ እብ ክልእ ዓድታት ገለ እይሰእኑን እዮም፡ ክምዚሎም ደቂ ግሩም ወዲ
ቀይዶም ይብሃሉ ።

አበታት መሮኒ ።

ክብ እርፋክሳድ ንታሕቲ ዘሎ ትውልዲ ንገልጽ እሎና፡ እርፋክሳድ ንኽንድስ
ወለደ፡ ንኽንድስ ንኣቶ ሹም ቀዳማይ ወለደ፡ ኣቶ ሹም ቀዳማይ ድማ ንእሚናዳብ
ወለደ፡ እሚናዳብ ንስን ሰገድ ወለደ፡ ስን ሰገድ ድማ ንዘሩባቤል ወለደ፡ ዘሩባቤል
ድማ ንዓሸ ጐልጐል ወለደ፡ ዓሸ ጐልጐል ድማ ንክንቲብ ወልደገብርኤል ወለደ፡ ክን
ቲብ ወልደገብርኤል ድማ ንዜናገብርኤልን ንደጊያት ሠመረን ወለደ፡ ክብዚኦም ደጊ
ያት ሠመረ ንደጊያት ጉማ ወለደ፡ ደጊያት ጉማ ንቀዳማይ መሮንን ንብዕላይን
ወለደ፡ ክብዚኦም ብዕላይ ዝፈረዮም እብ እገላ ደገብስ እለው፡ ዜናገብርኤል ድማ ንእን
ጀን ዝፈረዩ እዩ ።

ክምኡ ድማ ዘርኢ እንጀን እብ እምባደርሆ ሐማሴን እለው ገለ ድማ እብ ዴግራ
ሊ.ብዒ ጽንዓ ደግለ እለው፡ እንጀን ዘበእም እብ ዘለው እልዮም ሐደዩ ቂጽሮም ቀዳ
ማይ መሮኒ ድማ ንሚሉቕን ንማሉቕን ንፋሉቕን ንዛኑቕን ወለደ፡ ክምዚሎም እርበ
ዕተ ደቂ መሮኒ ይብሃሉ፡ ዛኑቕ ንእንጀን ንበይኖም ዝፈረየ እዩ፡ ክምዚ ጌሮም እዮም
ንደቂ መሮኒ ዝቖርሕዎም ገሊኦም ሊቃውንቲ ።

ገሊኦም ድማ እይፋሉ ደቂ መሮንስ ክምዚ ዝስዕብ እዮም ዝብሉ እለው፡ መሮኒ
ንጉሥ ን፫ ንሚሉቕን ንማሉቕን ንፋሉቕን ወለደ፡ ክልእ ራብዓይ ሐው ክም ዝነበሮም
ብዙሕ እይጠቅስዎን እዮም ። እብ ሐያለ መጻሕፍትን እበይትን ክዓ፡ ክም ዝነበረ ይን
ገር ክም እብ ንብረየስስ ክፍለ ዝፀሐፍዎ ብዙሕ መረዳእ ዘለዎ ጌሮም ክብ ዓበይቲ መጻ
ሕፍቲ ናይ ኢትዮጵያ ፍትሐ ነገሥት ክይተረፈ ክምኡ ድማ ናይ ብዙሓት ሊቃውንቲ
ናይ ነቒሕ ዘበናት ታሪኽ ዝሐዘ እኪዩ ዘጽግብ ዝንታታት እብ ኢዶም ብምርካበይ ነዚ



እብ ላዕሊ ጠቂሸዮ ዘለኹን ብትጉህ መንፈስን ምስትውዓልን ሐገዝምን ስለ ዘይተን
ደለኒ እቲ ታሪኽ ክመስግኖም ይነብር ።

ምዕራፍ ፵፫ ።

| ዛንታ ጉድብ ወዲ - ጉዛይ ። |
| --- |

ክምቲ እብ ቅድም ተጻሒፉ ዘሎ ግድብ ክብታ ሐ.ምኡ ጀኑ እተባህለት ንሐደ
ንተኸስተ ብርሃን ምስ ወለደት፡ ግድብ ምስ ሰበይቱ መርዓ ወዶም ተኸስተ ብርሃን ክገ
ብሩ እብታ ቅድም ዝነበርዋ ዓዲ እብ ሕድይቶ ክይኖም ብዙሕ ሽሻይ ብብዓይነቱ ቀረ
በም መዓልቲ መርዓ ምስ በጽሐ ግድብ ድማ ምስቶም ብሙቱ ናብ መርዓ ክኸዱ
ተበገሱ ። በቲ ዘመኖም መርዓዊ ወሪድ መርዓ እይወፍርን እዩ እሞ ዝነበረ፡ ተኸስተ
ብርሃን ድማ በዚ ምኽንያትዚ ክብ ወሪድ መርዓ ተረፈ ።

ግድብ ድማ ምስ መሰነይትኡ ክኸይድ ክሎ ንገርገራ ዓጋሜ እብ ጥቓ ሕምብርትን
ዝብሃል በረኻ ወሰን መንገዲ እብ መንጎ ክልተ ጸድፊ ምስ በጽሐ፡ ሐንቲ እንስተይቲ
እንበሳ ዋዕሮ ምስ ሹድሽተ ክራኩራ ክብ ዱር በለኸ ኢላ ወጺኣ ተጎነፈቶም፡ ግድብ
ድማ ነዚ ምስረኤ እዚዩ ተገረመ፡ እታ እንበሳ ድማ ገለ ክየለት ምስ ደቃ ከደት ። እዚ ክኸ
ውን ክሎ ክብቶም ወሪድ መርዓ ሐደ ሰብእይ ዋጣ ፁፍ ዝፈልጥ ነበረሞ፡ ንግድብ ክምዚ
በሎ፡ እዛ ሕጂ ነምጽእ ንወድኻ ተሐሲበ ዘላ መርዓት ንዓኻ የእትዋ እሞ ክብእ ጀት
ውላድ ክትወልድ ኢ.ኻ፡ ንሳቶም ድማ እዝዮም ንፉዓትን ጽዉዓትን እናብስን ክኾኑ
ልካ እዮም፡ ነዛ ምድሪ ድማ ብብዝሖም ክመልእዋ እዮም፡ ኢ.ሉ እቲ ዋጣ ፋል ነገሮ ።

ግድብ ድማ ነታ ነገራ ምስ ተዓዘበ ንፅኡ ክእትዋ ፈተወሞ፡ ነታ መርዓት ንወዱ
ንተኸስተ ብርሃን ተሐሲ.በ ዝነበረት ክብ እንዳቡኣ ሒዞማ ንዓዶም ክምለሱ ኸለዉ እብ
መንገዲ ምስ በጽሔ ነቲ ዝገበሮ ኩሉ ሐሲ.ቡ ክምዚ በለ፡ መንድኣ ንሰበይቲ ንጀኑን
ንወደይ ተኸስተ ብርሃንን እዚ ወረዚ ደፊሩ ክብጽሐሎም እዩ፡ ኢ.ሉ ነቶም ብሙቱ ሐተ
ቶም እቲ ዋጣ ድማ እነ እሎኹ ጕይታይ ኢ.ሉ ተበገሰ፡ ንሳቶም ግና መንገዶም ለዊ
ጦም ብዝባን ዓዲ ቀይሕ ጌሮም ነታ ናይ ቀደም ዓዶም ዝነበረት ሕፀይቶ ንኢ.ድ የማን
ሐዲጎም ብሐይንባ ጌሮም ብዝባን ሣእሉ ዝብሃል ዘሎ ሕጂ፡ እብኡ ወጺኦም መርዓ
ቶም፡ ሒዞም እትዮም ዓዲ ጌሮም ተቐመጡ ።

ክመዮ በዓል ፋል እተዛረበ ሠሚራትሉ፡ እታ መርዓት ፰ተ እወዳት ወለደት፡ ንሳ
ቶም ድማ ፰ቲኦም ሽሞምን ዝፈረይዎም ዘርኦምን ዝሐዝዎ ዓድታትን እብቲ ዝሐለፈ
ገጽ ወለዶ ደቂ ተክለጨን ተጽሒፉ ይርከብ ።

እቲ ዋጣ ድማ ናብታ ዓዲ እትዩ ንጀኑን ንወዳ ንተኸስተ ብርሃንን እዚ ወረዚ ምስ
እብጽሐሎም፡ ጀኑ ድማ ብሕርቕርቖት ብእ ብእ ነዚ ዋጣ እብኣ ፍግም እበለቶ ። ነዚ
ዋጣ ምስ ቀተለቶ ነቲ እብቲ ዳስ ዝነበረ ሽሻይ ስዋን ሚስን፡ ጀኑ ነቲ ኢጋንእ እልበ

ክምዘይነበረ ሰባበረቶን ደፍአቶን እቲ ሜስን ስዋን ድማ ክብቲ ዝነበሮ ዳስ፡ ካብ ዝበን ዓዲ ውሒጅ ንታሕቲ አብዚ ሕጅ ምድምባር ዝብሃል ዘሎ ሥፍራ ወሪዱ ስዋን ሜስን ተሐዋወሰ፡ በዚ ምኽንያትዚ እቲ ሥፍራ ተሐዋወሰሉ ምድምባር ተባሂሉ ስጋዕ ሎሚ ይጽዋዕ አሎ ።

## ምዕራፍ ፻፩።

## ዛንታ ወለገርግስ አድያበ።

ዘርኢ ወለገርግስ ዝሐዝዎ ዓድን አመቻቕልአምን ክምዚ ዝኸተል ጌርና ንገልጽ አሎና። ወለገርግስ ብሀፀይ እዮአስ ዘበን ካብ የሕዋቱ ካብ ሐደግቲ ተፈልዩ ብኹ ጾፈሳሲ ጌሩ ብአደጉልበ ጌሩ ንመረብ ዓበ ተሳጊሩ፡ ናብ አዲያበ አትዩ ነቶም ሰብ አድያበ ደቂ ዓዲ አብኡ ዝነበሩ ጋሻ ኰይኑ መሕደሪ ሥፍራ ሐቡኒ ኢሉ ለመኖም ።

ንሳቶም ከዓ ብገርሐም ተማኺሮም መታን ክቕትልዎ ከም ሰብ ድሕን ንወለገርግስ በል ንዓ ናብዚአ ደቅስ ኢሎም ናብታ ጭምጭም ዝበለት ዱር ናብአ ክሐድር አርአ ይዎ፡ ወለገርግስ ድማ ደኺሙ ከቢድ ድቃስ ምስ ደቀሰ፡ ለይቲ ክውታ ምስኩነ አን በሳ መጺኡ ንወለገርግስ ክዋሕሮ ምስበለ፡ ወለገርግስ ከአ ብኡ ብኡ ተበራቢሩ ፈኪሩ ብሕላሰ ፈዘግ አበሎ ።

እቲ አንበሳ ከአ በአፍርሕሙ ፍግም ኢሉ ወደቐ፡ ወለገርግስ ከአ ምድሪ ምስ ፀብሐ ክብታ ቅሽረቱን ፋሪኡን ንግዳይ ክኸኖ ወሲዱ አቐመጠ፡ እቶም ሰብ ዓዲያበ ግና በዕላቶም ክምዝቐትልዎ ነቲ ቆርበት ዝተረፈ ገፊፎም እናፈከሩ ናብቶም ገዛእ ትግ ራይ ትግርኝ ዝነበሩ በቲ እዋን እቲ፡ አብ ዓዲ ከይዶም ፈከሩሎም እንሆ ንበረክት ኢሎም አብ ቅድሚ ራእሲ ሚኪኤል ኢድ ምስ ነስኡ ሐደ ሀያብ ክቕበሉ ከአ ተአዘ ዘሎም፡ አብዚ መንን እቲ ሀያበም ከይተቐበሉ ከለዉ፡ ወለገርግስ ነታ ቅሽረቱን ፋሪ ኡን ሒዙ ናብ ግበ ራእሲ ሚካኤል እናፈከረ አትዩ፡ ጉይታይ ብጀክዚ ቅሽረትን ፋረንዶ ግዳይ ይኸውን፡ እነ እየ ዝቐተልክዎ ኢሉ ምስ ፈከረሎም ነቶም ሰባት ሕፍረት አጐ ልበበም፡ ሰብ ዝኸነ ኩሉ ተገረመ ። ንስም ራእሲ ከአ ነቲ ንዓታቶም ክህብዎም ተሐ ሲቡ ዝነበረን ካልእ ሀያብን ወሲኽም ወርቂ ከይተረፈ መጠውዎ ።

አብ ልዕሊ.ዚ ከአ ዕዉት ጅግና ዝኾነ ሰብአይ ዝድለየሉ መዓልቲ አለዎ ኢሎም ካብአም ከይፍለ ተላበይዎ ንሱ ከአ ካብዛ መዓልቲዚአ አትሒዙ አብ ዓይኒ ራእሲ ሚካ ኤል ምርኡይ ነበረ፡ አብ ዝኸድዎ ኩናት ከአ ዕዉት ነበረ፡ ድሕሪ ብዙሕ አገልግሎቱ ከአ ነድያበ ካብ ንጉሥ ነጊሮም ግዝአትን ርስትን ንዓኻን ንደቂ ደቅኻን ይብጻሕካ ኢሎም፡ ፈረስካ ካብ ንግሆ ስጋብ ምሸት ፀሐይ ሐንቲ ዕለት ዝረገጸ ዝኾነት ትብጻሕካ ኢሎም መረቑሉ፡ ብአዋጅ ከአ ንኹሉ ግዝአቶም አፍለጥዎ ።

ንሱ ከአ ወለገርግስ ክምቲ እተፈቕደሉ ምድሪ ምስ ፀብሔ ምስቶም ጌላው ንጉሥ ከይኑ አብ ፈረስ ተወጢሑ ንምድሪ አድያበ ክዝንቢየላ ወዓለ ። ደሐር ግና ፀሐይ ዕራ



ርበ ምስኩነ እቲ ፈረስ ደኺሙ ዘግየለ እታ ሥፍራ ድማ ጠልን ሸኻን ነበረት እሞ፡ ተሐ ሊሉ ምትጋር ስአነ፡ ወለገርግስ ከአ ብዘንጊ ወር አቢሉ ብደርበይት አግገረላ እሞ፡ እታ ስፍራ ስጋብ ሎሚ ምድርበይ ዘንጊ ተብሂላ፡ ብሰርዚ ትጽዋዕ አላ ።

ወለገርግስ ክብቲ እዋን እቲ አትሒጅ ስጋብ ሎሚ አድያበ ክምዘሎ ርስቱን ግዝአ ቱን ከነ ። ወለገርግስ ሽመት ምስሐዘ ነዘም አብ ታሕቲ ተመልኪቶም ዘለዉ ወለደ ።

## ዘርኢ ወለገርግስ ።

ወለገርግስ ንቑሩብ ዓሬን ወለደ፡ ቑሩብ ዓሬን ንሽፋረ ወለደ፡ ሽፋረ ንአዛዥ ክብ ርአብ ወለደ፡ አዛዥ ክብርአብ ንወለየስ ወለደ፡ ወለየስ ከአ ንጀት ወለደ ።

፩ ንኽብሮም — ፪ ንሐደራየስን — ፫ ንዳዊትን — ፬ ንአዝማች አቢደራን — ፭ ንማሞን — ፮ ንዘርኢ የሐንስን ። ከምዚሎም ፮ት ደቂ ወለየስ ይብሃሉ ነበሩ፡ ካብዚ አቶም ዘርኢ የሐንስ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ሰቲ አለዉ፡ ፪ይ ዘርኢ ማሞ አብ ዓዲ ሽም ተኸሎም አለዉ፡ ፫ይ ዘርኢ ዳዊት አብ ግድበ አለዉ፡ ፬ይ ደቂ ሐደራዩስ አብ ዓዲ ሐደግቲ አድያበ አለዉ፡ ፭ይ ደቂ ክብሮም ከአ አብ ዓዲ ዳዕሮን አድኩመን አለዉ ።

## ዘርኢ አቢዳራ ።

አዝማች አቢዳራ ወዲ ወለገርግስ ሽመት አድያበ ናብኡ ነበረት ንሱ ከአ ነ፬ት ወለደ ። አዝማች አቢደራ ጓል አዝማች ፍቅረየስ ዛይደኰሉም እምቤት ግብፃዊት እተ ባሀለት የእትዩ ። ንአቶ ፋሲልን — ንአቶ አርኩን — ንአቶ ዳንፋይን — ንእመቤት ማርያማዊትን ወለደ ። ከምዚሎም ፬ተ ደቂ አቢዳራ ይብሃሉ ነበሩ፡ ካብዘም ፬ተ የሕ ዋት ፋሲል ዝፈረዮም ሽሞም ከምዚ እዮም ። ንሕላዩን — ንዳንግሽን ወለደ ።

ዓርኩ ከአ ንእመስያስ ወለደ — አመስያስ ከአ ንዘካርያስ ወለደ — ዘካርያስ ከአ ንወልደሐንስን ንወልደሥላሴን ንወልደንኪኤልን ወለደ — ወልደንኪኤል ንገብረፃዲ ቕን ንጉርጃን ወለደ — ወልደሥላሴ ከአ ንአቶ ጉግሣን ንአቶ ምራጭን ወለደ — አቶ ፀሊላ ከአ ንቀኛዝማ ገብረእግዚአብሔርን ንደጊያት ገብሩን ንፊተውራር ኪዳነ ማርያምን ንፊተውራር አርአያን ወለደ — ዳግማዊ ወለገርግስ ከአ ንቀኛዝማች ብስ ራት ወለደ ።

## ደቂ አቶ ምራጭ ።

አቶ ምራጭ፡ ንደጊያት ወልደሥላሴን ንደጊያት ገብረሥላሴን ወለደ፡ ደጊያት ወልደሥላሴ ንደጊያት ሃይለሚካኤልን ንደጊያት ተስፋሚካኤልን ወለደ፡ ደጊያት ገብ ረሥላሴ ከአ ንቀኛዝማች ከበደ ወለደ፡ ደጊያት ሃይለሚካኤል ንደጊያት ሣህለን ንአቶ ወለላን ወለደ ።

## ደቂ ዳንፋ ወዲ አበደራ ።

ዳንፋ ከአ ንወይዘሮ ሐቃፋ ወለደ፡ ወይዘሮ ሐቃፋ ናብ አቤቶ ተስፋገርጊስ ሠየ ምቲ አሰገደ ተአትያ ንዕርፁን ንትርንጉን ንፀጉን ወለደት ። ፀጉ ናብ አቶ ፋሲል አላ

ጌን ጽምብላ ንእቶ ካሣሁን ንእቶ ገብረተኽለን ወለደት ዘርኢ ክልቲኦም የሕዋት ዝፈረይዎም በዓል እንግዳ ወርቁ ዝሓዙ ኣብኡ ኣለዉ ።

<u>ዘርኢ ትርንጐ</u> ፡ ትርንጐ ኣብ እቶ ጳውሎስ ተአትያ ዓዳንቀጦ ካብ እቶ ጳውሎስ ንራእሲ ብርያኡን ንደጊያት ክፍለገርጊስን ወለደት ፡ ራእሲ ባሪኡ ከአ ንደጊያት ገብረ መድህንን ንደጊያት በዛብሕን ወለደ ፡ ደጊያት ክፍለገርጊስ ንልጅ አበራን ንልጅ ገሠሠን ወለደ ፡ እቶ ፃዲቕ ወዲ ወልደንኪኤል ንወይዘሮ ተላ ወለደ ፡ ወይዘሮ ተላ ናብ አስገደ ናብ እቶ ማሩ ወዲ ወንዳያሬድ ተአትያ ንወይዘሮ ሮማን ወለደት ፡ ወይዘሮ ሮማን ከአ ናብ ንብሪእድ ወለገርጊስ ተአትያ ንወይዘሮ ታፋሠሽ አበኹሱም ወለደት ወይዘሮ ታፋሰሽ ከአ ናብ ደጊያት ተሰማ ፀዓዘጋ ተአትያ ንፌተውራሪ ወልደሥላሴ ወለደት ።

<u>ወይዘሮ ታፋሰሽ</u> ፡ መሊሽ ካብ ፌተውራሪ መሸሻ እንዳዋዕሮ ንፌተውራሪ አለማዮሁን ንፌተውራሪ ገሠሠን ንግራዝማች መስፍንን ንልጅ ተኹሉን ወለደ ።

<u>ደቂ እምቤት ማርያማዊት ።</u>

<u>እምቤት ማርያማዊት</u> ፡ ጓል አዝማች አቢደራ ናብ እቶ ነገደዬስ ወዲ ድብሎም ዓዲ ጉልቲ ተአትያ ንገዝ ነገደየስ ዝፈረየት እያ ጓላ ከአ ሠበን ናብ አበ ወልደቀስ ተአትያ ንዓድ ክንቲባ ሐንስ ዓድ መንጐንቲ ዝፈረየት እያ ፡ ክምዚሎም ዘርኢ ወለገርጊስ ካብ ሐደግቲ አክለ ጉዛይ እዮም ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፹፯ ።</u>

### ትውልዲ ቤት ስባጋዲስ ።

ትውልዲ ደጊያት ስባጋዲስ ካብ ወረደ ምህረት ካብ ጅራተ ቀጭን ካብ ላስታ ዝመፁ ንምኳኖም እተፈልጠ እዩ ።

ንሰምን ዓሌቶምን ናብዚ ንምጽሐፍ እተገደስናሉ ምኽንያት ንሰም ናይ ብዙሓት ሕዝቢ አቦ መሠረት ስለ ዝኾኑ እቶም ካብዚ ትውልዲ ሐረግ ተታሐሒዞ ዝወረደ ዘርኢ ዘለዎም አብ በብዓዱ አዚዮም ብዙሓት ስለ ዘለው ንሳቶም ዝፈረይዎምን ዘለውዎ ዓድታትን እናሰመና ካብዚ ንታሕቲ ንገልጽ አሎና ። አቦታት ስባጋዲስ ካብ ዳግማዊ ስመ ንላዕሊ ዘሎ ስጋብ ጅራተ ቀጭን ፳ ትውልዲ ዝአክል እዮም ሐጅ ግና ካብ ዳግማዊ ስመ ንታሕቲ ዘለው ወለዶ ንጽሕፍ አሎና ።

<u>ዳግማዊ ስመ ንአብስበ ወለደ</u> ፡ አብስበ ድማ ንሽፋረ ወለደ ፡ ሽፋረ ከአ ንስብሐት ወለደ ፡ ስብሐት ድማ ንሹም ዓጋመ ኩመሊት ወለደ ፡ ሹም ዓጋመ ኩመሊት ከዓ ንሹም ዓጋመ ወልዱ ወለዱ ፡ ሹም ዓጋመ ወልዱ ከዓ ንጅተ ወለዱ ሽሞም ከዓ ካብዚ ንታሕቲ ንመልከት ፡ ደቂ ሹም ዓጋመ ወልዱ ። ፩ ንፋሲልኒ — ፪ ንብሩርኒ — ፫ ንሰንበቱን — ፬ ንታበቱን — ፭ ንከሕሳይን — ፮ ንፀበላን — ፯ ንደጊያት ስባጋዲስን — ፰ ንሐደሮን — ፱ ንፌተውራሪ ገብረ እምላኽን — ፲ ንፃዕዳን ነዚኦም ፲ እዮም ዝወለዱ ።

ካብዚኣቶም <u>፩ ፋሲል ዝፈረዮም</u> ዓዲ ግራዝማች ጐሹ ዝበሀሉ አብ ሰዒ አብ ማይ ሀምን ዘለው ዝፈረዩ እዮ ።

<u>፪ይቲ ሰንበቱ ከዓ</u> ፡ ንሳ ዝወለደቶም አብ ዓይባ እንዳ ንብረእድ ንቤት ሐርያ ዘለው ንእቶ ገብርሄት ጋንታ እቶ ሹም ዝበሀሉ ሰንበቱ ነዚአቶም ዝፈረየት እያ ።

<u>፫ይ ፃዕዳ አብ ቀዝቀዝያ ዘለው</u> ፡ ንዓደጊያት ወልደንኪኤልን ንዓዲ ፌተውራር ለም ለም አብ ጉሎ መኸዳ ዘለው አቤቶ ጋንታ ሹም እናተባህሉ ይጽውዑለው ።

<u>፬ይ ዘርኢ ፌተውራሪ ገብረአምላኽ</u> ፡ ከአ አብ ደቂ ሐርሽ እንዳ ዳግና እኒ ደጊያት ፀሐየ እኒ ደጊያት እንግዳ እኒ ምራጭ እኒ እቶ ደረስ እኒ እቶ ገብረ እኒ እቶ ገብረ ተስፋይ ክምዚሎም ፲ የሕዋት ዝፈረይዎም በሐደሽም ዓዲ ፌተውራር ገብረአምላኽ ይበሀሉ አብ ዓዲ ሐረሲ አለው ።

<u>፭ይ ዘርኢ ካሕሳይ</u> ፡ እኒ ደጊያት ሐድጉ እኒ ደጊያት ወልድዬ አበ በላይ ወልድዬ እኒ ፌተውራር ደስታ እኒ ፌተውራር ገሠሠ ዝበሀሉ ካብ ጓል ደጊያት ባሀታ ሰገነይቲ ዝውለዱ እዮም እንዳ ከሕሳይ ተበሂሎም ይጽውዑ አለው ።

<u>፮ይቲ ወ/ፀበላ</u> ፡ ናብ እቶ ወልደ እሴይ ንሕላት ዝበሀል ዓዲ አብ ሐራማት አትያ ንወ/ስሂን ወለደት ፡ ወይዘሮ ስሂን ከአ ናብ ባሕሪ ነጋሲ ዝወልዲ አትያ ንደጊያት ኃይለ ማርያምን ንፌተውራሪ ወልዱን ንፌተውራሪ እምባዬን ነዚኦም ዝፈረየት እያ ፡ ንሳቶም ዘርኢ ፫ቲኦም የሕዋት አብ ማይ አብዓ ዝበሀል ዓዲ አለው ።

<u>፯ይቲ ወይዘሮ ብሩር</u> ፡ ድማ ናብ አይድዑር ዝበሀል ዓዲ አትያ ንእቶ ሮሜን ንደጊያት ደረስን ንኸልተ ወለደት ፡ እቶ ሮሜ ከዓ ንደጊያት ንጉሠ ወለደ ፡ አብ ሐረሳዊ ድራ ዝበሀል ዓዲ አለው ካብዚኣቶም ከዓ ደጊያት ደረስ ፡ ንበዓልጋዳ ተኽለን — ንወይዘሮ ጀመርን ነዚኦም ንኽልተ ወለዱ ፡ በዓልጋዳ ተኽለ ንደጊያት ኃይሉ ወለዱ ፡ ንሰም ዝፈረይዎም ከዓ ዓድ ደጊያት ኃይሉ አብ ደራ ዝበሀል ዓዲ አለው ። ወይዘሮ ጀመር ድማ ናብ ሐሐይለ ናብ ደጊያት ብርያጋብር ወዲ ደጊያት ገብረመስቀል አትየን ካብ ደጊያት ብር ያጋብር ንደጊያት ገብረሥላሴ ወለዳ ።

<u>፰ይቲ ወይዘሮ ታበቱ</u> ፡ ናብ ደጊያት ድምፁ እንድርታ ፈለግ ዳዕሮ ዝበሃል ዓዲ አትያ ካብ ደጊያት ድምፁ ፡ ንራእስ አርአያን ንወይዘሮ ሥላስን ወለደት መልሽ ድማ ታበቱ ናብ ሹም ቴምቤን ባይሞት ተአትያ ንደጊያት ደርሶ ወለደት ራእሲ አርአያ ዓቢ ዝወለዶም ። ፩ ንደግያት ደበብን — ፪ ንደጊያት አብርሃ ቀይሕን — ፫ ንደጊያት ተድላ አባጉብንን — ፬ ንደጊያት ደጀኑን — ፭ ንደጊያት ረዳን ።

ከምዚሎም ፭ተ ደቂ ራእሲ አርአያ ዓቢ ዝፈረይዎም አብ እንድርታን አብ ክልእ ዓድን አለው እተን ሐብቶም እምበይተይ ሥላስ ጓል ታበቱ ካብ ደጊያት ድምፁ ዝውለዳ ናብ ሹም ቴምቤን ምርጫ አትየን ካብአም ንጅተ ወለዳ ፡ ንሳቶም ድማ ሽሞም





Ras Tafari

ከም፡ዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንንጉሠ ነገሥት ሐፀይ ዮሐንስን — ፪ ንልጅ ጉብሳን — ፫ ንደጊያት ማሩን — ፬ ንልጅ ሐጐስን — ፭ ንእተጌ ድንቅነሽን ፡ ከምዚሎም ፭ተ ደቂ ሹም ቴምቤን ምርጫ ይበሃሉ ፡ ዘርኦም ድማ ናብ ሙሉእ ኢትዮጵያ ተዘርጊሖም አለው ።

፱ይቲ ዘርኢ ወይዘሮ ሐደሮ ፡ ናብ አቶ እምሐ አንፅዲ አትየን ንፈተውራሪ ንጉሤን ንአቶ ወልደሥላሴ ወለዳ ፡ አቶ ወልደሥላሴ ን፫ተ ወለዱ ። ፩ ንደጊያት አርአያን ፪ ንደጊያት እንግዳን — ፫ ንአቶ በላይን ፡ ነዚኦም ፫ተ ወለዱ ፡ ፊተውራሪ ንጉሤ ድማ ንደጊያት ተስፋይን ንደጊያት ተኽለጊዮርጊስን ወለዱ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ አግውዲ ዝበሃል ዓዲ አለው ።

፲ይ መበል ዓሰርተ ደቂ ሹም ዓጋመ ወልዱ ፡ ደጊያት ስበጋዲስ ዝበሃሉ ብዘበኖም ሐደ ዓብይን ፍሩሕን ሰብ ነበሩ ዝነአ ኩሉ ትግራይ ምስ ሐማሴን ብዘበን መሳፍንቲ ዝነበሩ እዮም ፡ ንሰም ድማ ን፯ተ ወለዱ ሽሞም ድማ ከብዚ ንታሕቲ ንገልጽ አሎና ። ፩ ንደጊያት ሐጐስን — ፪ ንደጊያት ክሕሳይን — ፫ ንሹም ዓጋመ አረጋዊ — ፬ ንደጊያት ወልደንኪኤልን — ፭ ንአቶ ኃይሉን — ፮ ንሹም ዓጋመ ሥብሐትን — ፯ ንአቶ ሱባን ።

ከምዚሎም ፯ተ አወዳት ደቂ ደጊያት ስበጋዲስ እዮም ፡ ደጊያት ሐጐስን ደጊያት ክሕሳይን አዲኦም ሐንቲ እያ ደቂ ጓል ሐራማት እዮም ፡ ደጊያት ወልደንኪኤል አቶ ኃይሉ ካብ እምቤይተይ ጌርጊስ ጓል ሐኤታ ሱባ ዓዲ ሹም አኮሎም ሳዕስዕ ዝውለዱ እዮም ፡ ሹም ዓጋመ ሥብሐት ካብ ወይዘሮ ለትብርሃን ጓል ከንቲባ ዘርአሐንስ ወዲ ከንቲባ ቀላቲ እሕፍሲ ሽመዛና እዮም ዝውለዱ ።

ሹም ዓጋመ አረጋዊ ድማ ካብ እምቤተይ ትሻል ጓል አቶ ገብረመስቀል ዓቢ፡ዓረዛ ዝውለዱ እዮም ፡ አቶ ሱባ ድማ ምስ እንበዓል ደጊያት ወልደንኪኤልን አቶ ኃይሉን አዲኦም ሐንቲ እያ ። ከምዚሎም ፲ተ ደቂ ሹም ዓጋመ ወልዱን ፯ተ ደቂ ደጊያት ስበጋዲስን እዚኦቶም ዝሐዝዎን ዝፈረይዎን ከምዚ አብ ላዕሊ ብገፉሑ ተገሊፁ ዘሎ አዝዮም ብዙሐትን ምዕቡላትን ክይኖም አብ ሙሉእ ኢትዮጵያ ዘርኦም ተዘርጊሑ አሎ።

ም ዕ ራ ፍ ፶፰ ።

| ወ ለ ዶ   እ ን ጋ ን አ ። |
|---|

እዘም እንጋንእ ዝብሃሉ ካብቲ መሠረት ወለዶኦም ካብ ዓሌት ላዕለዋይ ሳብ እዮም፡ እዚ ሳባዚ ድማ ቀንዲ ፳ይ ወዲ ኢትዮጲስ እዩ ፡ ደቂ ኢትዮጲስ ድማ ሽሞም ሳባ — ኖባ — በለው — ክለው — ላክንዱን ይብሃሉ ነበሩ ።

ካብዘም ፭ተ አሕዋት ላዕለዋይ ሳባ ነዚም እንጋንእ ዝወለደ እዩ ፡ ካብዚ ሳባዚ ጀሚሩ ንታሕቲ ዘሎ ትውልዲ ስጋዕ ፲፫ ደቆም ደቂ ደቆም ጌሮም ይቖርሕዎም ። አብ ገለ ጽሑፍ ግና አይፋል ካብ ላዕለዋይ ሳባ ስጋዕ ሰብ አኖን ዝብሃል ፲፮ተ ጌሮም ይቖር



ሕዎም ። ዝኾነ ይኹን ካብ ሳባ ንምኽኑ ዓሌቶም እተፈልጠ እዩ ፡ ሕጂ ግና ካብቲ ድሕሪ ፲፮ተ ወለዶ ዝርከብ ሰብ አኖን ዝብሃል ንሱ ዝፈረዮም ሽሞም ካብዚ ንታሕቲ ንገልጽ አሎና ።

ደቂ ሰብ አኖን ፡ ሰብ አኖን ንመአዊ ወለደ ፤ መአዊ ድማ ንያዲት ወለደ ፡ ያዲት ድማ ን፫ተ ወለደ ፡ ፩ ንወልደርያስን — ፪ ንእንሮምን — ፫ ንእብነ ጣህርን ፡ ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ያዲት ይብሃሉ ፡ ካብዚኦም ኢብነ ጣህር ንእዮብን ወለደ ፡ ስጋዕ እዚ እዋንዚ ሽሞም ተጸዊዖም ዘለዉ ብዘበን እዮብን ብግዝእት ምኽንያት ንዓዲ ዓረብ ንየመን ብፍቓድ ሐፀይ ገብረመስቀል ምስ ከዱ ስጋዕ ብዙሕ ትውልዲ አብ የመን ነበሩ፡ ደሐር ግና ድሕሪ ብዙሕ ትውልዲ ዳግማዊ እዮብን ዝብሃል ካብቶም አሕዋቱ ተፈልዩ ምስ ብዙሕ ርእሱ ክይኑ አብ ቡሬ በረኻ ተቐመጠ ።

ወልደርያስ ዝፈረዮም ፡ ግና አብ የመን ብዙሕ ዓድታት ሒዞም አለዉ ፡ ኢቶም ካል አት ዓሌት ድማ ሐበሽ እናበሉ ስጋዕ ሎሚ ይጽውዕዎም ፡ እቲ ዘለውዎ መኸን ድማ ፍሉጥ እዩ ፡ ጀበለል ሐበሽ ይብሃል ፡ እቲ መኸን ድማ ደጋን ቆላን እዩ ፡ ሐሐሊፈ ድማ ናይቶም ቀዳሞት አበታቶም ዝነበረ ቤተ ክርስትያናት ስጋዕ ሎሚ ፀናታት ይርከብ ። ንሳቶም ግና አብ እስላም ሃይማኖት እዮም ዝርከቡ ፡ አዚዮም ብዙሐት ማእለያ የብሎምን ።

ዘርኢ እዮብን ፡ እዮብን ዝወለዶም አብ ቡሬ ባሕሪ ተቐሚጡ ፡ ን፯ተ ወለደ ስሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ ንስርኹሰን — ፪ ንዋኪታይን — ፫ ንጐረፈታይን — ፬ ንንዳ ወረዛይን — ፭ ንንዳ ሐረዛይን — ፮ ንሐዘን — ፯ ንቶርዓን ከምዚሎም ፯ተ ደቂ እዮብን ይብሃሉ ። ካብዚኦም ስርኹሰ ዝፈረዮም አብቲ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ አብ ስርኩሰ አለዉ ። ካብኦም ዝወጹ ድማ አብ ካልእ ዓድታት አለዉ ።

ዋኪታይ ዝፈረዮም ድማ አብ ገረዓልታ አለዉ ፡ ጐረፍታይ ዝፈረዮም ድማ በራ ሠለዋ ሐሐሊፎም አለዉ ከምኡውን ካብ ካልእ ዓሌት ዝውለዱ አብ በራ ሠለዋ ቤተ ስምዖን ዝብሃሉ አለውዎም ፡ አብ ገረዓልታውን ካልእ ዓሌት አለውዎም ፡ ሐሐሊፎም ዓድታት ሒዞም በርክት አለዉ ።

ካብ ደቂ እዮብን ዝውለዱ የሕዋቶም አብ ቶርዓ ተሐዋዊሾም አለውዎም ከምኡ ድማ ካብኦቶም ዝኸዱ ካብ እዮብን ዝውለዱ አብ ሐዘ ተሐዋዊሾም ምስ ካልእ ነገድ አብ ሐዘ አለዉ ። ብጀካ እዚኦቶም ድማ ሐዘ የሕዋት መንሳዕ አዝዮም ብዙሐት እዮም ። ፪ተ ሐዘ ተብሂሎም ይጽውዑ ። ከምኡ ድማ አብ ቶርዓ ቤት ሙሰ ዝብሃሉ መስመር ዝወለዶም አብ ቶርዓ አለዉ ፡ ከምቲ አብ ቅድም ተጠቒሶም ዘለዉ አብ ወለዶ ሮብራ ካብኦቶም ካብ መስመር ዝወጹ አብ ቶርዓ አለዉ ፡ ብጀካ እዚኦቶም ድማ ፪ተ ቶርዓ የሕዋት መንሳዕ እዮም ።

ስለዚ እቲ ሕዝቢ ብኸብቲ ምኽንያት ብስደት ካብ አሕዋቱን ካብ ወገኑን እና ተፈልዩ ምስ ካልእ ነገድ እና ተሐዋወሰ ብቋንቋ ምውርራስን ብምትእትታውን አብ ሐደ ሽም ይጠቓለል፡ ግና በብዓይነቱን በብክፍሉን ፍሉጥ እዩ፡ ከምኡ ድማ ወሬዛይ ዝፈረ

ዮ·ም ሐሐሊፎም አብ ትግራይን አብ ኤርትራን ዝርከቡም ንጣር አለውዎም ፡ ክንድቲ ዝአክል ግና ብዝሒ የብሉምን ፡ ከምኡ ድማ ሐረዛይ ዝፈረዮም አብ ከባቢ ባዕዕ ዝር ከቡ ሕዝቢ ዝገልጽ አብ ቤት በለው ጽሑፍ ዝርከቦም ተሰምዮ·ም አለዉ ።

## ዘንታ ገብሩ አዶናይ ።

ገብሩ አደናይ ወይን ገብሩ ሃዳናይ ፡ ዝብሃል አብ ስርኩሰ ምስ የሕዋቱ ብዙሕ እዋን ይቕመዋ ነበረ ፡ ደሐርውን አብ ምድሪ ሐዘ ወሪዱ አብኡ ሐያለ እዋን ምስ ፀንሐ ሰቡን ማሉን አኪቡ ናብ የሕስአ አትዩ ተቐመጠ ፡ አብ አሕስአ ክይኑ ድማ ሐንቲ ጓለ ቢት የአትዩ ክብአ ንሰለስተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ድማ ፡ ዑቕበንኪኤል — ፍረንኪ ኤል — ተስፋንኪኤል ይብሃሉ ነበሩ እዚአም ሰለስተ ደቂ ገብሩ አዶናይ ተብሂሎም አብዘለዉ እልዮም ብሐደ ሽም ይፅውዑ ፡ ንሱ ድማ ክብ አሕስአ ተመሊሱ ናብ ሐዘ አትዩ ተቐመጠ፡ እቶም ፫ት ደቂ ግና ሰበምን ማሎምን አኪቦም ንዓይላ ጉንደትወረዱ ፡ አሕአምን ጠለ በጊዖምን አግማሎምን ማአለያ ዘይብለን ሐመደ ግዳም እየን ዝነበራ ።

ንሳቶም ድማ ፈለማ አብ አሕሳአ ክቐመጡ ስለ ዘይፈተዉ ፡ ናብ ዓይላ ጉንደት ዓዲ ክንብሩ ሐረዩ በዚ እዋንዚ ጉንደት ጻር ጸሊም ሀሮርማ በረኻ ሀልም ዝበለ ገረብ ነበረ ። ንሳቶም ድማ ሐያሎ እዋን እብኡ ተቐመጡ ፡ ክብዚአም እቲ ሳልሳይ ሐዎም ፍረንኪኤል እተብሀለ ክብ ዓይላ ጉንደት ፡ ክብ አሕዋቱ ተፈልዩ ንዝበን ሠራዩ አትዩ ተቐመጠ ፡ ንሱ ዝፈረዮም ድማ አብ ዓዲ ሐርካይን ዓዲ ቐለትን ዓዲ ሐሰሮን አለዉ ፡ ክብዚአም ዝወጽሉ አሕዋቶም ድማ አብ ታኺታ አለውዎም ፡ ክምዚሎም ንሱ ዝፈ ረዮም አብ ዘለዉ እልዮም ደቂ ፍረንኪኤል ይብሃሉ ።

ዘርኢ እቲ ክልአይ ሐዎም ዑቕበሚካኤል ድማ ፡ ንሱ ዑቕበሚካኤል ካብ ጉንደት ካብ ሐዉ ተፈልዩ ሰቡን ማሉን አኪቡ ብኹዶ ፈላሲ ኄሩ ኡብዚ ሕጂ እንጋንአ ተብ ሂላ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ፡ አብ ማእከላ አትዩ ተቐመጠ ። ፈለማ ግና ካብ ጉንደት ቅድሚ ምብጋሱ ፪ቲአም አሕዋት ክፈላለዩ ከለዉ ፡ ተስፋንኪኤልን ዑቕበንኪኤልን ፡ አታ ንስኻ ንዓላኻ ፡ አታ ንስኻ ንዓይላኻ ኢሎም ፪ቲአም አሕዋት ብምኽሪ ተፈላለዩ ይብሃል ።

እዚ ዛንታዚ ድማ ብዙሐት የዘንትውዎ እዮም ፡ በዚ ምኽንያትዚ እቲ ንዓላ ሐዘ ፡ እቲ ድማ ንዓይላ እንጋንአ ሐዘ ። ዑቕበንኪኤል አብ እንጋንአ ክይኑ ማሉን ጠለ በጊዑን ገመሉን ማእለያ ዘይብለን ምድሪ ክዳንን ነበራ ይብሃል ። ንሱ ድማ ምስቶም ሽዑ ዝነበሩ ገዝእ ሀገር እምሐገርጊስ ዝብሃሉ ፡ አብ ዓይኖም ድማ ምርኡይ ነበረሞ ነዚ ሕጂ ዘለውዎ ምድሪ ክብቶም ሽዑ ዝነበሩ ንጉሥ ርስቲ አታሒዝዎ ። እቲ ዝሐዘ መኻን ድማ እንጋንአ ይብሃል ፡ ብስሜን መረታ ቀያሕቲ ፡ ብደቡብ እገላ ሐመስ ፡ ብምስራቕ ሐር ማዝ ዝረገጸ ፡ ብምዕራብ ሠሐርቲ ክምዚሉ ርስቲ ንእኡን ንደቁን ንደቂ ደቁን ይብጻ ሕሉ ኢሎምዎ ይብሃል ።

ብዛዕባዚ እና ጠቐሰ ዘዘንት ፡ በርሙዳዝ ዝብሃል ወዲ እስፓኛ ክብ ኢትዮጵያ ዝወ ሰዶ ጽሑፍ ሐሐሊፉ ይጠቕስ እዩ ፡ ደቂ ዝሐዝዎ ዓድታት ድማ ክንሰሚ ፡ እኒ ደቀ እም



ሐረ እኒ እፈልብ እኒ ቐይሕ ኮር እኒ ሰሳሕ እኒ ደቂ ናዞ እኒ ነፀሉ ከምኡ ድማ ካብዚአም ዝወጹ ሐሐሊፎም ምስ ክልአ ዓሌት ተዛኒቖም ይርከቡ ።

ተስፋሚካኤል ድማ አብ ጉንደት ክይኑ ንሱ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ደራጉዲን አብ ገዛ ዓዲ ሀብሱሉስ አብ ዓዲ ሽመከለ ከምኡ ድማ ካብአም ዝወጹ ፡ እንዳምሕረት ዝብ ሃሉ አሉዋቶም ፡ አብ ፃዕዳ ክስታን አለውዎም፡ ከምኡውን ሐሐሊፎም አብ ዓይላ ጉን ደት ይርከቡ ።

ከምዚሎም ፫ት ደቂ ገብሩ አዶናይ ፡ አብ ዘለዉ እልዮም ብሐደ ሽም ደቂ ገብሩ አዶናይ ይብሃሉ ። ከምቲ አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ካብ ዋንቲ መሠረት ወለዶአም ካብ ቀዳ ማይ ሳባ ወዲ ኢትዮጲስ ተተሐሒዙ ዝወረደ ዘርኢ ንምኽኣም አብ ብዙኃት ጽሑፍ መጻሕፍቲ ይነግረሎም እዩ ። ከምኡውን ምስ አብ ብርሃን መስቀል ተኸሉ ሐው ደጊ ያት ገብራይ ዝተሰማምዒ እዩ ።

## ምዕራፍ ፵፱ ።

### ወለዶ መንሳዕ ።

እዛም ክልተ መንሳዕ ካብ ዋንቲ መሠረት ወለዶአም ከምቲ አብ ሐድ ሐደ ጽሑፍ ተጠቒሱ ዘሎ ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ። ክልተ መንሳዕ አቦታቶም ካብ ዓዲ ዓረብ ካብ ዘርኢ ቁረሽ ካብ ማዓወያ ዘርኢ ተታሒዙ ዝወረደ ስጋዕ ዘድን ዝበድን ክልቲ አም አሕዋት ሐያሎ ትውልዲ ኀይሮም ይቕርሕዎም ።

ክልቲአም አሕዋት ከአ አብ ምድሪ ዓረብ እዮም ዝነበሩ ፡ ድሐር ግና ክፋላለዩ ከለዉ ዚድ አብ ምድሪ ዓረብ ተረፈ ዝቤድ ግን አብ ምድሪ አፍሪካ ባሕሪ ኤርትራ ተሳ ጊሩ አብ ቡሪ በረኻ ባሕሪ አትዩ ተቐመጠ ፡ አብኡ ኮይኑ ከአ ፡ ፩ መንስዓይ — ፪ ሃደ ንደዋይ — ፫ ሐዘታይ — ፬ ሽሃይ ፭ ማርያይ — ፮ ዓዶግሌ — ፯ ቶርዓይ ከምዚሎም ደቂ ዚድ እዮም ዝብሃሉ ።

ሃደንደዋይ ፡ ንሃረንደዋ ዝፈረየ እዩ ፡ ንሳቶም ዝፈረይዎም አብ በረኻ ምዕራብ ኤር ትራ ወሰን ወሰን ሐሐሊፎም ‹ዘላን› ሐለውቲ ከብቲ ኮይኖም አብ ብዙሕ ስፍራ ፋሕ ኢሎም አለዉ ፡ ብሐደ ሽም ሃረንደዋ ይብሃሉ ።

ዘርኢ ቶርዓ ፡ ቶርዓ ዝፈረይዎም አብ ብዙሕ ስፍራ አለዉ ፡ ገሊአም አብ ጊንዳዕን አብ ከባቢ እግሪ ደብረቢዘንን አለዉ ፡ ብሐደ ሽም አብ ዘለዉ እልዮም ቶርዓ ይብሃሉ።

ሽሃይ ዝፈረዮም ፡ ሽሃይ ዘብአም አብ ዘለዉ እልዮም ብሽም እብአም ሽሁ ተብ ሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

ዘርኢ ማርያይ ፡ ማርያይ ዝፈረዮም ከአ ምድሪ ሮራ ዘለዉ ማርያ ጸሊምን ማርያ ቀይሕን ተብሂሎም ይጽውዑ አለዉ ፡ ቅድም ማርያይን መንስዓይን ብሐንሳብ ካብቲ ዝነበርዎ ምድሪ ቦሪ ዝብሃል ባሕሪ ጥቓ ደንክልን ዘላን ዘላ ፡ ክብአ ተላዒሎም ሰበምን

ማሎምን አኪበም አብ ሃይገት አተዉ ። ንሳ ከአ ምዳቕ ጽሑይ እያ እሞ ናብአ ክቕ መጡ ፈተዉ ፡ ጸኒሖም ከአ ክሳዕ ሮታ ምድሪ ሐዙ ። ብፍላይ መንስዓይ ንሃይገት ንበ ይኑ ክሕዛ ፈተወ ፡ አብ ዓመት ክልተ ግዜ ክረምቲ ስለ ዘለዋ አብአ ክቕመጥ ሐረየ ። መንስዓይ ንዓረቢ ወለደ ፡ ዓረቢ ከአ ንአወሊ ፍንጃይ ወለደ ፡ አወሊ ፍንጃይ ከአ ንሐ ዋጨ ወለደ ፡ ሐዋጨ ከአ ንመሐሪ ወለደ ፡ መሐሪ ከአ ንዑቕባዝጊ ወለደ ፡ ዑቕባዝጊ ከአ ንአብርሄ ወለደ ፡ አብርሄ ከአ ንሰረቐሽንገብ ወለደ ፡ ሰረቐሽንገብ ከአ ንአሕፈሮም ወለደ ፡ አሕፈሮም ከአ ንካምል ወለደ ፡ ካምል ከአ ንአፍታይ ወለደ ፡ አፍታይ ከአ ንኸንቲባ ዑቕባንኪኤል ወለደ ፡ ከንቲባ ዑቕባንኪኤል ከአ ንሃብተስላሰ ወለደ ፡ ሃብተ ስላሰ ከአ ንትምኪኤል ወለደ ፡ ትምኪኤል ከአ ንገብረየስ ወለደ ፡ ገብረየስ ከአ ንተስ ፋንኪኤል ወለደ ፡ ተስፋንኪኤል ከአ ንአፍታይ ወለደ ፡ አፍታይ ከአ ንኸንቲባ ተስፋ ንኪኤል ወለደ ፡ ኸንቲባ ተስፋንኪኤል ከአ ንኸንቲባ ዑቕባንኪኤል ወለደ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ገለብ አለዉ ፡ ዓዲ አሕፈሮም ከአ ይብሃሉ ።

## ምዕራፍ ፶ ።

### ደቂ ለዋይ ።

እዚ ለዋይ እዚ ሐው አሕፈሮም ወዲ ሰረቐሽንገብ እዩ ፡ ለዋይ ከአ ሰለስተ ወለደ ፡ እዚኣቶም ከምዚ ዝስዕብ እዮም ፡ ገብረየስ ዓንዶላይ — ቡላ — ይብሃሉ ፡ እዚ ኦም ሰለስቲኦም ዝፈረይዎም አብ ገለብ አለዉ ፡ ብሐደ ሽም ደቂ ለዋይ ይብሃሉ ፡ ከምኡ ከአ ደቂ ለዋይ ካብ ክልአ ሰበይቲ ዝውለዱ ፡ ሐሸላ — ግዕደድ — መሐሪ — አቤብ ወለደ ፡ ካብዚኦም ሐሸላ ንዓንዶላይ ወለደ ፡ ዓንዶላይ ከአ ንገብረየስ — ንዓ ይላይ — ንዓንደየስ ወለደ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ኩሉ ዓድታት ብሽም አበታቶም አብ ዘለዉ ኣልዮም ዓድ ገብረየስ ዓድ ዓይላይ ዓድ ቡላ ይብሃሉ አለዉ ።

ገብረየስ ንተስፋንኪኤልን ንዓዳን ንሀብተማርያምን ወለደ ፡ ካብዚኦም ተስፋንኪ ኤል ንሕመድን ንመስመርን ንእስፈዳይን ንሐሸላን ንሰመሬን ወለደ ፡ ካብዚኦም መስ መር ንኸንቲባ ቴድሮስ ወለደ ፡ ከንቲባ ቴድሮስ ከአ ንገላድዮስን ንተኸለየስን ንገርጊ ስን ንእስገዶምን ንብእምነትን ወለደ ። ካብዚኦም ከንቲባ ብእምነት ንኖርን — ንናይርን ንተስፋንኪኤልን — ንዓሊኑርን — ንእስገዶምን — ንአልመዶምን — ንዓሊሸኽን — ንዑ መርን — ንመሐመድ ዓልን — ንመሐመድ ኑርን — ንእዙዝን ወለደ ። ካብዚኦም እዙዝ ወዲ ከንቲባ ብእምነት ንመሐመድ ንፍክክ ወለደ ።

<u>ደቂ ተኸለየስ</u> ፡ ተኸለየሰ ወዲ እድሪስ ንሃብተየስን ንከንቲባ ነጋስን ንይበቲትን ንእዛዝን ወለደ ፡ ካብዚኦም ከንቲባ ነጋሲ ዝወለዶም ሐደምበስ ግሬነት ናትናኤል እዚ ኦቶም ደቂ ከንቲባ ነጋሲ ይብሃሉ ። እዛዚ ሐው ከንቲባ ነጋሲ እዩ ፡ እዛዚ ዝወለዶም ፡ ንገንደር ንሀብተየስ እዚኦም ደቂ እዛዚ እዮም ፡ ገንደር ንሃብተገርጊስ ወለደ ።



ኤሎስ ወዲ እድሪስ ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ንእድሪስን ንመሐመድን ንል ጃጅን ንእያሱን ንገላይዶስን ወለደ ፡ ካብዚኦም ልጃጅ ንድራር ንራካ ንለጃጅ ንመሐ መድ ዓሊ ወለደ ።

<u>ደቂ ዓንዶላይ</u> ፡ ዓንዶላይ ወዲ ለዋይ ዝፈረዮም ፡ ንሰመረልዑልን ንተስፋጮንን ወለደ ፡ ካብዚኦም ተስፋጮን — ንየሃንስ — ንአሚር — ንይስሐቕ — ንተስፈገርጊስ — ንብሐይላይ — ንለዋይ ወለደ ።

<u>ደቂ ለዋይ</u> ፡ ለዋይ ንአሕፈሮም ንፍክክ ንዑቕባገርጊስ ንዳምር ወለደ ፡ ሰመረልዑል ንመዲን — ንክቢን — ንገቢል — ንአሚር ድሩይ ወለደ ።

<u>ደቂ ዓንዶላይ</u> ፡ ዓንዶላይ ንእድሪስን ንዮናስን ወለደ ፡ ተስፋጮን ወዲ ዓንዶላይ ንሐ ሸላ — ንየጊን — ንዓይላይን ወለደ ፡ መሊሱ ከአ ካብ ክልአ ሰበይቲ ንቴድሮስን — ንዕቑበየ ስን — ንረድእን — ንመብስዕን — ንዓርን — ንሳልሕን — ንነታበይን ወለደ ። ተስፋጮን መሊሱ ከአ ካብ ክልአ ሰበይቲ ንኖር — ንፍክክ — ንፍሊጶስ ወለደ ፡ ካብዚኦም ዓይ ላይ ወድ ተስፋጮን ንተኸለየስ — ንግብጣን — ንዕጀል — ንናሽሕ — ንሙሳ — ንል ባብ ወለደ ፡ ካብ ዚኦም ልባብ ዝወለዶም ንዓቤ — ንሱር — ንየሐንስ — ንበሺት — ንሐምደ — ንሙሳ ወለደ ፡ ከምዚሎም ደቂ ልባብ ይብሃሉ ።

<u>ደቂ ዕጀል</u> ፡ ዕጀል ወዲ ዓይላይ ንመንደር — ንዓይላይ — ንአድግ — ንፈደል ንእያሱ — ንኖር ወለደ ፡ ካብዚኦም ዓይላይ ወዲ ዕጀል ንሐስማን ንፍሊጶስን ወለደ ፡ ካብዚኦም ድማ ፍሊጶስ ወዲ ዓይላይ ንገብረጻድቕን ንሰለሙን ወለደ ፡ ፈደል ወዲ ዕጀል ከአ ንእዛዝ — ንሀዳድ — ንዳዊት — ንአማኒኤል ወለደ ፡ ሀዳድ ወዲ ዕጀል ንአ ልአዛር ወለደ ፡ አልአዛር ከአ ንኤልያስን ንኤልሳን ወለደ ።

<u>ደቂ የጊን</u> ፡ ወድ ተስፈጮን የጊን ንዓገበ — ንወርዒሰብ — ንጀሃድ — ንክፍለገርጊስ ወለደ ፡ ካብዚኦም ክፍለገርጊስ ንእስፈዳይ ወለደ ፡ እስፈዳይ ከአ ንዳፍላ ወለደ ፡ ወር ዒሰብ ወዲ የጊን ንሀብተየስ ወለደ ፡ ሀብተየስ ንወርዒሰብ ወለደ ፡ ወርዒሰብ ከአ ንጀሚዕን — ንፍክክን — ንገላዲዮስን — ንሕዳድን — ንሀብተየስን — ንጃወጅን — ንት ምኪኤልን ወለደ ።

<u>ደቂ ግዕዳድ ወዲ ለዋይ</u> ፡ ግዕዳድ ንስብሐለብ - ንመናቕሙ - ንተስፋልዑል ወለደ ፡ ካብዚኦም ተስፋልዑል ንቡላ ወለደ ፡ ቡላ ከአ ንትራጅ ወለደ ፡ ትራጅ ከአ ንጀሃድ ወለደ ፤ ጀሃድ ከአ ንቡላ ወለደ ፡ ቡላ ከአ ንጀሃድ ወለደ ፡ ጀሃድ ንዒተልን ንትራ ጅን ወለደ ፡ ካብዚኦም ዒተል ዝወለዶም ንትራጅ — ንፈደል — ንአብርሃም — ንጃምዕ ንእያሱ ወለደ ፡ ከምዚሎም ዓዲ ቡላ ይብሃሉ ።

<u>ደቂ መሐሪ ወዲ ለዋይ</u> ፡ ክንድቲ ዝአክል ብዝሒ የብሎምን ዝርከቡም ግና ምስ ዓዲ ቡላ ተሐዊሾም ፡ ብዓዲ ቡላ ሽም ይጽውዑ አለዉ ። ከምኡ ከአ ደቂ አቢብ ወዲ ለዋይ ዝፈረዮም ፡ ዝርከቡም ምስ ዓድ ገብረየስ ይጽውዑ አለዉ ። እዚ መሐሪ ወዲ ለዋይ ዝፈረዮም ንሐምድ = ንተኸለየስ — ንሐንስ — ንገንደር ንመሐመድ — ወለደ፡ አቢብ ዝወለዶም ወዲ ለዋይ ሐዊ መሐሪ እዩ ፡ ንሹም ሐድገ — ንአቢብ — ንስዕረ

ንዳውራይ — ንሐይልሚኪኤል — ንመሐመድ ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም ምስ ዓድ ገብ ረየስ አለዉ ።

<u>ደቂ አሕፈሮም ወዲ ሰረቐ ሽንገብ</u>፡ አሕፈሮም፡ ንከምልን ንእስሙዔን ወለደ፡ ካብዚ. ኦም አስሙዔ ንያዕቆብ — ንባይራይ — ንሐየሎም — ንትምኪኤል — ንየረን — ንአቢብ ነዚኦም ወለደ፡ ካብዚኦም አቢብ ንይስሐቕ — ንትማርያም — ንትምኪኤል — ንዘርኢት ወለደ፡ ካብዚኦም ትምኪኤል ንገብረንኪኤል — ንሃብተገርጊስ — ንዑቕበንኪኤል ወለደ፡ ዑቕበንኪኤል ከአ ንገብረንኪኤል ወለደ ። ካብዚኦም ድማ ገብረንኪኤል ወዲ ዑቕበንኪኤል ንሃብተስላሰን ንሐምደን ወለደ ።

ባይራይ ከአ ንኤርምያስን — ንመሐመድ — ንትምኪኤል - ንእድሪስ - ንኖር ወለደ፡ ዘርኢት ወዲ ሻሐቕ ከአ ንማንታይ ወለደ፡ ሐየሎም ወዲ ያዕቖብ ከአ ንስመረአብ ንተኽለአብ — ንገብረየስ — ንናይር — ንአተሽም — ንኣይበት — ንአብርሄ — ንገብረ መስቀል — ንገብረማርያም ንዝወልዲ — ንከሊብ ከምዚሎም ደቂ ሐየሎም ወዲ ያዕቆብ ይብሃሉ፡ እንተኾነ አብቲ ላዕሊ መጸውዒኦም ደቂ ሰረቐሽንገብ እዮም ዝብሃሉ ።

<u>ደቂ ከምል</u>፡ ከምል ዝወለዶም ክንሰሚ ንአፍታይ ንማልክ ወለደ፡ ካብዚኦም ማልክ ንድብሉይ ወለደ፡ ድብሉይ ዝፈረዮም ክንድቲ ዝአክል የብሎምን፡ አፍታይ ንከንቲባ ዑቕበንኪኤል — ንሃብተስላሰ — ንደሴት — ንሕጊት — ንተስፋላሰ — ንትምኪኤል ከምዚሎም ደቂ አፍታይ ይብሃሉ ። ክንትብንት ከአ ካብ ቤት አብርሄ፡ ካብዚ ዑቕበ ሚከኤል እዚ እያ እትጀመረት እንተኾነ፡ ሃብተስላሰ ክንሱ በኽሪ ቤት ብንእሽትኡ ስለ ዝሞተ፡ ወዲ ትምኪኤል ንእሽተይ ስለ ዝኾነ ናብ ሐወቡኡ ናብ ደሴት ክንቲብ ነት ናብኡ ሐሊፈት ።

<u>ዘርኢ ደሴት</u>፡ ደሴት ንተኽለየስ — ንነበራይ — ንሃመጃይ ወለደ፡ ተኽለየስ ከአ ሐድጊ ስለ ዘይብሉ አሕዋቱ ወረስዎ ። ነበራይ ከአ ንፈደል — ንሀብተየስ — ንናይር — ንኖር — ንድሩይ —ንመሐመድ ወለደ፡ ካብዚኦም ድሩይ ንመሐመድ — ንሃመጃይ — ንእድሪስ ወለደ፡ እድሪስ ከአ ንእሽሐቕ ወለደ፡ ካብዚኦም ከአ እሽሐቕ ንገብረየስ ወለደ ገብረሰየስ ከአ ንመሐመድ ኬር ወለደ፡ መሐመድ ኬር ከአ ንመስመር — ንገን ደር — ንመንደር — ንእስጢፋኖስ — ንገብረየስ ወለደ፡ ከምዚሎም ዓድ ኢድሪስ ይብሃሉ ።

<u>ደቂ ሕጊት</u>፡ ሕጊት ንሜድቕ ወለደ፡ ሜድቕ ከአ ንአሕፈሮም — ንሕጊት ወለደ፡ ካብ ኦም ሕጊት ንተስፋጮን — ንጉጉይ — ንአሕፈሮም — ንፍክክ ወለደ፡ ሀዳድ ከአ ንተስፋ ጮን ወለደ፡ ተስፋጮን ግን ሐድጊ የብሉን፡ ጉጉይ ወዲ አሕፈሮም — ንተኽለየስ — ንናሽሕ — ንብእምነት — ንመሐመድ — ንእክት ወለደ፡ ካብዚኦም ናሽሕ ንአሕመድ — ንእድሪስ — ንብእምነት ወለደ፡ ሕጊት ወድ ሜድቕ ንሰረቐ ንገብርረብ ወለደ፡ እዚኦም ግና ሐድጊ የብሎምን፡ ተስፋስላሰ ወዲ ዑቕበንኪኤል ንገረማርያም — ንመስመር — ንስመራ — ንሰናድር — ንመንደር — ንዓብዱ — ንዓልገደናይ ወለደ፡ ካብዚኦም መንደር ወድመስመር ቀዳማይ ንመስመር ወለደ፡ መስመር ከአ ንእድሪስ - ንጋብሽ — ንመፍ ለስ — ንሳልሕ — ንበኺት — ንማዓር ወለደ፡ ካብዚኦም ጋበሽ ወድ መስመር ንከልአይ.



መስመር — ንመሐመድ — ንፊሊጵስ ወለደ፡ ገንደር ወድ መስመር ድማ ንቀዳማይ ሃብትየስ — ንበኺት — ንሽልሽል — ወለደ፡ ስመራ ወድ ገረማርያም ንገረማርያም — ሳምራን ወለደ፡ ካብዚኦም ገረማርያም ንዓበ — ንሳምራ ወለደ፡ ሳምራ ወዲ ገረማርያም ንጅቡል — ንሕነሽም ወለደ፡ ካብዚኦም ሕነሽም ንጅቡል ወለደ፡ ጅቡል ከአ ንመሐመድ ወለደ ።

<u>ደቂ ትምኪኤል</u>፡ ትምኪኤል ወዲ ሃብትስላሰ ንገብረየስ — ንተስፋንኪኤል — ንአፍታይ ንከምል — ንሐርሽይ — ንገብረየስ — ንየጊን ወለደ፡ ካብዚኦም ከምል ቀዳማይን ገብረየስን ሐድጊ ዘይብሎም ስለ ዝጠፍኡ አሕዋቶም ወሪሶምዎም አለዉ ። ሐርሽይ ወድ ተስፋንኪኤል ንተስፋንኪኤል — ንደስላስ — ንገብረየስ — ንሃብትስላሰ — ንመሐመድ — ንሐምድ ኑር ወለደ፡ የጊን ወድ ተስፋንኪኤል ንደሴት — ንአብስላብ — ንሀያቡ — ንአሚር — ንቴድሮስ ወለደ፡ ሀያቡ ከአ ንጀሚል — ንእብራሂም ንደሴት — ንየጊን ወለደ፡ ቴድሮስ ግና ንግሬነት ወለደ፡ አብ ስላብ ወዲ የጊን ከአ ንከምል — ንትምኪኤል — ንሽሐቕ — ንእዛዝ — ንሀዳድ — ንገብረየስ — ንአብ ስላብ — ንእድሪስ — ንከምል ወለደ፡ ሀያቡ ወዲ የጊን ከአ ንዑመር — ንየጊን — ንማሕሙድ — ንጃውጅ — ንእክድ — ንእድሪስ — ንዓሊ ወለደ ።

ካብዚኦም አፍታይ ወድ ተስፋንኪኤል ንትማርያም — ንተስፋንኪኤል ወለደ፡ ካብዚ. ኦም ትማርያም ብንእሽትኡ ከሎ ሞተ ። ተስፋንኪኤል ግና ንአፍታይ — ንብእምነት ወለደ፡ ብእምነት ከአ አብ ዘመተ ብዘበን ደግያት ውቤ አብ ኲናት ሞተ፡ አፍታይ ከአ ንልጃም — ንእያሱ — ንተስፋንኪኤል — ንብእምነት ወለደ፡ ካብዚኦም ከአ ልጃም ንእድሪስ — ንሐምድ — ንጀሚዕ — ንሐጂ — ንማሕሙድ ወለደ፡ ደቂ ብእምነት ከአ አፍታይ — እያሱ — አስፈዳይ — ሐስማ ይብሃሉ፡ ካብዚኦም ክሳዕ ለይቲ ሎሚ ሽመት ምስኦም አላ፡ እዚአቶም ከአ ዓድ አሕፈሮም ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

<u>ዛንታ ቤት ሽሕቀን</u>፡ አብረሄን ሽሕቀንን ደቂ ዑቕበዝጊ እዮም፡ ብሐንሳብ ይቕመጡ ነበሩ፡ ዑቕበዝጊ ዝወለዶም ንገረማርያም — ንዓገበ — ንሽምትንስኤ — ንብሃይ ማኖት — ንሹምገድ — ንከሊብ — ንገረማርያም — ንከንቲባ ዘርኢት — ንሐየት — ንሀሞም — ንከንቲባይ ከሊብ — ንከንቲባይ ዕሪት — ንከንቲባይ አትከነ — ንፈዝዕ — ንመንደር — ንመስመር — ንገንደር — ንገብረየስ — ንዳር — ንገረክርስቶስ — ንእዙዝ — ንተኽለየስ — ንእድሪስ ከምዚሎም ሐደ ገዛ እዮም ።

ከሊብ ንመስመር ወለደ መስመር ከአ ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ሳምራ ሕሽል — ትጃር — ቴድሮስ — ከንቲባ ዳር — ዕሪት — ዓሳማ — እዛዝ — ልባብ — ሀዳድ — እያሱ — ጀንጀር — ከንቲባይ እድሪስ — ከንቲባይ ባይራይ — ሸውሽ ፍክክ - ሽክር — ትማርያም — ገብረየስ — መፍለስ — ፈደል — ዳይር — ሃብተየስ — ሕመድ — ዕጀል — ሐስማ — ሕሽል — ከንቲባይ መሐመድ — ሬካ — ቡላ — ብእምነት — ኢቢብ — ግብ ማን — ዕፈል — መዲል — ዝርኢት — አፍታይ — አስፈዳይ — ወርዒ — ሰብ አስገ ዶም — ጅሃድ — ሽከር ከምዚሎም ሐደ ገዛ እዮም ።

ፈዛዕ ወድ ዘርኢ.ት፡ ንክንቲባይ ዘርኢ.ት — ንክልአይ ደሲት ወለደ፡ ክንቲባይ ዘርኢ.ት ደሲት ሐጨ፡ ስለ ውሉድ ዘይነበሮ ወረሶ፡ ደሲት ዝወለዶም አቢብ - ዕቝበረቢ — ዋረዳን — እድሪስ ወለደ፡ ዓገባ ወድ ገረማርያም፡ ገረማርያም ወድ ዑቝባዝጊ እዩ፡ ሀብቱ ንሐሽላ ወለደ፡ ሀብቱይ ወዲ ዓገባ እዩ፡ ዓገባ ወድ ዑቝባዝጊ ዝፈረዮም፡ ዑቝባሐንስ — ትምኪኤል — ክንቲባይ ተስፋንኪኤል — ክንቲባ ትማርያም ጅግና ስለ ዝነበረ፡ በዚ ምኽንያት እዚ በላዕ አዳም ተባሂሉ ይጽዋዕ ነበረ። ወርዒ ሰብ ንዕጀል — ንገረንኪኤል — ንተስፉ ወለደ፡ ክብዚኦም ተስፉ ንዕጀል ወለደ።

ዓገባ ወዲ ወርዒ ሰብ ከአ ዑቝባሐንስ — ዑቝባየስ — ንክንቲባይ ተኽልንኪኤል — ንአውዓሎም — ንአሚር — ንየጊን ወለደ፡ ክብዚኦም አውዓሎም ወድ የጊን ንመዲን ወለደ፡ መዲን ከአ ንዓንዱ ወለደ ዓንዱ ከአ ንገብሩይ — ንአውዓሎም ወለደ። ተኽለዉን ወርዒ ሰብ ወዲ ዑቝባሐንስ ንክንቲባ ዑቝባንኪኤል ወለደ፡ ክንቲባ ዑቝባንኪኤል ከአ ንተኽለሐንስ ወለደ፡ ክንቲባ ተኽለሐንስ ከአ ንክንቲባ ዓንደየስ ወለደ፡ ክንቲባ ዓንደየስ ከአ ንክንቲባ ሃብተየስ ወለደ፡ ሃብተየስ ከአ ንቴድሮስ ወለደ፡ ቴድሮስ ከአ ንሀብተየስ ንፍክክ ንስመራ ወለደ፡ ሹም ትንሳኤ ከአ ወዲ ዑቝባዝጊ ወለደ።

ምዕራፍ ፵፩።

ደቂ ተስፎይ።

ተስፍይ ፈለማ ካብ ዓዛውል እዩ ናብ መንሰዓ ዝመጸ ንሱ ድማ ብዘበኑ ሐደ ዓቢ ሰብ እዩ ዝነበረ፡ ብዙሕ ሃብታምን ሊጋስን ተቐባል ጋሸን እዩ ዝነበረ፡ ከምኡ ከአ አስራት ብዥሬት ከየቋረጸ ጽቡቕ ግብሪ የዘውትር ነበረ፡ እዚ ከአ ካብ ዓዛውል ዝኸደ ካብ ዓሌት ሴዋ እዩ፡ ከምኡ ከአ በብእዋኖም ዝመጹ ካብ ክልእ ዓሌት አብ ምድሪ መንሰዕ ሐሐሊፎም ብዙሐት አለዉ፡ ሕጂ አብ ዘለዉ አልዮም ምስ ክልተ መንሰዕ እዩ ቀጽሮም።

ተስፎይ ዝወለዶም፡ ንዕዋጨን — ንገብረስላሴን ወለደ፡ ክብዚኦም ገብረስላሴ ንዕቝብኽርስቶስን — ንይሐንስን — ንገብረክርስቶስን — ንተስፎይን — ንፈታይን — ንሕመድን — ንሃብተስላሴን ወለደ፡ ዑቝበስላሴ ንዑቝባክርስቶስ ወለደ፡ ዑቝባክርስቶስ ከአ ንዕዋጨን — ንየሐንስ ወለደ፡ የሐንስ ከአ ንብእምነት ወለደ፡ ብእምነት ንዓይብ ወለደ፡ ዓይብ ንተስፎይ ወለደ፡ ተስፎይ ንሕድርማርያም ወለደ፡ ሕድርማርያም ንመሐመድ — ንብእምነት — ንዓይቡ — ንዑቝባጨን ወለደ፡ ክብዚኦም ተስፎይ ወዲ ሐንስ ንየሐንስ — ንብእይድ — ንጥሚቴዎስ ወለደ፡ ጥሚቴዎስ ከአ ንዮናታን ወለደ፡ ክምዚሎም ብሐደ ሽም ዓዛውል ይብሃሉ።

ምዕራፍ ፵፪።

ዘንታ የሐንስ ሐካይ።

የሐንስ ሐካይ ዝብሃል በዓል ዓዲ መንጉንቲ ሰራየ አብ መንሳዕ ሐያል እዋን ይቕመጥ ነበረ፡ አብ አግዓሮ ዝብሃል አብ ምድሪ መንሳዕ ዝርከብ እብኡ ቤተ ክርስትያን



እንዳ ማርያም ተኽለ፡ ንሱ ድማ የሐንስ ሐካይ እብታ ብዕሉ ዝሰርሐ ቤተ ክርስቲያን እብኡ ክይኑ አብ ዓመት በታ ንግደታ ንኩሉ ቤት መንሳዕ ሰብአይ ሰበይቲ ከም ዘለዉ ሎም አበየ፡ እተን አንስቲ መንሳዕ ብሐደ ሽም ተአኪበን ንሰብኡተን ነገሩ ንሳቶም ከአ በሎም፡ ከምኡ ከአ ነተን መጽዓኛ ዘብጽሐ ሰብ ሃቡኒ በሎም፡ ንሳቶም ከአ ከምቲ ቃሉ ፈጺምሉ ብድሕርዚ ነቲ ዝሃቡዎን ናቱን ወሲኹ ንዓዲ አተወ። እቶም ምስኡ ዝነበሩ ጌላው ግና አይንኽይድን ኢሎም አብ መንሳዕ ተረፉ፡ እቶም ዝተረፉ ዝፈረይዎም ክሳብ ሕጂ አብ ምድሪ መንሳዕ አለዉ፡ በዚ ምኽንያት እዚ የሐንስ ሐካይ አስላማይ አይመማኽርቲ እኽሊ አይከብትን ኢሉ መሲሉ ይብሃል።

ሕዝቢ መንሳዕ ይቕበል ነበረ፡ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ግና ከምቲ ዘልመዶም ክይቅበሎም አበየ፡

ደቂ መሐሪ።

መሐሪ ንዑቝባዝጊ ንአበዛዝጊ ንንዋይዝጊ ወለደ፡ ክብዚኦም ንዋይዝጊ ሐድጊ የብሉን ስለዚ አሕዋቱ ወረሰሞ አለዉ፡ አበዛዝጊ ንቤትሹም አበዛ ዝፈረየ እዩ፡ አበዛዝጊ ንሃብተስላሴ ወለደ፡ ሃብተስላሴ ከአ ንሹም አበዛ ወለደ፡ ሽም አበዛ ከአ ንዶርሙሽ ወለደ፡ ዶርሙሽ ከአ ንመቓዝጊ ወለደ፡ መቓዝጊ ከአ ንአቶ የረን — ንረድአን — ንሹም አበዛን — ንገናድን — ንሐይለየስ — ንዘማትን — ንሽንጉልን ወለደ፡ ክብዚኦም ሽንጉል ንዘርኢ.ት — ንሃብተስላሴ — ንዳብር — ንሕመድ — ንሽንጉል ወለደ፡ ሽንጉል ንዑቝባየስ ወለደ፡ ባይራይ ንአቶ ወለደ፡ አቶ ከአ ንማርያይ — ንነበራይ — ንጃሚል — ንዘማት — ንገቢል — ንስልጣን ወለደ፡ ስልጣን ንዘማት — ንዓብደል ሽኽ — ንአስፈዳይ ወለደ፡ ክምዚሎም ደቂ ሹም አበዛ ይብሃሉ።

ምዕራፍ ፵፫።

ዘንታ መንሳዕ።

እዛ ሕጂ መንሳዕ ተብሂላ ትጽዋዕ ዘላ መሬት ቅድሚዘም ሕጂ ዘለዉ ሕዝቢ ዓርም ዝብሃሉ ዓሌት ነበርዎ። ንሳቶም ከአ ብዘበኖም አዝዮም ሐያላትን ስልጡናትን ሃብታማትን ነበሩ።

አብ ከባስ ሐንብን አብ ኩሉ ምድሪ ብዙሐት እዮም ዝነበሩ፡ ዘበኖም ምስ በጽሐ ግና በረሽም አዘም ሕጂ ዘለዉ ሕዝቢ መንሳዕ እቲ ምድሮም ሒዘም አለዉ፡ ብዘበኖም ከኢ ካብ ጥንቲ አበታቶም ክርስትያን እዮም ዝነበሩ፡ ታቦቶም ከአ ንመብዛሕትኡ ግር ያም እዮም ዘኽብሩ ዝነበሩ፡ ንበረኻ ባሕሪ ታቦቶም ሒዘም አብ ላባ ባሕሪ ትቕመጥ ነበረት። ንዓዶም ክምለሱ ከለው ከአ ናብ ሃይገት ሒዘማ ይምለሱ ነበሩ፡ እታ ቤት ክርስትያን ክሳዕ ሕጂ እንዳ ማርያም ትብሃል አላ። ከምኡ ከአ አብ ሃይገት ዑናታት እብቲ ከባቢ ናይ መንሳዕ አብ አጋዕሮን አብ ገለብን አብ ብዙሕ ስፍራን ይርከብ።

## ምዕራፍ ፶፬ ።

### ወለዶ ደጊያት ክፍለ ዋህድ ።

እዞም ደጊያት ክፍለዋህድ ካብቲ ዋንቲ መሠረት ዓሌቶም ካብ ነገደ ዮሴፍ ወዲ ያዕቆብ ክወርድ ክዋረድ እዮም ፡ ንሳቶም ከአ ዝመጽዎ ከም ኩሎም የሕዋቶም ብዙሓት ኰይኖም ብአዋን ቀዳማይ ምንሊክ እዮም ፡ ካብ ምድሪ እስራኤል ናብዚ ምድሪ ኢትዮጵያ ዝአተዉ እሞ ፡ አብ ምድሪ ላስታ ኰይኖም ስጋብ ዋግሹም ተወልደመድህን ብዙሕ ትውልዲ ጌሮም እዮም ዝቖርሕዎም ።

ክብዚኦቶም ዋግ ሹም ተወልደመድህን ዝብሃል ሐደ ዓብይ ፍሉጥ ሰብ ነበረ ንሱ ድማ ፡ ንዋግ ሹም ገብረመድህን ወለደ ፡ ዋግ ሹም ገብረመድህን ንዋግ ሹም ምንሊክ ወለደ ፡ ዋግ ሹም ምንሊክ ድማ ንዋግ ሹም ትንክቲዕ ወለደ ፡ ዋግ ሹም ትንክቲዕ ድማ ንዋግ ሹም አሴር ወለደ ፡ ዋግ ሹም አሴር ድማ ንዋግ ሹም ሐንጣል ወለደ ፡ ዋግ ሹም ሐንጣል ድማ ንዋግ ሹም አራንዮስ ወለደ ፡ ዋግ ሹም አራንዮስ ንዋግ ሹም ደሞ ወለደ ፡ ዋግ ሹም ደሞ ንዋግ ሹም ሕነሽም ወለደ ፡ ዋግ ሹም ሕነሽም ንዋግ ሹም ዝዋበ ወለደ ።

ዋግ ሹም ዝዋበ ድማ ካብ ዓዱ ካብ ሰቆጣ መጺኡ ናብ ዓጋመ አተወ ፡ አብኡ ድማ ሐያለ እዋን አንፈጥሬጡ ይገዝእ ነበረ ንግርያም ጉንደጉንዶ ትብሃል ገዳም አብ ዓጋመ ዘላ ንሀዐይ ዳዊት ነጊሩ ፡ ብዘበኑ እያ እትጋደመት መሊሹ ድማ ዓሉም ንሀ ዐይ ዳዊት ሐብቲ ሀፀይ ዘርአያዕቆብ ዝወለደቶ ልዕልቲ ቅዱሳን የእትዩ ንእዘዘ ወለደ ፡ እዘዘ ድማ ንጓል ክንቲብ ናስር በዓል እምባ ሠርሐ መስሐል ወደእክለ ወይዘሮ አበርኸክ እተብሀለት ጓል ወይዘሮ ምንዋል ጓል ራእሲ ዓንደሃይማኖት ፀዓዚጋ ዝወለደታ የእትዩ ንፀት ወለደ ፡ ፩ ንደብረጽዮንን — ፪ ንሀብተልዑልን — ፫ ንግርማልዑልን — ፬ ንይስሐቅን ፡ ክብዚኦም ዘርኢ ይስሐቅ አብ እንጋ አለዉ ።

ግርማልዑል ድማ ንሹም ዓጋመ ዘወልደ ማርያምን ንሀብተልዑልን ንሹም ዓጋመ ተስፋሐንስን ፡ ነዚኦም ፫ተ ወለደ ። ደብረጽዮን ድማ ን፫ተ ወለደ ፡ ፩ ንደግያት ክፍለ ዋህድን — ፪ ንሹም ዓጋመ እምሐን — ፫ ንወይዘሮ ትካልን ወለደ ። ደጊያት ክፍለ ዋህድ ድማ ን፫ተ ወለደ ፡ ሽሞም ድማ ክምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ ንዘወልደማርያምን — ፪ ንቡኪሞስን — ፫ ንአርቃንዮስን ።

ዘርኢ ፫ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ዓድዋ ዓዲ ሹም ያዕቆብ እናተባህሉ ይጽውዑ አለዉ ፡ ክምኡ ድማ አሕዋቶም አብ ማይ አብዓ ጋንታ አፈሹም እንዳ ባሕረ ነጋሢ እሽት ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ። ቡኪ ሞስ ድማ ንያዕቆብ ወለደ ፡ ያዕቆብ ንአተብርሃን ናብ ደጊያት ህዝቅያስ ሠረወታይ አብ ናዕዱር እትያ አብ ሎግዎቲ ንራእሲ ምኪኤል ሥሑል ወለደት ፡ ወይዘሮ ትክል ሐብቲ ደጊያት ክፍለ ዋህድ ናብ አፈ ሹም እስጢፋኖስ እትያ አብ ጉልዓ ንፀዓል አቶ ጊላዝግን ንእቶ ልብሱን ወለደት ፡



ዘርኢ የማኖ ዶሬ ወርሐት ብዙሐት ፈርዮም አለዉ ፡ ዘርኢ ልብሱ ድማ አብ ዓዲ አቤቶ ዘወልደማርያም አብ ዝባን ሰርኹስ ዘሎ ነዚኦም ፈረዩ ።

ክብዚኦም ዓዲ ደጊያት ክፍለ ዋህድ ዝወጽኡ ድማ እኒ ዓዲ ዛውል እኒ ወኪ እኒ ዓዲ ሸኽ አብ ሠራዬ ድማ እኒ ዓዲቀ ገንት እኒ ዓዲ ኩብሎ ገለ አብ አድግና ገለ ናብ ታኼታ ገለ አብ ዓዲ ክምዝናብ ገለ ናብ ሽማንጉሥ ታሕታይ አለዉ ።

ዘርኢ ሃብተልዑል ፡ እቲ አብ ላዕሊ ሽሙ ተጠቒሱ ዘሎ ፡ ንሹም ዓጋመ ተክለየሐንስ ወለደ ፡ ሹም ዓጋመ ተክለየሐንስ ንትግሬ መኰንን ለባሲ ወለደ ፡ ትግሬ መኰንን ለባሲ ድማ ንሰለስተ ወለደ ፡ ንጋፍርን ንርቱዕ አምላኽን ንነጊድን ። ክብዚኦም ርቱዕ አምላኽ ንዓርከ ንብዕሉ ንሚና ንብብለ ንገደለው ወለደ ። ዘርኢ ዓርከ ዝፈረዮም አብ ጉልዓ ዓዲ ዋዓይን ዓዲ ግራት አለው ። ዘርኢ ብዕሉ አብ ማይ መርሐ አለዉ ። ዘርኢ ንብለ ዝበዝሑ አብ ፈረስ ማይ አለዉ ፡ ክብኦም ዝወጹ ድማ እብ ክሳድ ዳዕሮን አብ ቆሐይንን አብ ታኼታን አብ ጥቓ ሊባንን አብ ኳንደብን አብ ደብረሲናን አለዉ ።

ሚና ዝፈረዮም አብ ምድሪ አከለጉዛይ እብ ሽነኽ ዓዲ ቐይሕ አለዉ ። ገደለው ዝፈረዮም ንደብረጽዮን — ንሹም ዓጋመ ገብረ ድንግል — ንክርስቶሳዊ — ንወለተሥላሴ — ንለተድንግል — ንውዳሴ ንሰበኔ ጊዮርጊስ — ንእስጢፋኖስ ። ደብረጽዮን ዝፈረዮም አብ እምቤቶ ብኩላ ስርኩሰ ፡ ዘርኡ አብኡ አለዉ ፡ ክምኡ ድማ አብ ጸሊም ሐመድ።

ሹም ዓጋመ ገብረድንግል አብ ጽንዓ ድጋላ አብ ጋንታ አፈሹምን አብ ገርሐቶ አለዉ ። ክርስቶሳዊ ዝፈረዮም ፡ ዘርኡ አብ ወዓጋን አብ ዋሬትን አለዉ ። ለተድንግል ዝፈረየቶም ፡ አብ ዓራ አብ ክልተ አውላዕሉ አለዉ ። ውዳሴ ዝፈረየቶም ፡ አብ ጉሎመኽዳ አለዉ ። ሰበነ ጊዮርጊስ ንዓዲ ትግሬ መኰንን ብሩ ዝፈረየት እያ ። ወለተሥላሴ ናብ ሹም ዓጋሜ ኩመሊት አትያ ፡ ንዓዲ ሹም ዓጋመ ወልዱን ንዓዲ ሹም ናግሥ ዝፈረየት እያ ። ክምዚሉም ካብ ዘርኢ ደጊያት ክፍለዋህድ እዮም ።

### ወለዶ ዛውለታይ ዘርኢ ክልተ ዛውል ።

ካብ ዓጋመ ዓዲግራት ቡክት እዩ ዝወጹ ። ደቂ ደጊያት ክፍለዋህድ አርቀንዮስ ቡኪሞስ ዘወልደማርያም ይብሃሉ ፡ ካብ ነገደ ዮሴፍ ወዲ ያዕቆብ ዘወልደማርያም ወዲ ደጊያት ክፍለዋህድ ንሕማሴን ክልተ ደቂ ሒዙ ገዝዘ ፡ ደቂ ዘወልደማርያም ዓንደሃር ያት ወልደሃርያት ይብሃሉ ፡ ወልደሃርያት ንዛውል ከልክልቲ ለሚዓ እንተረአያ ክናብ ብዕራይ ጽዒኑ ናብ ዛውል በቀሸ በቋቒሸ ደአ እንበር ኢሊ አብአ ተረፈ ።

በዚ ምኽንያትዚ ዛውል በቕሸት ተባሂሉ ይፅዋዕ ፡ ዓንደሃርያት ግና ንወሰን ሰሊብ ሰላሊብ ደአ እንብር ኢሉ ካብ ወኪ ክሳዕ ገድገድ ፡ ክሳዕ ጋድም ምሀረ ሐዘ ፡ በዚ ምኽንያትዚ ዛውል ሰሊብ ይብሃል ። ዓንደሃርያት ንዘራጽዮን ወለደ ፡ ዘርአጽዮን ድማ ፭ተ ወለደ ፡ ካብ ክስታንይቲ ፫ተ ንጻዕዳን ንዓኽሮን ንሐውያን (በርደግ) ወለደ ፡ ካብ ቢለን ይቲ ድማ ፋናን ዛናን ወለደ ፡ አብ ቢለን ዝነብሩ ዛውል አስላሞም ክስታኖም አብ መንሳዕን አብ ቢለንን ዝነብሩ ፡ ብሐበር ዛውል ይብሃሉ ።

## ናይቤት ሰለባ ጋንታ ።

ኣኽሮ ወዲ ዘራጽየን ንዓምባሮን ንሐዘትን ወለደ ፡ ሐዘት ንሐደራንኪኤል ወለደ ፡ ሐደራንኪኤል ንተስፋገርጊሽን ንዳግማዊ ሐዘትን ወለደ ፡ ተስፋገርጊሽ ንሰለባ ወለደ ፡ ሰለባ ንተስፋንኪኤልን ንክንቲባ ገብርኤልን ንቅዱሳንን ወለደ ፡ ካብ ዛውል ድማ ኣብ ዓዲ ሽኻ ኣለዉ ።

## ዘንታ ደጊያት ክፍለዋህድ ።

እዞም ደጊያት ክፍለዋህድ ኣብዝሕኡ ኣብ ድባርዋ ይቕመጡ ነበሩ ፡ ኣሕዋቶም ባሕረ ነጋሲ እመሐሥላሴን ባሕረ ነጋሲ ኣብርሃምን ክልቲኦም ኣሕዋት ኣብ ዙላ እዩ ዝነበረ ምቕማጦም ፡ ንሳቶም ድማ ሰለስቲኦም ኣሕዋት ኣብ ምድሪ መትሕት ምስ ጸላኢ ኲናት ገጢሞም ፡ ደጋፃት ክፍለዋህድን ባሕረ ነጋሲ እምሐሥላሴን ኣብኡ ሞቱ ።
ባሕረ ነጋሲ ኣብርሃም ክምብሐድሽ ሠራዊት ኣኽቲቱ ነቶም ጸላእቶም ኣርኪቡ
ሕነ ኣሕዋቱ ብዙሕ ቀተለሎም ።

## ምዕራፍ ፵፩ ።

### ዘርኢ ወቐርትን ክልክልትን።

ሰብ ወቐርቲ ድማ ካብ ዘርኢ ኣሕዋት ዓዲ ደጊያት ክፍለዋህድ እዮም ፡ ካብ ሐሐ ይሌ ዝመጽኡ ፡ እቲ ቀንዲ ፈራይኦም ኣስገዶም ይብሃል ነበረ ፡ ንሱ ድማ ፈለማ ካብ እምባ ሰነይቲ እዩ ዝመጸ ፡ መጺኡ ድማ ኣብ ዓዛርና ይቕመጥ ነበረ ፡ ንሱ ንፎት ወለደ ፡ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ንጉባይን ንመሐሪን ንሸለስን ወለደ ። ካብዚኦም ድማ እቲ ሳልሳዮም ሸለስ ዝብሃል ዝፈረዮም ኣብ ኣሥመራ ገዛ ሸለስ ዝብሃሉ ኣለዉ ።
ጉባይ ድማ ዝፈረዮም ኣብ ዓደቀ ኣለዉ ። መሐሪ ዝብሃል ሐምም ድማ ኣብ ወቐ ርቲ ኣተወ ፡ ንሱ ዝፈረዮም ድማ ኣብኡ ኣለዉ ። ኣሕዋቶም ንዓዲ ደጊያት ክፍለዋህድ ደድሕሪኦም ካብ ሐሐይለ ሲዒበም ናብ ክልክልቲ ኣተዉ ፡ ገሊኦም ድማ ናብ ሕምብ ርቲ ኣተዉ ፡ ከምኡውን ኣሕዋቶም ክምቲ ቀድም ዝጠቐስናዮ ሐሐሊፎም ኣብ ብዙሕ ስፍራ ኣለዉዎም ። ወቐርቲ ፈለማ ኣቦታቶም ካብ ውቕሮ እዮም ፡ ናብ ሐሐይለ ዝመጹ እዞም ኣብ ውቕሮ ዘለዉ ምስ ጉደብብቶም ሐው ደጊያት ክፍለዋህድ ዝፈረዮም እዮም ።

## ምዕራፍ ፵፪ ።

### ዘርኢ በለው ።

ዋንት ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ ብሽሕን ፫፻ ዓ-ም ኢትዮጲስ ዝበሃል ንጉሥ ፲፮ ዓመት ገዝኤ ። ኣዲኡ ንኢትዮጲስ ድማ ካብ ነገደ ኩሽ ኀል ንጉሥ ቶቶ ፡ ኣግሊ. ትበ



ሃል እያ ዝነበረት ኢትዮጲስ ክአ ንፎት ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ንላክንዱን — ንሳባን — ንበለውን — ንከለውን — ንኖባን ከምዚኦም ሐሙሽቲኦም ደቂ ኢትዮጲስ ይበሃሉ ።
ኣቦታት ኢትዮጲስ ከምዚ ዝስዕብ ንሰሚ ኣሎና ኢትዮጲስ ወዲ ቡልቅያ ፡ ቡልቅያ ወዲ ቀዳማይ ኣክናሁሰ ወይን ቀዳማይ ሳባ ቃይማይ ሳባ ድማ ወዲ ዮቅጣን ዮቅጣን ሴም ሴም ወዲ ኖህ ከምዚሎም እዮም ኣቦታት ኢትዮጲስ ወዲ ኤቤር ኤቤር ወዲ ሳላ ሳላ ወዲ ቀርናን ቃይናን ወዲ ኣርፋክሳድ ኣርፋክሳድ ወዲ
ብዲኡ ድማ ኢግሊ ኀል ንጉሥ ቶቶ ካብ ነገደ ኩሽ ካብቶም ኣውራ ብዘበኖም ሰብ ሥልጣን ዝነበሩ ክብኣቶም እዩ ሕጂ ግና ብዛዕባ ደቂ በለው ኣመቓቕልኦምን ዝሐዝዎ ምድርን ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ ኣሎና ።
ክብዚ ላዕለዋይ በለው ወዲ ኢትዮጲስ ጀሚሩ ስጋዕ ቀዳማይ ማምሩ ሰላሳን ሽሞ ንተን ወለዶ ፡ ጌሮም ይቖርሕዎም ካብ ቀዳማይ ማምሩ ንታሕቲ ዘሎ ወለዶ ፡ ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ ኣሎና ቀዳማይ ማምሩ ንሁመድ ወለደ ፡ ሁመድ ከዓ ንማሕሙድ ወለደ፤ ማሕሙድ ከዓ ንዳግማዊ ሁመድ ወለደ ፡ ዳግማዊ ሁመድ ከዓ ንዒሲ ወለደ ፡ ዒሲ ከዓ ንዓምር ቅኑዕ ወለደ ፡ዓምር ቅኑዕ ዝበሃል ፈራዪ ኩሎም ዓሌት ናይብ እዩ ።
ሁመድ ቅኑዕ ወይን ኣሕመድ ፃዕዳ ዝበሃል ሐው ቀዳማይ ማምሩ ካብ ክልአ ሰበ ይቲ ዝውለድ ነበረ ሁመድ ድማ ኣብ ፃውራ ባሕሪ ይቕመጥ ነበረ ንሱ ንፎት ወለደ ንሕመድ መላኒን ንሕመድ መኻእን ንሽመዲንን ካብዚኦም ኣሕመድ መኻእ ንበት መኻእ ዝፈረዩ እዩ ።
ዘርኢ ኣሕመድ መላኒ ንፎት ወለደ ፡ ንሕመድ ሐበሻይ ንሕምድ ምናሴ ንሕመድ ድራር ካብዚኦም ኣሕመድ ምናሴ ዝፈረዮም ኣብ ወኪ ዱባ ኣለዉ ፡ ኣሕመድ ድራር ዝፈረዮም ኣብ ቴድረር ኣለዉ ኣመቓቕልኦም ድማ ከምዚ እዩ ፡ ንእኽርዩን ንሐወን ታን ንእሞኑኖን ነዞም ፎት ወለደ ስጋዕ ሉሚ ድማ ብብኦም ሽም ደቂ ድራር ተበሂ ሎም ይዕውዑ ኣለው ንሳቶም ከዓ ኣብ ቴድረር ክም ዘሎ ርስቲ ሒጆም ዓዲ ገበሩ ኣዋልዶም ክዝምሩ ከለዉ ኀል ሽም ባሕሪ ወይን ኀል በለው ኢለን የዝምሩ ።
ዘርኢ ኣሕመድ ሐበሻይ፡ ንእይጣዕስ ወለደ እይጣዕስ ነፀት ወለደ ፡ ንእድመቆም ንሐሱ ንእምናይን ጉንፈ ፡ ከምዚሎም ፀት ደቂ እይጣዕስ ይበሃሉ ዓዶም ድማ ኣብ ምዕ ራብ ተኸላ ዋቓ ዓረዛ እዩ ዝርከብ እኒ ዓራቶ ዝበሃል ዓዲ እኒ ማሀቐቅ እኒ ስምሀሮ እኒ እንጓዳ ማርያም ዓብይ ዓዲ እኒ ሰቓር እኒ ዓዲ ኣኽት እኒ ዓዲ ገበ ፡ ከምዚሎም ሽውዓተ ዓዲ ፀቲኦም ኣሕዋት ዝፈረይዎም ፎት ደቀይ ጣዕስ ይበሃሉ ።

## ዘንታ እይጣዕስ።

እዚ እይጣዕስ እይጣዕስ እተባሀሉ ምኽንያት ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ብዘበን ሀፀይ ዘርእያእቆብ ወዲ ሀፀይ ዳዊት መንኹሴ ቆመስ ባሕታዊ ኣቡነ ኣብሳዲ ዝበሃሉ ኣብ በረኻ ብብሕትውና ይቕመጡ ነበሩ ፡ ሐደ መዓልቲ ኣብቲ ዝብሕትውሉ ዝነበሩ መኻን

ሰበይቲ ኢሕመድ ሐበሻይ ብገለ መንገዲ ክትሐልፍ ተጓኒፈቶም ፡ ንሳ ኸአ ርእይ ምስ በለቶም ናብ ባይታ ፍግም ኢላ ሰገደትሎምን አብ እግሮም ተሳለመቶም ፡ ንሰም ድማ አይደሐንክን ዶ ? ኢሎም ሐተትዎ ንሳ ክአ እቱም አበይ እኑ ሐደ ልማኖ ክልምኑ ንስኹም ሐደ ዓብይ ሰብ በዓል ብዙሕ ተአምራት ናይ ረቢ ሰብ ኢኹም እሞ እንተ ፈጠረለይስ መርቁኒ ኢኹም የለቶም ።

ንሰም ድማ በሊ የልዋ ውላድ ክትወልዲ ኢኺ እግዚአብሔር ዝደለኺዮ ኩሉ ክገብረልኪ እዩ አብ ገዛኺ ከይድኪ ክአ ለምንዮ ፡ እቲ ናይ ፈለማ ዝወለድኪዮ ድማ ንአይ ረድኢ ክኸነኒ ክትህብኒ ኢኺ ኢሎም ቃል የእተውዋ ንሳ ክአ ሐንትስ የሀበኒ ድአ'ምበር ይሀበኩም ኢላ ተሳሊማቶም ክብቲ ዝብሕትውሉ መሮር ንገዝአ ኸደት ።

ድሕሪ ዓመት ከምታ ትምቢቶም ወዲ ወለደት ፡ እንተኸነ ምስ ፈርዘነ እቲ ቆልዓ ከምታ ማሕላአ ክትህበም አይፈተወትን ተጣዕሰት ንሰም ድማ ክብቲ ዝብሕትውሉ ገዘ በረ መሮር ክዘዋወሩ ክለዉ ፡ ጉንፍ ረኺብዋ'ሞ እቲ ተጣዕኸኪ ድኺ የልዋ ንሳ ክአ ሰምቢዳ አይፋለይ እንታይ ክልዕል ውሰድዎ ድአ ኢላ ምላሽ ሀበቶም ንሰም ድማ ነቲ ከይኑ ነበረ በዚ ምኽንያት'ዚ ተጣዕሽኪ ዲኺ ስለ ዝበልዋ ብሠሬ'ዚ አይጣዕስ ዝብል ሽም ሐዘ ስጋዕ ሰይቲ ሎሚ እቶም ደቂ አብ ዘለዉ አልዮም ደቂ አይጣዕስ ይብሃሉ ።

እዚ ዛንታ'ዚ አብ ገድሊ አቡነ አብሳዲ ደብረ ማርያም ዝብሃል ገዳም አብ ቆሐይን ይርከብ ንሱ ጣዕስ ድማ ዝነበሮ ብጊዜ እርግንአም ንአቡነ አብሳዲ ብሀፀይ ዘርአያእቆብ ወዲ ዳዊት ዘመን እዩ ፡ እቲ ገዳም ናቶም ድማ ሽሁ እዩ ፡ እትሠርሔን እትገደመን እት ጐለተን ።

## አበታት ደጊያት ድዕቡል ።

እዚአም ሐውያ ዝብሃሉ ክምቲ አብዚ መጽሐፍዚ አብ ዝሐለፈ ገጽ ተጽሒፉ ዘሎ ኢትዮጲስ ዝብሃል ፈራይ ኩሎም ደቂ በለው ነበረ ፡ እዚ ኢትዮጲስ እዚ ሳልሳይ ወይም ራብዓይ ደአ እምበር ፡ ላዕለዋይ ዓቢ ኢትዮጲስ አይኮነን ፡ ዝነበሮ ድማ ድሕሪ ልደት ክርስቶስ እዩ ፡ ንሱ ድማ ንአቡስትርያ ወለደ ፡ አቡስትርያ ድማ ንላክንዱን ወለደ ፡ ላክንዱን ድማ ንላክንዱ ወለደ ፡ ላክንዱ ድማ ንኽብረአብ ወለደ ፡ ኽብረአብ ድማ ንምዕ ወለደ ፡ ምዕ ድማ ከም ንጉሥ ከይኑ አብዚ ሕጂ ቤት ንጉሥ ዘሎ ጥቓ ዳምባ ደቡብ አብኡ ከይኑ ይገዝእ ነበረ ።

ንሱ ድማ ንወፈርታይን ንሠረንታይን ንገንገንታይን ንጉረታይን ንመንጐንታይን ንዓቤታይን ንስም ዓስመታይን ወለደ ፡ ከምዚሎም ጀት ደቂ ምዕ ይብሃሉ ። ካብዚአም ድማ ወፈርታይ ንደጊያት ዓንደሃይማኖት ወለደ ፡ ደጊያት ዓንደሃይማኖት ድማ ንደጊያት ሐለንጋይ ወለደ ፡ ደጊያት ሐለንጋይ ንደጊያት ድዕቡል ወለደ ፡ ናይቶም ዝተረፉ አሕዋት ወፈርታይ ግና ዝፈረይዎን ዝሐዝዎን ዓድታት ፡ ካብዚ ንታሕቲ ንገልጽ



ደጊያት ድዕቡል ንሐንቲ ንቅድስተ ሃና ወለደ ፡ ንሳ ክአ ክብ እምበሳ ጅር ወዲ እያ ዝወለደት ፡ ጅር ገደላ ድማ ምድሪ አበሐንኡ ደጊያት ድዕቡል ወረሹ ይገዝእ ነበረ ። መራሪ ንብረማርያም ፡ መራሪ ንብረማርያም ወዲ ሀፀይ ይትባረክ ። ንሐደ ንጅር ገደላ ንሱ ድማ ንሰርብ ደም ወለደ ፡ ሰርብ ደም ድማ ንአልፍ ደም ወለደ ፡ አልፍ ደም ንሰብ ከም ዓንቋ ወለደ ፡ ሰብ ከም ዓንቋ ንአስተናእድ ወለደ ፡ አስተናእድ ንአክለጽየን ወለደ ፡ አክለጽየን ድማ ንሽመዲን ዓል ሁመድ ቅኑዕ ሐፍቲ ኢሕመድ መላጼን ኢሕመድ መኻ እን እእትዩ ንድክመን ምልጋእን ወለደ ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም ድማ አብ ሙሉእ ሠራዩ አለዉ ። ከምኡ ድማ ዘርኢ ንብርሄት ዕውር ሐውያ ዘበአም ክብ ወፈርታይ ምስ ዓዲ ደጊያት ድዕቡል እዮም ቀጽሮም ።

<u>ዘርኢ ገንገንታይ</u> ፡ ገንገንታይ ዝፈረዮም፡ አብ ምሉእ ኤርትራ ሐሐሊፎም አለዉ።

<u>ዘርኢ ዓቤታይ</u> ፡ ዓቤታይ ርስቱ አብ ሠራዬ ተኸላ ዓቢይ ዓዲ እትብሃል አላ ፡ ሕጂ ግና ንሱ ዝፈረዮም ስለ ዝጠፍኡ እቲ ርስቱ ክልአት ዓሌት ሒዘሞ አለዉ ። እታ ዓዲ ግን ብሽሙ ዓቢይ ዓዲ ተብሂላ ትጽዋዕ አላ ።

<u>መንጐንታይ ዝፈረዮም</u> ፡ ዝርከበም አብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ አብ ማእከል ዓዲ መንጐንቲ አለዉ ።

ሠረንታይ ዝፈረዮም ፡ እኒ ፀና ጉዶ እኒ ዓዲ ሽብጢ ሠራዬ እኒ ማይ ልቡስ ገለ ድማ አብ ደምበላስ ገለ አብ ዓዲ ሕዝባይ ጉሕጊአ ገለ አብ ዓደውዓላ ቆላ ገለ ናብ ማይ ሽሩ ገለ ጥቓ ዓዲ ቐይሕ ኩሎጉዛይ ከምኡ ድማ ካብ ዓቤታይን ካብ ገንገንታይን ንጣር ዓጀን ዝብሃሉ ድማ አብ መትሕት አለውዎም ።

<u>ጉረታይ ዝፈረዮም</u> ፡ ጉረታይ ፈለማ አብዚ ሕጂ ዓዲ ጉረቶ ተብሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ አብኡ እዩ ዝነበረ ምቕማጡ ካብኡ ግና ጅር ገደላ ነዚም ኩሎም ዓሌት አዲኡ ምስኖ ፍአም ፡ ካብኡ ዝተረፉ እዮም እዘም ሕጂ ዝጸብጸብናዮም ፡ በዚ ምኽንያትዚ ድማ ተረፍ በለው ይብሃሉ ።

<u>ጉረቶም ዝፈረዮም</u> ፡ አብ ማእከል አሥመራ ዘለዉ ገዛ ጉረቶም ዝብሃሉን አብ እምባ ደርሆን ገለ አብ ዓድተክሌዛን ገለ አብ ደቂ ሽሃይ ገለ አብ ዓዲ ጓሪ ገለ አብ ዓዲ ነአምን ገለ አብ ዓዲ ንስቲ አለዉ ።

<u>ሰም ዓሰመታይ ዝፈረዮም</u> ፡ አብታ ሎሚ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ፡ አብ ሰም ዓሰም ጉሕጊዓ አለዉ ። ዘርኢ ሰም ዓሰመታይ ድማ አብ ዓሰም ምስ ደንከል እስላም አለዉ ፡ ከምኡውን ብቀረባ እዋን ከብአቶም ዝወጽኡ አሕዋቶም አብ ዓዲ ኳላ ገዛ ዝተፈልዩ አብ ዓዲ በዛ እፈልባ ቆላ ዝብሃል ጥቓ ዓረዛ አለዉ ። ከምኡ ድማ አሕዋቶም ካብአቶም ምዕ ይብሃሉ ፡ እቲ ቀንዲ ዓዶም ግና ከምቲ ቀድም ዝበልናዮ መበቆሎም አብ ጥቓ ዳምባ ቤት ንጉሥ እትብሃል ዘላ አብአ እያ ዝነበረት ።

እዘም በለው ዝብሃሉ በቲ ጥንቲ አቦታቶም አብ መትሕትን ብዘበናም ዝጨርሕዎ

8

ጨርሕን ዝቐበርዎ ቅርጺ ሓውልትን ከምኡ ድማ ዒላታት ዒላ በለው ዑናታት በለው ጨርሒ በለው እናተባህለ ስጋዕ ሉሚ ይጽዋዕ እሎ ። ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ትግራይ ኣብ ፈረስ ማይ እብቲ ሽኻ ዋሕዝ ማይ ዘለዎ ምልክታት እሎ ። በቶም ተወለድቲ ደቂ ዓዲ ይትረኸሉ እሎ ። ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ወልቃይት ማይ በለው ጉቦ በለው እናተባህለ ይጽዋዕ ፡ ኣብዝሐ ግን ኣብ ምሪ ቢንዓምር እዩ ዝርከብ ፡ ኣቦታቶም እዚ ዮም ግኑናትን ምዕቡላትን ከምዝነበሩ ይንገር ።

ደሐር ግና ክልኣት ነገድ በብዝነገሠ ንጉሥ ተኸቲሎም እናመጽኡ ሐደ ዓሴት ምስ ክልአ ዓሴት ብምትሕውዋስን ብምውላድን ብጊዜ ምንዋሕን ነቲ ሽም ደአምበር ክብ ዞም ኩሎም ሐደጺ ብዘርኢ ዓሴቱ ብሐቂ ንዝፈልጥ ዘይውሰድ አይርከብን እዩ ።

## ምዕራፍ ፶፯ ።

## ወለዶ ቤት ናይብ ።

እዞም እንዳ ናይብ ዝብሃሉ ዝፈረይዎን ዘለውዎን ዓድታትን ዘንትእዎን ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ እሎና ።

ዓዲ ናይብ ዝብሃሉ ዓሴት በቲ መሠረት ወለድኦም ክብ በለው ንምኽኖም ኣብ ብዙሕ መጻሕፍቲ እና ደጋገመ ይሰምዮም እዩ ። ክብ በለው ዝውለዱ በብክፍሎምን በብዓይዶምን እብዚ መጽሐፍዚ ኣብ ወለዶ በለው ዝብል አርእስቲ ምዕራፍ ሒዙ ዘሎ ናብኡ እንተንበብና ክንግንዘቦ ንኽእል ኢና ።

ሕጂ ግና ብዛዕባ ቤት ናይብ እቦታቶምን ደቆምን ደቂ ደቆምን ክብ በለው ጀሚሩ ስጋብ ሳምራ እቡኦም ብዙሕ ትውልዲ ገሮም ይቖርሕዎም ፡ ንሕና ግና ክብ ሳምራ ንታሕቲ ዘሎ ወለዶ ንሰሚ እሎና ፡ ቀዳማይ ሳምራ ንሁመድ ወለደ ፡ ሁመድ ከአ ንማሕሙድ ወለደ ፡ ማሕሙድ ከአ ንዳግማዊ ሁመድ ወለደ ፡ ዳግማዊ ሁመድ ከአ ንዓሊ ወለደ ፡ ዓሊ ከአ ንዓምር ቅኑዕ ወለደ ፡ ዓምር ቅኑዕ ከአ ንሮቱ ወለደ ፡ ፩ይ ንናይብ ሙሳ — ፪ይ ንሁመድ — ፫ይ ንእሕመድ ፡ ነዚኦም ፫ተ እዩ ዝወለደ ፡ ከብዚኦም እቲ ክል አይ ሐምም ሁመድ ዝብሃል ኣብ ግራር ባጽዕ ከለዉ ብገለ ነገር ምስ ሐዉ ምስ እሕመድ ተሐራሪቆም እሕመድ ንሁመድ ቀቲልዎ ንኸበሳ ሐዲሙ ወጺ ።

ናይብ ሙሳ እዚ ምስ ሰምዔ ንሐዉ እርኪቡ ክብ ዘለዎ ክቸትሎ ሐሰበ ፡ እንተኸነ ክብ ሕርቕርቕት ምስ ዝሐለ እቲ መዋትን እቲ ቀታሊን ፪ቲኦም የሕዋቱ ምኽኖም ሐሲቡ ከይቀተሎ ተረፈ ። እቲ መዋቲ ሁመድ ቅድሚ ምማቱ ንፅዶ ወሊዱ ነበረ ፡ ንሱ ድማ ዓሊ ይብሃል ፡ ዓሊ ንዓምር ወለደ ።

እቲ ሳልሳዮም ወዲ ዓምር ቅኑዕ እሕመድ ዝብሃል ሀዲሙ ዝኸደ ዘርኡ ንሱ ዝፈረዮም ኣብ ምድሪ ቴድረር እክለ ጉዛይን ኣብ ሠራዬን ኣብ ሐማሴንን ኣብ መትሕትን ሐሐሊሮም ደቂ ሕመድ ቅኑዕ ይብሃሉ ፡ ኣብ ዘለዉ እሊዮም ፍሉጣት እዮም ።



ናይብ ሙሳ ወዲ ዓምር ቅኑዕ ፡ ብዘበን ሀፀይ ሚናስ ዘበን መንግሥት እዩ ዝነበረ ፡ ንሱ ዕድመ ፀጊቡ እዩ ዝሞተ ፡ ፻፳ ዓመት ዝአክል መዋእል ነበር ፡ ናይብነት ምስተቐ በለ ስጋብ ሀፀይ ባካፋ ዘበነ መንግሥት ነበረ ፡ እረጉ ዓዲ ምስ ወዓለ ጉልባቫ ዓይኑ ወዲቑ ምርአይ ይኽልአ ነበረ ይብል ፡ እብቲ መጽሐፍ ዓድ ናይብ ብዓረብኛ እተጻሕፈ ብራና ናይ ቀደም ኣብ ድኹኖ ቀጽሪ ፩ ገጽ ፪ ምስ ናይብ መሐመድ ተቐሚጡ ይርከብ ።

<u>ብዛዕባ ደቂ ናይብ ዓምር ቅኑዕ እመቓቕልኦምን ዝፈረይዎን ዝቕመጥዎን ።</u>

ከምቲ ኣብ ቅድም ዘሎ ናይብ ዓምር ቅኑዕ ወይም ሠይድ ዓምር ቅኑዕ ዝብሃል ዝነበረ ንሮቱ ወለደ ፡ ፩ይ ንናይብ ሙሳ — ፪ይ ንሁመድ — ፫ይ ንእሕመድ ነዚኦም ምስ ወለደ ፡ እቲ ሽመት ናብቲ በኸሪ ወዲ ሐለፈ ፡ ከብዚኦም ናይብ ሙሳ ዝወለዶም ክንሰሚ ፡ ናይብ ሙሳ ነ፬ተ ወለደ ፡ ፩ይ ንከኪያ እሕመድ ኑር — ፪ይ ንዓምር ባሻይ — ፫ይ ንመሐመድ ቀይሕ — ፬ይ ንእሕመድ ሐርሽ ፡ ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ናይብ ሙሳ እዮም ዝብሃሉ ፡ ከብዚኦም ደቂ ከኪያ እሕመድ ኑር ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ እሎና ።

<u>ከኪያ እሕመድ ኑር</u> ንዑስማን ዓቃ ወለደ ፡ ዑስማን ዓቃ ን፩ተ አወዳት ወለደ ፡ ፩ይ ንከኪያ ዓሊ — ፪ይ ንሙሳ — ፫ይ ንእሕመድ ከኪያ — ፬ይ ንዳግማዊ እሕመድ ኑር — ፭ይ ንሳልሕ ፡ ከምዚሎም ፭ተ ደቂ ከኪያ እሕመድ ኑር እዮም ። ፭ተ እሕዋት ዝፈረይዎም ከአ ኣብ ድኹኖን (ሕርጊጎ) ኣብ ባጽዕን ከበቢኡን ኣብ ጊንዳዕን ኣብ ከረንን እለዉ ።

<u>ደቂ ዑመር ባሻ</u> ፡ ዑመር ባሻ ዝፈረዮም ኣብ ድኹኖን ኣብ ጊንዳዕን ከበቢኡን ኣብ መጣዓት ዓይለት ዋናታት እለዉ ።

<u>ደቂ መሐመድ ቀይሕ</u> ፡ መሐመድ ቀይሕ ዝፈረዮም ኣብ ድኹኖን ኣብ ባጽዕን ከበቢኡን ኣብ ጊንዳዕን ኣብ ዓይለትን ኣብ ከረንን ኣብ ዘለዉ እሊዮም ዓድ መሐመድ ቀይሕ ይብሃሉ ።

<u>ደቂ እሕመድ ሐርሽ</u> ፡ እሕመድ ሐርሽ ንከኪያ ዓምር ወለደ ፡ ከኪያ ዓምር ንወረ ብቶን ንታጅዕን ን፪ተ ወለደ ፡ እዚአቶም ኣብ ድኹኖን ኣብ ባጽዕን ኣብ ጊንዳዕን ኣብ ከረንን እለዉ ። ከምዚሎም ዘርኢ ፬ተ ደቂ ናይብ ሙሳ ይብሃሉ ።

<u>ዘርኢ እሕመድ ወድ ናይብ ዓምር ቅኑዕ</u> ፡ እዚ እሕመድ እዚ ሐው ናይብ ሙሳ ወዲ ናይብ ዓምር ቅኑዕ እዩ ፡ ንሱ ንሐደ ንዓሊ ወለደ ፡ ዓሊ ከአ ንናይብ ዓምር ወለደ፡ ናይብ ዓምር ከአ ን፰ተ ወለደ ፡ ፩ይ ንናይብ ሐሰን — ፪ይ ንናይብ መሐመድ ጉላይ — ፫ይ ንናይብ ዑስማን — ፬ይ ንሕመድ ዓምር — ፭ይ ንዓብደል ረሑል — ፮ይ ንዓምር ጃብር — ፯ይ ንዑመር — ፰ይ ንዓምር እድሪስ ፡ ከምዚሎም ፰ተ ደቂ ናይብ ይብሃሉ ነበሩ ። ፰ተ የሕዋት ዝፈረይዎም ኣብ ድኹኖን ኣብ ዙላን ኣብ ባጽዕን ኣብ ከበቢኡን እለዉ ።

<u>፪ይ ዘርኢ ናይብ መሐመድ ጉላይ</u> ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም ኣብ ሞጣዓትን ኣብ መንሳዕን ገሊኦም ድማ ምስ ሳዒዳ ኣብ ድኹኖን ኣብ ክልኣት ሥፍራውን እለው ዎም ፡ ቤት ጉላይ ከአ ይብሃሉ ።

፫ይ ዘርኢ. ናይብ ዕስማን ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ንናይብ እድሪስ ወለደ ፡ ናይብ እድሪስ ከአ ንናይብ ሑሰን ንናይብ ዕስማንን ወለደ ፡ እዚአም ክልቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ድኹኖን አብ ምጽዋዕን ክበቢኡን አለዉ ፡ ካብዚአም ናይብ ሑሰን ንናዝርይን ንመሐመድ ኑርን - ንሸኽ ያሲንን ወለደ ። ከምኡ ከአ ዓምር ሙሳ ወዲ ናይብ ዕስማን ሐው ንናይብ እድሪስ እዩ ፡ ናይብ ዕስማን ዝፈረዮም ምስ አሕዋቶም አለዉ ።

፬ይ ዘርኢ. ሕመድ ዓምር ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም ዝርከቡም አብ ድኹኖን አብ ባጽዕን አብ ክልእውን አለውዎም ቤት ሳርዳን ይብሃሉ ።

፭ይ ዘርኢ. ዓብደል ረሱል ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም አብ ዓይሌት ዋናታት አለዉ ፡ ቤት ዓብደል ረሱል ይብሃሉ ።

፮ይ ዘርኢ. ዓምር ጃብር ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም አብ ድኹኖን አብ ምጽዋዕን አብ ሕንቶምሎን አብ ጊንዳዕን አብ ዘለዉ አልዮም ቤት ሬሐኒ ይብሃሉ ።

፯ይ ዘርኢ. ዑመር ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ንባሆን ንሽራገይን ዝፈረየ እዩ ፡ ንሳቶም ከአ አብ ድኹኖን አብ ባጽዕን አብ ዓይለትን አብ ጊንዳዕን አብ ዙላን ፡ አብ ዓይለት ግን በርከት በዚሐም አለዉ ፡ ቤት ናይብ ዑመር ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

፰ይ ዘርኢ. ዓምር እድሪስ ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም አብ ባጽዕን አብ ድኹኖን አብ ክባቢ ባጽዕን አለዉ ። ከምዚሎም ፰ተ ደቂ ናይብ ዓምር ወዲ ዓሊ ይብሃሉ ፡ አብ ዘለዉ አሊዮም ፰ተ ቤት ዓምር ተባሂሎም ይጽውዑ ።

ድኹና ከአ ብናይብ ዓምር ቀኑዕ እያ ዝኸተመት ፡ ቀድሚ ሀፀይ ገብረድንግል ፲ ዓመት ፡ ንሱ ናይብ ዓምር ቀኑዕ ካብ ግራር ናብ ድኹና አትዩ ፡ ዱር ቀስቂሱ ዓዲ ገበራ ድኹና ማለት ከአ መዕረፍ ሐራምዝ ማለት እዩ ፡ በቶም ቀድሚአቶም ዝነበሩ ክልእ ዓሌት ብዘረብኦም ዱኹና ማለት ሐራምዝ (ዝዒማሉ) ዝዓርፋሉ እዩ ይብሃል ።

ናይብ ሙሳ ከአ ካብ ሀፀይ ሚናስ ጀሚሩ ስጋብ ፫ተ ትውልዲ ደቂ ደቆም ስጋብ ሀፀይ ዮሃንስ ፃዲቁ ፡ ፍጹም ተአዛዚ እዩ ዝነበረ ፡ ናይብ ዝብሃል ሽም ከአ ካብብኡ ናይብ ዓምር ቀኑዕ እዩ እትጀመረ ፡ ናይብ ማለት ብቱርኪ (ስዩም) ሹም ማለት እዩ ። አብ ርእሱ ዝገብሮ ከለቻ ወርቂ ተዋሂብዎ ስጋብ ፫ተ ወለዶ ደቂ ደቁ ፡ ስጋብ ናይብ አሕመድ ዘበን ፡ ብሀፀይ ኢያሱ ዓቢ ዘመነ መንግሥት አብ ድኹና እታ ከለቻ ናይ ርእሱ እትአሰር ወርቅን ብዙሕ አናፍዋን ናብ ንጉሥ ዝኸይድ ንጒንደር ካብ ባሕሪ ዝመጸ በብዓይነቱ አቕሑትን ንብረቱ ኩሉ ድኹና ከምዘላ ብሐዊ ተቓጸለት ።

### ዛ ን ታ ።

አብ ገሊኡ ጽሑፍ ከአ ድኹና ማለት መደበር ሐራምዝ ማለት እዩ ፡ እዚ ተባህለሉ ምኽንያት ከአ በቶም ቀዳሞት ነገሥታት ኢትዮጵያ ብበዓል ሀፀይ ካሌብ ግዜ ፡ ንባሕሪ ክሳገሩ ንሀገር ዓረብ ክሐስቡ ከለዉ ፡ ብሐራምዝ እዮም ስንቂ ወታደር ዝዳሉ ዝነበረ እሞ ፡ ስጋብ ፲፻ ሐራምዝ ዘዕበይወን ለሚዳታት ነበርኦም እሞ ፡ ካብ ማእከል ኢትዮጵያ እና ተጻዕና ዝወረዳ መንበረን ነበረ ይብል ።



ከምኡ ከአ አብ ገሊኡ ታሪኽ ዓረብ ብአብርሃ ግዜ ዝነበረሉ እዋን ፡ አብ ሠንዓን አብ የመንን (አስሐበል ፊል) ሰብ ሐራምዝ መመላለስቲ ስንቂ ከም ዝነበሩ ይነግር ።

### ብ ዘ በ ን መ ሳ ፍ ን ቲ ።

ብዘበን መሳፍንቲ ናይብ መሐመድ ዓብደል ራሒም ዝብሃል ፡ እዚ ዝገነነ ካብ ቱርኪ ምስ ተሸመ ካብ አበታቱ እተለምደ ግብሪ ንጒንደር ክልኪሉ ፡ ምስ ደጊያት ውቤ ኩናት ገጢሙ ፡ ተሳዒሩ ብዙሕ ጠበናጁን ገንዘብን ምንጻፋትን ወሲኹ ልኢኹ ተዓርቀ ፡ ግዝአቱ ከአ ስጋብ በይሉል ስጋብ ሰዋኪን ስጋብ ዓቒቕ ወሰን ባሕሪ ተቀሂብዎ ነበረ ፡ ከምቲ አብ ዛንትኡ ተጻሒፉ ዘሎ ብዙሕ እዩ ።

ሰበይቱ ከአ ጓል ሹም ዓጋመ አረጋዊ ወይዘሮ ብድር ጓል ወዳ ንሽትል ጓል አዩ ገብረመስቀል ዓቢ ዓረዛ ዝወለደታ የእትዩ ፡ ነዚም ሕጂ ዘለዉ ፈረየት ።

### ብዛዕባ ስልጣን ዓዲ ናይብ ።

ከምቲ አብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ፡ ናይብነት ዝተጀመረሉ ፡ ካብ ዓምር ቀኑዕ እዩ ፡ ካብኡ ከአ ናብ ወዱ ፡ ናብ ናይብ ሙሳ ሐለፈት ፡ ካብ ናይብ ሙሳ ከአ ናብ ናይብ ዓምር ወዲ ዓሊ ወዲ ሐው ዝወለዶ ንናይብ ሙሳ ናብ ናይብ ዓምር ሐለፈት ፡ ካብ ናይብ ዓምር ከአ ናብ ናይብ ሐሰን ዓምር ሐለፈት ።

ናይብ ዓምር ፴፱ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዱ ናብ ናይብ ሐሰን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ መሐመድ ጉላይ ናብ ወዱ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ሐው ናብ ናይብ ዕስማን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ አሕመድ ወዲ ሐወቡኡ ፡ ወዲ ናይብ ሐሰን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ እድሪስ ናብ ሐው ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ያሕያ ወዲ ናይብ አሕመድ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ዑስማን ወዲ ናይብ እድሪስ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ሐሴን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ መሐመድ ወዲ ናይብ ያሕያ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ሐሰን ወዲ ናይብ አደም ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ እድሪስ ወዲ ናይብ ዑስማን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ እድሪስ ወዲ ናይብ ሐሰን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ዓብደልራሒም ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ዓብደል ከሪም ናብ ሐው ሐለፈት ።

በዚ እዋንዚ ጣልያን ናብ ኤርትራ አትዩ ንምጽዋዕ ምስ ሐዘ እቲ ስልጣን ናይብ አዚዩ ደኺመ እሞ እቲ ሽመት ናብ ክልት ገዛ ክከፈሉ ተመደበ ።

ደቂ ናይብ ሐሰን ወዲ ዓምር ሽመቶም ብፍላይ ናብ ድኹና ተቐሚጦም ክዳንዩ ተመደበ ።

ደቂ ናይብ ዑስማን ወዲ ዓምር ከአ ሽመቶም ብፍላይ ናብ ሞንኩሎ ክይኖም ክዳንዩ ተመደበ ፡ ካብዚአም ናብ ናይብ መሐመድ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ሐው ናብ ናይብ ሐሰን ሐለፈት ካብኡ ከዓ ናብ ናይብ እድሪስ ወዲ ናይብ መሐመድ ናብኡ ሐለፈት ካብኡ ከዓ ናብ ደቆም አላ ።

ኣብ ድኹና ዘለዉ ናይባት ካብ ናይብ ዓብደል ከሪም ናብ ወዱ ናብ ኢሕመድ ባሻ ሓለፈት ክብሉ ክዓ ናብ ወዱ ናብ ናይብ መሐመድ ወዱ ናይብ ሕመድ ሓለፈት ከምዚሎም ዕቤት ኣቦታቶም ሒዞም ካብ ናይብ ዓምር ቅንዕ ስጋብ ሎሚ ፳፩ ናይባት ከየቋረፁ በዚ መዓርግ እዚ እናተፀውዑ ኣለዉ ።

ከምኡ ክዓ ኣብ ትሕቲ ናይብ ዝእዘዙ በብክፍሊ ሓለቕኦም ዝዕውዑሉ ዝነብሩ ሽመት ፩ ሳርዳን - ፪ ኣሚር - ፫ ዓቃ - ፬ ሽውሽ - ፭ ፓሻ ከኪያ ዝበሀል መዓርግ ዝወሀቦም ዝነበረ ካብ ቱርኪ ዝመፀን ተለምደን እዩ ፡ ስጋብ ሎሚ ኣይደኸመን ። ናይ ዓሌት ናይብ ወዲ እናናብ ምጽዋዕ ዘለዉ በብዓሌቶም ንምስማይ ክብዚ ዝስዕብ ንጅምር ኣሎና ።

## ምዕራፍ ፱፰ ።

### ኣብ ምጽዋዕ ዘለው ነገድ በብኽፍሎም ።

ኣብ ምጽዋዕን ኣብ ከባቢኣን ዝርከቡ ዓሌታቶም ንገልጽ ኣሎና ።

፩ይ ዘርኢ ሳይቕን ሓቢ.ብ ፡ እዞም ሳይቕን ሓቢ.ብ ዓሌቶም በቲ መሰረት ወለድኦም ካብ ሕንዲ እዮም ዝመጹ ንሳቶም ዝፈረይዎም ከኣ ገሊ.ኦም ኣብ ድኹና ገሊ.ኦም ኣብ ጊንዳዕ ኣብ ከረን ኣብ ኣቑርደት ኣለዉ ፡ ከምዚ ኢሎም ኣብ ዘለዉ ኢሊዮም ሳይቕን ሓቢ.ብ ተባሂሎም ይጽውዑ ዝመጽዎ ዘመን ብሥልጣን ግሊ.ም ካብ 400 ዓመት ዘይበዝሕ እዩ ።

፪ይ ዘርኢ ቱርኪ ፡ እዞም ቱርኪ ዝበሃሉ ዓሌት ክንድቲ ብዝሒ የብሎምን ዝርከቡም ኣብ ድኹና ኣብ ጊንዳዕ ኣለዉ ፡ ቤት ቱርኪ ተባሂሎም ይጽውዑ ።

፫ይ ዘርኢ ኩርዲ ፡ እዞም ኩርዲ ዝበሃሉ ዓሌት ንሳቶም ዝፈረይዎም ገሊ.ኦም ኣብ ድኹና ገሊ.ኦም ኣብ ጊንዳዕ ኣብቲ ከባቢኡን ዝበዝሑ ኣብ ዓይለት በርከት ኣለዉ.ዎም ።

፬ይ ዘርኢ ምሽናቕ ፡ ከምኡ ክአ ምሽናቕ ዝበሃሉ ዓሌት ኣብ ባጽዕን ሕንጥምሉን ኣብ ድኹናን ኣለዉ ፡ ደቂ ምሽናቕ ይበሃሉ ክብኣቶም ዝወፁ ሐሐሊ.ፎም ንግር ኣብ ኣስመራን ኣብ ከልእን ኣይሣእኑን እዮም ።

፭ይ ዘርኢ በርሐቱ ፡ እዞም በርሐቱ ዝፈረዮም ኩሎም ኣብ ድኹና ገሊ.ኦም ኣብ ባጽዕ ኣብ ጊንዳዕ ኣብቲ ከባቢኡን ኣለዉ ፡ ካብ ቀደም ነጋዶ እዮም መጸዋዒኦም በርሐቱ ይበሃሉ ።

፮ይ ዘርኢ ሽረፋይ ፡ እዞም ሽረፋይ ዝበሃሉ ዓሌት ኣዝዮም ውሑዳት እዮም ዝርከቡም ከኣ ኣብ ድኹናን ኣብ ባጽዕን ኣለዉ ፡ መጸዋዒኦም ሽረፋይ ይበሃሉ ።

፯ይ ዘርኢ ሻውሽ ኣሽራፍ ፡ ዝበሃሉ ዓሌት ኣብ ድኹና ኣብ ባጽዕ ኣለዉ ፡ ብሓደ ሽም ደቂ ሻውሽ ኣሽራፍ ይበሃሉ ።

፰ይ ዘርኢ ሻውሽ ሓላይ ፡ እዚኦም ደቂ ሻውሽ ሓላይ ዝፈረይዎም ገሊ.ኦም ኣብ



ድኹና ገሊ.ኦም ኣብ ባጽዕ ኣለዉ ፡ ካብዚኦም ዝወጹ ኣብ ማርያ ቀይሕን ኣብ ማርያ ጸሊ.ምን ኣለዉ ፡ ምስኦም በርከት ኣለዉ ደቂ ሻውሽ ሓላይ ይበሃሉ ።

፱ይ ዘርኢ ኢ.ዳ ፡ እዞም ኢ.ዳ ዝበሃሉ ካብቲ መሠረት ትውልዶም ኣብ ኩርባርያ እዮም ዝወረዱ ካብ ዓሌት ሮብራ ንሣቶም ዝፈረይዎም ኣብ ርዓት ዝበሃል እውራጃ ምጽዋዕ ዝርከብ ዓዲ ኣለዉ ፡ ቤት ጨዋይ ተባሂሎም ይጽውዑ ።

፲ይ ዘርኢ ሽነቲ ፡ እዞም ሽነቲ ዝበሃሉ ንብይናም ሐደ ዓሌት እዮም ንሳቶም ዝፈረይዎም ገሊ.ኦም ኣብ ድኹና ገሊ.ኦም ኣብ ባጽዕ ኣለዉ ከምኡ ክአ ካብኣም ዝወጹ ኣብ ከልእ ሐሐሊ.ፎም ንግር ኣይሣእኑን እዮም ቤት ሽነቲ ይበሃሉ ።

፲፩ ዘርኢ የማኒ ፡ እዚ.ኣቶም ክአ ኣቦታቶም ካብ የመን ዝመጹ ናይ ናይብ ሙሣ ኣገልገልቲ ዝነበሩ እዮም ንሣቶም ዝፈረይዎም ክዓ ገሊ.ኦም ኣብ ድኹና ገሊ.ኦም ኣብ ምጽዋዕ ሕንጥምሎ ገሊ.ኦም ኣብ ጊንዳዕ ገሊ.ኦም ኣብ ከረን ኣለዉ ፡ ኣብ ዘለዉ ኣልዮም ቤት የማኒ ተባሂሎም ይፅውዑ ።

፲፪ ዘርኢ ቀረባሽ ፡ (ቀለባሽ) ዝበሃሉ ዓሌት ካብ ጥንቲ ቀለባሽ እዩ ዝነበረ ሽሞም እዚ ሽምዚ ኣብ ክብረ ነገሥት ዘሎ ሽም ከምኡ ክአ ኣብ ልማድ ኣበው ዝበሃል መጽሐፍ ብራና ይሠምዮ እዩ ግና ሕጂ ኣብቲ ንሱ ዝፈረዮም ክንምለስ ቀረባሽ ዝፈረዮም ኣብ ድኹናን ኣብ ሕንጥምሉን ኣብ ምንኩሉን ኣብ ምጽዋዕ በርከት ኣለዉ ኣብ ማርያ ጸሊ.ም ኣለዉ ቤት ቀረባሽ ይበሃሉ ።

፲፫ ዘርኢ ሐምዳን ፡ ዝበሃሉ ዓሌት ኣብ ባጽዕ ኣብ ሕንጥምሎ ኣብ ድኹና ኣለዉ ፡ ቤት ሐምዳን ይበሃሉ ።

፲፬ ዘርኢ ጀሚል ፡ እዚ ጀሚል ዝፈረዮም ክንድቲ ዝእክል ብዝሒ የብሎምን ዝርከቦም ኣብ ድኹና ቤት ጀሚል ይበሃሉ ።

፲፭ ዘርኢ ሐሰባላ ፡ ዝበሃሉ ዓሌት ምጣዓት ኣብ ትግራይ ክአ ኣለዉ.ዎም ኣብ ዘለዉ ኣልዮም ቤት ሐሰባላ ይበሃሉ ።

፲፮ ዘርኢ ሽነቴ ፡ እዞም ሽነቴ ዝበሃሉ ዓሌት ፍርቆም ኣብ ድኹና ካብኦም ዝተፈልዩ ክአ ኣብ ኣቑርደት በረከት ቤት ሽነቲ ይበሃሉ ።

፲፯ ዘርኢ ሌማን ፡ እዞም ሌማን ዝበሃሉ ዝበዝሑ ኣብ ከረን ኣብ ዓይበት ኣብ ማይ ውዑይ ምስ ምስሌኦም ምድሪ ሒዞም ኣለዉ ፡ ቤት ሌማን ይበሃሉ ።

፲፰ ዘርኢ ኣሥፊደ ፡ ኣሥፊደ ዝፈረዮም ቤት ዑመሪት ኣብ ድኹናን ኣብ ሕንጥምሉን ኣለዉ ቤት ኣስፈደ ይበሃሉ ።

፲፱ ዘርኢ ኣንሠራ ፡ እዞም ኣንሠራ ዝበሃሉ ሕዝቢ ወለድኦም ካብ ዳሥም ዝወለዱ ካብ ሚናፍረ እዮም ንሣቶም ክአ ገሊ.ኦም ኣብ ድኹና ኣብ ምጽዋዕ ኣለዉ ፡ ቤት ኣንሠራ ይበሃሉ ከምኡ ክአ ቤት ድኒ ዝበሃሉ ኣብ ድኹና ኣብ ምጽዋዕ ኣብ እምበረሚ ኣለዉ ካብ ሚናፍረ እዮም ።

፳ ዘርኢ ሰቤ ፡ እዞም ሰቤ ዝበሃሉ ፈለማ ካብ ሚናፍረ እዮም ዝመጹ ንሳቶም

ዝፈረይዎም ገሊኦም ኣብ ድኽና ገሊኦም ኣብ ምጽዋዕ ገሊኦም ኣብ ሕንጥምሎ ገሊ ኦም ምንኩሉ ኣለዉ ፡ ኣብ ዘለዉ ኣልዮም ብሐደ ሽም ቤት ሰቢ ይበሃሉ ።

፳፩ ዘርኢ ሐምዳን ፡ ቤት ሐምዳን ዝበሃሉ ዓሌት በቲ መሠረት ወለድኦም ካብ ዓረብ ሽም ካብ ከተማ ደማስቆ ብዘመን ናይብ ዓምር እዮም ዝመፁ ንሳቶም ዝፈረይዎም ኣብ ድኽና ኣብ ጊንዳዕ ኣብ ከረን ኣለዉ ፡ ኣብ ዘለዉ ኣልዮም ቤት ሐምዳን ይበሃሉ ።

፳፪ ዘርኢ ደፋላ ፡ እዞም ደፋላ ዓሌቶም ካብ በለው እዮም ንሳቶም ግና ካብ ዓዲ ናይብ ክይክንስ ብላዕሊ እዮም ዝፍለዩ ኣብ ታሕታይ መጸዊኢኦም ቤት የሰፍ ይበሃሉ ንሳቶም ዝፈረይዎም ኣብ ድኽናን ኣብ ጊንዳዕ ምስ ደቂ ሐወቦኦም መቸም በለው ዘበኦም ከምቲ ኣብ ቅድም ተመልከቱ ዘሎ ኣብ ላዕሊ እዩ ዝፍለ ።

፳፫ ዘርኢ ሎቤይት ፡ እዞም ሎቤይት ዝበሃሉ ዓሌቶም ካብ ዓግመርታ እዮም ንሳቶም ዝፈረይዎም ኣብ ድኽናን ኣብ ምጽዋዕን ኣብ ዙላን ኣለዉ ፡ ብሐደ ሽም ሎቤይት ይበሃሉ ።

፳፬ ዘርኢ ሰይድ ፡ ሮመዳን ኣብዚ ገለ ኣለዉ ካብዚ ዝኸዱ የሕዋቶም ኣብ ኣዲ ሥ ኣበባ ሐሐሊፎም ንግደ ኣብ ክልአ ዓድታት ኣይሳኣኑን እዮም ቤት ሰይድ ሮመዳን ይበሃሉ ፡ ንሳቶም ኩአ ኣሽራፍ እዮም ።

፳፭ ቤት ሸኽ ድርቡሽ ፡ ዝበሃሉ ሐደ ዓሌት ኣብ ምጽዋዕ ኣብ ሕንጥምሎ ኣለዉ ፤ እዞም ኩሎም ዝጸብጸብናዮም ዝበዝሑ ወቻደራት እናኸኑ ገሊኦም ኣብ ምድሪ ሐበሻ ዝወረዱ እዮም ገሊኦም ከአ ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ ብንግዲ ምኽንያት ምስ መፁ ኣብዚ ዝተረፉ እዮም ዝበዝሑ ብዘመን መሣፍንቲ ዝመጹ እዮም ።

፳፮ ዘርኢ ሸኽ ማሕሙድ ፡ እዚ ሸኽ ማሕሙድ እዚ ፈቒ መሐመድ ካብ ሕጃዝ እዩ ዝመፀ ናብዚ ዝመፀሉ እዋን ብድሕሪ ሐፀይ ፋሲል ዘበነ መንግሥት እዩ በቲ መሠረት ወለድኡ ግና ካብ ዝቤር ኣብኒ ዓዋም ዝወለድ እዩ ዓሌቱ ንሱ ዝፈረዮም ከዓ ስጋብ ሎሚ ዘርኦም መሻይኽ እዮም ። ንሱ ሸኽ ማሕሙድ ዝፈረዮም ኣብ ድኹናን ኣብ ባጽዕን ኣብ ከበቢኡን ኣብ ማርያ ገሊኦም ኣብ ከረን ገሊኦም ኣብ ኣቑርደት ገሊኦም ኣብ ዙላ ከምኡ ከዓ ካብኦም ዝወፁ ሐድሐደ ንግር ኣብ ክልአ ዓድታት ኣይሰኣኑን እዮም ኣብ ዘለዉ ኣሊዮም ቤት ሐሊ ይበሃሉ ።

ከምኡ ከዓ የሕዋቶም ካብ ዝቤር ዝወለዱ ቤት ዝቤር ዝበሃሉ ሐደ ዓሌት ዓብ ዙላን ኣብ ድኹናን ኣብ ምጽዋዕን ኣብምንኩሉ ሐሐሊፎም ኣብ ከረን ኣብ ኣቑርደት ኣለውዎም ።

ከምኡ ከዓ ሐደ ክልአ ገዛ ቤት ማዕጡቕ ዝበሀሉ ኣብ ኣውራጃ ምጽዋዕ ሐሐሊ ፎም ኣብ ዘለዉ ኣልዮም ቤት ማዕጡቕ ይበሃል ።

ከምኡ ከአ የሕዋቶም ሸኽ ኢብራሂም ዝፈረዮም ክሳብ ሎሚ ደቂ ደቂ መሻይኽ እዮም ሕጂ'ውን ኣብኦቶም እያ ዘላ ቤት ሸኽ ኢብራሂም እዮም ዝብሃሉ ኣብ ዘለዉ ዓብዮም ፡ ከምኡ ከአ የሕዋቶም ቤት ሸኽ ዑመር ዝብሃሉ ዑመር ዝፈረዮም ኣብ ዙላ ኣለዉ ሽመት ሒዞም ኣለው ከምኡ ድማ የሕዋቶም ኣባት ዝፈረዮም ኣብ ኩሉ ዓድ ታት ኣለዉ ። ከምኡ ከዓ የሕዋቶም ቤት ኣሕመድ ደርቂ ዝፈረዮም ከአ ኣብ ባጽዕን



ኣብ ከባቢኡን ብዙሐት እዮም ኩብኦቶም ከአ ፡ ከምኡ'ውን ሸኽም ድማ ሸኽ ሑሰን ይብሃል ብሀደሽም ዓደርቂ ይበሃሉ ኣብቲ ላዕሊ መጸውዒዖም ቤት ሸኽ ማሕሙድ ካብ ደቂ መሐመድ ካብ ዝቤር ኣብኒ ዓዋም እዮም ፡ ዓሌቶም ዝመጸዎ ዘመን ብድሕሪ ሃጸይ ንብላ ድንግል እዮም ። ፳፭ ደቂ ሰይድ መሐመድ ዑስማን ።

ሰይድ መሐመድ ዑስማን ማርቃኒ ካብ ዓዲ ዓረብ ናብዚ ዝኣተወሉ ብዘበን ሃጸይ ተኽለገርጊሽ ተፍፃሜት መንግሥቲ ፡ ናይብ ያሕያ ገዛኢ ብገዝበሩሉ እዋን ኣብ ባጽዕ ኣትዮም እተቐመጡ ንሰም ዝወለድዎም ከአ ፡ ፩ ንሰይድ መሐመድ ሥሪኣል ክትም ፪ ንሰይድ ሐሰን — ፫ ንሰይድ ጃዕፈር — ፬ ንሰይድ ዓብደላ ማሕጁብ — ፭ ንሰይድ መሐመድ ሐሽም ።

ከምዚሎም ፅቲኦም የሕዋት ኣማቃቅልኦም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ ሰይድ መሐመድ ሥሪ ኣልክትም ፡ ንጀት ወለደ ንሰይድ ኣስማዒልን ንሰይድ መሐመድ ዑስማንን ወለደ ፡ እዚኣቶም ክልቲኦም የሕዋት ኣብ ቃሕሪ ኣብ ምስሪ ኣለዉ ፡ ፫ ሰይድ ጃዕፈር ዝፈረዮም ኣብ ከረንን ኣብ ኣቑርደትን ኣለዉ ፡ ኣብ ከረን እቶ ብዓል ኢብራሂም ዓብደላ ማሕጁብ ይብሃሉ ኣለዉ ፡ ፬ ሰይድ መሐመድ ሐሽም ንጀት ኣዋልድ ምስ ወለዱ ሞቱ መቓብሮም ከአ ኣብ ሕንጥብሎ እዩ ንሰም ንሰቲን ማርያም ሰቲን ዓላዊያ ወለዱ ፡ ሰቲ ዓለዊያ ኣብ ሕንጥብሎ ምስ ኣበኣ ተቐብረት ፡ ሰቲ ማርያም ከአ ኣብ ሰዋኪን ተቐ ብረት ።

ከምዚሎም ኣስያድ ይብሃሉ ዓሌቶም ካብ ቆረሽ ካብ ቤተሰብ ነቢዩ እዮም ብቐ ረብ ግዜ እዮም ዝመጹ ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮ ካብ ቤት ናይ ብን ከምኡ ከዓ ምስ ክልአ ዓበይቲ መፃሕፍቲ ዝተሰማምዔ እዩ ።

## ምጽዋዕ ዝተበሀለሉ ዘመን።

ከምቲ ኣብ ዓድ ናይብ ዘሎ ዛንታ ካብ ጥንቲ ባጽዕ እዩ ዝነበረ ሽማ ምጽዋዕ ዝተ በሀለሉ እዋን ብዘበን ሐፀይ ሰርፀ ድንግል ቱርኩ ንኢትዮጵያ ፩ ግዜ ተዋጊኡ ከም ዝነበረ ኣብ ቅድም ሰሚናዮ ኣሎና ኣብ ብዙሕ ታሪኽ ዝተፈልጠ እዩ ንሰም ንቱርኩ ምስ ሰዓርዎ ፈጽሚ ካብ ምጽዋዕ እንት ዘይኣጥፈኤዮስ ዓደይ ኢትዮጵያ ሰላም ኣይክትረ ክብንያ ብማለት ሠራዊት ማእለያ ዘይብሉ ተኸቲሎም ዘጥፍእዎ ንባጽዕ ሊኢኹም እቲ ሠራዊት ኣብ ግራርን ኣብ ዕዳጋን ስጋብ ተደዓሊ ንብምድሪ ከዲኖማ ነበሩ ።

ንሳቶም እቶም ፀላእቲ ከዓ ናብ ውሽጢ ባጽዕን ዓብደልቃድርን ተሳጊሮም ብማዕዶ ይረእዩ ነበሩ ከምዚ ሎሚ ከዓ መሰጋገሪ ብልሐት ኣይነበረን ፡ ካብቶም ሠራዊት ከዓ ገለ ሐደ ክፍሊ ናብ ርእሲ ምድሪ ምሰፈሩ ንዕዳጋ ክይተመልሱ ክለዉ ፡ ማይ መሊአ ገለ ሐያሎ መዓልቲ ከብሎቶም ተፈሊዮም ይፀዋውፁ ነበሩ እሞ ደሐር እቶም ሰብ እታ ምጽዋዕ እናበሉ በታ ዝሐለፈት ናይ ፀገምሰሙን ብእ ምስ ጀመረት ምጽዋዕ ተባህለት ስጋብ ሎሚ ይብል ኣብቲ ዛንትኦም ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ክልአ ጽሑፍ ይጠ ቕሰ እዩ ።

## ምዕራፍ ፶፱ ።

### ምምጻእ መሮኒ ናብዚ ምድሪ ሐማሴን ።

እብዚ ምድሪ'ዚ ፍልም ዝአተወ ወዲ ጓሉቕ መሮኒ ይበሃል ነበረ፡ ንሱ ቅድሚ
እብዚ ምድሪ ምምጽኡ እብ ደብሪ እንዳ ሥላሴ ፀዕዳ እምባ ነበረ፡ ካብኡ መጺኡ እብ
ገሸናሽም ተቐመጠ ሽዑ እዚ ምድሪ እዚ ዱር ፀሊም ጠሊ ነበረ እሞ መሮኒ ክዓ ዓዲ
ክገብር እብኡ ሐረዩ እብኡ ኰይኑ ንመርዌ ንኹሉ መትሕት ይገዝእ ነበረ፡ ንሱ ክዓ
ንᎇ ወዲ ወለደ ንማሉቕኒ ንፋሉቕኒ ንሚሉቕኒ ።

ሰለስቲኦቶም ምስ ዓበዩ ማሉቕ ካብ የሕዋቱ ተፈልዩ ንምድሪ እከለ ጉዛይ እተወ፡
ፋሉቕ ክዓ እብ ዓመዲ እትዩ ተቐመጠ እቲ ፫ይ ሐምም ሚሉቕ ግና ምስቡኡ ተረፈ ።
ፋሉቕ እብ ዓመዲ እትዩ ንጄ ወዲ ወለደ ንድምበዛኖይኒ ንምሕረትኒ ንተኸሥተኒ ንሽም
ረፀምኒ ንሽምረጥብኒ እቲ ሻድሻዮም አበይ ክምዚነበረ አይፍለጥን እዩ፡ ሐድጊ የብሉን
ካብዘም ፮ተ የሕዋት ድምበዛኖይ ንደቀተሽምኒ ንቤት እስገደን ዝፈረዩ እዩ ።
ወረደ ምሕረት ክዓ ንዓዲ ሐንስ ዝፈረዩ እዩ፡ ተኸሥተ ብርሃን ክአ ንዓዲ ንእምን
ዝፈረዩ እዩ፡ ሽምረፀም ክዓ ንዓዲ ኰሉምኒ ንደቀ ዘርኡን ዝፈረዩ እዩ፡ ሽምረጥብ
ክዓ ፈራይ ኰሉም ንደቂ ተዓጠቐ እዩ፡ ሚሉቕ ክዓ ዝርካበም ንሱ ዝፈረዮም እብ
ገሸናሽም እለዉ፡ ካብኦቶም ዝውለዱ ክዓ በቢ ዘለውዎ ንጣር ንጣር ናብ ሠራዊን እብ
ክልአ ዓዲን አይሰአኑን እዮም፡ ክምኡ መረታ ቀያሕትን መረታ ሰበንን ካብኡ እዮም ።
መሮኒ ፍልም ናብዚ ቅድሚ ምምፅኡ እብ ዓዲ እብ ደምቢያ ዓደምሐራ ምስ
እቡኡ ጓልቕ ነበረ ደሐር ግና እብ በረኻ ብኒዓሚር ይቕመጥ ነበረ እቦታቱ ክዓ ክምዚ
ኢሎም እዮም ዝወፅኡ ጓልቕ ወዲ ስና፡ ስና ወዲ ዳግማይ ሚናብ፡ ዳግማይ ሚናብ ወዲ
ጉማ ጉማ ወዲ ስናሕ ስናሕ ወዲ ሽምሽማ ሽምሽማ ወዲ ሚናብ ቀዳማይ እዩ ።
እዚ ሚናብ'ዚ ሐደ እዋን ቤት ሰቡ እኪቡ ካብ ደምቢያ ካብ ዓዲ ንምድሪ መት
ሀት እትዩ ስጋብ ክሰላ ምስደቁ ኰብለለ ደቁ ክዓ ርስቲ ክይሐዙ ብዙኅ እዋን ነበሩ፡
ካብዚ ሚናብ'ዚ ክዓ ንላዕሊ ዘሎ ወለዶ ስጋብ ሳኦል ወልደቂስ ንጉሥ እስራኤል ሰላሳ
ዝአክል ወለዶ እሎ፡ እንተኸነ ሽሞም እጽሪዩ ዝፈልዮ የልቦን ካብ ሳኦል ወልደቂስ
ስጋብ ቀዳማይ ሚናብ ዓቢ ወዲ ያዕቆብ ዘለዉ መጻሕፍቲ እስራኤል ንኰሎም በብሐደ
ይቖርሖም እዩ ።

ገለ ክዓ አይፋል እቦታት መሮኒ ክምዚ እዮም ይብሉ፡ መሮኒ ወዲ ጉማ ጉማ ወዲ
ጓልቕ ጓልቕ ወዲ ብሩኽ ብሩኽ ወዲ ሽማንጉሥ ሽማንጉሥ ወዲ ድምበዛን ድምበዛን
ወዲ ቆርበት ቆርበት ወዲ ሃማ ሃማ ወዲ ጓልቕ ጓልቕ ወዲ እፈወርቂ እፈወርቂ ወዲ
ሳኦል ሳኦል ወዲ ወልደቂስ ወልደቂስ ወዲ ሚናብ ዳግማይ ዳግማይ ሚናብ ወዲ ደም
ሽማ ደም ሽማ ወዲ ሚናብ ቀዳማይ ሚናብ ቀዳማይ ወዲ ያዕቆብ፡ ገሊኦቶም ድማ ካብ
ደምብያ ዝመጸ ጓልቕ እዩ ይብሉ፡ ገለ ክአ አይፋል እቦታት መሮኒስ ክምዚ ዝስዕብ ጌሮም



ይቖርሕዎም መሮኒ ወዲ ሽማጡር ሽማጡር ወዲ ደምባይ ደምባይ ወዲ ያዕቖብ ዳግ
ማይ ያዕቆብ ዳግማይ ወዲ ሠምረጨን ሠምረጨን ወዲ ሚናብ ካብ ደምቢያ ዝመጸ
ደምባይ እዩ ይብሉ ።

### ዛንታ ገሸናሽም ።

ብድሕሪ እዚ እቡኦም መሮኒ አረጉ ዓዲ ምስወዓለ ሚሉቕ ነቶም ክልተ የሕዋቱ
ካብ ዘለውዎ ሊኢኹ ንዑ ነበኹም ቀልቡ ኢሉ እምፅኦም ንሳቶም ክዓ ሐቂ መሲል
ዎም ፋሉቕኒ ማሉቕኒ ንገሸናሽም ወረዱ ሽዑ ክዓ እቡኦም መሮኒ ሞይቱ ጸንሖም፡
መይቱ ክነሱ ደእሉ ክምዚ ዘለና ኢሎም ንቅትሎ ኢሎም ተማኸሩ ።
ደሐር ግና ተጣዒሾም ክውለድ ሬእናዮስ፡ ክመይ ጌርና ክንቀትሎ ኢሎም ሐደ
ደግም፡ ደሐር ሐዘኖም ምስወድኡ መቓብር እቦም ሬእዎም ክብገሠ ክለዉ ንሚሉቕ ክምዚ
ኢሎም ተበገሱ ቊሸት አየደምብርከ፡ ነዛ ዳዕሮ አየምልእኻ፡ ድሬር ዕለት አይኸላእኻ
ኢሎም ረጊሞም ነንዓዶም ከዱ ።
ዘርኢ ማሉቕ ክዓ ክምቲ መርገም የሕዋቱ በጸሐዎ ክልአ ዓዲ አይፈለየን ቊሸት
ክዓ እይወሰኸን ዝርካበም ዘርኡ ስጋብ ለይቲሎም እብታ ናይ ጥንቲ ዓዲ እቦኦም ተአ
ኪቦም ክምዘለዉ እብእ እለዉ፡ እታ ዓዲ ዝቕመጥዋ ዘለዉ ክዓ ሽማ ገሸናሽም ትብ
ሃል ንሳቶም ክዓ እዚዮም ሒደት እዮም ዘርኦም ክንድቲ ዚአክል ብዝሒ የብሎምን ።
ሕጅ እዘም ዘርኢ ሚሉቕ ዝኸኑ እንተ ተአከቡ ክም ዘለዉ ልክዕ ጽላል ዳዕሮ
ድእ'ምበር ካብእ አይሐልፉን እዮም፡ ስጋብ ሎም በዛሕና እንተሉ ዋላኻ ካብ ሐንቲ
ጽላል ዳዕሮ አይሐልፉን እዮም ።
ክምኡ ክዓ ብጸጋ ናይ ሥጋ ካብዘም ዓሌት እዚኦም ንድራር ዕለትን ንኽዳን ድአ
እምበር ንኒሕኒ ንዘጃህር ሀብቲ ካብ መሬት ኸነ ካብ ማል ኸነ የብሎምን፡ ስለዚ ብሐቂ
በቲ እዋንቲ መርገም የሕዋት ፍጹም እዩ ዝነበረ ክንብል ዝመስል እዩ ።
ዘርኢ እቶም ክልተ የሕዋቱ ፋሉቕኒ ማሉቕኒ ግና እዚዮም ብዙሐት በዚሖም ንም
ድሪ ከዲኖማ ምልእ ኢሎም እለዉ፡ ካብዚኦም ሕጅ እብዚ ምድሪ ሐማሴን ዋናታት
ኰይኖም ዝርእዩ ዘለዉ ዘርኢ ተሽም በሐዳፍኡ ደቂ ተስፋጺን እዚዮም ሰብ ማርዳን
ሰብ ጋማን ቀሚሽን ስጋብ ለይቲ ሎም ምርኢያት በብዘለውዎ ዕቤት ሕጸቢቖም ዓደቡ
እም ሕጆም እብ ኩሉ መኸን ዕውዓትን ሰብ ዓራትን ከይኖም እለዉ ።
ደቂ ማሉቕ ክአ ዝሐዝዎን ተረሰትዎን ዓዲ እብ እከለ ጉዛይ ሐሐሊፉ ፍሉጥ እዩ፡
መቓብር መሮኒ ክዓ ሥጋብ ሕጅ ፍሉጥ መኸን እዩ ።
ንሱ ናብታ ጥቓ ጻዕዳ እምባ መገዲ ዘሎ ዑናታት ድእ'ምበር ሕጅ ቤት የብሉን
ሀሮሮማ በረኻ ኰይኑ እሎ፡ እላባን ዱር ፀሊምን እዩ፡ ስጋብ ብዙሕ እዋን ደቂ ማሉቕ
ካብ እከለ ጉዛይ ዓመት ዓመት እናመጹ መቓብር እቦና እናሉ ዋዕላ ይገብሩ ነበሩ፡ መቓ
ብር እቦና እናሉ ፩ ዓቢ ጨርሒ ጨርሔሙሉ ስጋብ ሕጅ እሎ ።

ፈለግ ቤት ክርስቲያን ቅዱስ ሚካኤል ታቦት ነበር ደሐር ግና ንሱ ተሪፉ ናብቲ ጐደብኡ ሐደ ክልእ ታቦት ቤት ክርስቲያን እንዳ መድኃኔ ዓለም ተሠሪሒዎ አሎ ።

## ወለዶ ሰብ ገሸናሸም ።

እዞም ሰብ ገሸናሸም ዝበሃሉ በዕላቶም ንሕና ዘርእና ካብ ፋሉቕ ኢና ይብሉ ከምኡ ከዓ ዛንታ መርመርቲ ንዚ ወረ'ዚ ድማ ይደግምዎ ብሑሑት ይኞለልዎ ስለዚ ወለዶኦም ከዓ ከምዚ እዩ ይብሉ ፣ ፈለግ ፋሉቕ አብ ቤት እቡኡ ዝተረፈ ንሱ እዩ እሞ እብኡ ኸይኑ ከዓ ንደምበዛንኒ ንመፃጉዕኒ ንቡርኸናን ኀይ ወለደ ፣ ካብኢቶም ክንቲባ ተቢሂሉ ደምበዛን ንፄ አወዳት ወለደ ፣ ብርኸና ከዓ ንገሸናሸም ወለደ እዚ ገሸ ናሸም እዚ እዩ የሕዋቱ ዝረገዎ ይብሉ ። ሜሉቕ ንገሸናሸምን ንመረታ ሰበን መረታ ቑይሕን ዝፈረየ እዩ ። ገሸናሸም ከዓ ንገሸናሸም ዝፈረየ እዩ ።

### ምዕራፍ ፰ ።

## ወለዶ ወረደ ምሕረት ።

ወረደ ምሕረት ከዓ ፈለግ ክብ እንዳቡኡ ክብ ዓመፂ ወጺኡ ናብ ዓትክሌዛን አትዩ ተቐመጠ ፣ ንሱ ንክንቲብ ሐንስ ወለደ ክንቲብ ሐንስ ከዓ ንንድትክሌዛን ሐዲጉ ናብ ዓዲሐንስ አተወ ፣ ንሱ ብሽመት ስጋብ ባሕሪ ይገዝእ ነበረ ። ብዘበኖም አተሽም አብ ትሕቲኦም ኲዶኑ ገበርን ሐዲጊን ናቶም ነበረ ፣ ንሶም ከዓ እዮም ዘዕበይዎ ብዘበን ሐፀይ ዓምደጽዮን በዚ ዘበንዚ እዮም ጭቃ ዝበሃሉ ናብዚ ሐማሴን ሠራይት ዝመጹ ሽሁ አብ ናፍር ዝበሃሉ እብ ፃዕዳ ኸስታን ዝነበሩ ፣ እቶ ሽም ከዓ አዚዩ በጽሒ ምስኲን ንወይዘሮ ባሕሮ በዓልቲ ሠራዬ ጓል በግእጽዬን ወዲ አድኽመ ንዓአ የአትዩ ክብሉ ንሐደ ተስፋ ጽዮን ምስ ወለደት መኸነት ፣ ክንቲብ ሐንስ ከዓ ንያዕቆብ ዝበሃል ሐደ ወዲ ወለዱ ፣ ንሱ ዝፈረዮም ከዓ ዝርከበም እብ ዓዲ ሐንስ አለዉ ፣ እታ ዓዲ ከዓ ስጋብ ሎሚ ብሽሞም ትጽዋዕ አላ ። ከምኡ ከዓ እዞም እብ ደብሪ ዓድሐንስ ዘለዉ ደቂ ሠመረ ገለ ሰብ ዛንታ ደቂ ክንቲብ ሐንስ አይኮኑን ዝብሉ አለዉ ፣ ሠመረ ጓስእም ዘዕበይዎ ወዲ ከዓ እሙን ጊሊኦም ክንሱ ብዘመተ ባህ አቢሎምም ስለ ዝነበረ ፣ ሐደ ምዕልቲ እነ ዝደለኻዎ ተዛረብ ከህብኩ ኢሎም መሐሉሉ ።

ንሱ ከዓ ርስቲ ተመነ ፣ ሽሁ ንሶም ሰምቢዶም እንስ ጥሪት ሽመት ሀብቲ ትምነ መሲሉኒ እምበር ርስትን ውሉድንዶ ይዕደል ኢሎም አዚዮም ጐሀዩ እሞ ፣ እንተኸነ ቓል ኪዳን ዕሉዕ እዩ ዝነበረ ፣ ስለዚ በቲ ኺዳኖም ጸኒዖም ደር ንግእ ኢሎም ነዛ ሕጅ ዘለውዎ ዘርኢ ናቱ ዓዲ ሐንስ ርስቶም እያ ወዶም ግና አይኮኑን ።



## ዘርኢ ተክሎተ ብርሃን ።

ተኽሎተ ብርሃን ካብ ዓደቡኡ ወጺኡ አብ ዓዲ ንእምን ንሱ ባዕሉ አትዩ ዓዲ ሐዘ ፣ ንሱ ንንእምንኒ — ንፅንኩርኒ ንፄቲኦም ወለደ ፣ ካብዚኦም ንእምን ንሞሴ ብርሃንን — ንእካስ ብርሃንን — ንሠረቀ ብርሃንን ንፄቲኦም ወለደ ።

እታ ዓዲ ድማ ብሽሙ ዓዲ ንእምን ትብሃል እላ ፣ ካብዚኦም ፫ተ የሕዋት ክአ እቲ ሠረቀ ብርሃን ዝብሃል ንተዓረዝጊኒ — ንበግዓጮንኒ — ንቴድሮስኒ — ነውዓሎምኒ ነዚ እም ፬ተ ወለደ ፣ ካብዚኦም ተዓረዝጊን በግዓ ጮንን ክልቲኦም ካብኡ ወጺኦም እብ ምለዛናይ ወረዶም እብኡ ነዞም ሕጂ ዘለዉ ፈረዩ ።

ከምኡ በግዓ ጮን እብ ዓዲ ቑሸ ፣ ዓድ ኢዮአስ ዝብሃሉ ዝፈረየ እዩ ፣ ቴድሮስ ከአ ካብኡ ወጺኡ ንዓድ ዕጀል ዝፈረየ እዩ ፣ ካብእም እትፈልዩ አሕዋቶም ክአ ዓድ ዕጀል አብረሽቖ አለዉ ፣ ዘርኢ ዕንኩር ከአ ዝርከብም እብ ዓዲ ንእምን አለዉ ፣ ክከምዚ ሎም ኩሎም እዚኦም ብሐደ ሽም ደቂ ተኽሎተ ብርሃን ይብሃሉ ።

## ዘርኢ ሽምረፀም ።

ሽምረፀም ክአ ናብ ዋልታ መድሓኒት ዝሽግ ዓንሰባ ከይዱ ተቐመጠ ፣ ንሱ ክአ ንዘርኡ ወለደ ፣ ዘርኡ ክአ ንመላብስ ወይ ክአ ንመላብሶ ወለደ ፣ ናብ ዋልታ መድሓኒት ክአ ተቐመጠ ።

ንሱ መላብስ ንብርሃንኒ — ንምሳ ብርሃንኒ ንፄተ ወለደ ፣ ምሳ ብርሃን እብ ደቂ ዘርኡ እተበሀለት ዓዲ ዓንሰባ ተቐመጠ ፣ አብኡ ክአ ፈረዩ ። ብርሃን ክአ ናብ ደቂ ዘርኡ ደምበዛን አትዩ ናብኡ ተቐመጠ ፣ ክልቲኡ ዓዲ ከምዚሉ ብሽም አቡኦም ደቂ ዘርኡ ደምበ ይሰመያ አለዋ ። ዘርኡ ብርሃን እብ ደምበዛን ደቂ ዘርኡ ኲዶኑ ንበአሚንን — ንሽም ረብን — ንሽምረጨንን — ንሽሬፍን ንፄተ ወለደ ፣ ካብእም ክአ ሽምረጨን ንያዕቆብን — ንዓገበን — ንሃብተስላሰን ነዚኦም ፫ተ ወለደ ።

ካብዚኦም ዓገበ ንዓደኲሎም ሰዓበ ፣ ያዕቆብ ንደቂ ዘርኡ ዓንሰባ ተመልሰ ፣ ሃብተ ሥላሴ ምስ ሐወቡኡ ምስ ከሪፍ አብ ደቂ ዘርኡ ድምበዛን ተረፈ ፣ ደድሕሪኡ ክአ ደቂ ሐወ በአሚን ካብ ደቂ ዘርኡ መጺኦም ሰዓብዎ ፣ ከምዚሎም ደቂ ሽምረፀም ገሌኦም ዓድ ሐሎም ገሊኦም ናብዘን ክልተ ደቂ ዘርኡ አለዉ ።

## ወለዶ ሽምረጥብ ።

ሽም ረጥብ አብ ዓደቡኡ ተቐሚጡ ንቢደልኒ — ንተዓውቀን ንፄተ ወለደ ፣ ካብ ዚኦም ቢደል ፍልም ንዓዲ ቢደል ሐዘ ፣ ተዓውቀ ድማ ናብ ዓመፂ ሐያለ እዋን ምስ ጸንሐ ፣ ብድሕሪኡ ንዓዲ ተክሌዛን ተሳገረ ፣ ደሐር ግና ናብ ዓመፂ እትዮም ተረሰተ ፣ ከምዚሎም ዘርኢ ቢደል እብ ዓመፂን እብ ዓዲ ቢደልን አለዉ ።

እቲ ካልአይ ወዲ ሽም ረጥብ ተዓውቀ ዝብሃል ነብርሃን — ንሠመረጬንን — ንተ ከለዛንን ነዚኦም ንፀት ወለደ፡ ሠመረጬን ዝፈረዮም አብ መትሕት ምስ ቢሴን መዳ ውብቶም አለዉ፡ አብ ሐልሐል ገጸም እዮም ምድሪ ሒዞም ዘለዉ፡ ዘርኢ አብርሃ ካአ ደድሕሪኦም ንሐልሐል ስዓቡ፡ ዓድ ገብሽን ዓድ ፀፍዓን ይብሃሉ፡ ካብአቶም ዝተረፉ ደቂ ጴጥሮስ አለውዎም ።

ተከሌዛን ግና ናብዛ ሕጂ ብሽሙ እትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ናብአ ተረፈ፡ ንዓተከሌዛን ምስ ጐደቦታታ፡ ንዋሬን ንድግድግን ንእምባ ደርሆን ከምኡ ካአ አብ ደምበዛን ሐያለ ኖትን ዓድ ክፍሎምን ዓድ ኤሎስን እዩ፡ ወለድኦም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ተክለ ሃይማዛን ንሠራው ሰገድ ወለደ፡ ሠራው ሰገድ ንፍረ መኻእ ወለደ፡ ፍረ መኻእ ካአ ንተኽለ ሃይማኖትን - ንህብታይን ወለደ ።

ካብዚኦም ተኽለ ሃይማኖት ንዓድ ተኽለ ሃይማኖት ዝፈረዩ እዩ። ሀብታይ ካአ ንስ ብሐት ለአብ ወለደ፡ ስብሐት ለአብ ንፍቅሮይ ወለደ፡ ፍቅሮይ ንክንቲብ ገብረ ሥላሴ ወለደ፡ ክንቲብ ገብረ ሥላሴ ንስገዶምን - ንክንቲብ ክፍሎምን ወለደ፡ ካብዚኦም ክንቲብ ክፍሎም ንዓዲ ክንቲብ ክፍሎም ዝፈረዩ እዩ፡ አስገዶም ካአ ንዓድ ኤሎስ ዝፈረዩ እዩ።

ምዕራፍ ፳፩ ።

## ወለዶ ክንቲብ ድምበዛኖይ ።

ክንቲብ ድምበዛኖይ ወዲ ፋሉቕ፡ ካብ እንዳቡኡ ካብ ዓመዲ ወዲኡ ናብ ምለዛኖይ ዓንሰባ እትዩ ተቐመጠ፡ ንሱ ንዛኖይ ወለደ፡ ብዛዕባ እዚ እታ ዓዲ ምለዛኖይ ተብሂላ ትጽዋዕ እላ ምላድ ዛኖይ ማለት እዩ፡ ዛኖይ ካአ ካብአ ወጺኡ ንኳንድብ አቶ፡ አብኡ ኰይኑ ንሐሙኸተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ካአ ከምዚ እዮም ዝብሃሉ፤ ፩ይ ንሰለሙንን - ፪ይ ንመኸተርን - ፫ይ ንሐደምበስን - ፬ይ ንሕዝባይን - ንሐያሎን ነዚኦም ወለደ ።

ሐያሎ ግና እዲኡ ንበይና እያ፡ ካብ ሰበይቲ ጓስኡ ብዓመጽ ስለ ዝተወልደ፡ በሐ ይሊ እዩ ተወልደ በሀለት ሐያሎ የለቶ ። በዚ ምኽንያት እዚ በሐይሉ ተባሀለ፡ ከምዚ ሎም ሐሙኸተ ደቂ ዛኖይ ይብሃሉ ።

ካብኦም ሰለሙን ንደቂ ገብሩ ከምዘለዉ ዝፈረዩ እዩ፡ መኸተር ካአ ንደቀምሐረ ወደ፡ ገብሩ ግና አብታ ሕጂ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ገብሩ ንዓአ ፈረዩ፡ መኸተር ካአ ንመሐሪ ወለደ፡ መሐሪ ካአ ንደቀምሐረ ዝፈረዩ እዩ ። ሐያሎ ንሐያሎት ፈረዩ፡ ሐደምበስ ካአ ናብ እንዳቡኡ ተረፈ፡ ንሱ ንብእምነት ወለደ፡ ብእምነት ካአ ነስገዶምን - ንፋሬምኻእን - ንሥሙርን - ንዘርአ ብሩኽን ከምዚሉ ንፀት ወለደ ።

ዘርኢ ሥሙር አብ እምባደርሆ አለዉ፡ ካብአቶም ዘርአ ብሩኽ፡ ዘርኢ ዝርካብም አብ ተዓንደር አለዉ፡ ገሊኦም ካአ አብ እምባ ደርሆ አለዉ። አስገዶም ካአ ቀድም



አብ ሹም ጅምሩቕ ነበረ፡ ካብኡ ንእምባ ደርሆ አቶ፡ ደሐር ካአ ንእምባ ደርሆ ሐዲጉ ንበረኸኡ አተወ፡ ንሱ ካአ ፺ተ ወለደ፡ ሽሞም ካአ መዓተይ - ሥሙር — ተስፋው — አድከመ — ብሐይላይ — ሃብተጬን — ገንሸል ይብሃሉ ። ከምዚሎም ኩሎም በቲ ሽም አቡኦም ቤተ አስገደ ይብሃሉ ።

እቶም ዝበዝሑ አብ ምድሪ ሐባብ በርከት በዚሖም አለዉ፡ ካብዞም ሸውዓተ ቤት ዝቕራሕናዮም ቀሩብ አብ ዓዲ ንፋስ አለውዎም፡ ፫ተ ሐባብ ግና እየሕዋትናን ዝብሉ አለዉ፡ ምኽንያቱ ካአ ሐደ እዋን፡ ካብዞም ሐባብ ቤተስገደ ደቂ ሽከር ምስ ስሐርቲ ኢሎም ሰብ ለአኹሎም ዓዲ ንፋስ ግና አበይዎም፡ በዚ እተላዕለ እየሕዋትናን ገላዉ አስገደ ደአምበር ሕውነት ምሳና የብሎምን ይብሉ፡ እንተኸነ አልዒሎም ክሕስዉ እም በር ብሐቂ የሕዋቶም ደቂ አስገደ እዮም፡ ሕዝባይ ወዲ ዛኖይ ካአ ንእቶ ሽም ወለደ፡ እቶ ሽም ካአ ንኹሎም አበታትና ጸዓዘጋን ሐዘጋን ከምዘለዉ ደቂ ተሽም ፈረዩ ።

## ወለዶ ደቂ ቢደል ።

እዞም ደቂ ቢደል ዝኸኑ ንሕና ካብ ፋሉቕ ኢና ይብሉ፡ ቢደል ወዲ ደምበዛን መዓጕዕ ሐምም ንበዓል ወረደ ምሕረት - ሽምረጥብን - ተኽሥተ ብርሃንን - ዛኖይን ይብሉ፡ ሐያሎይ ግና ነዚ ዘይቕበሉ አለዉ፡ እቲ ሻድሻይ ወዲ ደምበዛን ይትረፍ ዶ፡ ዘርኢ፡ ሽሙ እኳ አይፍለጥን እዩ ዝነበረ፡ ከመይ ካብ እንዳቡኡ አብ መሮር ከይዱ እዩ ዝጠፍኤ ።

እዞም ሎሚ ቢደል ሚደል ዝብሃሉ ሕዝቢ ደቂ አይኮኑን፡ ሐሲዮም እዮም ዝብሉ አለዉ። እንተኸነ ወዲ ደምበዛን ቢደል ከምቲ ባዕላቶም ዝብልዎ መማን እንተኸይኑ ከምዚ እዩ፡ ቢደል አብ ጕዳጕዲ ከይኑ ንሽማ ንጉስን — ንዕላማን — ንተኽላይን ነዚ ኦም ወለደ፡ ካብዚኦም ሽማ ንጉሥ አብ ጕዳጕዲ ከይኑ ብዘበን ንጉሥ ኢያሱ ንእሽቶ፡ አብ ዘመተ ውዒሉ ርስቲ ገበሩሉ፡ ዘርኢ ካብ ከምዘለዉ ንክልተ ሽማንጉሥ ፈረዩ።

ዘርኢ ዕላማ ካብ ዝርካብም ገለ ናብ ሽማ ንጉሥ ላዕላይ ምስ ደቂ ሐወቡእም አለዉ፡ ገሊኦም ካአ አብ በረኻ መትሕት አለዉ፡ እቲ ሳልሳዮም ካአ ንተኽላይ ወለደ፡ ተኽላይ ካአ ንዓድተክላይ ብሐንሳብ ምስ ሐዉ ርስቲ ገበሩ፡ ሕጂ ግና ዝበዝሑ ደቂ ተኽላይ ናብ በረኻ መትሕት በርክት አለዉ ።

ምዕራፍ፡ ፳፪ ።

## ቤ ት   አ ስ ገ ደ ።

ከምዚ ዝብሉ ገሊኦም ሰብ ዛንታ አለዉ፡ አስገደ ባህለት ጥንቲ ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ ዝነበሩ ሕዝቢ ኢትዮጵያ፡ ካብአቶም ሐደ ፍሉጥ ሽም ነበረ፡ እዚ አስገደ እዚ ግና ሽሙ ሠምረ ልዑል እዩ ዝብሃል፡ ንሱ ካአ ብሽም ፈረሱ አስገደ ተባሀለ፡

ንሱ ከአ ወዲ ሐደምበስ እዩ ፡ ንሱ ነ፩ተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዩ ፡ ፩ይ ንጓዕዳድኒ — ፪ይ ንሐራኒ — ፫ይ ንሥሙርኒ — ፬ይ ንጉጨትኒ ።

ጉጨትን ሥሙርን ዝፈረያዎም አብ ሽረ አለዉ ፡ ዘርኢ ሐራን ጓዕዳድን ብተኻዎ ሐደኺ ንሽም የብሎምን ። ዘርኢ ሥሙር ገሊኦም አብ እምባ ደርሆ ገዛ ሽማግለ ዝብሃሉ አለዉ ፡ አስገደ ብዕሉ ንጓል ናይብ ዑመር ፃዕዳ እትብሃለት የእትዩ ነ፩ተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዩ ፡ ፩ይ ንአድከመን — ፪ይ ንተስፋውን — ፫ይ ንገርጊሽን — ፬ይ ንግርጊትን ነኪኦም ወለደ ። መሊሹ ከአ ንሐንቲ በዓልቲ ምለዛኖይ የእትዩ ን፫ተ ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዩ ፡ ፩ይ ንአብርሃምን — ፪ይ ንሥሙርን — ፫ይ ንጀንክርን ወለደ ፡ ከምዚሎም ፺ተ ደቀስገደ ይብሃሉ ።

ሐደምበስ አቦ አስገደ ቅድም አብ ዓዲ አዲኡ አብ ሽረ ንበአሚን አብኡ እዩ ዝወለዶ ሕጂ እኳ ዘርኢ በአሚን አብ ሽረ ገለ አለዉ ፡ ደቂ ግርኔት ን፫ተ መፍለስ ዝፈረዩ እዮም ። ካብ ደቂ ገርጊሽ ከአ ፍርቂ አብ እምባ ደርሆ ፡ ፍርቂ ከአ አብ ዓድ ንፋስ አለዉ ፡ ካብ ዘርኢ አስገደ አብ አክለ ጉዛይ አብ ሰገነይቲ አለውዎም ፡ ገለ አብ አኽሩር ፡ ገለ አብ ሒብ ፡ ከምኡ ከአ አብ ምድሪ ሠራዬ ታሕቲ ቆላ ሐሐሊፎም ንግር አይስአንዎ ምን እዮም ።

ክንቲብ አስገደ ብዘበን ሀፀይ ንብለ ድንግል እዩ ዝነበረ ፡ በዚ እዋንዚ ንሱ ሰቡ አኪቡ ምስተ ገዛእ ሃገር ኤርትራ መረብ ምላሽ ዝነበረ ተስፋልዑል ሐቢሩ ብሐንሳብ ክልተሰዕ ተዋጊኡ ንደብረ ቢዘን ካብ ቁጣዓ ግራይ ንእዋኑ ደሐንት ይብሃል ፡ ዘበኑ ብ፩፻ሕን ፩፻፶፪ ዓመተ ምሕረት አቢሉ እዩ ። አብ መወዳእታኡ ግና ግራይ ንተስፋልዑል ቀተሎ ፡ ግራይ ከአ መደበር ሠራዊቱ አውራ አብ ድብርዋ ገበረ ።

በዚ እዋንዚ ሀፀይ ንብለ ድንግል ዝገብርዎ ምስ ጠፍአም ናብ ደብረ ዳሞ ሐኹሩ ፡ እታ ገዳም ከአ ብኹላ ጸድፊ እያ ብገመድ ተወዚብካ እያ እትውጸአ ፡ ብየማን ብጸጋም መሕኰሪ የብላን ፡ ንጉሥ ከአ ንገለ ሐጻር እዋን እብአ ተማፅቀቡ ፡ እንተኾነ ብዋሚት ዝገብርዎ ምስ ጠፍአም ስጋብ ዘንጊ ወርቆምን ቃለቤቶምን ሸይጦም ንእዋኑ ተነስውመወዳእታኡ ግና ብሕርቕርቐትን ብዓቕሊ ጽበትን እብአ ነቐጹ አብታ እግሪ ጸድፊ ድማ ተቐብሩ ።

ብድሕሪኦም ግና ድሕሪ ክንደይ ጸገምን ትዓብን አብ ኢትዮጵያ ራህዋ ኮነ ፡ እንተ ግራይ አሕመድ ማእለያ ዘይብሉ ሕዝቢ ሐመድ ገበሮ ፡ ንኽንደይ ቤተ ክርስቲያናት ከአ አልበ ንብሃገራ የዕነዋ ፡ እቲ እዋንቲ ምድሪ ሐበሻ ብዲማ ትተርፍ እምበር ከምዚ ኢላ ትሐዊ ዝብል ሐደኺ አይነበረን እናሉ ሰብ ካልእ ሃገራት ዝጸሐፍዎ ዛንታ እንተ ምብብና ብሐዳፍኡ ዘሠክሕ እዩ ።

ብሐደ ሸንኽ ድማ እቶም አቦታትና ዓበይትን አናእሽቱን ከሀናትን ፈለስትን ዘርባዕ ባዕ ከየሉ ብሽም እግዚአብሔር እናጸውኡ ደአምበር ፡ ብሽም መሐመድ ወለምለም ከየሉ ፈትዮም መሥዋእት ከይኖም ተሰየፉ ፡ ከምኡ ከአ እቶም ሽማምትን ገባራትን በብመኻኖም አሰይፎም ሲሒሎም ኩናቶም እብሊሓም ብትብዓት አብቲ ማእከል



ፅጡቕ ሠራዊት ግራይ ድርግም እናሉ ሬሳን ንሬሳን ይዝሕዝሕዎን ይዓጽድዎን ነበሩ ። እንተኾነ እቶም ጸላእቶም ብብዝሕን በጽዋርን ይዕብልልዎም ነበሩ ፡ ከምዚሎም አቦታትና ሰብ ማርጻን ሰብ ግዳይን ብዙኃት ሹማምንቲ ብኢድ ግራይ ተወድኡ ፡ እንተኾነ እቲ ናታቶም ሞት ንዓዶምን ንዘርአምን ቀዳዊና ኮነ ።

ከምቶም ከልአት የሕዋትና ወሰነ ወሰን ዘለዉ ሃይማኖቶም ለዊጦም ጸጋ እምላኽ ርሒቕዎም መጸውዒ ሽም ዘይብሎም ዝተረፉ አይኮናን ። አቦታትና ቀሳውስቲ ብጸሎቶም እቲ አብ ዓለም ብኩናት ዝመጽእ መዓት አብ ልዕሊኦም በብእዋኑ ዝፍጸሞም ዝነበረ ዓመጽ ስለ ዘሕለፉ ፡ እቲ ኩሉ ቤተ ክርስቲያናት ቀኒዑ ፡ እቲ ሕዝቢ በዚሒን ፈርዩን ፡ መንግሥቶም ተኺሎም ዛንትአም ስጋብ ኩሉ ዓለም ተዘርጊሑ ፡ ብሽም አበና ኢትዮጵያ ንስመ አሉና ።

ከምኡ ከአ ከምቲ አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ አብ ሽረ ዝርከቡ ደቂ አስገደ ዝሐዝዎ መሬትን ዓድን ክንሰሚ ፡ እኒ ማይ ድሙ እኒ ዓልጌን እኒ ዓደ በዙት እኒ ሆሆዬ እኒ ክሳድ ጋብ እኒ ፃዕዳ እምባ እኒ ዓድ ደጉል እኒ እንዳደርግስ እኒ ማይ እምበላ እኒ በራቕ እኒ ዘናቕዶ እኒ ዓዲ አምቡሉ እኒ ዓዲ ቀዳዳ እኒ ዓድ ዜሌዲን እኒ ዓዲ ቓሰተ ዓጋም ፡ ከምዚሎም ብዙኃት ደቂ አስገደ አለዉ ።

ብጀካ አብዚ ጸብጺብናዮ ዘሎና ክብዚአቶም እተፈልዩ ሐሐሊፎም ምስ ክልእ ዓሌት ንግር አይስአኑን እዮም ፡ ነኪአቶም ዘተሐዳድር ምስሌን ደቂ አስገደ ዋና ምቕ ማጡ አብ ማይ ድሙ እዩ ዝነበረ ስጋብ ለይቲ ሎም አብኡ እዩ ፡ መዓርጎም ካብ ቀደሙ ፊተውራሪ እዩ ፡ እቶም ዝተረፉ አብ ኤርትራ ዘለዉ የሕዋቶም ከአ ላዕለዎቶምን ታሕተዎቶምን ካብ ቀደም ክንቲብ እዮም ዝጽውዑ ፡ ስጋብ ለይቲ ሎም ነገደ አስገደ በሐጺሩ ዘርአም በዚ ነዓጺ አሉና ።

## ምዕራፍ ፳፫ ።

## ፺ተ ደቂ አቶ ሽም ሸሙናዮም ሙሣ ።

ሕዝባይ ፈዳይ ሕነ ፡ ሕዝባይ ቅድም ምስ ሐዉ አብ እንዳቡኡ ምስ ሐደምበስ ነበረ ፡ ደሐር ግና ጓል ደቂ ሽሐይ ካብ እንዳ ዘክርስቶስ የእቶ እሞ ንቐሩብ እዋን አብ እንዳ ሰበይቱ ይቕመጥ ነበረ ። ካብኡ እቶም እንዳ የሕሙኡ ምስእቶም ብገለ ነገር ተጸሊኡ አብ ሞሮር በይኑ ምስ ረኽብዎ ንሕዝባይ ኢኢዶም ከትኪቶም ሞይቱ ኢሎም አብ ዱር ጐሲሶም ሐቢኦሞ ንዓዶም አተዉ ።

ደሐር ሐንቲ ካብ ዓዲ ሐንስ ፡ ባርያ ናይ እንዳ ከንቲባ ሐንስ ዕንጨይቲ ክትአራሪ ኢላ ጉምብሕ እንተ በለት ፡ ሕዝባይ ዘግ ኢሉ ረአየቶ ፡ ንሳ ሽዑ እና የአወየት ንዓዲ ሐንስ አቶት ፡ ከንቲባ ሐንስ ብአውያት እናሀፈፉ መጺኦም እንተ ረአዩ ፡ ሕዝባይ እብአ ተራዲቱ አፍ የብሉ መለፍለፍ የብሉ ምስ ረኽብዎ ፡ ብቓሬዛ ተሸኪሞም ንዓዱ ንኽን ድብ ናብ ስድርኡ እብጺሖም ንዓዶም ተመልሱ ።

ብድሕሪኡ ሕዝባይ ምስ ሐወየ ንዓደምሐራ ንምድሪ ሽዋ ናብቶም ቅድሚ ሀፀይ ዳዊት ዝነበሩ ንጉሥ ሕዝባይ ናብአም አትዩ ብዙሕ እዋን ጊላ ናቶም ኰይኑ ተቐመጠ፡ አብኡ ከአ ንሐንቲ አምሐረይቲ አዋነሰ፡ ደሐር ንጉሥ እቲ ዘምጽአ ኵሉ ምስ ነገሮም ብዙኃት ፈረሰኛታት ሂቦም ሰደድዎ ።

ሕዝባይ ቅድሚ ምብጋሱ፡ ነታ ዝጠነሰትሉ ሰበይቲ ንምልክት ክኸና፡ ሐንቲ ቃለ ቤት ናቱ ሽም ዘላታ፡ እንኪ ገለ እንተ ወለድኪ ነዚአ ሒዝኪ ንምድሪ ሐማሴን ምጺ፡ እንዳ ከንቲባ ሐንስ ኢልኪ እተዊ፡ ንሰም ከአ እዛ ቃለቤት እዚአ ምስ ረአዩ፡ ብጽቡቕ ክቕበሉኺ እዮም፡ ኢሉ ተላዚብዋ ነቶም ካብ ንጉሥ እተቐበሎም ጭፍራ ሒዱ፡ ብሰቜጣ አቢሉ በድያብ ጌሩ ንበረኻ መትሕት አቶ ።

ደሐር ግና ንሳቶም ደሐን አሎና እናሉ ከለዉ በለኽ የለ እሞ፡ ንደቂ ሸሐይ ከቢብዎ ሐደረ ። ክብኡ ምሽት ጸልማት ምስክነ፡ ተኸዲኑ ፈላሲ ተመሲሉ ናብታ እንዳ ሐሙኡ አትዩ ኩፍ የለ፡ እታ ናይ ፈለማ ሒሙኡ ሞይቱ ኢላ ቀቢጫቶ ዝነበረት እዚ ኹሉ አይፈለጠትን ።

ንሱ ድማ ኩፍ ኢሉ ኸሎ አብቲ ጕረቤት መሰንቆ ክሃርሙ ሰምዔ እሞ፡ ነታ መርዓቲ አትን እምበይተይ ነዛ መሰንቆ ኵታ ለምናለይ ኢሉ ተዛረበ፡ ንሳ ከአ ለሚና አምጽአትሉ፡ ሽዑ ንሱ ነታ መሰንቆ የቓንያ ነበረ፡ ንሳ ከአ ንዕኡ ምስ ሰምዔት ንብዓት ዘርባሕ ዘርባሕ አቢላ ንብዓታ ሥዓራ ።

እቶም አብኡ ኩፍ ኢሎም ዝነበሩ ሰባት ደቂ ዓዳ፡ አይድሐንክንዶ እንተልዋ ንሳ ከአ አነስ እዚ አደራድራ እዚ፡ አደራድራ ሕዝባይ ወዲ ዘኖይ ድአ መሲሉንን፡ ዋዒሙንን፡ የለቶም ። ንሳቶም ከአ ሰብ ደቂ ሸሐይ ዝቐተልዎ መሲልዎም ቀደም ዝሞተ ኢሎም ሰሐቕዋ ።

ድሐር ግና ሕዝባይ ንበይና ጌሩ ተገለጸ፡ አነ ሕዝባይ አነ እዩ ኢሉ ኪዳን የእተዋ፡ በሊ አነ ዝመጸእክዎ ሕነይ ክፈዲ እየ እሞ፡ ንስኽን ሥድራኽን ምድሪ ክጸብሕ ከሎ፡ አብዛ ልዕሊ ቤትኪ ፈልፈል እትብል ሐንቲ ጨርቂ ብነዊሕ ስላዕ ትኽሊሞ፡ ንዓኽን ንሰብክን አብዛ ገዛ ዘለኹም ሐዲን፡ ነዝ ዓዲ ሐመድ ከልሕሳ እዩ ኢልዋ አብ ሠራዊቱ ተመልሹ ተሐወሰ ።

ክብኡ ንንግሁኡ ምድሪ ምስ ጸብሐ ሕዝባይ ምስ ሠራዊቱ ከይኑ ንደቂ ሸሐይ ሰበምን ማሎምን እልብ ኩስትር አበሎም ። እታ ሰበይቱ ዝነበረት ግና ምስ ስድራአ ደሐነት፡ ክምኡ ከአ ምስእ ካልእ ሰበይቲ ዋንስቲ ደሐነት እሞ፡ ንሳ ዝፈረየቶም እዮም እዞም ሕጂ ዘለዉ ደቂ ሸሐይ፡ ሕዝባይ ግና አብኡ ምስአቶም ተለኻኺሙ ተደይቑ ሞተ ።

ቅድሚ ሙማቱ ግና ምስታ አምሐረይቲ ዝገበሮ ኵሉ ንከንቲባ ሐንስ ነጊሮዎም ነበረ፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን እታ አምሐረይቲ አብ ዓዳ ከላ ምስ ወለደት ሽሙ አቶ ሹም ኢላ ሰመየቶ፡ ወዳ ምስ ፈርዘመላ፡ ነታ ቃለቤት ሕዝባይ ዝሃበን ነቲ ቈልዓን ሐጃ እና ሐተተት አብ ከንቲባ ሐንስ አቶት እሞ፡ ከምታ ሕዝባይ ዘላ ነታ ቃለቤት ሃበቶም ።



ንሰም ድማ መማን ወድና እዩ ኢሎም ተቐበልዋ፡ አቶ ሹም ከአ ስጋብ አዝዩ ዝዓቢ አብ እንዳ ከንቲባ ሐንስ ነዊሕ ጊዜ ከም ውላዶም ጌሮም የዕበይዎ፡ ደሐር ከአ ባሕሮ እተበሀለት ጓል በግዓ ጽዮን ወዲ እድከመ ሐው ምልጋአ በዓልቲ ሠራዬ አመ ርዓውሉ ንሳ ከአ ንተስፋጽዮን ምስ ወለደት በኸነት ።

ምዕራፍ ፳፱ ።

ዛንታ ከንቲባ ዮሐንስ ።

ሐያል ሰበይቲ ቤታ ተፍርስ ክምዝብሃል፡ ሰበይቲ ከንቲባ ዮሐንስ ዓማጺትን ጕማጺትን ንፍዕትን ነበራ ይብሃል እሞ፡ አቶ ሹም ከአ ምስኤን ዓብዩን ተደርዕዩን ከንሱ፡ በቲ ሐይለን አንጸርጺሩ ክብኤን ወጸ፡ ከመይ ክብቶም ስድራ ቤተን ዝመጸ ሰፍኢ ሴማት ስጕርፍአ ጸሕሊ ነዚ ዝመስል ከአ ክልእ አቓሑ ናብ ቤት ከምዘሎ አልዒለን ናብ ማእከል ክብድ ቤተን አከብአ ።

ብድሕሪዚ ዂላተን አንስቲ ዘበላ ተአኪበን ዘይዋቡብ ተጣበባ፡ ብሐንሳብ መኺረን በብዝመጽዎ እዋን፡ ምግቦም እንክ አብ ክዳንክ ኢልና ንሀቦም ኢለን ብሐንሳብ ተማሐሊለን ቆረጻ ። ክምኡ ከአ አብ ገንዝኤን ንንሰብኡተን ካብ ምርር አብ ዝመጽሉ እዋን አብ ክክዳኖም ሀብአም፡ ክብአም ሐደ ሐሪቑ እንተ ተዛረበ ክምታ ዝመኸርአ፡ ሣላ ሰበይቲ ከንቲባ ሐንስ አቓሑ ቤት የልቦን ኢላ ተዛረበት ።

እቶም ክልአት ሰብኡት ድማ አብ ገንዝአም ከምዚ ገጠሞም፡ ድሐር ዂሎም ሰብኡት ዘብአም ጽባሕ ጽባሕ እናሉ አብ ባይቶ ዓዲ ተአኪቦም፡ ሐደ ክብአም ከምዚሉ ተዛረበ፡ እታ አነስ እምበር ዘይርኹብ ረኺበ፡ ምስሒይ እንተበልኩስ አብ ክዳነይ ድአ እንከ ንሣእ ኢላ ሰበይተይ ሀበትኒ የለ፡ ሐደ ከአ መሊሹ አነ ከአ አብ መሶብ ዘይት ብኒ እንተ በልክዋስ አቓሑ ቤትና ዂሉ እንዳ ከንቲባ ሐንስ ተሪፉ፡ ሣላ ሰበይቲ ከንቲባ ዕዳ ተረኺበ የለትን፡ ኢሉ ንዂሎም ሰብ ነገሮም ።

ደሐር ዂላቶም አብ ገንዝአቶም ስለ እተዓንፎም፡ እምበአር ንዂላትና እዩ፡ ዓገብ ኢሎም ዂላቶም ከአ ከም ሕሱም ጕሃዩ ። ክምዚሎም ከአ ሐቢሮም መኸሩ አታ ነዚአምስ ብጀካ ገዝአም ሐዲኣ ምኽድ ክልእ ዘዋጽእ የብልናን ኢሎም ምኽሮም ብሐደ ኰይኖም ቈረጹ፡ በዚ እዋንዚ ከአ ከንቲባ ሐንስ ግብረ ንጉሥን ፈሰስኒ ክእከቡ ንባ ሕሪ ወሪዶም ነበሩ፡ ግና አብ ቤቶም ነቲ በዕሎም ዘዕበይዎን ዝአምንዎን፡ ንአቶ ሹም ምቕማጥ አብ ዓዶም ሐዲጎም ነበሩ ።

ሽዑ አቶ ሹም በቶም ገባራቶም ተሐቢሉ ሎሚ እያ እትቐንዓኒ ኢሉ ናብ ገረና ጭራ ኹራ ሸፊቱ እንጋዓላይ (እምብለይ) የለ፡ በአ በአ ከንቲባ ሐንስ አብ መሎጎ ባሕሪ ከለዉ ሐደ ካብ ሥድራ ቤቶም ከይዱ እዚ ወረዚ ነገሮም ። ንሰም እዚ ስማዕ እዚ ምስ ምዑ፡ በአ በአ ክብደይ ኢሎም ተዋሪጮም ብንሂ አብአ ከለዉ ተኸኸ ኢሎም ሞቱ ።

## ምዕራፍ ፳፩።

### ምእታው አቶ ሽም አብ ዓዲ ቐንጺ።

አቶ ሽም አብ ገረና ተቐመጠ አብኡ ከአ ታቦተ ሚካኤል ቤተ ክርስቲያን ነበረ፡ ደሓር ነዛ ሕጂ ምስ ስድርኡ ናብ ሰብጣ ዝብሃል መኻን ቀረበ፡ አቶ እናተባህለ ከአ ሽመት ከንቲባ ሐንስ ሕጂ ከም ገዛኢ ከይኑ ነበረ።

ደሐር አቶ ሽም ቤተ ክርስቲያን ክሰርሕ ደልዩ፡ ቀድሚ ምስርሑ ግና ንአባ ናፍር አማኸሮም፡ አባ ናፍር ዝብሃሉ ሐደ ግብጻዊ ፃዕዳ አብ ፃዕዳ ኽስታን ነበሩ።

እታ ዝነበርዋ ዓዲ ስጋብ ሎሚ ሽማ ፃዕዳ ኽስታን ብአአም ምኽንያት ኢያ፡ ፃዕዳ ኽርስቲያን ዝብል ሽም ትስመ ዘላ።

ንሶም ከአ ንአቶ ሽም፡ በል አብታ ክትሠርሐላ ዝደለኻ ሥፍራ ሐንቲ ላም ሕረደላ የልዎ፡ ንሱ ከአ ከምታ ቓሎም ላም ክሐርድ አምጽኤ። ንሶም ብዕሎም ምስ አኸስተ ንዋ ከአ፡ ከምብሐድሽ ተንሲአ ፈንጺጋ ጋለበት።

ድሐር ከአ ደድሕሪአ እንተ ሰዓብዋ እታ ላም ናብዛ ሕጂ ቤተ ክርስቲያን ዓዲ ቐንጺ ዘላ እንዳ ሚካኤል ክትበጽሕ ከላ፡ ዓፅ ኢላ ወደቀት፡ አባ ናፍር ከአ አብዛ ሕጂ ዝወደቐትላ መኻን አብአ ቤተ ክርስቲያን ሥራሕ የልዎ።

አቶ ሽም ከአ ከምታ ቓሎም ሕራይ ኢሉ አብ ዓዲ ቐንጺ አትዩ ቤተ ክርስቲያን ሚካኤል ሠርሔ። አባ ናፍር ከአ እዚ ጐልጐል እዚ ንስኻን ደቂ ደቅኻን ዘርእኻን ክመልእዎ እዮም ኢሎም ተነበዩሉ፡ ዘበኑ ከአ ብህፀይ ዳዊት ብ፩ሽሕን ፫፻፺ ዓመተ ምሕረት አቢሉ እዩ።

እቶም ቀድሚ አቶ ሽም ዝነበሩ ሕዝቢ አብ ሐማሴን ሒደት አስላም ነበሩ፡ ዘር አም ከአ ካብ አስማዒል ዝብሃሉ፡ ካብ ሐደ ፍሉጥ ዓሊ ቑንጹብ ዝብሃል ነበረ፡ ስለዚ ዓሊ ቑንጹብ ብህለት ዓዲ ቆንጺብ ማለት እዩ፡ ብድሕርዚ አቶ ሽም ንብር ኔሩ አብታ ብዕሉ ዝሠርሐ ቤተ ክርስቲያን ተቐብረ።

## ምዕራፍ ፳፪።

### ዛንታ ምኽንያው ቆሎ።

ብዘበን አቶ ሽምን አድከመ ምልጋእን፡ ክልአት'ውን ምስአቶም አሻሪዮም፡ ዘበን ጽጋብ ነበረዋ አብጽሕ ብሐዳፍሑ ጸጊቦም፡ ክምዘለዉ ሙሉእ ሠራዩ ሃይ ንኺድ ማል ንዝመት ኢሎም ንሕድሕዶም ሕራይ ሐቅኹም ተባሂሎም አሳይፎም ስሒሎም ኩና ቶም አብሊሖም ናብ ዘመተ ተበገሱ።

ስድራ አቶ ሽም ከአ አሕአም ከብልው፡ እኽሊ ክዘርኡ ንባሕሪ ወሪዶም ነበሩ፡ ሰብ



አቶ ሽም ከአ እዚ ወረዚ ምሰምዑ፡ አቶ ሽም ፫ መርዓውትን ፫ የዕሩኽን ሒዞ ተሰለፈ።

ሰብ ሠራዩ ከአ ምሌን ሰገድ ወዲ ክርስቶስ ማኢ ዝዋንአም፡ ንሱ በዓል ቄጽሊ ነበረ እሞ፡ ክልቲአም ጋንታ አብኡ ተናቔቱ፡ እታ ሥፍራ እተዋግኡላ አብ ጥቓ ዓድ ተኸላይ ዛላ፡ ስጋብ ሎሚ ምልጥር ምውጻእ ሰብ ሠራዩ ትብሃል አላ።

ካብዛ ዘልናያ መኻን ሰብ ሠራዩ፡ ዓወት ስኢኖም ምዕልቲ ክሊእዎም ንዓዶም ገጾም ሃዲሞም፡ ዓዲ በዛሐንስ አተዉ። ዓዲ በዛሐንስ ከአ በዚ እዋንዚ ዑሙር ዓዲ ነበረ፤ እንተኸነ ሰበረ ኩሉ ግዜ ዕዩኡ አይሐድግኒ ነበረ እሞ፡ እቶም ሥድራ አቶ ሽም ክሳውዲ ሕጀም ዓገትዎም።

አብኡ ሰብ ሠራዩ ብድሕሪት እምበር ብቕድሚት ክይፈርሑ ከለዉ፡ ሐደ ካብቶም ጸላእቶም ንሐደ ሰብአይ ቆሎ ሰኒቑ ዝነበረ፡ ብኩናት ወግአ፡ እቲ ብጫይ እተወግኤ ከአ ደሐንዶ አታ ኢሉ ሐተቶ። ንሱ ከአ አነስ ድሕን እየ፡ እንተኸነ ቆለይ ተኹዕዩ የሎ። ስለዚ በዚ ምኽንያት እዚ እታ መኻን ስጋብ ለይቲ ሎም ምኽዓው ቆሎ ተብሂላ ትጽዋዕ አላ።

ሰብ ሠራዩ ከአ መላስ አውያት ዘይብሎም ተኸስተሩ ይብሃል። አቶ ሽም ምስ ሥድርኡ ብላዕሊ ኲይኖም ሐደ ከይተረፈ ወዲአምዎም ንዓዶም ክዱ ይብሃል።

### ደቂ አቶ ሽም።

አቶ ሽም ከአ ሐንቲ ሰበይቲ ባሕ[illegible] ብዓልቲ ሠራዩ ነበረቶ፡ ንሳ ከአ ንተስፋ ጽዮን ጥራይ ምስ ወለደት መኸ[illegible] ሐደ እዋን ናብ ዓደቡኡ መገሻአ ምስከደት ብዙኃት ሽውዓተ ክልቢ ኲይኖም ንሐደ ክልቢ ሽውዓቲአም ኲይኖም ክሕ ንጽጽዎ ረአየት።

በዚ ምኽንያት እዚ ወዳ ተስፋ ጽዮን ሐደ ስለ ዝኾነ ጒሃየት፡ ንዓዲ ቐንጺ ምስ ተመልሰት ከአ ንሰብአያ ካብ ካልእ ክወልድ ብዙሕ ለመነቶ። ሐንቲ ሰበይቲ ሐምዳ እተባህለት ነበረት እሞ ካብአ ውለድ ኢላ ለመነቶ።

ንሱ ከአ ከምታ ቓል ሰበይቱ ንሐምዳ ካብ ምእራይ ዂዕንቲ አምጺኡ የእተዋ እሞ ካብአ ሽድሽተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ፩ይ ገብረ ክርስቶስ — ፪ይ አብርሃም፡ ብሽም ፈረሱ (ሩውያ ተባህለ) — ፫ይ ብሩህ — ፬ይ መቆሬስ — ፭ይ ዘርጠናይ — ፮ይ ያዕቆብ ከምዚሎም ካብ ሐምዳ ሽዱሽተ አወዳት ወለደ።

ድሕሪ ዂሉም ከአ ንሙሳ ካብ ሐንቲ ሰበይቲ አስላመይቲ ወለደ፡ እዛም ፲ተ ደቂ አቶ ሽም፡ ሸሙናዮም ሙሳ እዮም። ተስፋ ጽዮን ከአ ብድሕሪ ሞት አቡኡ፡ ናብ ልዕሊ ዂሉም የሕዋቱ ዓቢን ሹምን ነበረ።

ንሱ ከአ ካብ ዓዲ ቐንጺ ናብ ሀዘጋ አተወ እሞ አብኡ ኲይኑ ነ፬ተ ወዲ ወለደ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ፩ይ ንዓገበን — ፪ይ ንዘርአይን — ፫ይ ንተከለን — ፬ይ ንሚናብን ነዚአም ፬ተ አወዳት ወለደ።

ገብረ ክርስቶስ አብ ፃዕዳ ክርስቲያን ተቐመጠ፡ አብርሃም ከአ ናብ ሕምብርቲ

አተወ ፡ ካብ ሕምብርቲ ለቐቐ ክአ ናብ ወኪ ድባ ተቐመጠ ፡ ብሩህ ክአ ፍልም እብ ዓደጣል ጥቓ ዓዲ ንፋስ ነበረ ፡ ድሐር ግና ሽሆን ቶርዓን እና ተዋግኡን እና ዘመቱን እንተ ጨንቐሉ ወሰን ኰይን ኢሉ ናብ የሕዋቱ ናብ ዓዲ ቐንጺ ተመልሰ ።

መቆሬስን ዘርጠናይን እንዳቡእም ተቐመጡ ፡ መቆሬስ ዛቐናይ ነበረ እሞ ነቲ ቤተ ክርስቲያን እንዳበና አገልግል ኢሉም ፡ የሕዋቱ አብ ዓዲ ቐንጺ የቐመጥዎ ፡ ዝቐኑነት ዘርጠናይ ግና ብርግጽ አይሰማዕናዮን ።

ያዕቆብ ክአ ምንአስ የሕዋቱ ስለ ዝኾነ፡ ተስፋ ጽዮን እዚ ንእሽቶ ሐወይሲ ምሳይ ይጸጋዕ ኢሉ ናብ ጥቕኡ አብ ዓዲ ያዕቆብ አቐመጦ ። እቲ ሙሳ ዝብሃል ክአ ክብታ አስላመይቲ አተወልደ ፡ ናብ ዓዲ ሙሳ ተቐመጠ ።

## ተስፋ ጼን እቲ ምሩቕ ።

ተስፋ ጼን በዥሪ ወዲ ሒማ ስኬማ እዩ ፡ በቡኡን በዲኡን ክምኡውን ብሰበይቲ አቡኡን ምሩቕ ነበረ ፡ ሐደ ግዜ ንሱ ብንእሽትኡ ከሎ ፡ አቡኡ ግና ናብ ዓዲ ቐንጺ ክይአቶ ፡ ብሐደ በዓል መዓልቲ እንዳ አቶ ሽም ዓበይቲ አከታት ተስፋ ጼን ካብ ተኸላ አተዉ ። ሽው ግብሪ ምስ ወደቐ አቶ ሽም ንተስፋ ጼን ኪድ ነዴኻ ሐምዳ ጸውዓያ ኢሉ ለአኽ ፡ ንሱ ክአ ክጽውዓ ከሎ እትው እንተበለ ሐምዳ ምስ ሰብአይ ደቂሻ ጸኒሐ ንሱ ክአ ቶሎ ይጽውሁኽ አለዉ ኢልዋ ተመልሰ ።

ነቡኡ ከይነገረላ ክአ እቦይ ንሳስ ጡሽ ትወብእ አላ ኢሉ አማሰመሰላ ፡ ቶሎ ሀውካ ኢሉም ክልአይ ለአኽዎ ፡ ንሳ ድማ ተሀዊኻ ብድድ ኢላ መጸት ፡ አብቲ ድርኩኺት ቤት እትው ክትብል ከላ ደም አብ ኩሩኹሪአ ጥብ የላ ፡ ተስፋ ጼን ድማ ቶሎ ብኽ ዳኑ ከይረአይዎ ሐሰሰላ እሞ ፡ እዚ ሁሉ ክአ ሰበይቲ አቡኡ ክነሳ እምበር አዲኡ አይኮነትን ።

ድሕሪ እዚ ንሳ አብ ቤት እትው ምስበለት ፡ ነታ ቅድም እተቐበለታ ቀርኒ ሜስ እናዘረት አብቶም አጋይሽ መርቐለይ ኢላ አመረቐታ ፡ ክምኡውን ናብ አቶ ሽም አመ ረቐታ ።

ኩሎም ምስ መረቕዋ ንተስፋ ጼን ጸዊዓ ናብ ቅድሚ የሕዋቱን አቡኡን ፡ እቶም አጋይሽኒ እንካ በል ወደይ ብሩኽ እተመረቐት ትብጻሕክ ልዕሊ የሕዋትካ ሕደር ኢላ ነታ ሁሉም ዝመረቕዋ ቀንጪ ሜስ ሃበቶ ፡ ንሱ ክአ ተቐቢሉ ዕልው አበላ ።

## ማርያም ተስፋ ጼን ።

ተስፋ ጼን አብ ዓዱ ቤተ ክርስቲያን ክሰርሕ ከሎ ፡ አስገደ ወዲ ብእምነት ወዲ ንሐደምበስ አብ ሽም ጆምሉቕ ነበረ እሞ ፡ ሎም መጺኦዶ አብ ጥቓይ ቤተ ክርስቲያን ክትሰርሕ ኢሉ ፡ ነቲ ተስፋ ጼን ስርሕ ዝውዓሎ መጺኡ ለይቲ ብጸልማት አፍርስ የሕድሮ ነበረ ።

ተሰፋ ጼን ክአ አታ አነስ ፡ ሰብ ዘይረኽበ ረኺበ ኢሉ ነሕዋቱ ነገሮም ፡ ንሳቶም



ክአ እንታይ ኲንካ ንገረና ኢሎም አዚዮም ሰምበዱ ፡ ቤተ ክርስቲያን መዓልቲ ሥርሕ ይውዕላ ፡ እንተ ሰብ ይኹን እንተ ጋኔን ይኹን ፡ ለይቲ አፍርስ እናሐደራ መከራይ ጸጊበ ዝገብሮ ጠፊኡኒ ኢሉ ነሕዋቱ አማኸሮም ።

ንሳቶም ክአ በል እንተ ሰብ ኰይኑ ፡ እንተ ግኒ ኰይኑ እብኡ ክንረኽቦ ለይቲ አጸሚና አጽዋርና ሕጅና አብአ ንሕደር ኢሎም ፡ ብለይቲ ተጸቢዮም አብ ጥቓ ቤተ ክርስቲያን ተሐብኡ ። ሽው አስገደ ከም ልማዱ ምስ ሥድርኡ ክፍርስ ኢሉ መጺ ፡ ተስፋ ጼን ክአ ምስ የሕዋቱ ክይኑ ሀይ በሎ ፡ እናለ ካብ ሀዘጋ ጀሚርዎ ይድሕረእም ስጋብ ሹም ጆምሉቕ አበረርዎም ።

ካብኡ አስገደ ንሽም ጆምሉቕ ሐዲጉ ንእምባ ደርሆ ሃዲሙ አቶ ። ተስፋ ጼን ክአ ብዕረፍቱ ቤተ ክርስቲያን ማርያም ሠሪሑ ፈጸማ ፡ ታቦተ ማርያም ክአ አባረኹ የትክለላ ።

## ምዕራፍ ፰፪ ።

## ምዕናት ዘርጠናይ ።

እዞም ሽዱሽተ ደቂ አቶ ሽም ካብ ሐምዳ እትወልዱ ንተስፋጼን እዝስ ካብ ካልእ እትወልደ ከመይ ኢሉ አብ ልዕሊ ኹልና የሐድር ኢሎም በቢቐሩብ ቕንእት ሐደ ሮም ሽው ሐቢሮም ሽዱሽቲኦም የሕዋቱ ሀይ ንቕተሉ ኢሎም በሕንሳብ ቄረፁ እም ዋዕላ ገበሩ ፡ ደሐር ንተስፋጼን ምማና ወዓል ኢሎም ዓደምዎ ።

ደሐር ግና ተጣዕሸም ከምዚ ተበሀሁሉ ፈለማ ካብአም ገብረ ክርስቶስ በሐዳፍኡ ደሐን ሰብ ነበረ እሞ ከምዚ የሎም ሕጅ ነዚ ሐውና ንተስፋጼን ደሙ እንተፍሰስናዮ ሐዘኑ ንዓና እዩ ፡ ደሐር ክዓ ብዙሐት ሰብ ደም ክንተክል ኢና ሕጅ ግና ንምቕታሉ እንታይ በሀጉ ስኢና ኢሎም ብሐንሳብ ክዝትዩ ወዓሉ ፡ እብዚ መንን እዚ ዘርጠናይ አልዒሉ ንተስፋጼን እንግድዕኡ ወግአ ፡ ሽው ሁሉም ከምዘለዉ ሰምቢዶም ተንሢኦም ንዘርጠናይ ሕጆም ክንቀትተልክዶ ሐደው እንታይ ትገብር የልዎ ።

ተስፋጽዮን ከዓ ምቕታልሲ አይፋልኩም ሕደግዎ እንተኾነ እቲ ኽፋእ ግብሩ ንር እሱ ኽምለስ እዩ ዘርኢ ብተኽ ኢልኩም ርገምዎ የሎም ፡ ንሳቶም ከዓ ብሐደ ቓል ኰይኖም ፡ ዘርኢ ብተኽ — ዘርኢ ብተኽ ዘርኢ ብተኽ ፡ ኢሎም ረጊሞም ሐደግዎ በዚ ምኽንያት እዚ ሐድጊ ዘየብሉ እሡሩ ጠፍኡ ፡ ብዛዕባ እቲ ሽመት የሕዋት ከዓ ብፍቓድ የሕዋት ንገብረ ክርስቶስ ኽነ ተስፋጼን ከዓ ነዛ ጕርሒ የሕዋቱ ምስ ተዓዘበ ነገራታ ሪሑ በዓቢዩ ሽመት ክልምን ናብ ንጉሥ ንጉንደር ከደ ፡ ገለ ሰብ ዛንታ ከዓ እያፋል ንሽዋ ከይዱ ተስፋጼንሲ ናብ ሐፀይ ሚናስ ዘመን እዩ ቅድሚ ጉንደር ዝብሉ አለዉ ዝኾነ ይኹን ተስፋጼን ዕድሚኡ ብሐፀይ መልክ ሰገድ እዩ ዝነበረ ።

## ክልተ እንዳ ተስፋ ጽዮን ።

ካብቶም አርባዕተ ደቂ ተስፋጼን ተክለን ዓገባን አብ ፀዓዘጋ ምስ ጐደቦታቱ፡ ከምኡ ድማ ዘርኢ ሚናብኒ ዘርአይኒ ናብ ሀዘጋ ምስ ጐደቦታቶም አለዉ፡ ምኽንያት እቲ አመቓቕልአም ከዓ እምበአር ተክለን ሚናብን ሐንቲ እያ አዲኦም ፡ ዓገባን ዘርአይኒ ከዓ ካብ ሐንቲ ካልእ ሰበይቲ ዝውለዱ ከነሶም ፡ አቡኦም ተስፋጼን በታ ቅድም ንርእሱ ዝረኸባ ፀበበ ዘኪሩ ተክለን ዓገባን ንፀዓዘጋ ኬድኩም አብአ ተቐመጡ የሎም ።

ከምኡ ከዓ ሚናብን ዘርአይን አብ ሀዘጋ ትረፉ ኢሉ ተላበዎም ፡ ከምዚ ጌሩ ክልተ ካብታ ሐንቲ ዝውለዱ አዛኒቹ አቐመጦም ፡ ከክም ምዕባዮምኒ ምንእሰምኒ ጌሩ መታን ከይበአሱ ብፍቕሪ ክቕመጡ ሐሲቡ ገበሮ ፡ እንተኾነ አዋላልድአም ድማ ከበርባዕቲአም ዓገባ በኹሪ እዩ ካብታ ሐንቲ ድማ ተክለ እዩ ፡ ተክለ ከምታ ትእዛዝ አቡኡ ሽዓ መጺኡ ናብ ፀዓዘጋ ተቐመጠ ።

ንሱ ድማ ንቤተ ክርስቲያን ቅዱ ስገርጊሽ ዝሠርሔ ፡ ዓገባ ከም ሽም የሕዋት ኰይኑ አብ ሀዘጋ ተቐመጠ ናብ ፀዓዘጋ አይአቶን ሞተ ፡ ደቂ ዓገባ ከዓ ቅድም ምስ አቡኦም አብ ሀዘጋ ነበሩ አቡኦም ምስ ሞተ ግና ከምቲ ትእዛዝ አባሐጉኦም ወሪዶም ናብ ተክለ ንፀዓዘጋ ሰዓብዎ ፡ ሽሞም ከዓ ሕነ ሽም — ፊሊቆስ — በግዓጼን ይበሃሉ ነበሩ ፡ እቶም ቅድሚ ተክለ አብ ፀዓዘጋ ዝነበሩ ዘጋ ዝበሃሉ ዓሶት እዮም ፡ ዘጋ ማለት ከዓ ዓሶት ብህለት እዩ ፡ በክፋፍላ ደቂ ተስፋጼን ግና ከምዚ ዝብሉ ሰብ ዘንታ አለዉ ።

አቡኦም ተስፋጼን ከይከፈሎም ከሎ ቅድም ተክለ በዕሉ ብፍቓዱ ካብ የሕዋቱ ተፈልዩ፡ ይሕሸኒ ይገፍሐኒ ኢሉ ማሉን ገንዘቡን አኪቡ ከይዱ ፀዓዘጋ ከምዚ ሐዘየዘንትዉ ፡ ብዛዕባ አዴታቶም ከዓ ተክለን ዓገባን ክብታ ሐንቲ ሰበይቲ፡ ሚናብኒ ዘርአይኒ ካብ ካልእ ሐንቲ ሰበይቲ እዮም ዝተወልዱ ዝብሉ አለዉ ፡ በዚ ምኽንያት እዚ ከዓ ሚናብኒ ዘርአይኒ ድሕሪ ሞት ዓገባ ንደቂ አፅበቡሎም እሞ እዚ ምስኮነ ተክለ ንደቂ ሐዉ ካብ ሀዘጋ አውጊኡ ናብ ፀዓዘጋ የእተዎም ።

### ምዕራፍ ፳፰ ።

### ደቂ ተሽም ምስ አስገደ ።

ተስፋጼን ካብ ዝለቐቓስ ፡ አስገደ ከዓ ከቲቱ ንታ ናይ ቀደም ስዕረቱ ድቃስ ስኢኑ ሕነ ክሬዲ ምስ ደቂ አቶ ሽም ክዋጋእ መጸ ፡ ገብረ ክርስቶስ ከዓ ከም ሹም የሕዋት ኰይኑ ንደቂ ሐዉ ንዓገባን — ንዘርአይ ቀንፀብኒ ፡ ከምኡ ከዓ ንኻልኣት የሕዋቱን ፈተውቱን አኪቡ ናብ ሽም ጅምሉቕ ምስ አስገደ ተዋግኤ አብኡ ከዓ አስገደ ሠዓረ ።

ገብረ ክርስቶስ አብኡ ሞተ ፡ ዓገባ ከዓ ከሀድም ክብል አብ ሰርዋ ሞተ ፡ ዘርአይን እቶም ካልኦት ዝተረፉ ሐዲሞም ወፁ ፡ አብርሃም ከዓ ናብ ሕምብርቲ አትዩ አስገደ ከምዝሠዓረ ሰምዔ ፡ በአ በአ ብፈረሱ ተቖለበ አብ ሐዘጋ አቶ እሞ ካብኡ ንወዲ ሐዉ ንዘርአይ ቀንፀብ ምስኡ ተማሊኡ ንማይ በላ አቢሉ ከደ ።

ሽዑ ብፈረስ ጌሩ በታ ገፋሕ ሰፈሩ ሐለፈ በዚ ምኽንያት እዚ እታ ፈረሱ ራውያ እትበሃል ነበረት እሞ ካብኡ ንኺጀው እዚ ሽም እዚ ንጉይትአም ተቀሀበ ፡ እታ ዝሰረረትላ ሩብ ከዓ ምሥራር ራዊያ ትበሃል አላ ብድሕሪ እዚ ናብቲ መንን ዓድ ሐብስ ሱስኒ ወከ ድብ ዘሎ ጐልጐል ተሰለፉ ።

አብአ ራዊያ ናብ ዝባን ፈረሱ ኰይኑ ክዋጋእ ኲናት ጌሮም ነቲ ፈረሱ ሐንዘፍዎ፡ ሽም ፈረሱ ግንዳል ይበሃል ነበረ ፡ ቀለቡ ከዓ ፫ተ ገበታ ስገም ፫ተ ገበታ ፀበ ንጉሆን ምሸትን ነበረ ፡ ስለዚ ኲናት እትይዎ ከሎ ንጕይትኡ ሕጁ እምበ ደርሆ አትዩ ሞተ ፡ ድሕሪዚ አስገደ ንታሕቲ ንበረኸኡ ወረደ ፡ ካብዚ መዓልቲ እዚ ጀሚሩ ወከ ድብ ተቓመጠ ፡ ነቲ ሬሳ ሐዉ ገብረ ክርስቶስ ከዓ አልዒሎም አብአ ቐበርዎ ፡ ዓገባ ድማ ፀዓዘጋ ተቐብረ ።

### ጅግንነት ዘርአይ ።

ተስፋጼን ከዓ አብ ዓደምሐራ ምስ ንጉሥ ይቕመጥ ነበረ እሞ ፡ ሐደ መዓልቲ ንጉሥ በል የልዎ አብ ምድሪ ሐማሴን ሐደ ሽፍታ ዱሩይ ፍጋጋ ዝበሃል በዓል ዓዲ ባሪ ተኸላ ብሐዳፍኡ የሐሊሉኒ እሞ ፡ ሕጅክ ከተእትዎዶ አይትኽእልኒ የልዎ ።

ተስፋጼን ከዓ እንስ አይፋሉ እይክእልን ፡ እንተኾነስ ብርዕ ዝኸነ ዘርአይ ዝበሃል ወደይ አሎኒ እሞ ፡ ንሱ አብታ ዘለዋ ከይዱ ከእትዎ ይኽእል እዩ የሎም ፡ ንስም ከዓ በል ቶሎ ለአኽሉ ኢሎም ተዛረብዎ እሺ ጐይታይ ኢሉ ተስፋጼን ንዓዱ ናብ ወዱ ብአ ብአ ሊኢኹ ዘርአይ ወደይ ሎሚ ሞትኒ ሽመትኒ ክልቲኤን ብኢደን ብእግረን መጺኤን አለዋ እሞ ፡ ተሎ ንዓ ጠበቕ በለኒ ኢሉ ለአኽሉ ። ንሱ ከዓ ከምታ ዘረባ አቡኡ ንዓደምሐራ አቶ እሞ ፡ ካብ ንጉሥ ተአዚዙ ንዱሩይ ፍጋጋ ክሕዝ ፀዓዲት አፍራስ ፀዓዲት ጤለ በጊዕ ከምኡ ከዓ ካብ ካልእ ከብቲ በብዓይነት ሕጁ ናብቲ ሽፍታ ዘለዎ በረኻ መትሕት ወረደ ።

ሽዑ እቲ አዚዩ ዕሉል ዝኾነ ሽፍታ ዱሩይ ፍጋጋ ዝበሃል ዘንፈጥፍጥ ዝነበረ ፡ አብ ልዕሊኡ ከምዝአምሰለ ዕጡቕ ኲናት ከምዝዝመጸ ከይፈለጠ ደሐን አለኹ እናለ ፡ አብቲ በረኻ ቀፃ ከሠላ ፡ ኽሃይ መሲሉ ክዛዋወር ከሎ ዘርአይ ቀንፀብ አዝጊቡ ሐዘ ፤ ደሐር እሚሩ ናብ ንጉሥ አወፈዮ ንጉሥ ከዓ አዚዮም ዝፈርሕዎ ሽፍታ ስለ ዝነበረ አብ ኢዶም ምስ አተወሎም ፡ ሽመት ሠራዩ ናብ ክልአት ደቂ ሐወቡኡ ከብ ዱሩይ ፍጋጋ ሐለፈት ፡ ንተስፋጼን ከዓ ሽመት ተክለን ዓገባን ሚናብት ዘርአይን ክገዝእ ተቋቢሉ ንዓዱ ንሐማሴን አትዩ ተቐመጠ ብድሕሪ ተስፋጼን ከዓ ናብ ወዱ ሐለፈት ፡ ካብ ከንቲ ሮሲኒ አተጻሕፈ ።

## ሞት ብሩሕ።

እድከመ ምልጋስ ብሴን ሰገድ አብ ምውዳእ ሰብ ሠራዊ ምፃእ አቢዎም፡ ለይትን መዓልትን ድቃስ ሰአኑ፡ ቆልዓ እንተ ተወልደ ከዓ አዴታቶም እንተ ኽትርስዕ ደቂ ተሸም ከይትርስዕ እናላ የቕምስአም ነበራ።

ያዕቆብ ቆራይ ዝበሃል ወዲ ብሴን ሰገድ ዝዋንእም ሰብ ሠራዊ ከቲቶም ምስበም ተሰሰፉ ብሩሕ ወዲ አፉ ሽም ድማ ከም ዘሰዉ እንዳበኡ እኸቲቱ ብሺሕን ብሰ ሺሕን ፪፻፺ን ዓ-ም አብ ጕልጕል ክሳድ ዳዕሮ ገጠሙ ክልቲአም ጋንታ ብዙሕ እዋን በርቲዖም ተዋግኡ፡ እንተኹነ ድል ንሰብ ሠራዊ ኰነ ሠናሩ፡ ብሩሕ ከዓ አብኡ ሞተ።

እታ ብሩሕ ሠሪሩዋ ዝነበረት ብዝራ ኒሂራ ከዓ ናብ ዓዲ ቆንጺ እቶት እሞ ምስ ሞተ እንዳበኡ ከዓ አምጺአም ዓዲ ቆንጺ ቐበርዎ፡ ክብኡ ንኸጀው ከዓ አንስቲ ደቂ ተሸም ቆልዓ እንተ ተወልደ፡ እንተ ክትርስዕ ደም አድከመ ምልጋስ ከይትርስዕ፡ እናላ የቕምስአም ነበራ፡ ስለዚ ደቂ ተሸምን አድከመ ምልጋስን ውግአም በዚ አይዓ ረፊን አብ ማይ ግንድን አብ ዓዲ ብናን ማይ እርገን በቢእዋኑ ገጢሞም ኣሮም ይበሃል ካብ ኮንተ ሮሲኒ እተጻሕፈ።

## ምዕራፍ ፳፱።

### እርሐ ዘርአይኒ አስምዔን።

በዚ ዘበን እዚ በዓል ዓጋመ ሠረፀ እንድርያስ ዝበሃል አብ ሽማ ንጉሥ ነበረ እሞ፡ ሐንቲ መዓልቲ ከምዚ ኮነ ይበሃል፡

እሐ ዘርአይ ቁንፁብኒ እሐ ሠረፀ እንድርያስኒ ሐደ መዓልቲ ማይ ክሰትያ አብ ሩብ ተኾር ተራኸባ፡ ሽው ናይ ክልቲአም አራሑ እብኡ ተዋግኡ እሞ፡ አርሐ ሠረፀ እን ድርያስ ስዓረ፡ ዘርአይ ከአ ሐሪቑ ተሳዒሩኒ ኢሉ ጕህዩ፡ ብሕላስ ነቲ አርሐ ሠረፀ እንድርያስ ቀተሎ፡ ሽው ሠረፀ እንድርያስ እርሐይ ቀቲሉለይ ኢሉ ጕህዩ ሴፉ ስሒሉ ሕላሱ አብሊሑ፡ ሕነ ከፈዲ ምሽት አፀሚዩ ናብ ሀዘጋ ከይዱ፡ ናብ እንዳ ዘርአይ አቶ።

ሠረፀ እንድርያስ ከአ ሕጂ እንተ ቐተልክዎ ደም ንደቀይ ክገድፈሎም እዩ ኢሉ፡ ተጣዒሉ ነቲ ዝሐሰበ ገዲፉ ከልእ ሐሰበ፡ ለይቲ ምስ ሰበይቱ ደቂሱ ከሎ ክብቲ ፀጕሪ ሠበይቱን ክብቲ ጋዕሱን ክብቲ ጕንጕኑ ፈረሱን ብሴፍ ጕሚዱ፡ ማዕጾ እርሒዩ ንዓዱ ገው ከደ።

አብ ተኾር ክበፅሕ ከሎ ምድሪ ፀቢሕዎ፡ ሐደ ቀሺ ካብ ጨዓረሺ ተበጊሑ አብኡ ተጓነፎ፡ እታ ክሀን ደው በል ኢሉ ሐዘ፡ ሽው ናበይ ገፅከ ትኸይድ ኢሉ ሐተቶ፡ እነ ንሀዘጋ እንዳ ዘርአይ እየ የሎ፡ ንሱ በል ሕጂ እነ ዝበልኩኻ ሕራይ እንተዘየልካኒ ክቐ ከኒ ጋዕሲ ርእስኻን ፀጕሪ ሠበይትኻን፡ ሠረፀ እንድርያስ ሊኢኹልካ ኢልካ ሃበለይ



ኢሉ አምሒሉ ሃበ፤ ንሱ ከአ ሕራይ ኢሉ ተቐቢሉ መገዱ ከደ፡ እቲ ካህን ከአ ናብ ሀዘጋ ምስአቶ፡ እንዳ ዘርአይ ከመሐደርኩም ኢሉ እንተአቶ፡ እንዳ ዘርአይ ከአ ሠብ አይን ሠበይትን ተጕልቢበም ሐዘናት መሲሎም ምስ ረአዮም፡ እታ አይድሐንኩም እንታይ የሎም።

ንሳቶም ከአ እቱም መምህረይ ሰብ ትስሕቕ ሐዲሩልና ራአይንዶ እዚ አራእስና የልዎ፡ ንሱ ከአ እቲ ሠረፀ እንድርያስ ዝበሎ ዝኸነ ኩሉ ነገርዎ፡ እቲ ፀጕሪ ከአ አርአዮም፡ ሽው ዘርአይ ቑንፁብ ከምዚ የለ፡ አሳማሚውለይ ኢሉ ተዛረበ፡ ክብኡ ሠረፀ እንድርያስ አስምዒ ተብሀለ ይብሃል።

## ሞት ዘርአይ።

ድሕሪ እዚ ኹሉ ከአ ዘርአይ ብጅግንነቱ ፍሉጥ ከይኑ ካብ ሀፀይ ኢያሱ ዓቢ ተእ ዚዙ፡ ክዋግኡ ንጋላ ቤት ካብ ብዙሕ ሀገር፡ ብዙሕ ሠራዊት ክይኖም ክዋግኡ ከለዉ ዘርአይ ሐጺር ነበረ እሞ፡ ከም ዑፍ ከይኑ ይነጥርን ይኸልብለብን ነበረ፡ አብ መንገዚ ከአ እቶም ጋላ ኰናታት አብ ድሪ ተኸሉምሉ ከለዉ ምስ ብዙኃት መኳንንቲ ብጮቱ አብኡ ድርግም ኢሉ ምስ ፈረሱ አብኡ ሞተ፡ ስልዓዲን ዝብሃል መኻን አብ ምድሪ ጋላ አብአ እተቐብረላ ስጋብ ለይቲ ሎሚ ፍሉጥ መኻን እዩ።

## እዋን እርግንኡ ንተከለ።

ሰበይቲ ተከለ መኻን ነበረት እሞ ንሱ ከዓ ክይወለደ ነዊሕ ዘበን ተቐመጠ፡ ንደቂ ሐዉ ደቂ ዓገብ ከዓ ከም ደቂ ጌሩ ይርእዮም ነበረ፡ ድሕሪ ሐያሎ እዋን ከዓ ተከለ አዚዩ ምስ አረገ ጕልበቹ ዓይኑ ምስ ወደቐ ደቂ ሐዉ ደቂ ዓገብ ማይጨሎት ከሕቡዎ እንዳባ ማይታን ወሰድዎ፡ እዚ ሁሉ ክኸውን ከሎ ደቂ ሐዉ ተከለ ሐድጊ ዘየብሉ ከይተርፍ ኢሎም ብዙሕ ይጕሕዩ ነበሩሞ፡ ናብ እንዳባ ማይታን ወሰድዎ ደሐር አብ ማይ ታን ነቶም ደቂ ከምዚ የልዎም።

ሕጅክምዎ ክትከዱ ከለኹም እብታ ቀቓ ዓድኹም ምስ በጻሕኩም ሐንቲ ክብ ዓሴት ሐውያ ዝትውለድ ጓል እኸልቲ ጕርዞ ክትንኀፈኩም እያ እሞ ንሐውብኹም አመርዕውሉ፡ ሽው ሐድጊ ካብአ ነዛ ንምድሪ ዝመልኡ ክሐድገልኩም እዩ ኢሎም ተመንይሎም፡ ደሐር እቶም ደቂ ከምታ ዘረበ አብ ማይታን አብ ማይ ጨው ክበጽሑ ከለዉ አብ ወስን ደዕዳዓ መገዲ ክፍ ኢላ አብአ ቀባሕባሕ ትብል ተንኀፈቶም፡ ንሳቶም ከዓ ጓል መን ኢኺ ኢሎም ሐተትዋ፡ ንሳ ከዓ ክበይ ምኻና አፍለጠቶም ሽው ንተከለ አመርዓውሉ ተከለ ከን ነ፬ ወዲ ክብአ ወለደ፡ ሽሞም ከምዚ ብታሕቲ ዝሰዕብ እዩ። ፩ ንዘርአ ብሩኽን — ፪ ንኬፋን — ፫ ንዕቑባ አብን — ፬ ንዕቑባይን ነዚ እም አርበዕቲአም ክብአ ወለደ።

## ምዕራፍ ፭ ።

### ወለዶ ሚናብ ዘርአይ ።

እቶም አብ እንዳቡኦም ዝተረፉ ክልተ ደቂ ተስፋ ጼን ሚናብትን ዘርአይን እመቓ ልኦም ክምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ሚናብ ንጀተ ወለደ ሽሞም ከዓ ክምዚ እዩ፡ ፩ ንዕንቆ ሐርያትን — ፪ ንስብሐት ለአብን፡ ካብዚኦም እቲ ሐደ ስብሐት ለአብ ንሽም ጅምሉቕ አትዩ አብኡ ተቐመጠ፡ ዘርኡ ከዓ ስጋብ ለይቲ ሎም አብኡ አለዉ፡ እቲ ሐደ ዕንቖ ሐር ያት ድማ ነ፬ተ ወለደ ሽሞም ከዓ ክምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንደበስኒ — ፪ ንዘርአ ብሩኽኒ ፫ ንዘርኡኒ — ፬ ንዳግማይ ተስፋ ጼንኒ፡ ነዚኦም ፬ተ አወዳት ወለደ ።

እዞም አርባዕተ የሕዋት አብ ማእከል ሀዘጋን አብ ጐደባብትን አለዉ፡ እንተ ኸነ ብሽም እቲ ዓቢ ሐዎም ደበንይ ዝበሃል ብኡ ሽም ደበንይ ይበሃሉ፡ እዚአቶም ኵሎም እዩ ። ፩ ንስጐዶምኒ — ፪ ንሀብ ሥሉስኒ — ፫ ንሽማግለን — ፬ ንእስፈደይን — ፭ ንመር ዓውን ነዚኦም ፭ቲኦም ወለደ ። ካብኦም ከዓ ብጀካ እስጐዶም ዘርኢ አርባዕቲኦም የሕዋት ካብ ሀዘጋ ወፃኢ እዮም ዘለዉ ሀብ ሥሉስ አብዛ ሕጂ ብሽሙ እትስመ ዘላ ዓዲ ዓዲ ሀብ ሥሉስ ዘርኡ አብአ አለዉ ።

ሽማግለ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም አብዛ ሕጂ ዓዲ ሽማግለ ተቢሂላ ትጽዋዕ ዘላ ዝርከ ቦም ዘርኢ ሽማግለ አብአ አለዉ፡ እቲ ሳልሳይ ሐዎም እስፈደይ ከዓ ክምዝም የሕዋቱ ዓዲ ሕጂ አብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ፡ ደቁ ዝርከበም አብአ አለዉ፡ መርዓዊ ከዓ ዝፈረዮም አብታ ዓዲ ብሽሙ ትስመ ዘላ አብአ አለዉ፡ እቲ በዀረ ቤት እስጐዶም ዝበሃል ሐዎም ከዓ ን፫ተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ክምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንደብረ ጨን — ፪ ንሀብተ ማርያም — ፫ ንፍሬ ምኻእኒ ነዚኦም ሠለስተ ወለደ ።

ካብዚኦም ዘርኢ ደብረ ጨንኒ ዘርኢ ሀብተ ማርያምኒ ዘርኢ ኽልቲኦም የሕዋት ብሐደ ሽም ሕጅ ገዛ ዓዲ ደብረ ጨን ይበሃሉ፡ ጭቅአም ከዓ ሐደ እዩ ። ፍሬ ምኻእ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም ሐደ ገዛ ኰይኖም ገዛ ዓዲ ፍሬ ምኻእ እናተባህሉ ይፅውዑ አለዉ፡ ጭቅአም ንበይኖም እዮም ።

ብፍላይ ከዓ ካብ ገዛ ደብረ ጨንኒ ፍሬ ምኻእኒ ካብ ክልቲኦም ገዛ ዝወፁ ናብ ሸንኽ በረኻ ናብ ክልተ ቑሸት ዓዲ ግናን ተገድረን ዝበሃሉ አለውዎም ። የሕዋት ደቂ ዘር ዱሩይ ፍጋጋ ሸሬቱ አብ በረኻ ከሎ ዘርአይ ከዓ ንዱሩይ ፍጋጋ ክሕዝ ኢሉ ናብቲ በረኻ ምስወረደ ሽዑ አብቲ በረኻ ዝፈረዮም ካብ አስላመይቲ እተወልዱ እዮም ሕጅ ሽሞም አላቢዓ ይበሃሉ አለዉ ።

እቲ ዕቤት ዓዲ አብ ሀዘጋ ካብ ዘርአይ ጀሚሩ ናብ ወዱ ናብ እስጐዶም ። ካብ እስገዶም ከዓ ናብ ወዱ ናብ ደብረ ጨን፡ ካብ ደብረ ጨን ናብ ወዱ ናብ ዕቍባሐንስ፡



ካብ ዕቍባ ሐንስ ናብ ወዱ ናብ ተኽሉም፡ ካብ ተኽሉም ከዓ ናብ ወዱ ናብ ድብሉም፡ ካብ ድብሉም ከዓ ናብ ወዱ ናብ ክንቲባ ዘክርስቶስ፡ ካብኡ ከዓ ናብ ወዱ ናብ ወል ዱት፡ ካብኡ ከዓ ናብ ወዱ ናብ ረድኢት፡ ካብ ረድኤት ናብ ወዱ ናብ ብዕዓይ፡ ካብ ብዕዓይ ከዓ ናብ ወዱ ናብ በኪት፡ ካብ በኪት ናብ እዚ ሕጅ ዘሎ ክምዚሉ ካብ ዋንቲ ስጋብ ሎሚ ካብ አበ ስጋብ ውሉድ ወለዶ እናተሐላለፈ ክምዚሉ አሎ ስጋብ እዚ ግዜና ንሕና ከዓ በዚ እዋንዚ ክንጽሕፍ ናይ አቦታት ዝግድሰና እዩ ።

### ወለዶ ተከለን አገባን።

እመቓቕላ ተከለን ዓገባን ክምዚ እዩ፡ ተከለ ክምዚ አብ ላዕሊ ዝቘራሕናዮም ን፬ተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ክምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ዘርአ ብሩኽኒ — ፪ ኬፋኒ ፫ ዕቑበ አብኒ — ፬ ዕቑበይኒ፡ እዚኦም ፬ቲኦም አወዳት ደቂ ተከለ እዮም ዝበሃሉ፡ ካብዚኦም ኬፋ ሐድጊ ዘየብሉ ጠፍኤ፡ ዘርአ ብሩኽ ግና ን፭ አወዳት ወለደ ሽሞም ከዓ ክምዚ እዩ፡ ፩ ንአቢብኒ — ፪ ንላእከ ጼንኒ — ፫ ንእምሐኒ — ፬ ንጋይምኒ — ፭ ንመፍለሰኒ፡ ነዚአቶም ወለደ ።

ካብዚአቶም መፍለስኒ ጋይምኒ ሐድጊ ዘየብሎም ጠፍኡ፡ ዕቑበአብ ከዓ ን፭ ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ክምዚ እዩ ። ፩ ንዘገርግሥኒ — ፪ ንምሐኒ — ፫ ንመሐረ ክርስቶስኒ ፬ ንዓፅመ ገርግሥኒ — ፭ ንሐርያእን ነዚኦም ንሐሙሽቲኦም ወለደ ።

ካብዚኦም ዓፅመ ገርግሽ ዘርኢ ዘየብሉ ጠፍኤ፡ ዘገርግሥ ንቀሺ ስንዱድን ንሐ ምብርን ወለደ፡ ቀሺ ስንዱድ ከዓ ንቀሺ ሰለሞንን ንቀሺ ኃይሉን ወለደ፡ ቀሺ ኃይሉ ድማ ንመድሕን ወለደ፡ መድሕን ንወልደገብርኤል፡ ቀሺ ሰለሞን ከዓ ን፭ ወለደ ሽሞም ከዓ ክምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ፩ ንኽፍላይኒ — ፪ ንሐለቓ ዕንቋይን — ፫ ንወልዱኒ — ፬ ንሥላስን — ፭ ንሠርጊትን ወለደ፡ ዕቑበይ ከዓ እቲ ሐሙሻይ ሐዎም ወዲ ተከለ፡ ፩ ንናትኤልኒ — ፪ ንገብረ ኢየሱስኒ ን፪ተ ወለደ ።

ካብዚኦም ገብረ ኢየሱስ ሐድጊ ዘየብሉ ጠፍኤ፡ እቶም ሠለስተ ግና ዘርአ ብሩኽ ዝፈረዮም አቢብኒ ላእከ ጽዮንን እምሐን ዘርኢ ሠለስቲኦም አብ ተከለ ታሕታይ አለዉ፡ ላእከ ጽዮን ዝፈረዮም ከዓ አብ ተከለ ላዕላይ አለዉ ። እዚአቶም ክምሐደ ማይ ቤት ኰይኖም አለዉ በዚ እዋንዚ ጭቅአም ብሐደ እዮም ።

ደቂ ዕቑበ አብ ከዓ ሠለስቲኦም ክምኡ ከዓ ደቂ ዕቑበይ አብ ላዕላይ ተከለ አለዉ እዚአቶም ከዓ ክምሐደ ዓቤት ኾይኖም ጭቅአም አብ ሐደ ኽፍሊ እዩ፡ ደቂ ዓገባ ከዓ ፫ተ እዮም ሽሞም ክምዚ እዩ ። ፩ ንበግዓጼንኒ — ፪ ሕንሽምኒ — ፫ ፈሊቆስኒ ክምዚሎም ሠለስተ ደቂ ዓገባ ይበሃሉ ነበሩ ።

ሠለስቲኦም እመቓቕልኦም ክምዚ እዩ፡ ሕንሽም ን፫ተ ወለደ ሽሞም ከዓ ክምዚ እዩ ። ፩ ንኽፍለን — ፪ ንሳሙሶንኒ — ፫ ንሕዝባይኒ፡ ነዚኦም ሠለስቲኦም ወለደ፡ ንሱ ዓገባ በዀረ ቤት እዩ እሞ እቲ ዕቤት ዓዲ ናብኡ ነበረት ካብኡ ከዓ ናብቲ በዀረ ቤት ወዲ ዓገባ ወዲ ሕንሽም ናብ ሳሙሶን ሐለፈት ሳሙሶን ከዓ ን፭ተ አወዳት

... ዘበዐብ እዩ። ፩ ንክንቲባ ገብረ ክርስቶስን — ፪ ንዳግማይ አቶ ስምኒ — ፫ ንሐን ሽሉሽኒ — ፬ ንተኸለስሉስን — ፭ ንፀሊማይኒ ነዚኦም ወለደ።

ክብዚኦም ፭ቶ የሕዋት ደቂ ሳሙሰን እቲ ዕቤት ዓዲ ናብቲ በኹሬ ቤት ናብ ዳግማይ አቶ ሹም ሐለፈት፡ ክብኡ ከዓ ናብ ወዱ ናብ ድብለየስ ሐለፈት፡ ክብኡ ናብ ወዱ ናብ ክንቲባ ሐንስ ሐለፈት፡ ክብ ክንቲባ ሐንስ ናብ ክንቲባ ተክለ ገርግሽ ሐለፈት፡ ክብ ክንቲባ ተኸለ ገርግሽ ከዓ ነዛ ሽመት ፮ተ ወለዶ ዝነበረት ውላድ ስለ ዘይነበሮ ብፍቓዱ አብ ዓዲ አውደቓ ዓዲ ከዓ መሪጸም ነስጐዶም ወዲ ዘርአይ ኩርፎ ዕቤት ዓዲ ናብኡ ሐለፈት፡ ንሱ ክብ ገዝኦም መቕረብ ስለ ዘይነበሮም ወለድኡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፣ ዘርአይ ኩርፎ ወዲ ገብረ ክርስቶስ — ገብረ ክርስቶስ ወዲ ሐደራንክኤል ወዲ ዓንደንክኤል — ዓንደንክኤል ወዲ ድብለየስ ሐው ክንቲባ ሐንስ እዩ።

ሐንሽ ሥሉስ ከዓ ንዓዲ ስእሊት ዝፈረዩ እዩ ተኸለሥቴስኒ ፀሊማይኒ ሐድጊ ዘይብሉም አሠር ጠፍኡ ክንቲባ ገብረ ክርስቶስ ከዓ ንዓዲ ክንቲባ ገብረ ክርስቶስ ዝፈረዩሮም ጭቅአም ከዓ በሐደ እዩ፡ ዓዲ ክንቲባ ገብረ ኽርስቶስ እዩ ቀንዑ ዓዲ ክንቲባ ክፍለ ከዓ ነሐሙሽተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንዳግማይ ዓገባን — ፪ ንዓን ሥሉስን — ፫ ንተስፋ ሥላሰን — ፬ ንተኸለ ሃይማኖትን።

ክብዚኦም ዳግማይ ዓገባን ዓንሥሉስን ተስፋ ሥላሰን እዚኦም ሠለስቲኦም ዝፈረዩ ክምሐደ ዓሌት ኰይኖም በሐደ እዩ ቐፅሮም እሞ ዘርኢ ሠለስቲኦም ገዛ ዓዲ ክንቲባ ክፍለ ይበሃል፡ ክብዚኦም ከዓ እቲ ሳልሳዮም ተስፋ ሥላሰ እትብሀለ ንክንቲባ ገብረ ሥላሰን ንየሕዋቶምኒ ወለደ፡ ክንቲባ ገብረ ሥላሰ ከዓ ንዓዲ ደገዝማቲ ዝፈረዩ እዩ፡ ንሳቶም ከዓ ከም ሐደ ዓሌት ኰይኖም ዓዲ ደገዝማቲ ይበሃሉ፡ ጭቅአም ከዓ ንበይኖም እዮም ሕጅ ዘለዉ፡ ተኸለ ሃይማኖት ከዓ እቲ ራብዓዮም ንኸልተ ወለደ ንተኸለስታቴስኒ ንፍጃይኒ ወለደ ዘርኢ ክልቲኦም የሕዋት ደቂ ተኸለ ሃይማኖት አብ ዓዲ ገብሩ አለዉ።

ክብ ዘርኢ ክንቲባ ክፍለ ከዓ ብጀካ እዞም አብዚ ዘለዉ ክብኦም ተፈልዩ ሐሐሊፎም ድሕር አብ ብዙሕ ዓድታት ፋሕ ኢሎም አለዉ። አብ ዓዲ ተኸላይ መርሐኖ አብ ዓዲ ጐምበሎ ገለ ናብ ዓዲ ገልግል ገለ አብ ዓጽንዓይ ገለ ናብ ቀሩና ኸዶ ገለ ከዓ ንግር ሐሐሊፎም ድሕሪ ስዕረት ደጊያት ኃይሉ ሀሀዲሞም ምስከዱ ስጋብ ሕጂ ዓዶም ዘይተመልሱ ፍኞዳ ቆላ ስጋብ አድያበ ፋሕ ኢሎም አለዉ።

ሕዝባይ ከዓ እቲ ሳልሳይ ወዲ ሕነ ሽም ንገዛ ዓዲ ሕዝባይ ዝፈረዩ እዩ፡ እዚኦም ሕጂ ሐደ ዓሌት ኰይኖም ጭቅአም ከዓ ብርእሶም ፈልዮም ንበይኖም እዮም፡ ዝተረፉ ፀተ ደቂ ዓገባ ዝፈረይዎም ከምዚ እዩ፡ ንገዛ ዓዲ ፊልቆስ ጕዕላይ ዝፈረዩ እዮም ንሰም ፈለማ ክብ የሕዋቶም ተፈልዮም ናብ ክልእ ዓዲ ክይዶም ነበሩ፡ ክብኡ ድሕሪ ሐያሎ አዋን ክብ ደቂ ዘርኡ ናብ ጽላለ ዓዲ ጕዕላይ አብኡ ነበሩ፡ ክብኡ ብዘበን ራእሲ አሉላ ተማ ጕቶም አብ ፀዓዘጋ ምድሮም ረኸቡ ክብኡ ጀሚሮም ፀዓዘጋ አለዉ፡ ከም ሐደ ዓሌት ኰይኖም ጭቅአም ንበይኖም ፈልዮም አለዉ።

በግዓጼን ከዓ እቲ ሳልሳይ ወዲ ዓገባ ንዓዲ ሽሻይ ፈረዩ፡ እዚኦቶም ሕጂ ምስ ዓዲ ክንቲባ ገብረ ክርስቶስ እዩ ቐፅሮም እዞም ሽዱሽተ ገዛ ዝነበሩ በብጭቅአም ዝቒ ራሕናዮም ቐፅሮም ብሐደ እዩ ግብሪ ንጉሥ ኰነ ናይ ቤተ ክርስቲያን ኰነ ብሐደ እዮም ዝምደቡ፡ ብጀካ እዞም ሽዱሽተ ዓሌት ክልእ ዓሌት ሐደ ሰብአይ አለዉ፡ ሽሞም ከዓ ላዕላይ ገዛ ወይ ከዓ ገዛ ሥድራ ይበሃሉ፡ እዚኦቶም ከዓ እቶም ገዛእቲ ዝነበሩ አቦታትና እዮም አምጺኦም ናብ ፀዓዘጋ ዘእተውዎም፡ ዝመጽዎ ከዓ ካብ ኩትሞ አው ልዕ ዓሌት ጭዋ እዮም፡ ገሊኦም ከዓ ካብ ወቖርቲ፡ ገሊኦም ካብ ክልእ ሀገር ዝመጹ ዓሌት ጭዋ እዮም፡ ንሳቶም ከዓ ተአኻኺቦም ከም ሐደ ዓሌት ኰይኖም ጭቅአም ንበይኖም ፈልዮም አለዉ።

## ሞ ት ሕ ነ ሽ ም ።

ሕነሽም ካብ ፀዓዘጋ ወጺኡ ናብ ጻን ተከል ዑና ሕነሽም ዝብሃል መኸን ተቐሚጡ የማን ጸጋም እናዘመተ ይሸላበብ ነበረ፡ ከየዕረፈ ወግሔ ጸብሔ ንኩሎጉዛይ እና ተቃሐደ ሰብአይ ብዓል ደሐን ተመሲሉ፡ ጋሻ ክይኑ ናብ ቤቱ አቶ እሞ፡ ድሐን አለኹ እናለ በታ ተኰልኵልዋ ዝነበረ ክራ አዘንጊዑ አምዑቱ አውጺእዎ ሃደመ። በዚ ከምዚ አጣፋፍአ ጠፍኤ፡ ሽመቱ ክአ ናብ ወዱ፡ ናብ ክንቲባ ክፍለ ሐለፈት።

## ው ግ እ ጐ ል ጐ ል አ ም በ ዓ ።

ውግእ ጐልጐል አምበዓ፡ አብቲ ቀደም ዘበን ሐደ ክልእ ጅግና ሕነሽም ዝብሃል ነበረ፡ ወዲ ባሕረ ነጋሲ ዘገርጊሽ፡ ክብ ዓዲ ክንቲባ ገረኽስቶስ፡ ንሱ እተን እሐ እንዳ ቡኡ ሳዕሪ ክብልዕ ብሐጋይ ናብ ቆላቁል ወረደ፡ ሰለስተ ደቂ መፍለስ ከአ ነተን እሐ ክዘምቱ ሐደጋ ወደቕዎም፡ እቶም ብሮሙት ሕነሽም ሐዲጎምዎ ሀደሙ፡ እቲ እሙን ጊሊኡ ንሕነሽም ግና ከምዚ ኢሉ አታብብዖም፡ ክብ ሽምና ንጽይቖ ሕነሽም ሀዲሙ ማለት፡ ሕነሽም መይቱ ማለት ዓቢ ዓወት እዩ ኢሉ፡ እቲ እሙን በረኡ ምስ የሎ ገለ ሐዘም፡ ገለ ክአ ቀተሎም፡ ፍቕዶም አርብዓ ዝኾኑ እሞ፡ ነበ ሕነሽም ከምዚ የልዎ።

ወድኻ ሐብብ መጺኦም ሐደጋ ወዲቖምዎ ስዒርዎም፡ ንሱ ክአ ናብ ጐልጐል እም በዓን አርብዓን አይወደይን የሎ እሞ፡ ነዚ ሕነሽም እዚ ይኹን ወይ ክአ ንሐነሽም ወዲ ዓገበ ይኹን፡ ከምዚ ኢሎም ገጠሙሉን ሐለይሉን ይብሃል።

ሕነሽም ሊላዩ

በዓል አምበላዩ

አበይ ጨርሒኻ
በዓል ውላድሒኻ
አብ ጐልጐል አምበዓ
ቀታል ክልተርብዓ
ሕነሽም ሕነሽም
ወዲ ደቀተሽም
ብዛብይ ዝቖርሰም ።

## ም ዕ ራ ፍ ፩፩ ።

## ጥ ቢ ሕ ዝ ባ ይ ።

ሕነሽም ምስ ሞተ፡ ሰለስቲአም ደቂ ሳምሰንን፡ ክንቲብ ኽፍለን ሕዝባይ ክልአይን፡ ሰለስቲአም ክምዚ ኢ.ሎም ዘተዩ፡ ምድርና ነጸልም የሉ፡ ሕዝባይ ከአ ተንኰል ሓሰበ፡ መቃን ንግራት ዓገብ ክረክብ ዘይጥቡብ ተጣበበ፡ ንሐደ ሰብአይ ክምዚ ኢ.ሉ ተቛራ ቛሮ፡ ንጽባሕ ምስ አሕዋተይ መሬት ክንማቐል ኢ.ና እሞ፡ እናህልካ አለልያ እዛ በት ረይ ዕንጨይተይ ኢ.ለ ክአትዋ እዩ ኢ.ሉ፡ እሞ ዓስኻ ከአ ሐላፍ መገዲ መሲልካ በታ ዘሎናያ መኻን ሕለፍ እሞ፡ ንሕና አታ ሰብአይ ንዓ ዕንጨይቲ አውድቑልና እንተ በል ናካ ነዛ በትረይ ናብቲ ክምዚ ዝበለት መኻን አውድቑለይ የሉ ።
አሕዋቱ ግና ኹሉ ኹሉ ክይፈለጡ ተታሐሒዞም ምድሮም ክጸልሙ ናብ ሞሮር ወፈሩ እሞ፡ ናብ ሠለስተ መደብዎ፡ ደሐር እቲ ዳግማይ ሕዝባይ እተቛጸሮ ሰብአይ፡ ሐላፍ መገዲ መሲሉ መጸ፡ ከመዓላትኩም የሎም፡ ሽዑ ንሱ ዕንጨይቲ አውደቐ፡ ክምታ ምኽሮም ገበረ፡ እታ በትሪ ሕዝባይ ናብ ግራት ዓገብ ንዕዑ በጽሔት እሞ፡ ክንቲብ ክፍለ ናይ ጒርሒ ክምዝኸነት አለሊዮምዋ ንሕዝባይ ክምዚ የልዎ ።

እንተድአ ብኡነት ኰነት ተቐመጠላ
እንተድአ ብጒርሒ ኰነት ተገሎድአላ
ደቅኻን ሐረስቲ ደቀይኒ በላዕቲ ይግበሮም የልዎ ።

ብዚ ምኽንያት እዚ ግራት ዓገብ ይብሃል አሎ ።

## ዓ ገ ብ ክ ፍ ላ ይ ኒ ሕ ዝ ባ ይ ኒ ።

ብዛዕባ ግራት ዓገብ ባዕላቶም ሰብ ርስቲ ዝኾኑ ክምዚ ኢ.ሎም የዘንትዉ፡ ደቂ ሕነ ሽም ክፍለን ሕዝባይን ሳሙሰንን እዮም እሞ፡ ሰለስቲአም አሕዋት ክፍለን ሕዝባይን ደቂ ሓንቲ ሰበይቲ ሳሙሰን ግና ዓቢ ወዲ ቀዳመይቲ ሰበይቲ ነበረ፡ ስለዚ እቲ ምድሮም ከአ ንካፈል ኢ.ሎም ሓሳቦም ቄረጹ እሞ፡ ንሳሙሰን ንስኻ ዓቢ ኢ.ኻ እሞ አክፍለና የልዎ ።



ንሱ ግና አይፋል ባዕልኹም ኬድኩም ክልቴኹም ክፈልዎ የሎም እሞ፡ ቀደም እውን ናይ ልበም አይከነን ንኽምስሉ ድአ እዮም እምበር፡ ፍታዎምሲ ባዕላቶም ክምድቡ ብሐንሳእ ከአ ክዕምሩ እዮም፡ እንታይድአ ካብቲ በይና ዘዲኡ ሓዎም ምእ ንቲ ክፍለዩ አብ መንጎ ክልቲአም ግዲኡ ክይበጽሖ ክባላሐቱ እዮም ዝገበርዎ ።
ሎሚ ንኽፍለ በጺሕዎ ዘሎን ንሕዝባይን ንደቂ ሳሙሰንን እቲ ናይ ክፍለ ዒላ አድ ረሰም ይብሃል እሞ፡ ብሸንኽ ስሜን በቲ ጽሑፍ እምኒ አብ መንጎ ዓድን መንጎ ዓሰጕዶ ዘሎ እዩ፡ እቲ ናይ ሳሙሰን ከአ አብ ማእኸል ዘሎ ንመንገዲ ዓዲ ገብሩን ንደቂ ዳሽ ምን ዝወስድ ዘሎ ሕዛእቲ ዓቢ እዩ ሽሙ፡ እቲ ሳልሳይ ከአ ግራት ዓገብ ክፍለ ሕዝ ባይ ንጸጋም ክትክይድ ንዓዲ ገብሩ ምስ ሐዘ ብሸንኽ ደቡብ ዘብል አብ መንጉኡ እኳ መንገዲ ሕምብርቲ ዝወስድ እዩ እሞ፡ ንምኽፋሉ ክድልድልዎ ክለዉ ክፍለን ሕዝባ ይን ተባሃሉ ዝብል ከአ ክምዚ እዩ ።
አብ መንጎ ክልቴና ሳሙሰን ክይአቱስ እታ ማእከለይቲ ነንእሳ የሉ፡ ነዘን ክልተ ወሰን ግና አዚና ነግፍሐየን ኢ.ሎም መኸሩ እሞ፡ ንሳሙሰን ሐረ ክንብሎ ኢ.ና ንሱ ግና ብምግፍሔን ካብዘን ክልተ ወሰናት እዩ ዝሐረ ኢ.ሎም ተማኸሩ ።
ሽዑ ጸዊያም ክምዚ የልዎ፡ እንሆ ደልዲልናዮ ካብ ሰለስቲኤን ሐረ የልዎ፡ ንሱ ከአ ዜሩ እናኸለለ አጸቢቑ እንተ ረአዩን ሩብሕን ጕዱእን ክይነን ምስ ረአየ፡ ናይ ጒርሒ ምኽና አጸቢቑ ፈለጠ እሞ፡ ብሀ ክይብሎም ኢ.ሉ ነታ ንእሽቶ ማእከለይቲ እዚኣ ትሕሸኒ ኢ.ሉ ሐረየ እሞ፡ በቲ ዝገበርዎ አጕሂዩዎ አብታ ግራት ጠጠው ኢ.ሉ ዓገብ የለ፡ ግራት ዓገብ እናተባህለት ስጋብ ለይቲ ሎሚ ትጽዋዕ አላ፡ እታ ምድሪ ዓቢ ስለ ዝሐዛ ዓቢ ትብሃል አላ ስጋዕ ሎሚ ካብታ መዓልቲ እቲአ፡ ሕዝባይን ክፍለን ሳሙሰን ክምዚ አብዚ ላዕሊ ዝዝንቶ ዘሎ እዩ ።

## ሽ ማ ሙ ን ቲ ።

ሽመት ክንቲብ ክፍለ ናብ ወዱ ናብ ተኸለሃይማኖት ሐለፈ፡ ተኸለሃይማኖት አብ ፀዓዘጋ ክይኑ ክገዝእ ከሎ፡ ሃገር ብኽፋእ ነቕጽን ንፋስን ዘርኡ ጠፍኤ፡ በብዓመት ከአ ድማ ዝገደደ ክነ፡ ተኸለታቴስ ክአ ዝገደደ ክይኑ ምስረኤ ሽመት ናብ ወዱ የሕለፍዎ፡ መሊ.ሹ ኤሕዋት ከአ ሽመት ወዲ ሳሙሰን ንክንቲብ ገረኽስቶስ ሽሙዎ ።
ክንቲብ ገረኽስቶስ ከአ ንወዶም ንእምሀ ግብሪ መንግሥቲ ክእቱ ንጎንደር ናብ ሀፀይ ተልኢ.ኹ ምስክደ አገልጊሉ ተሸይሙ መጸ እሞ፡ አበይ ክሉ እኑ አይኸየምን ኢ.ሉ ነቡኡ ሃበም፡ ድሕሪኡ ቅድም ካብ የሕዋት ድሐር ካብ ንጉሥ ክንቲብነት አም ጸ.ኡ ነቡኡ አሸሞም ይብሃል ።

## ምእታው ተኸለታቴስ ናብ ዓዲ ገብሩ ።

ተኸለታቴስ ሽመቱ ምስ ሐለፈ ንደቁ አኪ.ቡ ካብ ፀዓዘጋ ዘቢ.ሉ ናብ ዓዲ ገብሩ አቶ፡ ምኽንያቱ ከአ ሐደ ሃብታም ገብሩ ዝብሃል ብዓል መቑርሰ እንዳብ ሹም ነበረ እሞ፡ በርያ ተኸለታቴስ ከአ ንጓል ገብሩ ናብ ዓዲ ክይዱ አባላሸዋ፡ ገብሩ ከአ ቀተሎ ።

ተኽለስታቴስ ድማ ብሞት ባርይኡ ጕህዩ ናብ ንጉሥ ጠርዔ፡ ንጉሥ ከአ ዘረብኡ ሰሚዖም፡ በል እታ ዓዲ ገብሩ ክምዘላ ርስትኻ ትኹን፡ ንውሉድ ወለዶ ደቂ ደቅኻ ደቂ ሐወ ደቂ ፍንጃይ ደድሕሪኡ ስዓቡ ኢሎም መጠውዎ። ክምዚሉ እዩ ተኽለታቴስ ንዓዲ ገብሩ እተሰረተ፡ ክምኡውን እቶም

## ዑና ሐሽልን ዑና ጉዶን።

በዚ ጊዜ አቢሉ ክልተ ዓዲ ፋሕ ዝበላ ነበራ፡ ንሰን ከአ ዑና ሐሽልን ዑና ጉዶን ዝበሃላ እጠፋፍኤን ክምዚ እዩ፡ ሐንቲ ሰበይቲ ወዳ አብዘን ዓድታት እዚአተን ሐሳሲ የልዎ፡ ንሳ ከአ ብሞት ወዳ ድቃስ ሰአነት እሞ ዘይጥቡብ ተማበበት። ዮም ቀተልዎ እሞ፡ እቶም ደቂ ዓዲ ከአ ነቲ ቀታሊ ከይገልጽዎ ትም ኢሎም ዕሽሽ

ሕን ወዳ ክትፈዲ ንሕድ ሕዶም ክምዚጣፍኡ ምስ ሐሊናአ መኸረትሞ፡ ፈላሲት ተመሲላ ናብ ዑና ሐሽል መጺአ ክምዚላ ትልምን ነበረት፡ ማርያም ትሃብኩም ክብ ዑና ጉዶ ዝመኽሩልኩም የውጽእኩም በለት፡ እንታይ ይብሉና ዲዮም የልዋ፡ እንታ ይከ ዘይብልኹም፡ አስያፎም ስሒሎም ኵናቶም አብሊሖም አጽዋሮም ሒዞም ንዑና ሐሽል ሐመድ ንግበሮም ክብሉ ድአ ሰሚዔ የለቶም፡ ንሳቶም ከአ ከይቀደሙና ሃይ ንበሎም ክብሃሉ ክለዉ፡ ንሳ ከአ መሊሻ ንዑና ጉዶ ከይዳ ማርያም ትሃብኩም ክብ ዑና ሐሽል ዝብልኹም የውጽእኩም እናበለት ትልምን ነበረት።

ንሳቶም ከአ እንታይ ይብሉናለዉ እዮም ኢሎም ጠየቕዋ፡ አጽዋሮም ሒዞም ግዲ ንዑናይ ነጥፍአዮም ኢሎም ክማኸሩ ሰሚዔ የለቶም፡ ንሳቶም ከአ ንዑናይ ንበሎም እናበሉ ክቕረቡ ክለዉ፡ ክልቲኦም ዑናታት ነንሕድሕዶም ክኻፍኡ ተኣኪቦም፡ ንሳቶም ከአ ንዑናይ ንብ ኣየን ዝሰትያ በዚ ተላዕለ እሞ፡ ንዓዲ አውያት ኮነ፡ ክምዚሎም ዓጢቖም ተሰሊፎም መጹ እሞ፡ ክልቲአም ዓዲ ተፋለሱ።

እቲ ምድርም ከአ ፈረቕኡ ዓድ ሰጉዶን ወኪ ዱባን፡ ፈረቕኡ ከአ ጻዕዳ ኽስታን ወረስዎ። እቲ ዑናታት ስጋዕ ለይቲ ሎም ፍሉጥ መኻን እዩ።

## ምዕራፍ ፸፩።

### ወለዶ ደቂ ገብረ ክርስቶስ።

ገብረ ክርስቶስ ፈለማ አብ ፃዕዳ ክስታን ኹይኑ ንጿተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ክምዚ እዩ። ፩ ንሐብታይኒ — ፪ ንዮሴፍኒ — ፫ ንቶምበሳኒ — ፬ ንኃይላይኒ — ፭ ንዳግማይ ብሩሕኒ — ፮ ንዕቑባ ሥላሰኒ፡ ነዚአም ወለደ።

ክብ ሽድሽቲአም ዳግማይ ብሩሕኒ ዕቑባ ሥላሰኒ ዘርኢ ዘዩብሎም አሠር ጠፍኡ፡ እቲ ሳልሳዮም ግና ሀብታይ ንፃዕዳ እምባ እትዩ ንሱ ዝፈረዮም ዝርከቦም አብኡ አለዉ። ክምኡ ከዓ ኃይላይ ዘርኡ ዝፈረዮም አብ ቑሼት አለዉ፡ ዮሴፍኒ ቶምበሳኒ



አብ ፃዕዳ ክስታን ተቐመጡ ክብአቶም ከዓ ዝፈረይዎም ዮሴፍ ንጿተ ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ክምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንዳግማይ ገብረ ክርስቶስ — ንሠምረ ክርስቶስ ነዚአም ወለደ፡ ሠመረ ክርስቶስ ንዳዕሮ ጳውሎስ (ወይ ከዓ ንዳዕሮ ቓውሎስ) አትዩ ንኪሮስ ዝግ — (በ'ኪት) ንሽመርዝግን — ንኩኖዝግን ንዚአቶም ፈረዩ፡ ዳግማይ ገብረ ክርስ ቶስ ከዓ አብ ዓደቡኡ ተሪፉ አብኡ ኰይኑ ንሮተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ክምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንብፃዕ አምላኽኒ — ፪ ንተስፋዝጊኒ — ፫ ንሀብተ ልዑኒ ነዚአቶም ወለደ።

ክብዚአቶም እንዳ ሀብተ ልዑል ቀንዲ ሰብ ዓራት ኰኑ፡ ካብአም አብ ፃዕዳ ክስታን እኒ ዓዲ ክንቲባ እኒ ዓደይጠበ አውራታት አለውዎም ክምኡ ከዓ ካብዚአም ዝወፁ የሕዋቶም አብ ዓዶም ነገርኒ አብ ዓድ ሐሙ ሽተን አብ ጐዳይፍኒ ገለ አብ ገጀረትኒ አለውዎም፡ ክምዚሎም እዚአም ብሐደ ሽም ዘርኢ ገብረ ክርስቶስ ይበሃሉ።

## ወለዶ ደቂ ብሩሕ።

ብሩሕ ዝፈረዮም ክምዚ እዩ፡ ንሱ ነ፭ ወለደ። ፩ ንሐደገምበስኒ — ፪ ንቴድሮስኒ ፫ ንጋብስታን — ፬ ንክንቲባ ገርግሽኒ — ፭ ንወራስኒ፡ ነዚአም ፭ ወለደ፡ ካብዚአቶም ግና ወራሲ ዝፈረዮም አብ ቈላ ሠራዬ ገለ ሒደት አለውዎም፡ ዘርኢ ሐደ ገምበስኒ ጋብስታኒ ቴድሮስኒ ዘርኢ ሠለስቲአም የሕዋት አብ እንዳቡአም አብ ዓዲ ቀንጺ አለዉ። ወዲ ቴድሮስ ተኽለታቴስ ተባህለ ግና ካብ ዓዲ ቀንጺ ወጺኡ አብ ዓዲ ጓዕዳድ እተወ ዘርኡ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም አብኡ አለዉ።

ክንቲባ ገርግሥ ከዓ ባዕሎም ንምስጓጕ አትዮም ተቐመጡ አብኡ ኰይኖም ከዓ ነ፬ተ አወዳት ወለዱ፡ ሽሞም ከዓ ክምዚ እዩ። ፩ ንገብረ ክርስቶስ ጋላን — ፪ ንወለ ሎን — ፫ ንስሜናይን — ፬ ንሳልሳዊ ብሩሕን ነዚአቶም አርበዕተ አወዳት ወለዱ፡ ክብ ዚአም ሳልሳዊ ብሩሕ ካብ ምስጓጕ ወጺኡ ንኸትም አውልዕ አቶ ዘርኡ አብኡ አለዉ፡ ስሜናይ ከዓ ዓዲ ሐማሴናይ እናተብሀሉ አብ ዕልማን አብ ቈላን ፋሕ ኢሎም አለዉ፡ ዘርኢ ገብረ ክርስቶስ ጋላ ከዓ ገለን አብ ምስጓጕ ገለን አብ ዓዲ ቀንጺ አለዉ፡ ዘርኢ ወለሎ ከዓ ዝርከቦም አብ ምስጓጕ አለዉ፡ አመቓቕላ ደቂ ብሩሕ ክምዚሎም ተዘርጊ ሎም አለዉ።

ደቂ መንቆሬስ ግና ናብ ካልእ ዝወፀ የብሎምን ዝርከቦም አብታ ዓደቡአም አብ ዓዲ ቀንጺ ንሳቶም ይበዝሑ፡ ደቂ ራውያ ከዓ አብ ወኪ ዱባ ጥራይ ዝርከቦም አብኡ እዮም ዘለዉ፡ ክምኡ ከዓ ደቂ ያዕቆብ ዝርከቦም አብታ ብሽም አቡአም እትፅዋዕ ዘላ አብአ አለዉ፡ ክምኡ ከዓ ደቂ ሙሳ አብታ ብሽም አቡአም እትጽዋዕ ዘላ አብ ዓዲ ሙሳ አብአ አለዉ።

## ወዲ ደገዝማቲ ሀብስሉስ ዓበቕኒ እምሐን ፡፡

ክንቲባ ገረኽርስቶስ ምስ ሞቱ፡ እቲ ሽመቶም ናብ ወዶም ናብ እምሐ ተመልሰት፡ በዚ ግዜዚ አቢሉ ከአ ገብረሥላሴ ወዲ ተስፋላስ ምስ ሀብስሉስ ወዲ ኵይኑ ክብቲ ተቐሚጥዎ ዝነበረ፡ ካብ ፅላለ አብ ወዲ ሐወቡኡ፡ ምክትኒ መዓርኒ አትሒዞም ናብ ፀዓዘጋ መጹ እሞ፡ እምሐ ከአ ነቲ ዘምጽኡሉ ሀያብ ቍልሕ ክይበሎም ደገ ክጽንአም ቀንዩ ነበረ ፡፡

ምስ ቀበጹ ተስፋ ስኢኖም ንዓዶም ተበጊሖም ክኸዱ ከለዉ፡ ሀብስሉስ ደድሕሪ አቡኡ ክኸይድ ከሎ፡ ዕም ዕም ዕም እናለ ይኸይድ ነበረ፡ አቡኡ ከአ አይድሐንክንዶ የሎ፡ ንሱ ከአ አታብ አነስ እምበር ነጋሪት ዊን በለኒ የሎ፡ አቡኡ ከአ ወደይ ሰብ ነጋሪት ንዓይናም ጸሊእምና ለዉ አበይ ክንረኽቦ ትምበል የሎ ፡፡

ሀብስሉስ ከአ አታብ ካብ ምስ እዚአቶም ምቕማጥሲ ምጥፋእ ይሐይሽ ኢሉ፡ ካብ ቤት አቡኡ ካብ ፅላለ መሊቑ ንዓደምሐራ ጐንደር አቶ፡ ንሱ ከአ ብሐዳፍኡ ፈረስ ሰራሪ ነበረ እሞ፡ ምስኡ ልጓም ዓረብ ተማሊኡ፡ አብቲ አደባባይ ግቢ ሀፀይ ፋሲል እናወንለ፡ አብ ዝረኽበ ደገ እናሐደረ ብዓበቕ ቀንደፍደፍ ኢሉ ነበረ እሞ፡ ዝበዝሕ ሽሙ ሀብስሉስ ዓበቕ እናተባህለ ይጽዋዕ ነበረ፡ በዚ ኽምዚ ዘአመሰለ ተቀርዶን ጸበባን አብ ከተማ ንጉሥ ሽውዓተ ዓመት ተቐመጠ ፡፡

ብድሕርዚ እምሐን ሀብስሉስ አብ ቤት መንግሥቲ አደባባይ አሎ ምስበልዎ፡ ብአ ዋይአኑ አብ ቤተ መንግሥቲ ክይሐልፈኒ ኢሉ ካብ ፀዓዘጋ እተቖልበ ንጐንደር አቶ፡ ሽው እምሐ አብ ቤተ መንግሥቲ ገባርን ሐዳግን ኵኑ፡ ሀብስሉስ ግና ግዳም ሐዳሪ በላዕ ግብሪ፡ ዘበኑ ብ፲፰፻፳፰ ዓመተ ምሕረት እዩ ፡፡

## ሀ ብ ስ ሉ ስ ም ስ ል ጓ ሙ ፡፡

ሐደ እዋን ናብ ጐንደር ሀፀይ ፋሲል ሐደ ዕቡድ ዝኾነ ፈረስ እንበላይ ነበሮም፡ ካብ ሐሻኽሮም ሐደ ክብአም ዝደፍር አይነበረን፡ ክምኡ ብዘረብ ዘረብ ዘምጽአ ሐደ ምዕልቲ ጃንሆይ ሀፀይ ፋሲል ንእምሐ ከምዚ የልዎ፡ አንታ እምሐ ካብዞም ሐማሴን ዶ ገለ ፈረስ ዘጋልብ የልቦን የልዎ፡ ንሱ ከአ እስኪ ጐይታይ ንራእሲ ኤልያስ ዓረዛ ንዕ አም ክንጥይቖም የለ፡ ንጉሥ ከአ ንራእሲ ጠየቕዎም፡ ንሰም ድማ አ ንጉሥ ጐይታይ አብዚኣ አሎ ሀብስሉስ ዝብሃል ወዲ ሐወቡኡ ንእምሐ እስኪ ንሱ ክንጥይቖ ኢሎም አጸውዕዎ፡ ንጉሥ ከአ እቲ ዘምጽአ ናብ ጐንደር ንራእሲ ሐቲቶም፡ ራእሲ ከአ ንንጉሥ ነገርዎም ፡፡

ክብኡ ንጉሥ ነዚ ፈረስ ለጕሞም ሃብዎ እሞ፡ ሀብስሉስ ከአ ፈረስ ምግላብ በሐደፍኡ ልሙድ ኪኢላ ነበረ፡ነዚ ፈረስ እንዳጋለበ ዓፍራ ነጠቕ ነጠቕ፡ ፈጥ ፈጥ ስጋብ ዝብል ገበሮ፡ ሽው ሰብ ዝኾነ እንታይ ኮን ክረኽበ እዩ አበይኮን ክወድቕ እዩ እናበለ



እፈርሕ ነበረ፡ ራእሲ ከአ እዚ ቆልዓስ እንተወደቐስ እንታይከ ክብል እዩ እናበሉ፡ ደሐር ሀብስሉስ ከአ ምስ ፈረሱ ድርግም የለ ፡፡

ራእሲ ኤልያስ በዓል ዓረዛ በቲ እዋን እቲ አብ እንዳ ንጉሥ ገባርን ሐዳግን ነበሩ እሞ፡ ንእምሐ ከምዚ በልዎ፡ እታ እዚ ወዲ ሐወቦኻስ ካብዚ ዕቡድ ፈረስዚ እንቋዕ እግዚሐር አውጽአ የልዎ፡ ንሱ ግና በዕሉ ይፈልጥ የሎም፡ ሽው ራእሲ ከአ ንኽንቲባ ዘማት ወዲ ክፍለ በዓል ዓዲ ተክሌዛን ናብኡ ነበረ እሞ፡ አንቱም ክንቲባ እዚ ፀባቕ እዚ ሀብስሉስ ዝበሃልሲ እምሐ ብኽፉእ ዓይኑ ይሪአ፡ እንታይ ጉዱ የልምም፡ ንሰም ከአ አነስ ገረሙኒ እንድዩ ኢሎም፡ ክልቲኦቶም ተጸወቱ ይበሃል ፡፡

ክብቲ መጓልቲ እቲ ጀሚሩ ሀብስሉስ ዓበቕ አብ ቤተ መንግሥቲ ፍሉጥ ኮነ፡ እንተኾነ ከም እምሐ አይኮነን፡ ዘበኑ ብ፲፰፻፳፰ ዓመተ ምሕረት አቢሉ እዩ ፡፡

## ካ ል አ ይ ጥ ቢ እ ም ሐ ፡፡

ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ክንቲባ ዘማት በዓል አተክሌዛን ወዲ አይተ ኽፍለ፡ ክንቲብነት ምስ ተቐበሉ፡ ድሕሪ ፬ ዓመት ንዓዶም ገዚኡ ክኾኑ ካብ ሀፀይ ሽመት ምስ ተቐበሉ፡ ሀፀይ ፋሲል ከአ ከምዚ የሎ፡ ብሐዳፍኡ ንኽንቲባ ዘማት ይፈትውዎም ነበሩ እሞ፡ መን አሎ ሀብሮም ንኽንቲባ ዓዱ አብጺሕዎ ዝመጽእ የሎ፡ እምሐ ከአ አ ጐይታይ ካብ ሀብስሉስ ዓበቕ ዝነፍዕ የልበን የሎም እሞ፡ ንሱ የብጽሖም የሎም፡ ሐቅኻ ኢኻ ኢሎም አጸውዕዎ እሞ፡ ሀብስሉስ ንኽንቲባ ዘማት ዓዱ አብጺሕካዮ ዶ ክትምለስ አይ ክእለከን የልዎ ንሱ ከአ እሺ ጐይታይ፡ ካብ አዘዙኒ አብጺሔዮም እምለስ የሎም፡ ንጉሥ ድማ ንኽንቲባ ዘማት እዛ ቃለቤት ወርቂ እንክ እሞ፡ ብሐቂ ዓድተክሌዛን ምስ አብጽሐካ ነዛ ቃለቤት ወርቂ ሂብካ፡ እንካ ንጃንሆይ ሃበም ኢኻ ኢልካ ስደዶ ኢሎም ሀብዎም፡ ሽው ንዓዶም ተበገሱ ፡፡

እምሐ ግን በአ በአ ንዓዱ ንፀዓዘጋ ከምዚ ኢሉ ለአኸ፡ ሀብስሉስ ዓበቕ ምስ ክንቲባ ዘማት ይመጽእ አሎ እሞ ፡ አብ መንገዲ ጸኒሕኩም ቀትልዎ ፡ አብዚ ግና ንምቕታሉ አይጥዓመንን ከይተሕልፍዎ ኢሉ ብታሕቲ ታሕታ ንስድርኡ ልኢኹሎም ነበረ፡ ንሳቶም ከአ ሴሮም ስሒሎም ኩናቶም አብሊሖም አብ ምድሪ ሠራዬ ይጽበይዎም ነበሩ ፡፡

ሀብስሉስ ግና ካብ ራእሲ እቲ ምኽሪ ረኺብዎ፡ ብበረኻ በረኻ አቢሎም ዓድተክሌዛን ምእታዎም ምስ ሰምዑ ሐረቖም በታ ዝመጸላ በረኻ ፍኞዳ ክሳድ ሒዘም ክምለስ ከሎ ክንረኽቦ ኢሎም ይጽበይዎ ነበሩ፡ ነገርግና ንሱ ከምብሓዲሽ ብበረኻ በሕሪ አቢሉ በረኻ በረኻ ብዓጋመ አቢሉ ጐንደር አቶ ፡፡

እታ ዝሃብዎ ቃለቤት ወርቂ ሒዙ ናብ ግቢ አቶ፡ ሽው አብቲ ቅድሚ ንጉሥ ብገጹ ፍግም ኢሉ ኢድ ነስኤ፡ ንሰም ከአ ከመይ ኢልካ ቀኒኻ ሀብስሉስ እምበርዶ ንዘማት ዓዱ አብጺሕካዮ ኢኻ የልዎ፡ እወ ጐይታይ የሎም ፡፡ በል ምልክት እንታይ አምጺ

... የልዎ ፡ እናሃተለ እዛ ወርቂ ቃለቤት የሎም ፡ ሽዑ ንጉሥ ንሀብስሉስ እታ ወርቂ ቃለቤትን ካልእ ስልመ ወሲኹም ከም ስርዓት ሽመት ሂቦም ቀሚስ አልቢሶም ጓሎም ሂቦም ንዓዱ ክገዝእ ሰደድዎ ።

## ሀብስሉስ ንጓል ሀፀይ ፋሲል ።

ብድሕሪ እዚ ጓል ሀፀይ ፋሲል ሒዙ ብምበሎ ትግራይ ምላሽ ግዝኣት ሂቦም አቤቶ ሀብስሉስ አቢሎም አፋነውዎ ፡ ብ፲፯፻፸፫ ዓመተ ምሕረት ካብ ጐንደር ተበገሱ ፡ ግና ናብ መንገዲ እናኸዱ ከለዉ ሀብስሉስ ፡ እታ ጓል ሀፀይ ንዓቐቶ እሞ ፡ ንሱ ከአ ከም ንቡር ሰብአይን ሰበይትን ክራኸባ እንተደለ አበየቶን አዋረደቶን ፡ ንሱ ከአ ብሕርቕር ቖት ወስ እንተበለ በአ በአ ክረፍ የለት ሞተት ።

ድሕሪ እዚ ሀብስሉስ ንጐንደር ተመልሰ ፡ ናብ ንጉሥ አትዩ ሴፍን ገመድን ናብ ክሳዱ ጌሩ አ ጐይታይ ንስኹም ብዓቢይ ልውሃትን ፍቕርን ጓልኩም ሂብኩም አፋኒ ደለኹ ፡ ብንዕቐት ምስ ከልኤትኒ ፡ አነ ከም ግቡእን ንቡርን ኢለ ክቃረብ እንተ ኢላ ንብሳ ካብ ስግአ ተፈልየት ፡ በዚ ኸምዚ ዝአመሰለ ድንገት አነ አብ ቅድሜኹም ስቐሉኒ የሎም ።

ሽዑ ንጉሥን ብዙሐት መሳፍንትን ሊቃውትን ምስአም ኰይኖም ይሰምዑ ነበሩ ፡ ንጉሥ ሽዑ ነቶም ብርትን ዓሸከር ናታ ዝነበሩን ንበይኖም ጌሮም ሐተትዎም ከም ሐንቲ ቓል ኰይኖም ፡ ከምቲ ሀብስሉስ ዝበሎ ሐቁ እዩ የልዎም ፡ ንጉሥ ከአ ነቶም አብ ትሕቲ ዙፋን ወርቂ ዘለዉ ነበሮ ፡ ነዚ ሰብ እዚ ካብ ሞት እንተ መሐርኩዶ ሐጢ እት ይኸንኒ የልዎም ፡ ንሳቶም ከአ በብሐደ እናተስኡ ጐይታይ እዚሄር እኳ ምሕረት እዩ ዝፈቱ እናበሉ ካብ መቕጻዕቲ አድሐንዎ ።

ሽዑ ሀፀይ ምሒሮም ናብ ግዝአቱ ሰደድዎ ፡ ነገር ግና አቤቶ ናይ ነገውሥ ዓሌት ዘለዎም መዓርግ እዩ እሞ ፡ አብ ክንዲ አቤቶ ደገዝማቲ ሂቦም ንመረብ ምላሽ ግዝአት ሂቦም ምስ ብዙሐት ጭፍራ ንዓዱ ንሐማሴን ሰደድዎ ፡ ብ፲፯፻፸፱ ዓመተ ምሕረት እዩ (ክ. ነ. ሥ. ገጽ ፪፻፫ ፫) ።

## ሽመት ዓዲ ደጊዝማቲ ፈለማ አብ ፀዓዘጋ ።

ፈለማ ብዘበን ሐፀይ እድያም ሰገድ ብኸንደይ ተዓብ ሽመት ሐማሴን ተቐቢሎም መጹ ፡ ድሕረዚ ደጊያት ሀብስሉስ ዓብቕ ብ፩ ሺሕን ፯፻ ዓ-ም አቢሉ እዩ ፡ ብኸንደይ ተጋድሎን ፃዕርን ዓዶም አትዮም ተቐመጡ ፡ ከምዚሎም ብኸንደይ ፃዕሪ ዝረኸብዎ ሽመት ስጋዕ ሎሚ እቲ ሥልጣን ካብ ዘርኢ ዘርአም አይወጸን ፡ ሕጅ ንሳቶም እዮም ብሐቂ ነዛ ምድሪ ሐማሴን ዝዕዉዑላን ዝራአዩላን ዘለዉ ፡ ስለ እዚ ንስም ምስተኸልዎ ስጋብ ለይቲ ሎም ዓዲ ደገዝማቲ ይበሃል እሞ ፡ ብዛዕባ እዚ ነዞም ዘለዉ ካብ ዘርኢ ደጊያት ሀብስሉስ ከምዚ የልዎም ።



እዛ ሀገር ሐማሴን ግዝአት አቦታትኩምን ዘርእኹምን ትርሐስ ይፍጠረልኩም ፡ ናየቦታት ይመለስ ፡ ዘርኢ ሰበን ገርግስ ክንደይ ክይበርስ ኢሎም ገጠሙሎም ደጊያት ሀብስሉስ ንሰም ዝገዝአዎ ዘበን ፴፱ ዓመት እዩ ፡ ሀብስሉስ ዓብቕ ሰበይቶም ጓል እምሐ ገርግስ ዓረዛ እያ ዝነበረት ፡ ንሳ ከዓ ናይ ፈለማ ደገዝማቲ ምስበሉ እዮም ዘአ ተውዋ ንሳ ነ፬ተ ወለደት ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንደጊያት ገብረ ክርስቶስኒ — ፪ ንባሕረ ነጋሲ ኢያሱኒ — ፫ ንመቤት ሥላስኒ — ፬ ንወይዘሮ መንጥልኒ ፡ ነ፬ቲአም ምስ ወለደት ሞተት ። ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ሽመት ሐዘ ፡ ባሕረ ነጋሲ ኢያሱ ከዓ ንሕምብርቲ እትዩ ናብኡ ተቐመጠ ።

እታ ሳልሰይቶም ሐብቶም መዋዕልቶም እመቤት ሥላስ እትባሀለት ናብ ሮም ሰገድ ወዲ ባሕረ ነጋሲ ዕቑባ ሚካኤል ጥቁር ዓዲ ጉልቲ ደብረ አቡነ መርቆሬዎስ ተአትያ ፡ ንሳ ካብ ሮም ሰገድ ፬ አወዳት ወለደት ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንድብሎምኒ — ፪ ንዓንደሉስኒ — ፫ ንዕቑባ ክርስቶስኒ — ፬ ንዳግማይ ዕቑባ ሚካኤልኒ ዝበሃሉ ፬ተ አወዳት ካብ ሮም ሰገድ እመቤት ሥላስ ጓል ደጊያት ሀብስሉስ ነርባዕቲአም ወለደት ።

ዘርኢ አርባዕቲአም የሕዋት አመቓቕልአምን ዝሕዝዎ ዓድን ዘርጊሑ በብሐደ ዝነ ግር አብ ምዕራፍ ፰ ረኤ ብድሕሪ ሒሙኡ ደጊያት ሀብስሉስ ካብ ካልእ ሰበይቲ የእ ትዩ ካብአ ን፭ተ ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ ንዓንደንክኤልኒ — ፪ ንቴድሮስኒ ፫ ንወለገርግሽኒ — ፬ ንእከሎምኒ — ፭ ንክንቲባ ቢኢደትኒ ነዚአቶም ሐሙሽተ ወለደ ።

ክብዚአም ክንቲባ ብኢደት ንዓዲ ቢኢደት ዝፈረዮ እዩ ፡ ወለገርግሽ ዝፈረዮም ገለ ሒደት ዘርኡ አብ ዓዲ ነኽአ አለዉ ፡ ቴድሮስ ዝፈረዮም ከዓ አብ ዓዲ ሐዮ ዝርከ ቦም አብኡ አለዉ ፡ እከሎም ዝፈረዮም ከዓ አብ ደቀዕንዓ አለዉ ፡ ከምዚሎም እዮም አመቓቕልአም ደቂ ደጊያት ሀብስሉስ ።

## ምኽም ደጊያት ገብረክርስቶስ ።

ባሕረ ነጋሲ እያሱ በዅሪ ቤት ወዲ ሒማ ፡ ከምቲ አብ ላዕሊ ዘሎ እዩ ፡ አቡኡ ደገ ዝማቲ ግብሪ ንጉሥ ክወስድ ንጐንደር ክኸይድ ኢሎም ንባሕረ ነጋሲ ከምዚ የልዎ ፡ ናብ ጃንሆይ ሀፀይ ኢያሱ ብርሃን ሠገድ ግብሪ ሒዙሎም ክኸይድ እዘዝዎ ፡ ንሱ ግና አብ መንገዲ ደኸን ሐደ ነገር ይረኽበኒ ኢሉ ፈሪሑ አበ ።

ገብረክርስቶስ ግና አነ ክኸይድ ኢሉ ብዙኃት አጋስስ ጽዒኖም ምስ ብዙሕ ጭፍራ አፋነውዎ ፡ ንሱ ከአ ብደሐን ናብ ንጉሥ ሀፀይ ኢያሱ አቶ ፡ እናኸደ እናመጸ ፍሉጥ ጌልአም ኰነ ፡ ብመንፍንቱ ከአ ደገዝማቲ አቢሎም ነታ ሻድሻይቲ ጓሎም ልዕልቲ ሠበን ገርጊስ አመርዓውዎ ፡ አብ ልዕሊኡ ከአ ዝሐደረቶ ንእድን ፵፱ ጉልትን ርስትን ገበሩላ እሞ ፡ ከምዚ የልዋ ንዓኸን ንደቂ ደቅኸን ንውሉድ ወለዶ ይብጻሕኪ ኢሎም መሪ ቕም ሃብዋ ፡ ግዝአቱ ከአ ብምበሎ ወሲኹም አብ ልዕሊ እቲ ናየቡኡ መረብ ምላሽ ድኽዋ ፈሳሽ ሀብዎ እሞ ፡ ብቡዙሕ ተዓጅበም ንዓዶም ክአትው ከለዉ ልኡኽ ሰደዱሎም ።

## ዋዕላ ማይ መንከዕ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ክመጹ ክለዉ ንዓዶም አእትዉኒ ኢሎም ልኡኻት ሰደዱ፡ ዓበይቲ ሐማሴን ክዓ እዚ ምስ ሰምዑ ዋዕላ ንግበር ኢሎም አብ ማይ መንከዕ ተአከቡ እብኡ ከምዚ ኢሎም መኸሩ አቡኡ ከሎ ሽመት ሕጂ ካብ ዝመጽእ አይንቀበሎ፡ በዛ ዘረብ እዚእ ኵሎም ተሰማምዑ፡ ድሓር ግን እንታይ ኢልና እሞ ነመኽኒ የሉ ገለ እምቢ ዋራይ ንበል የሉ፡ ገለ ከዓ እምቢስ እየውጽእናን እዩ አይውሉድናን ደአ ንበሎ የሉ፡ ገለ ከዓ ንጉሥ ወሊዱኒ እንተ በልናኸ ይሕሸናዶ ኰይኑ የሉ።

አብ መንን እዚ እንታይ ከም ዘመኽንዩ ምስ ሰአኑ ኵሎም መንከዕ ገዝኦን ዘረብ ኢሎም ነኒዓዶም ከዱ። በዚ ምኽንያት እዚ ሽም እታ ዝወዓሉላ ሩባ ስጋዕ ሎም ማይ መንከዕ ትበሃል እላ፡ እዚ ወረዚ ክዓ ናብ ደጊያት ገብረክርስቶስ በጽሔ፡ ንሰም ድማ ልኡኻት ናብ ዓደቡእም ሰዲዶም ከምዚ የልምም ሐንትስ ብታሕጓስ ድአ ተቐበሉኒ እም በር ካብ ፍቓድ እበይኒ እደይኒ ዓደይኒ አይወጽእኒ ኢሎም ተመባዕዑ፡ እዚ ዘረብ እዚ ምስ ሰምዑ ከም ዘለዉ ደቀተሽም ብሐማሴኖም ከቲቶም ተቐቢሎም ዓዶም የእተው ምም፡ ትንትግ አብ ትሕቲ አቡእም ደጊያት ሀብስሉስ ከፍ ኢሎም የሥርዑን የማሐዳ ድሩን ነበሩ እምበር ኃል ንጉሥ የእትዩ እዩ ገዛእ ሀገር እዩ ኢሎም፡ ኹርዓት እይ ተሰምዖምን።

### ምዕራፍ ፸፪።

> **ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ።**

ብሽሕን ፲፻፰ ዓመተ ምሕረት ካብዚ ግዜ እዚ አትሒዙ ዋዕላ ተገብረ፡ በዚ እተላ ዕለ ስጋብ ለይቲ ሎም ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ ይብሃል።

ፍርድን አብ ሰቓላ

ዋዕላ አብ ማይ በላ ይብሃል።

ሽዑ ናብኡ ዋዕላ ክገብሩ ክለዉ ደጊያት ሀብስሉስ አብ ክብ ዝበለ ዙፋን ይቕመጡ ነበሩ፡ ደጊያት ሀብስሉስ ከአ ብፍታዎም ብሀ የብልዎምን ይሰርዑን ይእዝዙን ነበሩ። ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከአ አብ ትሕቲ አቡእም ተቓሚጦም ይሰርዑ ነበሩ።

እቲ ሽዑ እብኡ እተሰርዔን እተሐገን፡ ብልቢ ወለድን እመንትን ከይከነስ ባዕሎም ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ብዘበን ሀፀይ ኢያሱ ዓቢ እውን ካብ ጐንደር ካብ ፍትሐ ዋንታዎት ነገሥቲ ኢትዮጵያ፡ ካብኡ ኸኣ ኢሎም አቕዲሖም እዮም ዘምጽእዎ፡ እንተ ኸኣ ሐደ ሐደ ሰባት አይፋል፡ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ንእመቤት ሰበን ገርግስ ጓል ሀፀይ ኢያሱ ዓቢ ተመርዕዩ ንዓዱ ካብ ጐንደር ክወጽእ ከሎ፡ ቅድሚ ምብጋሱ ካብቲ ፍትሐ ነጋውሥ ሐሐሊፉ ንዕኡ ዘገድስ አገልቢጡ ንዓዱ አምጺኡ ነቡኡ ንደጊያት ሀብስሉስን ነቶም ዓበይቲ ዓድን አኪቡ አብ ማይ በላ ምስቲ ፈለማ ዝነበረ ሥርዓት ዓደብ አዛኒ ቑን አሐዲሹን አቑመ።



ዓደቦ ከአ ከምዘለዉ ፈትዮም ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ ኢሎም፡ በበን ወድን ሰመይዎ፡ ምንም እኳ ሕጂ በብእዋኑ እና ተሐደሰ እንተኸደ፡ ንሳቶም ፈለምቲ ስለ ዝኾኑ፡ ስጋብ ሕጂ አብ ዓደቦ ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ እናተባህለ ይስራዕ አሎ።

## ግዝአት ደጊያት ገብረ ክርስቶስ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከምታ መብዕዔእም ካብ ፍቓድ አበእምኒ አዲአምኒ ከይወፁ ብዙሕ ፀንሑ፡ አቡእም ምስ ሞቱ ድማ ብድሕሪእም በይኖም ጠቕሊሎም ገዛኢ ኾኑ ንሰም ፈለማ ንገዛ ደገ ፀዓዘጋ ዝሠርሑ፡ በዕሎም ከዓ ናብኡ ተቐመጡ እቶም ብድሕሪእም በብታራ ዝገዝኡ ዝነበሩ ኵሎም ስጋብ ልጅ አበራ ዘበን ጣልያን ቤቶም አብኡ ነብሩ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ድማ ናብቲ ቕድሚ ገዝእም ዘሎ ጕልጕል መዓልቲ ቀዳም ቀዳም ዕዳጋ ገብሩ፡ ሐደ ክልእ ዕዳጋ ከዓ አብ ዓዲ መንጕንቲ ሰኑይ ሰኑይ ገብሩ፡ ከምኡ ከዓ ሐደ ክልእ አብ ድብርዋ፡ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ንሰበይቶም ንሰበን ገርግሥ ሕጀም ንጉራዕ ንጉሥ ከምቲ ዝመረቑሎም ፍቕዲ ዘየብሉ ጕልቲ ካብ ጐንደር አብ ብዙሕ መኻን ካብ መንገዲ የማን ፀጋም ሰበን ገርግሽ ዝረገፀቶ ዝሐደረቶን ዘበለ ስጋብ ሐማሴን ከምኡ ድማ ካብ ፀዓዘጋ እናኸደት አብ ሐያሎ ዓድታት ዝሐደረቶን ዝወዓለቶን ዘበለ ኹሉ ጕልቲ ገበሩላ፡ አቡአ ሐፀይ ዮሐንስ ፃዲቁ ወይም ንሐፀይ ፋሲል ዝወለዶ ሰበን ገርግሽ ናብ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ክትምርዖ ክላ ሐፀይ ዮሐንስ ፃዲቁ ዝረገፀቶ ዓዲ ጕልቲ ንዓአን ንደቂ ደቃን ይብፃሕኪ ኢሎም መሪቕም አፋነውዋ ግዝአት በምበሎ ምላሽ ከዓ ሀብዋ።

ብድሕሪ ነዊሕ እዋን ከዓ እዚ ኹሉ ንዓአን ንደቂ ደቃን ስጋብ ዘበን ጣልያን ጕልቶም ነበረ፡ ከምኡ ከዓ ክልኣት ደቂ ፀዓዘጋ ከም ሰብ ጕልቲ ኰይኖም አተውዎም፡ ጁሕ ግና ጣልያን ብዛዕብኡ እዚ ጕልቲ እዚ ቀደም ንሽማምንቲ ዓዲ ደገዝማቲ እዩ ሕጂ ከዓ ንዓና ንገዛእቲ ዝግብእ ኢሉ ካብ ዘሎ አልዩ ጕልቲ ሰበን ገርግሽ እተባህለ ዝኾነ ኵሉ አብ ኢዱ መልሸዎ ነበረ፡ ንሱ ድማ በሐቂ ከም ርስቲ መንግሥቲ ደአ እምበር ከም ጕልቲ ጌሩ አይወሰደን ዝነበረ ምድሪ ጠፍን ምድሪ ጕልትን ኵሉ ከም ሐደ ስለ ዝመሰሎ ንሕናስ ሐይሊ ስኢና ዝኸልክሎ በቲ እዋኑ አይተኻእለን ከምዚሉ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ግዝኢቶም ፴፱ ዓመት እዩ ይበሃል፡ ነቲ ኢጋዝገዝእም ዝነግር አብቲ ዝሐለፈ አብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና አብኡ ረኤ።

## ደቂ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከዓ ካብ ጓል ንጉሥ ፃዲቁ ዮሐንስ እመቤት ገርግስ አርባዕተ አወዳትን ሐንቲ ጓልን ወለዱ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንደጊያት ተስፋጼንኒ — ፪ ንደጊያት ማሞን — ፫ ንደጊያት ርእሰ ሃይማኖትን — ፬ ንራእሲ ዓንደ

ሃይማኖትን — ፭ ንወይዘሮ ሙዚትን፡ ነዚኦም ሐሙሽቲኦም ወለዱ፡ ካብ እምቤት ምር ጺት ኃብቲ ደጊያት ድብለየስ ዓደድከመ ክሳድ ዓዕር ክአ ንሮተ አወዳት ወለዱ፡ ሽሞም ከምዚ እዩ ። ፩ ንባሕረ ነጋሢ ተኽሊት — ፪ ንባሕረ ነጋሢ ተስፋ ገርግስን — ፫ ንባሕረ ነጋሢ ዘወልደ ማርያምን ነዚኦም ወለዱ፡ ካብዚኦቶም ደጊያት ተስፋ ጼንን ደጊያት ማሞን ደጊያት ርእሰ ሃይማኖትን ራእሲ ዓንደ ሃይማኖትን ደድሕሪ ሕድ ሕድ በቢታራ ይገዝኡ ነበሩ፡ ካብ አርባዕቲኦም ድማ ደጊያት ተስፋ ጼን ንዓዲ ደጊያት ኃይሉ ሐባል ዝፈረዩ እዮም፡ ደጊያት ማሞ ከዓ ብሐፀይ በከፋ ጊዜ አብ ወሎ ክገዝኡ ከለዉ ካብ አምበውል ጓል ጀንጥራር የእትዮም ካብ ዘርኦም፡ መሳፍንቲ አብ ወሎ አለዉ ደብሃል፡ ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ሐድጊ ዘየብሎም ጠፍኡ፡ ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት ዝፈረይዎም ብዝሖም አብ ዓዲ ከልከልቲ ጉልቶም ነበረት እሞ ዥሎም አብእ ሠፈሮም አለዉ ።

ንሰም ንእቶ ተስፋ ጼን ወለዱ፡ እይተ ተስፋ ጼን ንእይተ ስሄል ወለዱ፡ እይተ ስሄል ንፊተውራሪ ገብረ መድህን ወለዱ፡ ፊተውራሪ ገብረ መድህን፡ ንፊተውራሪ በለ ውን — ንደጊያት ተሰማን ወለዱ ። እታ ሐፍቶም ወይዘሮ ሙዚት ንዓዲ ኳላ ናብ እይተ ክፍሊት ወዲ ተኽሊት በዓል ቆጽሊ ነበረ እሞ፡ መታን ካብ ግዝአት ዓረዛ እንተ ደሐኑ ኢሉ ብኸንደይ ደገ ጽንዓት መፅቐቢ ክኸንዎም ተጣቢቡ ንወይዘሮ ሙዚት የእተወ፡ ካብ ዘርኡ ከአ ዓዲ ደጊያት ተስፋ ማርያም አለዉ ።

እታ ቀዳማይ ሕምነት ንሰብ ዓዲ ኳላ አዚያ ቀዳዊቶም ስለ ዝኸነት፡ መሊኾም ከአ ጓል ደጊያት ጉብሳ ወዲ እይተ ገብረ ማርያም ንወዲ ደጊያት ተስፋ ማርያም ተእ ትያ አላ ። ካብቶም ሠለስተ ባሕረ ነጋሢታት ከአ፡ እቶም ክልተ ናብ ጉጉልቲ አበ ታቶም ከይዶም ሰፈሩ ።

ባሕረ ነጋሢ ተኽሊት ንዓዲ ተኽላይ ከደ፡ ክሳዕ ሕጂ ከአ ዘርኡ አለዉ ። ንሱ ን፫ተ ወለደ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ፩ይ ንባሕረ ነጋሢ ተኽላይን — ፪ይ ንእ ይተ ዘርኡን — ፫ይ ንባሕረ ነጋሢ ኽፍለ ሥላሰን ነዚኦም ፫ተ ወለደ ።

ካብዚኦም ፫ተ የሕዋት ከአ እይተ ዘርኡ፡ ንእይተ ገርግሽ ወለደ፡ እይተ ገርግሽ ከአ ንባሕረ ነጋሢ አሚን ወለደ ።

ባሕረ ነጋሢ ተስፋጊየርጊስ ንሠለስተ ወለደ፡ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፤ ፩ ባሕረ ነጋሲ እምሐ — ፪ ሥእሉ — ፫ ወልዱ ።

ካብዚኦም ባሕረ ነጋሢ እምሐ ንባሕረ ነጋሢ ወልደገሪማን — ንገብሩን — ንዓን ዱን — ንክንፋን — ንዕቑብን ወለደ ። ባሕረ ነጋሢ ወልደገሪማ ድማ ንእይተ ተማኑ ንፊታውራሪ ሥርያል ንእይተ አቡን ንእይተ ዑቕባልደትን ወለደ ።

ሥእሉ ድማ ንባዲጉን ንበኹርን ወለደ፡ ወልዱ ንርእሳትን ንባሕረ ነጋሢ ዘገርጊ ስን ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረዩዎም አብ ፀዓዘጋን አብ እማድርን አብ ዓዲ ገዳን ሐልሐለን አለዉ ።

እቲ ሳልሳዮም ባሕረ ነጋሢ ዘወልደ ማርያም ግና ናብ ፀዓዘጋ ተረፈ ። ንሱ ዝፈረ ዮም ክንድቲ ዝአክል ብዝሒ የብሎምን፡ ገለ ተረፍ ካብኦቶም አብ ገዛ ዓዲ ኸንቲባ



ኸፍለ ተሐዋዊሾም ይርከቡ ። አብ መንጎዚ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ አብ ፀዓዘጋ ኸይ ኖም ንብምበሎ ትግራይ ይገዝኡ ነበረ ።

ሐደ እዋን ነቲ በዥሪ ቤት ወዶም ንደጊያት ተስፋ ጼን ግብሪ ንጉሥ ሕጅካ ኪድ ኢሎም አዘዝዎ፡ ሽው ከም ቀድም አቡኡ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ባዕሎም ከይዶም ደገ ንጉሥ ጸኒዖም አቦኦም ከለዉ፡ ብቑመነኦም ንግዝአት አቡኦም ሕጃም ንዓዶም አተዉ፡ ብድሕርዚ ከአ ደጊያት ተስፋ ጼን አብ ፀዓዘጋ ኸይኖም ሐያሎ እዋን ገዝኡ ። ብድሕርዚ እቶም ክልአይ ሐዎም ደጊያት ማሞ፡ ብፍቓድ ንጉሥ ጋላ ቤት ክዋግኡ ከዱ፡ ንጋላ ስዒሮም ድማ አገቢሮም አጥሚቖምን ግዝአቶም ገበርዎ፡ ሽዕኡ ናብኡ ኰይ ኖም ዝፈረይዎም ዘርኦም አብ ወሎ አለዉ ። ብድሕርዚ ንጉሥ ከአ ተሐጕሾም ደጊ ያት አቢሎም ብዙሕ ህያብን ከልእውን ሸለምዎም ።

## ደጊያት ተስፋጼንን ደጊያት ማሞን ተሸሙ ።

አብ መንጎ እዚ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ አብ ፀዓዘጋ ኰይኖም ንበምብሎ ምላሽ ገዝኡ፡ ክገዝኡ ከለዉ ሐደ እዋን ንበኹሪ ወዶም፡ ንደጊያት ተስፋጼን ግብሪ ንጉሥ ሕጅካ ኪድ ንጐንደር ኢሎም ሂቦም ለአኽዎ፡ ንሱ ከአ በብዓይነቱ ናብ ቀድሚ ሀፀይ ዝቕረብ ህያብን ግብርን ሒዙ ናብ ደገ ንጉሥ ጸኒሁ እቶ ።

አብኡ ብዙሕ እዋን ደገ ጸኒዖም ብቑመነኦም ከለዉ ሽመት ለመኑ፡ ሀፀይ ቴዎፊ ሎስ ከአ ወዲ ሐፍተይ ኢሎም ድግዝምንት ሂቦም ብ፲፪፻ ዓመተ ምሕረት፡ ንግዝአት አቡኦም ሃብዎም፡ በዚ ተሐጕሾም አብ ፀዓዘጋ ኰይኖም ብምበሎ ምላሽ ድኹኖ ፈሳሽ ይገዝኡ ነበሩ ።

ብድሕሪኡ ከአ እቶም ካልአይ ንእሽቶ ሐዎም አብ ቤት ንጉሥ ደገ ጸኒኦም ደጊያት ማሞ ተባሂሎም ብፍቓድ ንጉሥ ንጋላ ቤት ክዋግኡ ምስ ብዙሐት መኳንንቲ ኰይ ኖም ከዱ፡ ስዒሮም አገቢሮም አጠሚቖም ግዝአቶም ክኸውን ተፈቕደሎም፡ ምስኡ ከአ ብዙሕ ስልመ ተሰለሙ፡ ብዙሕ እዋን ይገዝኡ'ውን ነበሩ ።

## ት ው ል ዲ ገ ዛ ሥ ድ ራ ።

በዚ እዋንዚ አቢሉ ዘርኢት እተበሀለ ጭወታይ በዓል ክትም አውሊዕ፡ ንዓዲ ደገዝማቲ ተኸቲሉ ናብ ፀዓዘጋ ምስእቶም ትዕቑትንት አተወ ። ንዕኡ ገረድ ሰበን ገር ጊሽ አመርዓውዎ፡ ካብአ ወዲ ምስ ወለደ፡ ነቲ ወዱ ክንዲ ደባስ መዘከርታ ኢሎም ብሽም ደባስ የልዎ ።

እዚ ደባስ እዚ ንገዛ ደቂ ደባስ ዝወለደ እዩ፡ ንሱ ን፰ተ ወለደ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዩ፡ ፩ይ ንሰላፍ ወለ ክርስቶስን — ፪ይ ንገብሩን — ፫ይ ንተኸሉን = ፬ይ ንወለንኪ ኤልን — ፭ይ ንሐንቲ ጓል ምሕሩ እትብሃል ነዚኦም ሐሙሽቲኦም ወለደ ።

ካብኦም አሰላፍ ወለ ክርስቶስ ንዓዲ ገልድም ፈረየ፡ እታ ሐፍቶም ምሕሩ ከአ ናብ ክንፈ ወዲ ማርያም ተአቶት፡ ንሱ ከአ ፈራይ ዓዲ ክንፈ እዩ ። አቡኡ ማርያም ካብ ዝባን እንገብ መጺኡ ነበረ፡ ንዓዲ ደገዝማቲ ክኸተል ።

## ማርያም ዓሰልዳይት ።

ደጊያት ተስፋጼን ምስተሸሙ ነቡኣም ንደጊያት ገብረ ክርስቶስ ብትሕቲኣም ጌሮም ኣብ ሥልጣኖም እውሪዶም ሐዝዎም ፡ በዚ ምኽንያት እዚ ኣቡኣም ኵርዮም ጕሂዮም ሽሙቶም ስለ ዝወሰዱሎም ካብ ሽዑ ከም ወዶም ኣይረአይዎምን ።

ደጊያት ተስፋጼን ግና ወዲ ጓል ሀፀይ እያሱ ዓቢ ብምዃኖም ብዙሕ ሐበንን ዠር ዓትን ብሐዳፍኡ ይስምያም ነበረ እሞ ፡ ኣቡኣም ከአ ኩሉ ኣብ ልቦም ጌሮም ክጸንሑ ክጸንሑ ፡ ደጊያት ተስፋጼን ክልአይ ሐመሙ ፡ ሕማሞም ከአ እንዳ ነውሔ ከደ እሞ ፡ ብዛዕባ እዚ ዋጥኦም ከምዚ ኢሉ ደረሰሎም ፤

ከመዓልካ ከመሉኻ ዛራ
ጽሳል ሀፀይ ጐንደር ወርቂ ዝዘፈራ
እንተ ሞትካ ናይ ኣብርሃም ሣራ
ሕማም ሳዕሉ ክፉእ ጸበበ መከራ ፡ የሉም ።

ኣቡኦም ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከአ ብሕማም ወዶም ፡ በይነይ ሽመት ክብሕት ኢሎም ብዙሕ ተሐጕሱ እሞ ፡ ናብ ማርያም ዓሰልዳይት ከይዶም ቀተልዮ ኢሎም ብዙሕ ለሚኖም መብጽዓ ተመበጽዑላ እሞ ፡ ንዓዶም ተበገሱ ። ክአትዉ ከለዉ ኣብ ጥቓ ፀዓዘጋ ምስበጽሑ ሰብ ኩሉ ክባኽይን ክናጸይን ፈሳ ወዶም ኣርከቡ እሞ ፡ ተጠዓሱ ፡ ግና ሐደኳ ክገብሩ ኣይክእሉን ስቕ ኢሎም ወዶም ኣቕበርዎ ።

## ሞት ደጊያት ገብረ ክርስቶስን እመቤት ሰበነ ገርግሽን ።

ብድሕሪ ሞት ደጊያት ተስፋጼን ካብ ብዝሒ ዘበናት እተላዕለ መንከሰም ብዙሕ ንዋየ ቅዱሳት መስቀል መጻሕፍቲ ፡ ንሐድ ሐደ ዓቢይ ቤተ ክርስቲያናት ይሀብ ነበረ ፡ እውራ ኳ ናብቲ ዝመንኰሰሉ ፡ በቲ ሽዑ እዋን ፍሉጥ ዓቢ ገዳም ዝነበረ ደብረ ኣቡና መርቆርዮስ ሀያብ ወርቅን ብሩርን መሳቕልን መጻሕፍትን ስጋብ ለይቲ ሎም እሉ ፡ ከምኡ ከአ ናብ ክልአት ዓድታት እናኸዳ ቤተ ክርስቲያን የስርሐ ነበሩ ።

ካብ አደራሽን ወጺኤን ናብ ጥቓ እንዳ ገርግሽ ንእሽቶ ቤት ሰሪሔን ይቕመጣ ነበራ ። እታ ቤተን ዝነበረት ስጋብ ሎሚ ነበረት ፡ እብአ እዓ ሕጂ ወይዘሮ ኣማረሽ ጓል ደጊያት ሀይሉ ሐባል ይቕመጥኦ ነበራ ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከአ ብድሕሪ ሞት ወዶም ፡ ሽመት ቀደሞም ተመሊሽዎ ሐዙ ፡ ግና ብዙሕ ኣይጸንሑን ብተሎ ሞቱ ፡ ንሰምን ኣቡኣም ደጊያት ሀብስሉስ ዓባቕን ኣብ ጉልቶም ናብ ዓዲ ከፈላ ተቐብሩ ።

እመቤት ሰበነ ገርግሽ ግና ብዙሕ ዓመታት ቤተ ክርስቲያን እና ሰዓማን ጸሎት እና ገበራን ምስ ሞታ እንዳ ገርጊስ ተቐብራ ።



## ግዝኣት ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስን ደጊያት ተስፋጼንን ምስ ሞቱ ፡ ካብ ደጊያት ተስፋጼን ሽመት ናብ ደጊያት ማሞ ሐለፈት ፡ ንሰም ከአ ናብ ጋላ ቤት ይገዝኡ ነበሩ ፡ ካብ ሀፀይ ከአ ፍትው ነበሩ እሞ ፡ ዓራት ንሐዎም ንደጊያት ርእሰ ሃይማኖት እትሐዝዎም ፡ መረብ ምላሽ ይገዝኡ ነበሩ ይብሃል ።

ደጊያት ማሞ ብርቱዕ ጅግና ነበሩ ፡ ብፍቓድ ሀፀይ ቴዎፊሎስ ንዋልድባ ከይዶም ንደጊያት ወልደ መቁሬስ ዝብሃል ተዋጊኦም ስዒሮም ሒዞም ናብ ንጉሥ ኣበርከትዎም ፡ ከምኡ ከአ ብፍቓድ ንጉሥ ናይ ዋጅራት ገዛኢ ዝነበረ ደጊያት ወልደ ሥላሴ ወልደ ሂወት ሸፊቱ ስለ ዝነበረ ፡ ከይዶም ወጊኦም ስዒሮም ተመልሱ ፡ ሽዑ እቶም ሽፍታ ዝነበሩ ንጓል ደጊያት ማሞ ኤእቲዮም ተቕመጡ ፡ ሽዑ ደጊት ማሞ ንዓዶም ምስ እተዉ ከምዚሎም ደረሱሎም ፤

ካብ ምዕዋዕ እንዲኸን ቀሚሽክን
ካብ ፀዓዘጋ ሻኹራ ቑራዕ ርእስኽን
ካብ ምዕዋዕን ካብ ዓድዋን ከረሻኽን ግላስክን
ካብ ጐንደር እቡንክን ንጉሥክን
ትሰምዒዶ መላስን ገናሕን ።

## ሞት ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ።

ብድሕሪ እዚ ቀሩብ እዋን ደጊያት ማሞ ንሐማሴን ምምጻእ ምስ ሐሰቡ ፡ ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ኣጸዊዖም ንሐዎም ምቕማጥ ጌሮም ካብ ንጉሥ ኣፍሊጦም ንዓዶም ንምድሪ ሐማሴን መጹ ፤ ብድሕሪኦም ግና ጋላ ቤት ንደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ምፅዓድ ኣበይዎም ፡ ተላዒሎም ቀተልዎም ።

እዚ ወረ እዚ ምስ ሰምዑ ፡ ደጊያት ማሞ ብዙሕ ጕሂዮም ሕነ ሐዎም ክፈድዩ ብዙሕ ጭፍራ ወሲኽም ንዓዲ ጋላ ዘመትዎን እጥፍእዎን ፡ ነቶም ጋላ ዓዲ ሐዲጎም ስጋብ ዝኽዱ ገበርዎም ፡ ሽዑ ንዓዶም ተመልሱ ።

## ናብ ጐንደር ሀያብ ደጊያት ናይዝጊ ።

ብድሕርዚ ደጊያት ናይዝጊ ዝብሃል ከአ ናብ ወልቃይት ፍሉጥ ገዛኢ ነበረ ፡ ሐደ እዋን ምስ ደጊያት ማሞ ናብ ቤተ መንግሥቲ ጐንደር ግብረ መኳንንትን ሊቃውንትን ግብሪ ምስ ተበልዔ ፡ ብዛዕባ ዘረባ ዘረባ ዘምጽአ ፡ ደጊያት ማሞ ምስቲ ደጊያት ናይዝጊ ተኽርዮም ፡ እታ ሕማቕ በላዕ ጎን እንጣጢ ነዓንዶ እነን ንስኻን ሄሂያብና ኣይነርእን ኣብ ቅድሚ ጃንሆይ ኢሎም ፡ ንደጊያት ማሞ እዋረድዎም ፡ ንሰም በል መዓልቲ ቆጸራ ንፍለ የልዎ ።

ጸሐፌ ትእዛዝ ዮናታን ቆጸራ ክንደይ ትደልዩ የልዎም ፡ ደጊያት ናይዝጊ ብንዕ

ቐት ቃል ፡ መንፈቕ የሎም ፡ ደጊያት ማሞ ከአ ሕራይ ትኹን የሉ ፡ ግና ጸሐፌ ትእዛዝ ናይ ንጉሥ መዚኑ ዓመት ኢሉ በተኸሎም ፡ ህያቦም ከቕርቡ ነንዓዶም ተበገሱ ፡ ደጊያት ናይዝጊ አቐዲሙ ፡ ጡጥ ፈርጊ ፡ ቅጭን ቛረ ፡ መቐሎ ነፍጢ ፡ ቅርሺ ወርቂ ፡ ናይ አራዊት ግዳም ፡ በብዓይነቱ ቈረባብቲ ፡ ፅዓዱ አብዑር ፡ ፅዓዲት አባጊዕ ፡ ፀለምትን ቀያሕትን አፍራስ አበቕል ማል ፡ ፍቕዲ ዘይብሉ በብዓይነቱ ናብ ቤተ መንግስቲ አወፈዩ።

ጸኒሖም ከአ ደድሕሪኦም ደጊያት ማሞ ፈሪሖም ከይርትዑ ፡ ንብሃገራ አዚዞም ዝሔሽን ዝተመርፀን አቕሑ ከነ ማል ከነ ንንጉሥ ዝበቅዕ ተሎ ኢልኩም አምጽኡለይ ኢሎም አዘዙ ።

## ህ ያ ብ ደ ጊ ያ ት ማ ሞ ።

ድሐር ደጊያት ማሞ ንጕንደር ክኸዱ ቆጸርኦም ምስበጽሔ ፡ እቲ ካብ ሃገር ዝርካቡ ዝረኸብዎ ኩሉ ፡ አቑሑን ማልን ከምኡ ከአ ካብ ባሕሪ ዝመጸ በብዓይነቱ ፡ ንንጉሥ ዘሔጕስ አቑሑ ዝሐዛ አጋስስ እተጻዕና ፡ ካብ ፀዓዘጋ ዝጀመረ ቀዳሞተን ዓዲ ባሮ ነበራ ።

እንዳ ቤት ንጉሥ ምስ አተዋ ፡ ደገዝማቲ እቲ ህያቦም ክፈትሑ ጀመሩ ፡ እቲ ቀዳማይ ዘውጽእዎ ግምጃ ጁኽ ነበረ ፡ ብድሕሪኡ ከአ እቲ አዋርቕ ደቂ ሕድርትና አብ ጕዳጕዲ ዝረኸብዎ በብዓይነቱ ፡ ከምኡ አበጀዲድ ፡ ስጋጃ ፡ ስየዳ ፡ ግብረ መርፍእ ፡ ምንጻፋት ፡ አናፍጥ ፡ ሉል ፡ ካብ ከብቲ በብዓይነተን ፀዓዲት ፀለምቲ ቀያሕቲ ፡ አፍራስ ፡ አባቕል ፡ አባጊዕ ፡ አጣል ፡ የእዱግ ፡ አግማል ፡ ፈርጊ ካብ ኩሉ ዓይነት ፡ ናብ ሀፀይ ባከፉ አበርከቱ ።

ሽዑ ንጉሥ ብዙሕ ተሐጕሱ ፡ ደጊያት ማሞ ከአ ኦ ጕይታይ ተሐጕሽኩምለይ ዶ የልዎም ፡ ንሰም ከአ እወ የልዎም ፡ እምበአርከ አነውን ከተሔጕስኒ ይልምነኩም አሎኹ የልዎም ፡ እቲ እትትምነዮ በል የልዎም ፡ ደገዝማቲ ከአ ዓደይ አንበጣ በሊዕዎ እዩ'ሞ ግብረ ንጉሥ ምሕሩለይ ኢሎም ለሚኖም ፡ ግብረ አምሐርዎ ።

ደሐር ግና ድሕሪ ምሳሕ ድሙ ወርቂ ፡ ገበል ወርቂ ፡ እተሰርሔ እንሆ ምሳሕ ንጉሥን እቴጌን ኢሎም አበርከትሎም ። ሽዑ ካብ ህያብ ደጊያት ናይዝጊ ናይ ደጊያት ማሞ ይበልጽ ተባሂሉ ተመስከረሎም ፡ በዚ ህያብ ደጊያት ማሞ ንጉሥ አዚዮም ተገረሙ ።

### ም ዕ ራ ፍ ፫፫ ።

## ኩ ና ት ደ ጊ ያ ት ድ ብ ለ የ ስ ።

አድከመ ምልጋፅ በዚ እዋን እዚ አዝዮም ምስ ደቂ ተሽም ብግዝአት ተሐራሪቖም ነበሩ ፡ ቅድሚዚ ንዱሩይ ፍጋጋ ዝበሃል በዓል ዓዲ ባረ ተኽላ ዝገበርዎ ባእሲ ፡ ብድሕሪኡ ከአ ንባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀከይ በዓል ዓዲ መንጕንቲ ፡ ከምኡ ከአ ምስ አይተ እርዓዶም እተባህሉ በዓል ክሳድ ዓዕሮ ኩይኖም ትንትግ ክልቲኦም ጋንታ ይዋግኡ ነበሩ ።

ሕጂ ግና ብዛዕባ ደጊያት ድብለዩስ ወዲ ወዶም ንአይተ አርዓዶም ፡ ንጓል ተስፋይ ገረብ ካብ መደባይ የእተወ ፡ ካብ ጓል ጓሎም ንሀፀይ መልክ ሰገድ ወይ ከአ ሀፀይ ሠርፀ ድንግል እትውለድ ፡ ንዓእ ከእቱ ከሎ ፴፩ ጕልቲ ነበር እሞ ፡ ግብረ ንደጊያት ማሞ ክልክሎ ፡ ከምኡ ከአ ብፀዓዘጋ ክእዘዝ ውርደት ኩይኑ ተራእዩ ፡ ስለዚ ሐደ እዋን እቲ አብ ፀዓዘጋ ዝነበረ ምቕማጥ ደጊያት ማሞ ግብረ ንጉሥ የእትዉ ኢሉ እንተ ለአኽሉ ፡ ደጊያት ድብለዩስ ከአ ብጀኽ ሀፀይ ቴዎፍሎስ አፅራር ሰገድ ጐይታ የብለይን እሞ ፡ እቲ ግብረ ንጉሥ ብዕለይ እየ ዘእትዎ ኢሉ አበየ ።

እንተኾነ ሀፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ እዮም ሐዋ ንሰበነ ገርግስ ስለ እዚ ወዲ ሐፍቶም እዩ ፡ ደጊያት ማሞ ፡ ንጉሥ ከአ ንሠራዊ ላዕለዋይ ዝኸነ ሽራ ደጊያት ድብለዩስ ነበረ ። አሰላፊ ከአ እቲ ምቕማጥ ደጊያት ማሞ ወረቐት ንጕንደር ለአኽ ።

ደጊያት ማሞ ከአ ካብ ንጉሥ ሐመደ ግዳም ዝኾነ ሠራዊት አብ ሐማሴን መጺኦም አብ ሰፍሐ አብ ማይ ሸምበቡ ጕልጕል ገጠሙ ፡ አዝዩ ብዙሕ አጽዋር ብታሕቲ ታሕቲ ካብ ቱርኩ ምስ ናይብ ተሰማሚዑ አኪቡ ነበረ ፡ ደሐር ግና ንሱ አብ ልዕሊኡ ካብ ዓደምሐራ ማእለያ ዘይብሉ ሠራዊት ከምዚ ከበበ ምስ ፈለጠ ብወርሒ ጥሪ ብዘበነ ዮሐንስ ብ፲፮፻፸፱ ዓመተ ምሕረት ፡ ከምዘሰወ ፈተውቱን ሐገዝቱን አኽቲቱ ሉዑ ጭዋን ዝበን ሠራዊቱን በዚ እዋንዚ አብ ሰፍሐ ፫ተ መዓልትን ፫ተ ለይትን አልቦ ትኹስትር አበሉ ።

ስድራ ደጊያት ድብለዩስ ዑሩይ መዘግብቲ ሕጀም ነቲ ሠራዊት ንጉሥ ዓንተዎ ብተዥሲ እንተ ኾነ ብብዝሒ ፈረስ ጠሐስዎም ፡ መወዳእትኡ ግና ደጊያት ድብለዩስ ምስ ብዙሓት ፈተውቱ ፡ ሰብ ማርዳን ሰብ ግዳይን አብ ለልዕሊ ተነፃፂሮም ሞቱ ። ከምዚሉ ጅግንነት ደጊያት ድብለዩስ በዚ ተፈጸመ ።

ክብኡ እቶም ሠራዊት ንጉሥ ከምዚሎም ዝባን ዝበን ሠራዩ ስጋብ ሰፍሐ ዘሚቶም አልቦ ሀልም አበልዎ ፡ ብድሕሪ እዚ ክሳድ ዓዕሮ ምስ ወደቐት ስጋብ ለይቲ ሎም አይተንሥኤትን ። ክብኡ ተንቓኒቑ ዝነበረ ዓራት ፀዓዘጋ ከም ቀደሙ ንደጊያት ማሞ ቀዋ የለሎም ።

እቶም ሠራዊት ንጉሥ ምስ ሠዓርዎም ንሠራዩ ንደጊያት ማሞ ዓዶም የእትዮም ፡ ነንዓዶም ተመልሱ ፡ እንተኾነ እመቤት ጕርዚት ሰበይቲ ደጊያት ድብለዩስ ጓሎም ንሀፀይ መልክ ሰገድ ፡ ድሕሪ ሞት ሰብአየን ደብረ አቡነ መርቆሬዎስ ብዕለን የሔድሽን ነቲ ቅጽሩ ሰርሐአ ። ከም ዝአ.ት ኩይነን ብዙሕ እዋን ነበራ ፡ ብድሕሪኤን ግና ዓራት ክሳድ ዓዕሮ ናብ ካልእ ሐሰፈት ።

## ሞት ደጊያት ማሞ ናብ ዓደምሐረ ።

ሞት ደገዝማቲ ናብ ሰፈር ንጉሥ ቀሩብ እዋን ሐሚሞም ሞቱ ፡ ንጉሥ ከአ ብነጋሪትን ብሰንደቕ ዓላማን ብዙሕ ዓጀብ ጌሮም ቀበርዎም ፡ ብድሕሪኦም እቶም ንእሽቶ ሐዎም ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት አቢሎም ንተከዘ ምላሽ ክገዝኡ ፡ ምቕማጦም ናብ ዓድዋ ኩይኖም ክገዝኡ ተሸሙ ።

## ዓድዋ ተሰሪሑ ዝኸተመሉ እዋን ።

ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት በዲኦም ካብ ልዕልቲ ሰበነ ጌርጊሽ ጓል ሀፀይ ኢያሱ አዲ ያም ሰገድ እየን ፡ አቡኦም ከአ ደጊያት ገብረክርስቶስ ወዲ ሀብስሉስ ዓባቕ ሐው ደጊ ያት ማሞ እዮም ።

እዛ ዓድዋ እትብሃል መኻን ቀደም አባሐጉኦም ዓዲ እንተትገብራ ኢሎም ተተ ምኒዮምላ ነይሮም ይብሃል ፡ ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት ገረብ ጥሒሶም ከተማ ሰሪሖም አኽቲሞም ምቕማጦም አብአ ገበሩ ፡ አብአ ቤተ ክርስቲያን እንዳ ማርያም ሰርሑ ። ክብቲ እዋን እቲ አትሒዙ ስጋብ ለይቲ ሎም ከተማ ምቕማጥ ዓበይትን ፍሉጥ ዓድን ኰነት ። ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት ናብአ ብዙሕ እዋን ተቐመጡ ።

## ሽፍትነት ብላታ ሚካኤል ስሑል ።

ብዛዕባ ራእሲ ዝሰርሕዎ ሒዶት ዘንታ ክነልዕል ፡ ንሰም ብዙኃት ጕራዙ ናብ ቤት እናምጽኡ ጥራዬን ጌሮም ቤት ዓጽዮም አጥብተን ብኢዶም ዕትዕት እናበሉን እናሳዕ ስውን ይውዕሉ ነበሩ ፡ ሐደ ምዓልቲ ወይ ከአ ክልተ ምዓልቲ ከይኮነስ ትንትግ (ኩሉ ጊዜ) ክምዚ ዝበለ ግዕዝና ነበሮም ።

ብላታ ሚካኤል ግና ብዕሉ የካይዶን ይእዝዘን ነበረ ፡ ደሐር ግና በይነይ አሎኹ እናበሉ ክም ቀደሞም አብ ማእከል እተን ጕራዙ ክስዕስዑ ክለዉ ፡ ብላታ ሚካኤል ከአ ካብ ተምቤን መጺኡ እንተረኤ ፡ ክምቲ ብወረ ዝሰምዖ ዝነበረ አብ ዓይኑ ገጠ መሉ ፡ እዞም ሰብአይሰ ዝቕበሎም ስኢኖም ደአምበር ፡ ነዛ ዓራትስ አይደልዩዋን እንካ እዮም ኢሉ ንምሽፋት ሐሰበ ።

ንሰም ግና ገና አይፈለጠንን እናበሉ ክም ቀደሞም እና ተሐብኡ ይስዕስዑ ነበሩ ፡ ሐደ እዋን ንሐማሴን በጺሔ ክምለስ ኢሎም ተበገሱ ፡ ንሱ ከአ ናብ ዓዲ ሽረፈቶ ምስ በጽሐ ሸፈተ ። እዚ ወረዚ ምስተሰምዔ ክምዚ ኢሎም ግጥሚ ገጠሙሎም ፤

ደርመን ከመይ ኢኻ ደርመን
ክዳዕ ጠላም እያ ዘመን
ሐወይ ኢልካ እኳ ሰብ አይትእመን
ድሙኻ እኳ ተምጽአልካ ተመን ።

## ውግእ ጋሻወርቂ ።

ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት አብ ክሳድ ጋሻወርቂ ፡ ምስቲ ብላታ ናቶም በዓል ተምቤን ብላታ ሚካኤል ስሑል ኲናት ገጢሞም ፡ አብኡ ብላታ ሚካኤል ስዒሩ ንራእሲ ቀተ ሎም ፡ ደሐር ንርእሱ ቀታል ራእሲ ፡ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ተባህለ ፡ ንሀገር አንፈ ጥፈጣ ። ሽዑ ናብ ዓድዋ ኲይኑ ንትግራይ ትግርኝን ንሐማሴንን ሐዘ ።



## ግዝአት ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ።

ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ወዲ ደጊያት ተስፋጼን ፡ ብድሕሪ ሞት ሐወቦኦም አብ ፀጋ ዘጋ ኰይኖም ይገዝኡ ነበሩ ፡ እንተኾነ ንሰም እቲ ናይ አቦታቶም ግዝአትን ሥልጣንን ናብ ኢድ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ነበረ እሞ ፡ ክገጥም እየ ኢሎም ኲናት ምስ ራእሲ ሚካኤል ናብ ዕዳጋ ረቡዕ ተዋግኡ ።

ድሕሪ ሠለስተ መዓልቲ ክህናት መጺኦም ዓረቕዎም ፡ ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ንመረብ ምላሽ ብትሕቲኦም ኰይኖም ክገዝኡ ፡ ራእሲ ግና ብላዕሊ ኰይኖም ንትግራይን ንሐማ ሴንን ክእዝዙ ተዓርቁ ። በዚ እዋን እዚ ከአ ሀፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ ናብ ሐማሴን መጺኦም ንምድሪ ሐበብ ክይዶም አገበርዎ ፡ ዳግማይ ኢያሱ እዮም ዝበሀሉ ፡ ዘበኑ ብ፲፰፻፺፯ ዓመተ ምሕረት ።

## ውግእ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ምስ ናይብ ።

ብዘበን ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ፡ ናይብ ንግዝአት ሐማሴን ደልዩ ናብ ቤት መኻእ ወጺ ፡ ንድብርዋን ንእምኒ ጸሊምን ንተራእምንን ንጉራዕን አቶ ፡ ንሰም ባሕረ ነጋሲ ሰለ ሙን ግና ንራእሲ ሚካኤል ርድኡኒ ኢሎም ለአዀሎም ፡ ራእሲ ከአ ካብ ትግራይ ባዕሎም አኽቲቶም ፍቕዲ ዘየብሉ ሠራዊት ሒዞም ናብ አከለ ጉዛይ ዓድ ናይብ ገጠሙ አብኡ ከአ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ስዓሩ ፡ እታ ድግሳ ግና አጻቢቑ ዓሪዱዋ ሰለ ዝነበረ ዝደፍሩ ተሳኢኑ ዑቕባ ስላሰ ወዲ ሕድሪንኪኤል ዝበሃል ጅግና ፍሉጥ በዓል ጨዓረሽ ናብታ ዕርዲ ድግሳ ድርግም ኢሉ አቶ እሞ ፡ ንቶም አብአ ዝነበሩ ማሪኹ ናብ ራእሲ አበርኪቶም ፡ ራእሲ ከአ ስጋብ ባዕዕ ከምዘሎ ዘሚቶም አጥፍእዎ ፡ ደሐር ግና ራእሲ ምስ ናይብ ዕርቂ ገበሩ እሞ ፡ ብዙሕ እናፍጥን ቅርሺን ምስ ሃቦም አገቢሮም ተመልሱ ።

## ደቂ ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ።

ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ሰበይቶም እመቤት ጕይትን ብዓልቲ ጽልማ ቃቅብዳ ዝብሃል ዓዲ ፡ ጓል ቀሊት ወዲ ፈቶ ፡ ክብኤን ንእይተ ደብረጽዮንን — ንበሕረ ነጋሲ በኹሩን ወለዱ ፡ አይተ ደብረጽዮን ንዓዲ ደብተራ ባሪሉ ዝፈረቶ እዮም ።

እቲ ግዝአት አቡኦም ግና ንባሕረ ነጋሲ በኹሩ ተዋህበ ፡ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ቅድም ብንእሽቶኦም ቀሺ ነበሩ ፡ ደሐር ግና አቡኦም ምስሞቱ ዓራት አቡኦም ሐዙ ፡ ነጋሪት ጸዓኑ ንእዋኑ ደገዝማትነት ረኸቡ ፡ ደሐር ግና ንድብርዋ ምስ ጠቕለሉ ባሕረ ነጋሲ ተባህሉ መረብ ምላሽ ከአ ይገዝኡ ነበሩ ።

## ምዕራፍ ፸፩ ።

### ሠለስተ ደቂ ተሸም ሰብ ሥልጣን ዘርኢ ተኸለታትዮስ ።

አብ ተከለ ዓገብ እንዳ ተኽለታትዮስ ፡ ብትሕቲ ዓዲ ደገዝማቲ ኰይኖም ርኡያትን መኳንንትን ነበሩ ፡ ንሳቶም ብዘበን ደጊያት ገብረ ክርስቶ ኮነ ክምኡ ከአ ብደቂ ደቆም ንምሉእ ዓንሰባን ለጎጭዋን ሐያሎ እዋን ይገዝኡ ነበሩ ።

ተኸለታትዮስ ንባሕረ ነጋሲ ዘኽርስቶስን — ንሰመረኽርስቶስን — ንበረኸትአብን ወለደ፡ በረኸትአብ ደቂ ገለ አብኡ ገለ አብ ማእከል ዓዲ አለዉ፡ ባሕረ ነጋሲ ዘኽርስቶስ ግና ፍሉጥ ከነ፡ ንጓል ጓሎም ንሀፀይ መልክሰገድ፡ ሀፀይ ሠርጸ ድንግል ካብ አቶ እምሀጨን ዝብሃሉ በዓል መራጉዝ፡ ዓቢ ሰብ ነበሩ ካብኦም ትውለድ፡ ካብአ ንአብዝግን — ንኸንቲባ ቡላን — ንብእምነትን — ንአቢብን ወለደ፡ ዘመኑ ፲፯፻፹፰ ዓመተ ምሕረት አቢሉ እዩ ይብሃል ።

ካብኦም ከንቲባ ቡላ ንአቤቶ ወልደጊዮርጊስን — ንባሕረ ነጋሲ ዕቑባትን ወለዱ፡ እዚአቶም ኩሎም ነቲ ግዝአት ዓዲ ደገዝማቲ፡ ብትሕቲኦም ንኹሉ ጠቕሊሎም ሐዝዎ፡ ባሕረ ነጋሲ ዕቑባት ከአ ንባሕረ ነጋሲ ቃበትን — ንአቶ ተስፋጼንን ወለዱ ።

## ውግእ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ምስ ናይብ ።

ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ፅልኦም ጥራይ ምስ ቤተ ሰቦም አይከነን፡ ምስ ናይብ ብዙሕ ተጻልኡ፡ ቀደም ብዙሕ ጉልቲ አቡኦም ንናይብ ሂቦምዎ ዝነበሩ የሕደግዎ፡ በዚ እተላዕለ ናይብ ክዋጋእ ኢሉ ናይ ኩናት ሐለቓ ያሕያ ወዲ ሹቶል በትሩ ዝበሃል ምስ ብዙሕ ሰራዊት ከቲቱ አብ ምድሪ ደቀምሐረ ተጋጠሙ ።

ናብኡ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ሰዓሩ፡ ድሕሪ ቁሩብ እዋን ከአ ካብ ቱርኪ ተሐጊዙ ሰብ ወሲኹ ናብ ክሳድ ዛግር ገጠሙ ። ባሕረ ነጋሲ በኹሩ መሊሾም ከም ቀደሞም ሰዓሩ፡ ከምኡ ከአ ናብ ጥቓ ፀዓዘጋ ሳልሳይ ተዋጊኦም ምስ ሰዓርዎ፡ ብዙሕ እዋን ም'ኺን ምስ አበዮ ዓረፈ ።

## ሞት ሀፀይ እዮአስ ናብ ጐንደር ።

በዚ ዘበን እዚ ብ፲፯፻፷፰ አቢሉ ራእሲ ሚካኤል ስሑል፡ በቲ እዋን እቲ ንምሉእ ኢትዮጵያ ብትሕቲ ንጉሥ እዮም እናተባህለ ንኹሉ ጠቕሊሎም አንፈጥፊጦም ይገዝኡ ነበሩ፡ እቶም በቲ ግዜኦም ብብሐደ ዝገዝኡ ዝነበሩ ንጉሥታት ንሽም ደአሎም እምበር፡ ገባርን ሐዳግን ናይ ሐቂ ገዛኢ ከምዝደለዩ ዝገብሩ፡ ሥልጣን ናብኦም ነበረ እሞ፡ ብገለ ም'ኽንያት ተጻሊኦም እንተ ተሐራረቑ ናብ ባይቶ ዓበይቲ ወሲዶም አፍሪዶም አትሒዞም ብሻሽ አሕኒቖም አቕተልዎም፡ ሽዑ ሰብ ዝኸነ ብሐዳፍኡ ሰምበደ፡ ወዲ ራእሲ ሚካኤል ከአ እዚ ዓገብዚ ምስ ዓገቡ ነቡኡ ከምዚ የሉም ።

ንንጉሥ ዶ አልዒልኩም ትቐትሉ
ቀዳማይ እዝጊ ዶ ከምዚ ጌሩ
ዳሕረዋይ እዝጊ ደአ ተፈጢሩ የሉም ።

ብድሕሪ እዚ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ንምድሪ ሐማሴን ሐያሎ እዋን የዝምትዎ ነበሩ፡ ናብ ሥልጣን ቤተ መንግሥቲ ምስ ሐዙ፡ ግዝአቶም ፱ ዓመት እዩ ።



## ግዝአት ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ፀዓዘጋ ።

ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ወዲ ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን፡ ከም አቡኦም ግዝአት መረብ ምላሽ ነበረ፡ ንሰም ከአ ካብ አቡኦም ዝወረስዎ ደአምበር ካብ ንጉሥ ዘምጽእዎ አይኮነን እሞ፡ እዞም ክልአት መኳንንቲ ሐማሴን፡ እኒ ኸንቲባ ገደደ ሀዘጋ፡ እኒ ዓድ ሀብተልውል፡ እኒ አቶ ተላ ብዘበን ራእሲ ሚካኤል ነቲ ናይ ጥንቲ ስልጣን ፀዓዘጋ ክቃልልዎን ክንዕቁዎን ርእሶም ክልዕሉ ጀመሩ፡ ከምኡ ከአ ካብ ሰብ ፀዓዘጋ ንባሕረ ነጋሲ ክንዕቑዎም ክጸልእዎም ጀመሩ ።

ስለዚ ንሰም ምንም እኳ ካብ ራእሲ ሚካኤል ዕረፍቲ እንተረኸቡ፡ እቶም አናእሽቱ መኳንንቲ ሐማሴን ዕረፍቲ ድቃስ ከልእዎም፡ ብዛዕባ እዚ ከምዚ የሉ፤

ዋንጫ ፃዕዴ ብርለ ደበነ
ወዲ መን ይፅላእ እተሸመ
ወዲ መንከ ይፍቶ ዝደኸመ፡
ኢሎም ገጠሙሎምን ደረሱሎምን ።

ራእሲ ሚካኤል ከአ ባዕሎም ኰነ፡ ብሐሻኽርዎም ኰነ፡ እናልእኹ ንበሐማሴና ስጋብ ቃሕቲ ዘሚቶም አጥፍእዋ፡ ባሕረ ነጋሲ እኳ እምበአር ንመረብ ምላሽ ይገዝኡ ነበሩ፡ ነገር ግን ዘማቶ ብዝመጹሉ መጠን ይሕብኡ ነበሩ ። እቶም ዘማቶ ምስ ለቖቑሎም ናብ መኸኖም ይምለሱ ነበሩ ።

ሐደ እዋን ግዳ ናይ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ሐሸከር ክንፍየ ዝበሃል መጺኡ፡ ነዚ ጐልጐል ክምዘሉ ተኩሸዎ ነበረ እሞ፡ ዝዘመቶ ዘሚቱ ክምለስ ከሉ ደድሕሪኡ ስዒቦም ተዋጊኦም ሰዓርዎ ። ብፍላይ እተን አዜን ፍሉጣት ባዕሎም ራእሲ ሚካኤል ዝዘመቱለን ናብዚ ምድሪ ሐማሴን ክልተ ግዜ እየን ።

## ሐይሊ ከንቲባ ዑቕባንኪኤል ሀዘጋ ።

አብ ሀዘጋ በቲ እዋን እቲ እዞም ከንቲባ ዑቕባንኪኤል ሰልጢኖም ነበሩ፡ ንሰም ከአ ከምኩሉ ሰቦም ናብ ትሕቲ ዓዲ ደገዝማቲ ኰይኖም ይገዝኡ ነበሩ፡ ንኹሉ ንሚናበዘርአይን ንከርንሽምን ብምሉኡ፡ ንሰም ወዲ ተኽለሐርያት ካብ ዓዲ ፍረ ምኽእ እዮም ምላዶም ።

ከንቲባ ተስፋንኪኤል ግና ዓራቶም ተገምጢላ ብዙሕ ደኺሞም ነበሩ፡ ክንድቲ ዝአክል ስልጣን አይነበሮምን እሞ፡ እቶም ዘበናዊ ብዓል ስልጣን ዝነበሩ፡ ከንቲባ ዑቕባንኪኤል ንከንቲባ ተስፋንኪኤል ብዙሕ ይገፍዕዎም ነበሩ፡ ካብኡ እኳ ንእሽቶ ገለ ክንዝክር፡ ሐደ እዋን ጣዕዋ ከንቲባ ገደደ ወዲ ከንቲባ ተስፋንኪኤል፡ ናብ ዑቕባንኪኤል ዘሕረስዎ ግራት አትዩ ተዘርዒ እሞ፡ ከንቲባ ገደደ ከም ግቡእ ስርዓት ደቂ ተሸም ክፈለ ክወስድ ተቐበለኒ እንተበልዎም፡ እንተደለኻ ክልተ ዓቤት አድሪ ከፈልክ ውሰዶ ብዝተረፈ ዕቑብ አይደሊ ስሩዕ አይደሊ ኢሎም አበይዎም ።

ክንቲባ ገደደ ከአ ደሐን ኢሎም ክይተማጐቱ ትም ኢሎም ሕራይ ኢሎም ክልተ ዓቤት አድሪ ከፊሎም ጣዕውኦም ወሰዱ ፡ እምበአር ንሰም እኳ ካብ ክንቲባ ተስፋንኪ. ኤል ክንሶም ናብኦም ክዳነዩ አይግብኦምን ኔሩ ።

ብድሕሪ እዚ ክንቲባ ዑቕባንኪኤል ክዘምቱ ኢሎም ንባሕሪ ወረዱ ፡ አብኡ ሰብ ጽንዓ ደግለ አድቢዮም ጸኒሖም አብ ሐፍሎት ቀተልዎም ። መይቶም ምስ ተባህሉ ደቂ ክንቲባ ተስፋንኪኤል አብ ክንዲ ዝሕጐሱ ብዙሕ ጕሃዩ እሞ ፡ ሕነ ወዲ. ሐወቦኦም ንኽፈል ኢሎም ፡ ክንቲባ ገደደን — ክንቲባ ሕድሪትን — ክንቲባ ጊላስሉስን ከቲቶም አጽዋሮም ሒዞም ናብ ጸንዓደግለ ከይዶም ሕነ ከፊሎም ንዓዶም ተመልሱ።

ክንቲባ ገደደ ካብ ጸንዓደግለ ብዕንጨይቲ መስቀል ጌሮም አምጺኦም ፡ ናብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ተኽልዎ ስጋብ ሕጂ'ውን ናብ ደገሰላም ሀዘጋ አሎ ። ካብኡ ንነጀው. እዚ ክምዚ ዝአመሰለ ሀብቲ ካብ ዓዲ ክንቲባ ዑቕባንኪኤል ዘምበለ ፡ ስልጣኖም ዝሕ ተለ ፡ እዚ ኹሉ ተአኪቡ ናብ ዓዲ ክንቲባ ገደደ ኰነ ።

## ለበዋ ክንቲባ ገደደ ።

ክንቲባ ገደደ ነ፬ተ ወለዱ ፡ ንክንቲባይን — ንክንቲባ ቀለተን — ንክንቲባ ሂለ ኽስቶስን — ንባሕረ ነጋሲ. ገብራትን እተባህሉ ወለዱ ፡ ካብኦም ክንቲባ ቀለተ ብጉብዝንኦም ክለው. ናብ ራእሲ. ሚካኤል ስሑል ትኽትልንት እተው. እሞ ፡ ናብ ብዙሕ ኲናት ውዓሉ ከአ ፡ በቲ ሞይኦም ካብ ራእሲ. ሚካኤል ስሑል ክንቲብንት ወሲዶም ንዓዶም ምስ እተው. ፡ አቡኦም መኒኖም ንዓዶም ሐዲንም ንቢዘን ክይዶም ተቐመጡ እሞ ፡ አብ ገብረ ሥላሰ ተባህሉ ።

ድሕሪ ቁሩብ እዋን እቶም ዝተረፉ ክልአት ደቆም ፡ ካብ ዓደምሐራ ሽመት ክነም ጽእ ኢሎም ምስ ሐሰቡ ፡ ሽው አቡኦም ክምዚ የልዎም ፡ ደቀይ ኩሉኹም ክንቲባ ቃት አይትኹኑ ፡ ገሌኹም ባሕረ ነጋሲ. ደአ ኩኑ ኢሎም ተላበውዎም ፡ ደሐር ንሳቶም ከም ለበዋ አቡኦም እቶም ሳልሳዮም ባሕረ ነጋሲ. ኰኑ ።

## ሐይሊ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ።

ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ሐደ ርጉም ፡ ብዙሕ ክፉእ ገዛኢ. ነበሩ ፡ ከም ሐይሎም እም በር ከም ፍቓድ ዓዶም ዘይገብሩ ነበሩ ፡ ተኻአለኒ ኢሎም ንምድሪ የሕዋቶም ብሐይሎም ናብ መቑሕ ይልብድዎም ነበሩ ፡ ክብዚ ዘበን እትሒዞም ፡ ደቂ አምሀን ደቂ አቢ ብን ካብ ላዕላይ ተከለ እዚ ምድርና ክይጠፍአና ኢሎም አብዚ ሕጂ ዘለውዎ ወረዱ ፡ ሐያሎ ካብ ደቂ ተከለ ከአ ናብ ሀዘጋ ፡ ናብ ክንቲባ ቀለተ ክይዶም ተማፅቖ ።

በዚ ዘበን እዚ አርባዕተ ደቂ ደባስ ካብ ኩትም አውልዕ አሐዋቶም ሰደድዎም እሞ ሀዲሞም አብ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ አተዉ. ፡ ዕቑብኹም የልዎም ፡ ንሰም ድማ ምስ



ፀዓዘጋ ክንድቲ ብዙሕ ፍቕሪ ስለ ዘይነበሮም ፡ ንደቂ ደባስ ብጽዑቕ ተቐቢሎም አዘዝትን ናዘዝትን ጌሮም ፡ ነታ ሐፍቲ ደባስ ንክፍለ አመርዓውዎ ። ንሱ ምስአቶ ናብ ፀዓዘጋ ስዓበ ፡ እቶም ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ፍቕሪ ምስፈለምዎ ስጋብ እቶም ብድሕሪኦም ዝገዝኡ ዝነበሩ ኩሎም አይጸልእዎምን ፡ እዚአቶም ጕይቶት እዮም ።

## ምዕራፍ ፲፩ ።

### ውግእ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ምስ ዓዲ ቢ.ኢ.ዳት ።

ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ቀድሚኡ ምስ ደቂ ሐወቦኦም እኒ ዓዲ ክንቲባ ቢ.ኢ.ደት ሰብ ደቂ ጽንዓ ካብ ዘርኢ. ደጊያት ሀብስሉስ ዓበቕ ፡ እኒ ባሕረ ነጋሲ. ክፍለ ወዲ ባሕረ ነጋሲ. ተኽሊት በዓል ዓዲ ተኽላይ ፡ ምስ ሐያሎ ክልአት ውግእ ነበሮም ፡ ንሳቶም ከአ እቲ ግዝአት ዓዲ ደገዝማቲ ክምለሰልና እናበሉ ሐደ እዋን ፡ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ግብሪ ንጉሥ ክእትው. ናብ መንሳዕ ወረዱ ።

ደቂ ቢ.ኢ.ዳት ምርሐቕም ምስ ረአዩ ነቶም ሐሽከሮም ናብ ዑና ኹሕሎ ደቂሾም ነበሩ እሞ ፡ ሐደጋ ወዲቕም አጥፍእዎም ፡ በዚ ዝአክል ዑና ኹሑሎ ስጋብ ለይቲ ሎሚ ዑና ኽነት ፡ ደቂ ፀዓዘጋ ከአ ምስቲ ደብሪ ኰይኖም ብአውያት መጺኦም ናብኡ ተሳዕሩ ።

ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ እዚ ወረዚ. ምስ ሰምዑ በአ በአ ተቐላጢፎም ወጹ እሞ ፡ ሰቦም ሒዞም ገጠሙ ፡ አብኡ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ሰዓሩ ፡ ዓዲ ቢ.ኢ.ዳት ከአ ሃዲሞም ንሠራዬ ናብ ዓዲ ጕሮቶ ዝብሃል አተው. ፡ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ከአ ስዒሮም ንዓዶም አተው.።

እንዳ ባሕረ ነጋሲ. ተስፋገርጊሽ በዓል አማድር ጽልማ ፡ ንሰም ሻራ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ነበሩ ፡ ስለዚ ዓዲ ቢ.ኢ.ዳት ከአ ንክንቲባ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ዝረኸቡ መሰል ዎም ንማድር ወደቕዎም ፡ አውያት ከአ ንፀዓዘጋ ሰደዱሎም እሞ ፡ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ከአ ንዑናይ ሐግዞና እንተበልዎም ፡ ደቂ ፀዓዘጋ ከአ ንሕና ናብ ዓድናን ናብ ምድርናን ዝመጻና እዝጊ ዘውዓለና ንውዕል ብዝተረፈስ ናብ ዓዶምን ናብ ምድሮምን ኬድና አይንዋጋእን ኢሎም ብፀዓዘግኦም አበይዎም ።

ሽው ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ዝሐዙ ሒዞም ዝርካቦም ከይዶም አብ ዕዳጋ ድሕና ምስ ዓዲ ብኢ.ዳት ውግእ ገጠሙ ፡ ናብኡ ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ተሳዒሮም ተታሕዙ ፡ አሲ. ሮም ንደቂ ጽንዓ ወሲዶም አብ ውሻጠ አቐሚጦም ፈውሲ. አስተይዎም እሞ አይሞቱን ደሐኑ ፡ ደሐር ግና አሲሮም ንጐንደር ወሲዶም ናብ ንጉሥ አበርከትዎም ፡ ንጉሥ ከአ ንሐውካዶ ክምዚ ይግበር ኢሎም ፡ ድሕሪ ዓመት ዓሪቖም ንዓዶም ሰደድዎም'ሞ ፡ ክምቀደሞም ናብ ሽመቶም መለስዎም ።

### ቀዳማይ ዘመተ ራእሲ. ሚካኤል ስሑል ።

ባሕረ ነጋሲ. በኹሩ ግዝአቶም ክጅምሩ ከለዉ. ፡ ራሕሲ. ሚካኤል ስሑል ባዕሎም ሰብ በሐደአፉ ዝስክሐሉ ሰራዊት ሒዞም ሩርን ፋሩርን ክምዝብሃል ካብ ብዝሒ ሕዝቢ. እትላዕለ ካብ አፈልፀ አከለጉዛይ ዝሐዙ ምስ ገጠሙ ስጋብ አፈልበ ዓረዘ ፡ ክንዲ ሑፃ

ባሕሪ ዝኾኑ ሠራዊት ሒዞም በዚ ተላዕለ ዛግራን ቖቓሕን ዓገዜዩን ስቕ ኢላ ትታሕ ዘት ፡ ፈተውራሪኦም ኢራ ሰረሩ እቲ ግምጃንካን ናይ ራእሲ ሚካኤል ከአ ናብ ጉል ጽልማ ተኺሉ ዝበዝሕ ናይቶም ዓበይቲ ከአ ናብ አረጊት ድባርዋ ነበሩ ዝተረፉ ክንዲሐመድ ዝኾኑ ደገዝማትታት ተማቒሎም ንብሐማሴና ስጋብ ወሰን ስናር ብዓብ ራብ ገጾም ዘመትዎን አጥፍእዎን ።

በቲ እዋን እቲ ወዲ ሕድረንኪኤል ዝዋንኦም ምስ ሐያሎ ፈተውቱ መራሕ መገዲ ኰይኑ ሀገር የዝዎት ነበረ ፡ ብድሕርዚ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ንሀገረ ሐማሴን ስጋብ ቆኰር ጠቕሊሎም ምስ ሐዝዎ ፡ ንወዲ ሕድረንኪኤል መገዲ አብ ክንዲ ዝመርሐ ሽመት ወይ ገንዘብ ዝደለኻዮ ተተዎነ የልዎ ፡ ንሱ ከአ ጐይታይ ሽመት አበይ ክትመልሱለይ የሎም ፡ ንሰም ድማ ሽመት ዓዱ ሂበም ንዓዶም ተበገሱ ። ንወዲ ሕድረንኪኤል ከምዚ ኢሎም ሐለይሉ ፤

ወዲ ሕድሪንኪኤል ስኒፀባ ጤለ
ከመዓልካ ይብላኻ አዋልድ ደንገለ
አብ ርሒብ ዘማቲ አብ ፀቢብ ዓጋቲ
ከመዓልካ ይብላኻ ናይ ዓደቦኻ አንስቲ ።

ሰብ ሐማሴን ከአ ስሑል መጺ ምስ ሰምዑ ፍቕዳ በረኻአም ፋሕ ኢሎም ሃደሙ ፡ በቲ እዋን እቲ ክንቲባ ቀለተ ወዲ ክንቲባ ገደደ ፡ ሀዘጋ ምስ ጐይትኦም ምስ ራእሲ ሚካኤል መጺ ፡ ንሰም ከአ ንባሕረ ነጋሲ መራሕ መገዲ ክኾንዎም መጹ ፡ ክንቲባ ከአ አብ ዓይኒ ራእሲ ምርኡይ ነበሩ እሞ ፡ ኳል ራእሲ ሚካኤል የእትዮም ንሚናበ ዘርአይ ንኹሎም ደቂ አዳም ክብ ወረራ አድሐንዎም ።

አብ ባሕሪ ምስ ወረዱ በቲ ብዝሒ ሠራዊትን ፈረሰኛን ኩሉ ሰራዊተይ ንማይ ባሕሪ ጮንጊዑ ክውድኦ ይኽእል እዩ ኢሎም ፈከሩ እሞ ፡ በዚ እትላዕለ ጓሎም ከም ‘ዚላ ገጠመትሎም ።

ሥድራ ቤትካ ደአ ከይጉዳእ
ሠራዊትካ ደአ ከይውዳእ
ቀላይ ባጽዕ ዶ ቀዲሕካ ይውዳእ ፡ የለቶም ።

ብድሕሪዚ አብ ገምገም ክርነሽም ኰይኖም ብመነፀር ጌሮም ንባሕሪ ገጾም ራአዩ ፡ ሽው ንክንቲባ ገደደ ንኺድ ዶ ንባሕሪ ክንዘምቶ የልዎም ፡ ሽው ሥድራ ክንቲባ እብኡ ስለ ዝነበሩ ጐይታይ ሠራዊት ክነጥሚ ፡ እቲ ንጸልዎ ግብሪ አገቢርና አሎና ንዓደም ሐራና ደአ ንመለስ የልዎም ፡ ንሰም ከአ ሐቅኻ ኢኻ ነጋሪት መልስ ኢሎም ንዓደም ተበገሱ ። ከምዚ ገሮም ክንቲባ ቀለተ በዓል ሀዘጋ ንዓደቡአም ክብ ዘመተ ንኹሎም ሚናበ ዘርአይ አድሐንዎም ።

## ራእሲ ሚካኤል ንባሕረ ነጋሲ በኸሩ አሰርዎም ።

ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ከአ ብማዕዶ ፈረሐም ካብ ፀዓዘጋ ሃዲሞም ነበሩ ፡ ናብ ሰፍአ ባምብቆ ዝብሃል ዓዲ እንዳ ሐትንኦም በእ በእ ክይቀንዩ ንበረኻ ውሻጠ ዝብሃል ወረዱ ።



ካብ ተኸላ ሰራዩ ከአ እኒ ተኸሉ ሐባል ክምኡ ድማ ብዙሐት መኳንንቲ ናብ ራእሲ ሚካኤል አተዉ ፡ ካብ ፀዓዘጋ ከአ እኒ ባሕረ ነጋሲ ዝወልዲ ወዲ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ናብ ራእሲ አቲዮም ሽመት ተከለ ዓገብ ደልዮም ደገ ይጸንዑ ነበሩ ።

እዚ ወረ እዚ ምስ ሰምዑ ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ክብቲ ዝነበርዎ በረኻ ተላዒሎም ናብ ራእሲ ሚካኤል አተዉ ። ሽው እቶም ጸላእቶም ዓዲ ቢኢዳት ናብ ራእሲ ሚካ ኤል ስሑል ንባሕሪ ነጋሲ በኸሩ ክሰስዎም ፡ በዚ ምኽንያትዚ ራእሲ ሐዘ ኢሎም አሰርዎም ፡ ድሕር ግና ፈትሕዎም ፡ ተፈቲሖም ግና ምስ ራእሲ አብ ቤት መንግሥቲ ሸውዓተ ዓመት ምስኦም ተቐመጡ ።

እቲ ሽመት ተከለ ዓገብ ንባሕረ ነጋሲ ዝወልዲ ንኹሉ ምሉእ ሐማሴን ሸምዎም ፡ ንሰም ምስ ሞቱ ግና ዓሬት ናብ አቶ ገብረ ክርስቶስ ወዲ ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ብፍቓድ ራእሲ ሐለፈት ፡ ናብ ፀዓዘጋ ኰይናም ድማ ገዝኡ ።

ካብ ሰብ ሀዘጋ ከአ በዚ ዘበን እዚ ሰብአይ ጓሎም ንራእሲ ሚካኤል ክንቲባ ቀለተ ንሐማሴን ሰለስተ ዓመት ገዝኡ ይብልዎም ፡ ክልአት ዘንታ ጸሐፍቲ ግና አይፋል ንመ ረብ ምላሽ ድአሎም ጠቕሊሎም ዝገዝኡ ዝብሉ ይርከቡ ፡ ገለ ከአ ምኽንያው ቆሎ ምላሽ ደአሉ ይብሉ ። ዝኾነ ይኹን ሽመት ሀዘጋ ካብ ክንቲባ ቀለተ ጀሚሩ እዩ ዝተላዕለ ።

## ባሕሪ ነጋሲ በኸሩ ተመልሱ ።

ብድሕሪ ሸውዓተ ዓመት ንጉሥ ምስ ራእሲ ሚካኤል ብገለ ነገር ምስ ተሐረረቑ ፡ ባህ ክይብሎም ንራእሲ ኢሎም ሽመት ምኽንያው ቆሎ ምላሽ ንባሕረ ነጋሲ በኸሩ መለሱሎም ፡ ዓዶም አትዮም ተቐመጡ ፡ ራእሲ ሚካኤል’ውን ንባሕረ ነጋሲ በኸሩ ተዓረቕዎም ፡ ብሰላም ከአ ስጋብ ብዙሕ እዋን ተቐመጡ ፡ እንተኾነ አይሰኩሑን ።

## ምዕራፍ ፴፯ ።

## ወለዶ ደቂ ሽሐይ ።

ደቂ ሽሐይ ክምቲ አብ ቀድም አብ ወለዶ ምልጋእ ተጠቒሱ ዘሎ ፡ ምልጋእ ንጋን ዛይዝጊ ወለደ ፡ ጋንዛይዝጊ ንቶምበሰ ወለደ ፡ ቶምበሰ ንጋንዛይ ምራራ ወለደ ፡ ጋንዛይ ምራራ ንተፋደ ወለደ ፡ ተፋደ ንተስፋው ወለደ ፡ ተስፋው ንዳግማዊ ተፋደ ወለደ ፡ ዳግማዊ ተፋደ ንሽሐይ ወለደ ፡ ሽሐይ ፩ተ ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ፡ ፩ይ ንብዙሕ ሐደርን — ፪ይ ንሺሓቕን — ፫ይ ንፍርያን — ፬ይ ንብርሃኑን ከምዚሎም ፩ተ ደቂ ሽሐይ ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

ካብዚኦም እቲ ራብዓይ በኸሪ ቤት ብዙሕ ሐደር እተባህለ ንሱ ፩ይ ንመንክሳይን — ፪ይ ንጽጊትን ንፀተ ወለደ ፡ ካብዚኦም መንክሳይ ዝፈረዮም አብ ማእከል ክብዲ ዓዲ ደቂ ሽሐይ አለዉ ፤ ጽጊት ዝፈረዮም ከአ ገሊኦም አብ ብሴን አለዉ ፤ ገሊኦም ከአ አብ ማእከል ደቂ ሽሐይ ምስ ደቂ ሐወቡአም አለዉ ።

... ዘሐይ ኣለዉ፡ ምስ ደቂ ሐወቡኦም ተሐዊሾም ገዛ ሽሓቑ ይበሃሉ ።

፫ይ ፍርያ ከአ ፩ይ ንሰረቀ — ፪ይ ንሰመረ — ፫ይ ንሐንገለን — ፬ይ ንደሞታይን ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ፍርያይ ይበሃሉ፡ ካብዚኦ ሰረቀ ንተኽሎም ወለደ፡ ተኽሎም ከአ ንሐሰማ ወለደ፡ ሐሰማ ከአ ፩ይ ንሕድሪትን — ፪ይ ነውዓሎምን ወለደ፡ ክልቲኦም የሕዋት ደቂ ሐሰማ ዝፈረይዎም አብ ከብዲ ዓዲ አለዉ ።

፪ይ ሰመረ ከአ ንተስፉላሰ ወለደ፡ ተስፉላሰ ከአ ዝፈረዮም አብ ደቂ ሽሐይ አለዉ ።

፫ይ ሐንገላይ ዝፈረዮም አብ ማእከል ደቂ ሽሐይ አለዉ ።

፬ይ ደሞታይ ዝፈረዮም ደቂ ተባዕትዮ የብሉን፡ አዋልድ እየን ።

## ዘ ር ኢ ብ ር ሃ ኑ ።

ብርሃኑ ዝፈረዮም ከምዘለዉ አስላም ዓናግር እዮም፡ ደቂ ብርሃኑ ይበሃሉ፡ አብ ዘለዉ ኢሊዮም አቦታት ምልአ ።

ምልጋን አድከመን ማናቱ የሕዋት እዮም፡ አቡኦም ከአ አካለጽዮን ይብሃል ነበረ አካለጽዮን ወዲ አስተናአድ፡ አስተናአድ ከአ ወዲ ሰብ ከም ዓንቋ፡ ሰብ ከም ዓንቋ ወዲ እልፊ ድም፡ እልፊ ድም ከአ ወዲ ሰርቢ ድም፡ ሰርቢ ድም ከአ ወዲ ጅርገደላ፡ ጅርገደላ ከአ ወዲ አንበሳጅር፡ አንበሳጅር ከአ ወዲ መራሪ ገብረ ማርያም፡ መራሪ ገብረ ማርያም ከአ ወዲ ሀፀይ ይትብረክ፡ ሀፀይ ይትብረክ ከአ ወዲ ሀፀይ ላሊበላ፡ ሀፀይ ላሊበላ ከአ ወዲ ቀዳማይ መራሪ ገብረ ማርያም፡ ቀዳማይ ገብረ ማርያም ከአ ወዲ ጃንሥዩም (ዛን)፡ ጃን ሥዩም ከአ ወዲ መራሪ ተኽለ ሃይማኖት፡ መራሪ ተኽለ ሃይማኖት ከአ ወዲ መራ ገብረክርቶስ፡ መራ ገብረክርቶስ ከአ ወዲ አቤቶ ታዴዎስ፡ አቤቶ ታዴዎስ ከአ ወዲ አቤቶ ፊሊጶስ፡ አቤቶ ፊሊጶስ ከአ ወዲ አቤቶ ወልደ ጊዮርጊስ፡ አቤቶ ወልደጊዮርጊስ ከአ ወዲ ይትራሃም፡ ይትራሃም ከአ ወዲ ቀለምሲን እዩ ።

ካብዚ ንላዕሊ ዘሎ ስጋብ ንጉሠ ዳዊት ንጉሥ እስራኤል ብቓል ጌሮም ይቖርሕዎም፡ አብ ጥንታዊ መጻሕፍቲ ሽማቶም በብሐደ ዝፈሊ ካብ ቀለምሲን ንላዕሊ አይረኽብናን፤ ስለዚ እዚ አብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና ወለዶ፡ ምስ ናይ ዓበይቲ ላስታን ምስቶም ደረስትን እተሰማምዔ እዩ ።

## ወ ለ ዶ ደ ቂ ታ ር ቀ ።

እዞም አብዚ ምድሪዚ ዝርከቡ ደቂ ታርቀ በቲ ቀዳማይ ዘርአም ካብ ነገደ ይሁዳ ካብ አዱል ወዲ ይትርሃም ወዲ ዳዊት ንጉሥ እዮም ምስ ደቂ አንበሣ ጅርን ደቂ ጅራተ ቀጭንን እዮም ቍጽሮም ሕጅ ግና አቦታቶም ካብዚ ንታህቲ ንገልጽ አሎና ።

ታርቀ ወዲ ሕብቶይ፡ ሕብቶይ ወዲ ሊበዮ፡ ሊበዮ ወዲ ርእየ ፍፁም፡ ርእየ ፍፁም፡ ወዲ አብርሃም ቀሲስ፡ አብርሃም ቀሲስ ከዓ ወዲ ቀዳማይ ሐርበይ፡ ቀዳማይ ሐርበይ ወዲ ጃን ሥዩም እዩ፡ ጃን ሥዩም ከዓ ወዲ መራ ተክለ ሃይማኖት እዩ፡ ካብኡ ንላዕሊ ዘሎ አብዚ መጽሐፍ'ዚ አብ ቅድም ተጠቒሱሎ ።



ታርቀ ፈለማ ምስ የሐዋቱ አብ ... 
አብዛ ሕጅ ሐልሐለ ትበሀል ስፍራ አብታ ጥቕአ ዘለዋ ዑናታት አብአ ቤተ ክርስቲያን እንዳ ሚኪኤል ነበረት አብታ ጥቓ ቤተ ክርስቲያን ካቶሊክ ዘላ ሕጂ፡ ከምኡ ከዓ አብ ገበ ዓዲ መጉስ ከዓ አብ ላዕሊ ስጋብ ሕጅ ዑናታት ዘሎ አብኡ ሐደ ቤተ ክርስቲያን ነበርም ካብኡ ሰበምን ማሎምን ካህናቶምን ንኩሉ ታቦታቶም አኪቦም ንምድሪ ሐልሐለ በጐስ ወሪዶም ተቀመጡ ቅድም አብ ጐልጐል ሐልሐለን ዓዲ በጐስ ጥቓ ጣላን ምቅማጦም ስለ ዝነበረ፡ በዚ ምክንያት'ዚ እቲ ሽም ናብቲ ጉዓዞም ዝአተወሉ ዓዲ በቲ ናይ ፈለማ ዝነበርዎ ሐልሐለ በጐስ ኢሎም ሰመይዎ ይበሀል ።

ክኽዱ ከለዉ ዝወሰድዎ ፩ ሚካኤል — ፪ ገርጊስ — ፫ ስላሴ — ፬ ዓርባእቱ እንስሳ ፭ ማርያም ከምዚ ጌሮም ፭ ታቦታቶምን ካህናቶምን ሐጆም አተዉ ካብዚኦም ታቦት ሚኪኤል አብ ማእኸል ከረን ተኽሉ ታቦት ማርያም ናብ ደብረ ሲና ታቦተ ስላሴ ናብ ደብረ ፃዕዳ እምበ ተክሉ ፬ተ እንስሳ ከዓ ናብ ጉሽ ዓንሰባ ሰርሑ፡ ታቦተ ጊዮርጊስ አብ መጋርሕን ሽርክን አሎ እሞ አቦታቶም ቀደም ፀላእቲ ክልዓልዎም ከለዉ ታቦተ ጊዮርጊስ ሕጀም ኩናት ገጢሞም ንፀላእቶም አልቦ ሐመድ አልሐስዎም ይበሀል ።

ደቂ ታርቀ ዘለውዎ ዓድታት አብ ሐሙሽተ ተመዲቡ ይጽዋዕ ። ፩ ዓዲ ዒደክል ፪ ዓዲ ዘማት — ፫ ዓድ ሐደምበስ — ፬ ዓዲ ገብሩ ሠለሙን — ፭ ዓዲ ገብሩ እስገዶም ከምዚሎም ፭ መደብ ሹም ታርቂ ይብሀሉ፡ በሐደ ምኒኔ ናይ ገዛእ ርእሶም ዘለዎም ስጋብ አርብዓ ሽሕ ዝግመት ሕዝቢ ቢሌን አለዉ፡ ከምኡ ከዓ ካብአቶም ዝወፁ ካብ ክልእ ዓድታት ፋሕ ዝበሉ አለውዎም ቋንቓአምን ባህሊ አቦታቶም ከይሐደጉ ስጋብ ሎሚ በቲ ናይ ፍላይ ገዛእ ርእሶም ቋንቋ ይጥቀምሉ አለዉ ።

እቶም ዝተረፉ አብ ላስታ ዘለዉ ካብ ዓሌት መራ ተክለ ሃይማኖት ዘለዎም ኮነ ወይም እቶም ዓሌቶም ኮነ አብቲ አውራጃ ላስታ ዝርከቡ ብጃንቓ አገው ስጋብ ሎሚ ይዛረቡ እቶም ከልአት የሕዋቶም ከምኦም በቢ እዋኑ ካብ ዓዶም ዝወፁ ከምኒ አድከመ ምልጋእ ከምኒ ደቂ ወረደ ምሐረት ከምኒ ሊባን ኩሎም እቲ ናይ ፍላይ ቛንቛኦም ዘረበ አገው ወይ ከአ ብሌን አጥፊኦም ኩላቶም ብትግርኛ እዮም ዝዛረቡ እቶም ዝበዝሑ የሕዋቶም አብ አውራጃ ላስታን አብ አውራጃ ሰቆጣን፤ ተዘርጊሖም ዘለዉ ሕዝቢ ስጋብ ሎም ከምቲ አብ ላዕሊ ዝበልናዮ ናይ ገዛእ ርእሶም ብፍሉይ ቛንቋ አገዉኛ ሒዞም አለዉ ።

## ደ ቂ ታ ር ቀ ።

ታርቀ ዝፈረዮም ደቁ ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ፩ ንለመጨሊን — ፪ ንሐዳን ፫ ንብገዳይን — ፬ ንሳቲፍን — ፭ ንገብሩን — ፮ ንደብሩን ከምዚሎም ፮ ደቂ ታርቀ እዮም ዝበሀሉ ።

ካብዚኦም ለመጨሊ፡ ፩ ንአዲግን — ፪ ንከፈላን — ፫ ንአድከማን ወለደ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ምሉእ ብሌን ደቂ ለመጨሊ ተባሂሎም ብሐበራ ይጽውዑ አለዉ።

ደቂ ሐዳ ወዲ ታርቀ፡ ፩ ንሣዕሪ እምባን — ፪ ንእፍርሆምን — ፫ ንተስፋኤን ፬ ንዕቁብኤን — ፭ ንብርሃን ወለደ፡ ከምዚሎም ደቂ ሐዳ እዮም ዝበሀሉ።

ደቂ ብንዳይ፡ ንእቶኹምን ንዓንደ ሃይማኖትን ንፍካክን ወለደ፡ ካብዚኦም ፍካክ ንሠመራን ንዕቐብጽዮን ንሐብተጽዮንን ወለደ፡ ካብዚኦም ከዓ ሠመራ ንዓንደ ሥላሰን ንሕነሹምን ንኺ.ርተማን ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም ዓብ ዓዝማት ምሉእ በርከት አለዉ።

ደቂ ገብሩ ወዲ ታርቀ፡ ገብሩ ንሰለሙን ንስጉዶም ንመን ገዳይን ከምዚሎም ፫ ደቂ ገብሩ ይበሀሉ።

ካብዚኦም ሰለሙን፡ ንዛይድ ወለደ፡ ዛይድ ከዓ ንዳግማዊ ሠለሙን ወለደ፡ ዳግማዊ ሰለሙን ከዓ ንዳግማዊ ዛይድን ንግርማይን ወለደ፡ ካብዚኦም ዛይድ ንሐርበይን ንእፍደዩምን ንበሐይላይን ወለደ።

ደቂ ግርማይ፡ ግርማይ ንረጢ ወለደ፡ ረጢ ዝፈረዮም ከዓ ምስ ኩሎም ደቂ ሐ● ቡኦም ብሐደሽም ደቂ ገብሩ ተበሂሎም ብገዝኦም ይጽውዑ።

ደቂ እስጉዶም፡ ንገብራይን - ንሕድሪንኪ.ኤልን - ንፍሬን ንግምላልዑን ወለደ፡ ካብዚኦም ግምላልዑል ንጉጉይን - ንዓበይን ወለደ፡ ካብዚኦም ጉጉይ ንዘርኢትን - ንኖርን ንዕሬትን ወለደ ዓበይ ወዲ ግምላልዑል ንኽፍል ማርያም ወለደ፡ ክፍል ማርያም ከዓ ንአቢብን - ንሠመረ ልዑልን - ንደብረጼንን ወለደ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም ደቂ ገብሩ ወዲ ታርቀ ይበሀሉ።

ደቂ ማቲፍ ወዲ ታርቀ፡ ማቲፍ ዝብሀል ዝነበረ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ። ደቂ ደብሩ ወዲ ታርቀ ዝፈረዮም አብ እግርባ ምሉእ ወዲ በርከት አለዉ። ደቂ ሣዕሪ እምባ ወዲ ታርቀ፡ ንሱ ንሠመራ ወለደ፡ ሠመራ ዝፈረዮም አብ በጉ ዝበሀል ወረዳ አለዉ።

ደቂ ሐዳ ወዲ ታርቀ፡ ንሱ ሐዳ ንእፍርሆምን - ንመሐርን - ንእቶኹምን - ንሕነሹምን ንጋሞይን ወለደ፡ ካብዚኦም ምሐሪ ንሕያቡን ነርዓዶምን ወለደ፡ ካብዚኦም ዓርዓዶም ንሕብቶይ ወለደ፡ ሕብቶይ ከዓ ንዕቑብ ክርስቶስን ንዕቑቤሰን ወለደ፡ ካብዚአቶም ከዓ እቲ ሐደ ዕቑብ ክርስቶስ ንሐይሊ.ንኪ.ኤልን ንዓንድኪ.ኤልን ወለደ፡ ካብዚአቶም ዓንድ ኪ.ኤል ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ፡ ሐይሊ.ንኪ.ኤል ግና ነርዓዶም ወለደ እርዓዶም ከዓ ንዒደክልን ንዘማትን ን፪ ወለደ እዚአቶም ፪ቲኦም የሕዋት ዝፈረይዎም እዚዮም ብዙሐት እዮም ናብ ክልተ ክፍሊ ሐገር ተከፊሎም በብ ሽም አቡኦም ኢ.ደክልን አብ ዘማትን ተበሂሎም ይጽውዑ አለዉ። እቲ ሳልሣይ ሐዎም አይረከበ ዝበሀል ንእሽቶ ሐዎም ንበዓል አብዘማት ንሱ ገና በጽሐ ከሎ ስለ ዝሞተ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ።

ደቂ ዕቁበየስ፡ ወዲ ሀብቶይ ንማልክን - ንባሐይላይን - ንመሐሪን ን፫ ወለደ፡ ካብዚ.ኦም ማልክ - ንሐደምበስን - ንእቶ አምበሰን - ንእድከመን ወለደ፡ ካብዚአቶም ብሐይላይ ወዲ ዕቁበየስ ንዘምኪ.ኤልን - ንገቢ.ልን - ንዓይርን ወለደ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ዘለዉ አልዮም በሐደሽም በቲ ቀንዲ መፀዋዕኦም ቤት ሐደምበስ ተበሂሎም ይጽውዑ።



ደቂ መሐሪ፡ መሐሪ ንዮሃንስ ወለደ ዮሃንስ ዝፈረዮም ድማ ምስ ደቂ ሐደምበስ አለዉ። ዘርኢ ተሽም፡ ተሽም ንፈዛዕን ንስምዖንን ነሰክሕን ንሣሙኤልን ንእይሰክሕን ወለደ፡ ከምዚሎም ደቂ ተሽም ይበሃሉ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ዓድ ዘማት አለዉ።

ዘርኢ ሕነሽም፡ ሕነሽም ነፍርሐም ወለደ እፍርሐም ንጉድሎም ወለደ፡ ጉድሎም ዝፈረዮም አብ ዓዲ ሐደምበስ አለዉ።

ዘርኢ ጉመይ፡ ጉመይ ወድ እፍርሐም ንጊማይ - ንፍካክ - ንደባሳይ ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ዓዲ ሐደምበስ አለዉ፡ ከምዚሎም አብ ዘለዉ አልዮም ደቂ እፍርሐም ወዲ ሐዳ ይበሃሉ።

ዘርኢ ተስፍኤን ወዲ ሐዳ፡ ንተስፍኤን — ንህዝበይን — ንዕጉብን — ንሐንኪ.ልን ወለደ፡ ካብዚኦም ህዝበይ — ንዕጉብ — ንተስፋጊየርጊሽ — ንሽቦትን ወለደ፡ ካብዚ ኦም ድማ ተስፋጊየርጊሽ ዝፈረዮም አብ መጋርሕ ዓድሰኹነይቲ አለዉ።

ዘርኢ ሽቦት፡ ሽቦት ንገረድን — ንደምዕን — ንጨዋናይን — ንጋርአልበን ወለደ፡ ከምዚሎም ደቂ ሽቦት ይበሃሉ፡ ካብዚኦም ገረድ ንእቶሽምን — ንሕዝባይን — ንጋሕ ርን ወለደ፡ ካብዚኦም አቶሽም ወድ ገረድ — ንዕጀልን — ንሽቦትን — ንኢ.ድሪስን ንሐሽልን — ንዕቴልን ወለደ፡ እዚኦም ኩሎም ዝፈረይዎም አብ ስኽነይቶ አለዉ። ህዝባይ ወድ ገረድ — ንእብርሄ — ንጋሮ — ንይስሃቅ — ንፍካክ — ንኑረዲን ወለደ፡ አብርሄ ንዴገና — ንዓጅጅን — ንህዓድን — ንሙሳን ወለደ፡ ካብዚኦም ሙሳን ዓጅጅን ሐድግ ዘይብሎም ፀኑቱ፡ ዴገናይ ድማ ንሠመረልዑልን — ንተስፋልዑልን — ንጊርጊ ሽን — ንዑቕባጊርጊሽን ወለደ።

ካብዚኦም ሠመረልዑል ንገሽዋን - ንጭመርን — ንኻልአይ ዴገናይን ወለደ፡ ካልአይ ዴገናይ ሐድጊ ዘይብሉ ፀነተ፡ ተስፋልዑል ግና ንብእምነት ወለደ፡ ብእምነት ድማ ንደምሳስን — ንደርማስን — ወለደ፡ ካብዚኦም ደምሳስ ሐድጊ ዘይብሉ ፀነተ፡ ደርማስ ንመንደርን — ንተስፋልዑልን ንእድሪስን — ንገብረየስን — ንፍካክን ወለደ፡ ካብዚኦም እድሪስን ተስፋልዑልን ሐድጊ ዘይብሎም ጠፍኡ፡ መንደር ግና ንብእምነት ወለደ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ስኽነይቲ አለዉ።

## ወለዶ ደቂ ሚና።

እዞም ደቂ ሚና አብዚ ምድሪ አከለ ጉዛይ ዘለዉ በቲ ጥንቲ መሠረት ወለዶኦም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ዝመጽዎ ናብዚ ብዘበን ሐፀይ ዓምደ ጽዮን እዝማች ስብሐቱ ክብ ጉራዕ ክተት ሠራዊት ውቓዕ ነጋሪት ኢሎም ስጋብ ብምቡላ ትግራይ ምላሽ ድኹና ፈሳሽ እዩ ዝነበረ ግዝአቶም ምሠራዊቶም ንደቡብ ኢ.ትዮጵያ ክኸዱ ከለዉ ማአለያ ዘይብሉ ሕዝቢ ንቑኍቑ ኢ.ሉ ከደ ነዚ እግሬሑ ዝገልጽ ናይ ሐፀይ ዓምደ ጽዮን ታሪኽ ነገሥቶም ይነግር።

ብዛዕባ አማጽእ ሚና ክሰሚ ድሕሪ ሠለስተ ዓመት እዝማች ስብሐቱ በዚ ሰሚን ኢ.ትዮጵያ በቲ እዋን እቲ ጸላኢ የፍርሕን ዕግርግር በዚሑን ስለ ዝነበረ፡ ጭዋ ዝበሃሉ

ቁርባን ዝበሃሉ አበዛ ዝበሃሉ ዝርቤኖት ዝበሃሉ ሚና ዝበሃሉ በብኽፍሊ ሐለቐአም ክካላኸሉ ንጸላኢ ኢሎም በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ዝመጹ ። ካብዚአም ጭዋ ዝበሃሉ አብ ዘለዉ እኣዮም ራእሲ ናዝዋ ዝዋንአም ናብ ሰምበል ሰፈሩ ፡ ብዛዕባ ጭዋ ዝሐዝዎ ዓድታትን አማጻጽአአምን ዘንትአምን ዝነግር አብዚ መጽሐፍ እዚ አብ ምዕራፍ ረኤ ።

ብዛዕባ አበዛ ዮሐንስ ከዓ ዝሐዝዎ ዓድን ተረስትዎን ዝገልጽ አብ ምዕራፍ ተመልከት ዝርቤኖት ግን ብዓሌት ርግጽ ካብ ሚናብ እዮም ፡ ግን ዝመጽዎ ካብ መደባይ ወለል ብሐፀይ ገብረ መስቀል ከህናት እናኾኑ እዮም ናብ ምድሪ ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ።

ስለዚ ቅድሚ ጭዋ እዮም ናብዚ መረብ ምላሽ ዝመጹ ደቂ መርሀ ጽዮን ይበሃሉ ብዛዕበአም አጸቢቑ ዝገልጽ ብፍላይ ደቂ በለው ዝብል አርእስቲ ዘለዎ አብ ምዕራፍ ረኤ ፡ ሕጅ ግና ብዛዕባ ደቂ ሚና ዘለውዎ ዓድታትን አማቓቕልአምን ክንሰሚ ሚና በቲ መሠረት ወለድኡ ካብ ሚናብ ወይ ከዓ ብንያም ወዲ ያዕቆብ እዩ ። እዚ ሚና እዚ ካብ ደምብያ ናብ ትግራይ መጺአም አቦታቱ አብ ዛና ዋቓ ሽሬ ነበሩ ፡ ካብኡ ሠራዊት ንጉሥ ኲይኑ ከምዚ አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ መጺኡ ካብቶም ሠራዊት ተፈልዩ ካብ ሐንቲ አስላመይቲ ንጋዓስን ንደስምን ወለደ ፡ ነዚአም ንፀአም ምስ ወለደ ብጐበዙ ገና በፅሒ ከሎ ሞተ ።

ደቂ ግና ብመንፋዓቶም አዚዮም እትፈልጡ ኹኑ ፡ ስጋብ ዘመተ ትንትግ ምስ ንጉሥ ይኸተሉ ነበሩ ይበሃል ፡ ካብዚአም እቲ በሠሪ ቤት ገዓስ ነስምዬ ንበይኑ እዩ ዝወለደ ፡ አስመዬ ከዓ ንፏ ወዲ ወለደ ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዚስዕብ እዩ ። ፩ ንፈጋሻን ፪ ንስሊማን ጋሻን - ፫ ንሹም ደኪዳንግሻን - ፬ ንዓጣወፈጋሻን - ፭ ንሕመድጋሻን ፮ ንሐርጋሻን - ፯ ንሹም ምዒ ጋሻን እዚአም ፯ አወዳት ከምዚሎም ደቂ ስምዬ ይበሃሉ። እቲ ሐውብአም ንእሽቶ ምንአስ አስመዬ ገሠም ዝበሃል ንሱ ንደበና ወለደ ፡ ደበና ከዓ ከም ሐዉ ፯ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንዘይላዩ - ፪ ንዓብደላ ሐረኸ - ፫ ንሱብኹም - ፬ ንእንዳናፍዕ - ፭ ንዓሳቡሬን - ፯ ንኢንደሹን ከም ዚሎም ፯ተ ደቂ ገዓሠም ተበሂሎም ይጽውዑ ከምዚሎም ፲፫ ገዛ የሕዋት በሐበሪ ደቂ ሚና ፈረዩ ይበሃሉ ።

ሚና ፈረ ባህለት ሚናብ ዝፈረዮም ማለት እዮም ፡ ዝቕመጥዎን ዝሐዝዎን ዓዲ ብምብራቕ ፀሐይ ብዙላ ጌሩ ስጋብ ዝባን ዓዲ ቐይሕ ስጋብ ሰንዓፈ ከምኡ ኢሎም ወቐት ሐረ እዮም ዝጽውዑ ከምዚሎም ፲፫ተ ደቂ ሚና ፈረ በርከት በዚሐም አለዉ ።

## ወለዶ ደቂ አብርሆም ።

እዚ አብርሆም እዚ ዓሌቱ ካብ ሌዊ እዩ ዝመጻ ብዘበን ደጊያት ክፍለ ዋሀድ እዩ ካብ ተምቤን ካብ ዓዱ ቀሺ ኲይኑ እዩ ዝመጻ ንሱ ቀሺ አብርሃም ንሐደ ንፍቓድ ሐረኸ ዝበሃል ንሐደ ንበይኑ እዩ ዝወለደ ንሱ ፍቓድ ሐረኸ ከዓ ዘርኡ ስጋዕ ሎሚ አብ ዘለዉ እልዮም ደቂ ቀሺ አብርሆም ይበሀሉ ግን ብጊዜ ብዝሐት ናብ እስላም ሃይ



ማኖት አትዮም ሕጅ ንሳቶም ካብ ተምቤን ዝመፃና ደቂ ቀሺ አብርሆም ኢና ይብሉ ፡ ከምኡ ከዓ ምስአም ዝቼፀሩ አብ ታሕታይ ወለደ ዝራኸቡ መኻፍልቲ መሬቶም ሔቕ ይትዓረን ሒላጠ ቀም ተዓረን ዝበሃሉ ክልተ ማይበት ምስ ደቂ አብርሆም በሐንሳብ ተሐዋውሾም ከም ሐደ ዓሌት ኲይኖም ይቑፀሩ ፡ መጸዊዒአም ደቂ ፍቓድ ሐረኽ ወይ ከዓ ደቂ አብርሆም ይበሃሉ ፡ እቲ ዘለውዎ መሬት ከዓ አብ ግእኽል አከለ ጉዛይ እዮም ዓማውርታ እዮም ዝጽውዑ ፡ ገለ ከዓ ዘንታ ጸሐፍቲ እዚ ቀሺ አብርሆም እዚ ካብ ዛንዝበሃል አብ ትግራይ ናዕዴር ዘለዉ ደቂ ሀርበይ የሕዋት ሊባንን ዓዲ ሐርበን ጽልማን ካብአም እዩ ዝውለድ ዝብሉ'ውን አለዉ እንተኾነ ንዝስዕብ ጊዜ አፃሪናን አማሳኺር ናን ስጋብ ዝጸሐፍ ንእዋኑ ዘንታ ደቂ ቀሺ አብርሆም በዚ ከምዚ ንዓው አሎና ።

## ወለዶ መስፍንቶ ።

እዞም መስፍንቶ ዝበሃሉ ካብቲ መሠረት ወለዶአም ካብ ነገደ ሳብ ካብ ዘርኢ ሣባዊያን ዝወረዱ ዓሌት እዮም ፡ መስፍንቶ አብ አጋበስ ቅድሚ ንግሥተ አዜብ ዕሥራን ክልተን ወለደ ፡ ንላዕሊ ብአድሐና ንግሥት ጊዜ እዩ ዝነበረ ነዚ ዘንታ እዚ አግፌሑን አማዕቢሉን ዝገልጽ አብዚ መጸሐፍ አብ ምዕራፍ ረኤ ።

እዚ አጋበስ እዚ ከምቲ አብ ላዕሊ ጠቐስናዮ ዘሎና ንሱ እዩ ነቲ አብ መደበይ ዝነበረ ገበል በሐዊ ጌሩ ዝቐተሉ ፡ ገዛ ከዓ አብ እምባ ደርሆ ዘለዉ አጋበስ እዮም ፡ ደሐር ግና እዞም ሕጅ ነገደ ዛጌ ዝበሃሉ አብ ቕድም አልዒሏናዮም ዘሎና ብቀዳማዊ ምኒልክ ጊዜ ካብ እስራኤል ፈለማ ምስ መጹ አቦታቶም ንበዓል መሬ ተኸለ ሃይማኖት ደቂ ይትራሃም አብ መስፍንቶ ስጋብ ምላድ ክርስቶስ ግዜ ደቂ ደቆም አብኡ ነበሩ።

ደሐር ግና ካብኡ ለቐቖም አብ ባሕሪን ገለ ከዓ አቐዲሞም ናብ ላስታ ከዱ ፡ ገሊኦም ከዓ በብቐሩብ ንግእክል ኢትዮጵያ እተው ።

እብዚ ምድሪ'ዚ ዘለዉ ካብ መስፍንቶ ዝወጹ እኒ ዓሽሮ'ኺይ እኒ ፀፀራት ደብሪ ገለ አብ ዓፃንፋ እኒ ደብረ ሲና ቀላ ከምኡ ሐሐሊፎም ፋሕ ኢሎም አለዉ ።

## ምዕራፍ ፸፯ ።

## ዘርኢ ዓብደላ ሰንዓ ።

ዓብደላ ሰንዓ ወዲ መሐመድ ይበሃል ፡ እዚ መሐመድ እዚ ከዓ ዓሌቱ ካብ ቀረሽ ዓዲ ዓረብ ዝውለድ እዩ ካብ ዓሌት መሐመድ ካብ ጓሉ ካብ ፋጥማ ዘርኢ ዝወረደ ስጋብ ዓብደላ ሰንዓ ፴፫ ወለዶ ጌሮም ይቖርሕዎም አብ ናቶም ዘንታ ብዓረብኛ ብታርታ ደቆም ደቂ ደቆም ተጽሒፎም አለዉ ፡ አማጽአ ዓብደላ ሰንዓ ።

ዓብደላ ሰንዓ ብ፩ ሺሕን ፫፻፳ ዓ-ም ብዘበን ሐፀይ ዳዊት ካብ ሰንዓ ካብ ከተማ የመን ዝመፀሉ ምኽንያት ምስቶም ደቂ የመን ብገለ ነገር ተሐራሪቑ ንኹሎም ስድርኡ

አኪቡ ብዕራይ ፅዒኑ ተበገሠ፡ ደሐር ብጀልባ ተሳፊሩ ናብ ምጽዋዕ አቶ፡ ካብኡ ተልዒሉ ምስ አርባዕተ ደቁ ንዝባን አከለ ጉዛይ በቲ እዋንቲ ሀገረ ቡር እዩ ዝበሃል ዝነበረ ቅድሚ አከለ ጉዛይ ተበሂሉ ምጽውዑ ይብል ናብ ናይ ፕሮፌሰር ተአምራት ጽሑፍ፡ ናብዛ ሕጅ አብ ከስከሰ ትርከብ እምባ ዓረብ ታሬኻ ትበሃል ዘላ ዑናታት ፍራስ ዘለዋ ዓብደላ አብአ ቤት ሠሪሑ ብዙሕ እዋን ምስድርኡ አብአ ይቕመጥ ነበረ፡ ደቁ ከዓ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ሙሳ — ፪ ዓብደርሒማን — ፫ ዩሱፍ — ፬ መሐመድ — ፭ ፈጥማ ነዚኦም ፭ቲኦም ሒዙ ካብታ ዝቕመጡላ ዝነበሩ ዝባን ካብአ ወሪዶም ናብዛ ሕጅ ፀግዒ እምባ ዘላ ዓዲ ንምብራቕ ፀሐይ ዝርአ ናብኡ አበይቲ ሠሪሖም ዓዲ ጌሮም ተቐመጡ ።

በዚ እዋን እዚ ሀፀይ ዳዊት ካብ ዓደምሐራ ካብ ኤረር መዓኦም ንምድሪ ግብጺ ክሓልፉ ከለዉ ናብ መቸርካ ዓንሰባ ቐሩብ እዋን ጸኒሖም ናይ ሕዝቦም ኵነታት ክገብሩ ቀኒዮም ነአቡነ መርቆሪዎስ ዝበሃሉ ሐደ ዓቢ ቆሞስ ነበሩ እሞ ንሶም በዓል ብዙሕ ተአምራት ኔሮም ሀፀይ ዳዊት ጸዊኦም አብ መቸርካ ብዙሕ ጉልቲ ጕለትዎም ረሲትዎምን ይብል ሐድ ሐደ ዛንታ ።

በዚ እዋንዚ ሙሳ ወዲ ዓብደላ ሰንዓ ብዙሕ ሀያብ ካብ ባሕሪ ዝመጸ ጁ'ኽ ግብረ መርፍእ በብዓይነቱ ንንጉሥ ዝበቅዕ አቕረበሎም እታ ሐብቱ ፋጥማ ከዓ አዚያ ጽብቕቲ ብመልክዓ ሕርይቲ ነበረት'ሞ ክርስትና አልዒሎም ወለተ ጽዮን (ናርዶስ) ቢሎም ወሰድዋ ።

ሙሳ ከዓ ብዙሕ እዋን ጊላ ንጉሥ ኰይኑ አብ ብዙሕ ዘመተ እናኸደ ብፍቓድ ንጉሥ ምስ ስልዓዲን ዕግርግር ብዝገበረሉ ጊዜ ንሱ ሙሳ ባዓል ዓወት ዘለዎ መዓልቲ ውዒሉ ከምኡ'ውን አብ ሎግሀይቂን አብ ዓርጐብ ኰናት ውዒሉ በዚ ምኽንያት እዚ ንሐብቱ ንወለተ ጽዮን አብ ሠፈር ንጉሥ ጸዊዖም ፴፬ ጉልቲ ንዓኺን ንዓሌትክን ይብ ጸሒኺ ኢሎም በዚ እዋን እዚ ከዓ አብ ጉንደ ጉንዲ ዝበሃል ማርያም አብ ጸጋመ ዝርከብ ዝተኸብረ ገዳም ተሠሪሑ ተገደመ፡ እታ ጓል ዓብደላ ሰንዓ ዝሐዘቶ ጉልቲ እኒ ዓደጣል ሽመዛና እኒ ፈያያሽ እኒ መገዲ ዕርፌ እኒ በፈቓያ እኒ ሕንጥሎ እኒ ጉብ እኒ ማይ ጉሊ እኒ ዓዲ ዋጠቅ እኒ በረቒት እኒ ዓዲ ጉልቲ ሽመዛና እኒ ብሐት ከምኡ'ውን ንግዜኡ ዘይተጻሕፈ አብዚ አብ ካልእ ኔርዋ ይበሃል ።

ከምኡ ከዓ አብ ዓጋመ አብ መንጎ ዓዲ ግራትን ውቕሮ ዝርከቡ ዓድታት አድሀና ዝበሃል ብዙሓት ክርስቲያን እስላምን ተሐዋውሾም ደቂ ዓብደላ ሰንዓ ይበሃሉ፡ ስጋብ ሎም ጭቅኦም ካብ ርእሶም እዮም፡ ደቂ ሙሳ አማቓቕልኦም ከምዚ እዩ፡ ሙሳ ብዘበኑ ፍሉጥ ጅግና ፈረሰኛ ነበረ ካብ ቤት ናይብ ምሬማ እትበሀለት የእትዩ ካብአ ንመሐመድ ወለደ መሐመድ ከዓ ንዳግማዊ ሙሳ ወለደ፡ ዳግማዊ ሙሳ ከዓ ንዓብደል ዋሒድ ወለደ፡ ዓብደል ዋሒድ ከዓ ን፬ተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ ንዑመርኒ — ፪ ንሹም አሕመድኒ — ፫ ንአበክርኒ — ፬ ንሹም አሕመዲንኒ ከምዚ ሎም ፬ተ የሕዋት ነበሩ ።



ካብዚኦም እቲ ንእሽቶ ሐዎም ግና ዘርኢ ዘየብሉ ጠፍኤ (ፀነተ)፡ ዘርኢ እቶም ፫ተ የሕዋት ግና ብሐንሳብ ተሐዋውሾም ዘርኢ ፫ቲኦም አብቲ ቀንዲ ዓዲ ናይ ሙሳ ጉልቲ አብ ላዕሊ ዝፀብፀብናዮም ዓድታት ርስቲ ሒዞም አለዉ፡ ደቂ ዩሱፍ ሐው ሙሳ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም ዝርከበም አብ ትግራይ ዓድ ደሕና ምስ ጐደባብቶም አለዉ ።

ፍርቆም ከዓ አብ ሽመዛና አለዉ መንጎ ዓዲ ግራትን ውቕሮን ዘሎ ዓድታት ከምቲ ቅድም አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ክርስቲያንን አስላምን ኰይኖም ደቂ ዩሱፍ እናተባህሉ ስጋዕ ለይቲ ሎሚ ይጽውዑ አለዉ፡ ዘርኢ እቲ ሳልሳይ ወዲ ዓብደላ ሰንዓ መሐመድ ዝበሃል ንሱ ዝፈረዮም ደቂ ዝርከበም ዓዲ ዳሕና ትበሃል አብ ሽረ አለዉ ።

ዓብደላ ሰንዓ ከምቲ ቕድም ዘልናዮ ብዘበን ሐፀይ ዳዊት ጊዜ እዩ፡ ርስቲ ዝሐዘ ካብ ዓዲ ዓዛቢ ጀሚሩ ስጋብ እምባ ደርሆ ጌሩ ስጋዕ ማይ ሌባ ካብኡ ስጋብ ደንጐላ ስጋብ ደምበ ብፁር ከምዚሉ ዝኸበበ ስጋብ ሎሚ ደቂ ደቂ ደቂ አብአ አዚዮም በርክት ኢሎም በዚሖም አለዉ ።

ሀፀይ ዳዊት ካብ መቸርካ ደቀሠብ ንምድሪ እስራኤል መቓብር መድሐኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ክበጽሑ ብምድሪ ሱዳን አብ ስናር ዝበሃል ከተማ ቀኒዮም ግዝአቶም ከደላድሉ ወሪሖም ብጾመ አርብዓ ንኢየሩሳሌም ከይዶም መብጽዕኦም ፈጺሞም ክምለሱ ከለዉ አብ ምድሪ ኖባ ዓዕ ሐሚሞም አብ ከተማ ስናር ዓሪፎም አብኡ ተቐብሩ ዝብል ጽሑፍ አሎ ።

አብ ገለ ጽሑፍ ከአ ሐፀይ ዳዊት አማውትኦም ካብ ፈረስ ወዲቆም ተረጊጮም ሞይቶም ዝብል ጽሑፍ አሎ፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ወዶም ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ምስ አቡነ ፊልጶስ ካብ ሎግሀይቂ ወሎ በሐንሳብ ናብ ምድሪ ኤርትራ አብ ሰንዓፈ አትዮም ወዓሉ ሐደሩ በዚ ጊዜ እዚ ሙሳ ንሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ተቐበሎም፡ አቡነ ፊልጶስ ከዓ ንዕኡን ንቤቱን ባረኾም ።

ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ከዓ ንአቡነ ፊልጶስ ጸዊዖም አብ ሠፈር ንጉሥ አበይ ሐፀይ ዳዊት አስሚዖምኹም ዝነበሩ ጉልቲ ይርጋእልኩም ኢሎም እዚ ሕጅ ዘሎ አብ በ፣ ገሩ ናይ አቡነ ፊልጶስ መሬት በዚ እዋንዚ እዩ ዝመጠውዎም አቡነ ፊልጶስ ድማ መደበይ ታብር እዩ ዓዶም ዘርአም ካብ ዝርቤኖት ነገደ ብንያም እዮም፡ አብ ሠራዩ ከዓ ብሴን ሰገድ ዝበሃል በዚ እዋንዚ ተሸመ፡ ብሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ደብረ ማርያም ቀሐይን በዚ ዓመት እዚ ተገደመን ተጐለተን ።

ነዚ ኵሉ አፀቢቑን አማዕቢሉን ዝነግር ብዛዕባዚ አብ ገድሊ አቡነ መርቆሬዎስን አቡነ ፊልጶስን አቡነ አብሳድን ናይ ሠለስቲኦም እተሰማመዒ እዩ ።

ዝተረፈ ከዓ አብ ታሪክ ነገሥት ሐፀይ ዳዊትን ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብን ክትርድአዎ እት'ኽእሉ ኢኹም፡ ብድሕሪ'ዚ ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ካብ ስናር ከይዶም አስክሬን አቡኦም ሐፀይ ዳዊት ንዓዶም ንኢትዮጵያ አምጺኦም ቀበርዎ ንሶም'ውን ስጋብ ግብጽን ምድሪ እስራኤል ከይዶም ብዙሕ መጻሕፍትን ግማደ መስቀልን ሒዞም ብሰላም ንዓዶም ተመሊሾም አብ ክብረ ነገሥቱ ገጽ ፴፯ ረኤ ክም ዝብል ብሐፀይ ዳዊት ጊዜ እዩ

ግማደ መስቀል ዝመፀ ፡ ብዙሐት አብያተ ክርስቲያናት ምህናጽን ጣኦታት ምዕናውን መጻሕፍት ካብ ዓረብ ናብ ግዕዝ ምግልባጥን ከልእ'ውን ጽቡቕ ተግባር ዘይርሰዕ ዝና ጽሙ ከም ዝነበሩ አብ ብዙሐት መጻሕፍቲ ይምስክረሉም ።

ብዘበን ሙሳ ሓደ ቼልዓ ጠፊኡ ዝነበረ አብ ዓዲ ዓረብ ተረኺቡ ንዓዱ ተመሊሱ ፡ ሙሳ ሐደ እዋን ክነግድ ኢሉ ንዓዲ ዓረብ ተሣጊሩ ንየመን ከደ ፡ አብኡ ብገርሁ ክዙ ውር ከሎ ሐደ ቆልዓ ዝፈልጠ ወዲ ፈታዊኡ ወዲ ርእሰም ፡ ርእሰም ክዓ ወዲ ግድብ ወዲ ወዱ ንጉዛይ ረኺቡ እንታይ አምፀአካ ኢሉ ምስሐተቶ እቲ ቆልዓ ክዓ አነ አብ ሐይ ከለኹ ካብ በረኻ ነጋድ እዮም ከይፈተኹ እናወቕዑ አምጺአም ሸይጦምኒ ኢሉ እቲ ዝረኸቦ ጸገም ነገሮ ።

ንሱ ክዓ ሙሳ ንወዲ ርእሰም እቶም ነጋድ ካብ የሕሠዓ ዝመጹ ንበሕሪ ዝመላለሱ ምኧኖም ተፈሊጡ ድሕሪ ሐያሉ እዋን ከም ጥበቡ ጌሩ ነቲ ቆልዓ ሙሳ ሒዝዎ ንዓዱ ናብ አቡኡ አምጺኡ አራኺቡ ስድርኡ ክዓ አዚዮም ተሐጕሱ አብ ገዛአም ዓቢ ፍሥሐ ወረደሎም ፡ ርእሰም ክዓ ነቲ ዅሉ ዝገበረሉ ቁም ነገር ሪኡ ሐሲቡ ሐደ ሀያብ ዘይር ሳዕ ንውሉድ ወለዶ ዝኸውን አብ ገዛ ጸዊዑ አብ ቅድሚ ብዙሐት ዓበይቲ ካብታ ብጽሒቱ መሬት ረጊጹ ካብ ከስከሰ ስጋብ ካራቡሳ ዋጋኻ ኢሉ ምስሀበ ስጋብ ለይቲ ሎም አብ ኢድ ደቂ ሙሳ አሎ በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ዝሐዝዎ ይበሃል ።

ዝሐዝዎ ዘበን ፲፱፻፳፰ ዓ-ም አቢሉ እዩ ፡ ሰንዓፈ ተብሃለሉ ምኽንያት ከምዚ እዩ ፡ ፈለማ ዓብደላ ሰንዓ ከምቲ አብ ቅድም ተሰምዩ ዘሎ አመጻጽአ ዓብደላ ካብ ዓዱ የመን ካብ ከተማ ሰንዓ ብ፲፫፻፺፺ ዓ-ም ናብዚ መ'ሳን ምድሪ ሐበሻ ምስአቶ ናብዛ ሕጅ ዘላ ዓቐብ ታሪኽ ናብአ ወጺኡ ንምብራኽ ፀሐይ ገጹ ኩይኑ ንበሕሪ ገጹ እናማዕደወ ሠንዓ ፈን ሠንዓፈን ኢሉ ክልተ ሳብ ብዓረብኛ ቋንቋ ፀውዒ ፡ በዚ ምኽንያት እዚ ሠንዓፈን ባህለት ብእዋን ብዝሐት ሠንዓፈ ዝብል ሸም ሐዘ ፡ ከምኡ ክዓ ዓቐብ ታሪኽ ዝበሃል ዘሎ አቐበት በዓረብኛ ወቐት ታሪኽ እዩ ስጋብ ሎሚ ዓቐብ ታሪኽ ትበሃል አላ ፍል ጥቲ መኻን እያ ።

## ዛንታ አቡነ መርቆሬዎስ ።

አቡነ መርቆሬዎስ እተወልድሉ ዓዲ ወምበርታ ዝበሃል ዓዲ አብ ጥቓ መቐሌ ዝር ከብ እዩ አብኡም ድማ በዓል ገዳ ቶማስ ይበሃሉ ነበሩ ዓሌቶም ድማ ካብ ነገደ ሌዊ እዮም ዝተወልዱሉ ዘመን ከአ ብሐፀይ አግበአጽዮን ወዲ ሐፀይ ይኩኖ አምላክ ዘመነ መንግሥት ብ፲፪፻፺፫ ዓ-ም እዩ ።

እዝም አቡነ መርቆሬዎስ ዝበሀሉ ሐደ ዓቢይ ቆሞስ በዓል ብዙሕ ታአምራት እዮም ዝነበሩ ብዘበኖም ሐፀይ ዳዊት አብ ዘርአ ያዕቆብ ንግብጺ ክኸዱ ከሰዉ አብ መቓርስ ደቕ ሰብ ሐፀይ ዳዊት ንአቡነ መርቆሬዎስ ካብቲ ዝብሕትውሉ መሮር ፀዊዖም ተራኺብ ዎም ንሰም ክዓ ቤተ እግዚአብሔር ዘብረሀሎም ከምዚ የልዎም ፡ ኪድ መገድኻ ሰላም ክቐንአካ እዩ ስጋብ ምድሪ ሰናር በጺሖም ተመልሱ ፡ ዝኸድዎ ግዝአቶም ኩሉ አዳላዲ



## መእረምታ ጌጋ ናይ ገጽ ፻፵፩-፻፵፱-፻፶

፩) አመተ ሥላሴ ጓል ደጊያት ሀብስሉስ አዲአ ንበይና እያ ጓል አዝማች እምሐ ዝወለደታ ፡

፪) ወይዘሮ መንጥል ጓል ራእስ ዓንደሃይማኖት እምበር ጓል ደጊያት ሀብስሉስ አይኮነትን ።

፫) ሠበነ ገርጊሽ ጓል ሐፀይ ዮሐንስ ፃዲቁ ሐፍቲ ሐፀይ ኢያሱ እያ እምበር ጓል ሐፀይ ኢያሱ አይኮነትን ።

፬) ሠበይቲ ደጊያት ድብለየስ ጓል ተስፋይ ገረብ ጓል ጓሎም ንሐፀይ መልክ ሰገድ እያ እምበር ጓሎም ንሐፀይ መልክ ሰገድ አይኮነትን ።

| ጌ ጋ | ገ ጽ | መስመር | እ ሩ ም |
|---|---|---|---|
| አሉ | 14 | 4 | አሉር |
| ካብ ቱርኪ | 48 | 9 | ቱርኪ |
| ዓዕሪ | 64 | 26 | ዓዕሮ ኩንዓት |
| ኢሊ | 99 | 29 | ኢሉ |
| ለሚዲታት | 106 | 33 | ለማዳታት |
| ሐፀይ ገብረድንግል | 106 | 18 | ሐፀይ ልብድንግል |
| ዓደቡኡ | 123 | 18 | ዓደቡአ |
